


# ምዕራፍ 1

# እቲ መጀመርታ


እዛ ዛንታ ኣብ ሓንቲ ጥንታዊት መጽሓፍ እያ ተዘንትያ፣ እዛ መጽሓፍ ድማ ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ኢያ ተጻሒፋ። ኩሉ’ቲ ስዒበ ዝነግረኩም ሓቂ እዩ። ገሊኡ’ውን ሃቂ ምዃኑ ከገርመኩም’ዩ።
ግን ብዙሕ ሳዕ ሓቂ ታሪኽ ካብ ልብወለድ ንላዕሊ የገርም።


ኣብ መጀመርታ ቅድሚ’ቲ ቀዳማይ ወዲ ሰብ ምፍጣሩ፣ ቅድሚ ምድሪ፣ ጸሓይ፣ ከዋኽብቲ ወላውን ቅድሚ ብርሃንን ግዜን ምህላዉ ኣምላኽ ነበረ።


ንሱ በይኑ ይነብር ነበረ፡ ግን ከኣ ኣይጽምዎን'ዩ ኔሩ። ዘይከም ወዲሰብ ኣምላኽ ከም ሰለስተ ሰባት ኣብ ሓደ ዝተጠርነፈ እዩ። ነፍስወከፍ ድማ ማዕረን ዘልኣለማውን እዩ። ባህሪ፡ ሓይሊ፡ ተግባርን ምንዮትን ከም ሓደ ዘንጸባርቑ እዩ። ምስ ነፍሱ ብፍቕርን ስኒትን ድማ ተወሃሃደ።
ኣምላኽ ግን ሂወት ንካልኦት ከካፍሎ ደለየ። ብጾትን ከኣ ደለየ።


መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኽ ብዙሓት ኣማልኽቲ ፈጢሩ ይብለና፡፡ እዞም ኣማልኽቲ ድማ ንዑኡ ይውድሱ፡፡ ሓደ ካብዞም መልኣኽቲ ግን ንሓደ ሲሶ ዝኾኑ መሪሒ ዕልዋ ፈተነ፡፡ ኣምላኽ ካብ ምድረ ገነት ሰጎጎ ስሙ ድማ ሰይጣን ኮነ፡፡




ኢሳይያስ 45፡18 ንሓጺር መግለጺ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ገጽ 322 ርአ።
ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሰይጣን፡ ኢሳይያስ 14:12, እዝቂኤል 28:13-19
ማቴዎስ 25:41 ሉቃስ 10:18 ራኢ ዮሃንስ ርአ።

ኣብ መጀመርታ፡ ኣምላኽ
ሰማይን ምድርን ፈጠረ።
ምድሪ በረኻን ጥራያን ነበረት፡
መንፈስ ኣምላኽ ድማ ኣብ
ልዕሊ ማያት ይዝንቢ ነበረ።




ሃንደበት፡ ኣምላኽ ኣብቲ ጸልማት ተዛረበ፤
“ብርሃን ይኹን!”



ከምቲ ብዙሓት
እዋናውያን ደቂ-
ሰባት ዝሓስቡዎ
ኣይኮነን ነይሩ።
ኣምላኽ ብፍልቀት
ኣይኮነን ሰብ ሰሪሑ።
ንኹሎም ተዘሪቡ
ኢዩ ፈጢሩዎም።
ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ
መዓልትታት፡ ኣምላኽ
ንኣታኽልትን
እንስሳታትን ንምድሪ
ከመልኡዋ ፈጠሮም።
ኣስታተ 4004 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፣ ኦሪት ዘፍጥረተ 1:2-3


ኣብታ ሻድሸይቲ መዓልቲ፡ እቶም ርጉማት እንዳ ተዓዘቡዎ፡ ኣምላኽ ሓድሽ ፍጥረት ካብ ሓመድ ሰርሐ።
ኣምላኽ ካብ ትንፍሱ ነቲ ፍጥረት ሂወት ኣስተንፈሰሉ፡ እቲ ሰብ ድማ ህያው ኮነ። ካብ ምስሊ ናይ ኣምላኽ’ውን ተሰርሐ፡ ካብ እንስሳታት ንላዕሊ ድማ ኮነ።




ኣኦሪት ዘፍጥ/ት 1:31. 2:7


መዓልታዊ፡ ኣምላኽ ምስ ኣዳም ይላዘብ ነይሩ፡ ሂወት ድማ ምቁር ነበረ። ኣምላኽ ንኹሎም እንስሳታት ክሰምዮም ኣብ ቅድሚ ኣዳም ኣምጸኦም። ኣዳም ነቶም እንስሳታት ክሓልፉ ከለዉ ይዕዘቦም ነበረ። ከምኣቶም ብጻይ ከምዘይብሉ ድማ ተገንዘበ።


ኣምላኽ ድማ እዚ ዝስዕብ በለ።
ንኣዳም ትሕግዝ ብጸይቲ ክሰርሓሉ ኢየ
ንኣዳም ከቢድ ድቃስ ኣደቂሱ ካብ ጎኑ ሓደ መሰንገለ ወሰደ። ካብታ መሰንገለ ተበጊሱ ከኣ ሓንቲ ጽብቕቲ ሰበይቲ፡ ንኣዳም ፈቃር ሓጋዚት ገበረሉ።


ኣምላኽ ንኣዳም ኣበራቢሩ ናብታ ሰበይቲ ወሰዶ። ኩአልዱን ክፈርዩን ንምድሪ ምልኡዋ በሎም። ኣዳም ንሰበይቱ ሄዋን በላ።
ስጋኣ ካብ ስጋይ፡ ዓጽማ ካብ ዓጽመይ
እቲ ርጉም ሰይጣን ይዕዘቦም ነበረ።
ክልቲኦም ጥራዮም ኢዮም ነይሮም፡ ከም ህጻናት ግን ኣይርድኦምን ኢዩ ነይሩ።



ኣብቲ ምድሪ ገነት ሕጉሳት ነበሩ። ሓጥያት ይኹን ጥሜት’ውን ኣይነበረን፡ ኣይቁሪ ኣይሃሩር ኢዩ ነይሩ።
ኣምላኽ ብዛዕባ እቲ ኣእዋም ተዛረቦም።
ካብ ዝደለኩመን ኣእዋም ክትበልዑ ትኽእሉ ኢኹም፡ ግን ካብዛ ኣብ ማእከል ዘላ ኦም እንተ በሊዕኩም ክትሞቱ ኢኹም
ኦሪት ዘፍጥረት 1:28, 2:2, 16-22, 25


ሰይጣን ንኣምላኽ ይጸልኦ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ከባላሽዎ ደለየ። ምስ ሄዋን ዝዛረበሉ መንገዲ ስለ ዝደለየ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ጽቡኽ እንስሳ ኣትዩ፡ ብልሳኑ ገይሩ ክዛረብ ጀመረ።
“ኣምላኽ ካብ ኩለን ኦም ናይዚ ገነት ከይትበልዑ ድዩ ኢሉኩም?


ካብ ኩለን ኦም ብዘይካ እቲኣ ክትበልዑ ትኽእሉ ኢኹም ኢዩ ኢሉና፡፡ እንተ ካብኣ ጥዒምና ክንመውት ኢና፡፡
ኣይፋል! ኣይትሞቱን ኢኹም! ምስ በላዕኩም ከም ኣምላኽ ክትኮኑ ኢኹም፡፡ ከማና ንቑሓት ክትኮኑ ኢኹም፡ ብዛዕባ ሕማቕን ጽቡቕን ከኣ ክትፈልጡ ኢኹም፡፡


ክትርእያንን ክትበልዓንን ጽብቕቲ ኢያ ትመስል። ምስ በላዕኩዋ ከኣ ፈላጥ ክትገብረኒ ኢያ። ግን ኣምላኽ ካብኣ ኣይትብልዖ ኢሉና ኢዩ።
ሄዋን ሕማቕን ጽቡቕን ኣይትፈልጥን ኢያ ነይራ።


ሄዋን ንኣምላኽ ኣይተኣዘዘቶን። ነታ ፍረ በልዓታ።
ኣብ ዘይምለስ ደረጃ ምስ በጽሐት፡ ሄዋን ከም ዝተታለለት ተረድኣ። ሕማቕን ጽቡቕን ከተለሊ ክኢላ ግን እቲ ሕማቕ ተቖጻጸራ።


ሄዋን ነቲ ፍረ ሒዛ ናብ ኣዳም ከደት፡ ንክበልዖ ድማ ኣእመነቶ።
ርአ! ኣነ ኣይሞትኩን፡ ብላዕ እሞ ከማይ ፈላጥ ክትከውን ኢኻ።
ኦሪት ዘፍጥረት 3:1-6፡ ራኢ ዮሃንስ 20:2


ምስ በልዑ
ኣዒንቶም ተኸፍታ
ጥራዮም ምንባሮም
ምስፈለጡ ሓፈሩ።
ሃ ሃ ሃ!
ሕጂ ከጥፋኣኩም ኢዩ!
ነዓይ ዝገበረኒ እንዶ ረኣዩ።


“እንታይ ሕማቕ ግብሪ ደኣልና ገይርና፧”
ትእዛዝ ኣምላኽ ጥሒስና፡ ሕጂ ክመጸና ኢዩ። ተኸዲንና ንጽነሓዮ።


ኣዳም፡ ኣበይ ኣለኻ፧
ድምጽኻ ሰሚዐ እሞ ጥራየይ ስለ ዘለኹ ፈራህኩ።
መን ጥራይካ ኣለኻ ኢሉካ፧ኣይተኣዘዝካንን ዲኻ፧ካብታ ኣይትብላዕ ዝበልኩኻ ፍረ በሊዕካ ዲኻ፧


እታ ዝሃብካኒ ሰበይቲ ኢያ ኣብሊዓትኒ።
ኦሪት ዘፍጥረት 3:6-12


ስስስስስስስስ
“እቲ ተመን ኢዩ ኣታሊሉኒ። ኣይትሞትን ኢኺ፡ ከም ኣምላኽ ክትኮኒ ኢኺ ኢሉኒ። ከማኻ ግን ኣይኮንኩን፡ ብዝገበርኩዎ ሕማቕ ተሰሚዑኒ”።


ስለዚ ኣምላኽ ንተመን ረገሞ ከምዚ ዝስዕብ ከኣ በሎ፥
በዚ ዝገበርካዮ እምበኣር፥ ብኸብድኻ ለመም ኢልካ ሓመድ እንዳበላዕካ ከም ትኸይድ ኩን።
ዘርእካን ውላድ እዛ ሰበይትን ጻላእቲ ክኾኑ ኢዮም። ዘርእኻ ንውላድ እዛ ሰበይቲ ኩሩኩሩኡ ከቝስሎ ኢዩ፥ ንሱ ግን ርእሰ-ርእሱ ክሃስዮ ኢዩ።

እዚ ኣብ መጻኢ
ናይ ዘጋጥም
ውግእ መብጽዓ
ኢዩ። ሓደ
መዓልቲ’ውን
ውላድ እዛ ሰበይቲ
ንሰይጣን ክስዕሮ
ኢዩ። እዚ ሰብ
ንደቂ-ሰባት
ከድሕኖም ኢዩ፡
ናብ ኣምላኽ
ከኣ ክመልሶምን
ካብ መርገም ናይ
ሰይጣንን ሞትን
ከገላግሎም ኢዩ።


ኦሪት ዘፍጥረት
3:13-15



ኣምላኽ ንሰይጣንን ሰዓብቱን ብቐጽበት ክቐትሎም
ይኽእል ነይሩ፡ ግን ንኽነብሩ ፈቒዱሎም ምእንቲ
ንወዲ ሰብ ፈተነ ክኾኑዎ። ወዲ-ሰብ ንኣምላኽ
ድዩ ክኽተሎ ወይ ንሰይጣን ክስዕቡዎ፧



ኣምላኽ ንወዲ-
ሰብ ከምዚ ዝስዕብ
ብምባል ረገሞ።
ኣዳም
ንሰበይትኻ ኣሚንካ ነዓይ ስለ
ዘይተኣዘዝካኒ ነዛ ምድሪ ረጊመያ
ኣለኹ፣ እሾኽን ተኾርባን ተብቁል።
ካብ ምድሪ ዝብላዕ ንኽትረክብ ብዙሕ
ክትርህጽ ኢኻ። ኣብ መለእ ሂወትኩም
ከኣ ሓዘን ክህልወኩምን ክሳብ ትሞቱ
ክትርህጹን ክትሰርሑን ኢኹም፣
ምስ ሞትኩም ድማ ናብ ሓመድኩም
ክትምለሱ ኢኹም።


ኣዳምን ሄዋንን ክሞቱ ግዜኦም
ኣኸለ ግን ኣምላኽ፡ ኣብ ክንዲ
ምቕታሎም፡ ንእንስሳታት
ኣብ ክንዶኦም ቀተለ፡ በቲ
ቆርበቶም ከኣ ንኣዳምን
ሄዋንን ሽፋን ገበረሎም።


ኣይቀተለናን፡ ብሂወትና ኣለና!
ነቶም እንስሳታት ኣብ ክንዳና ቀቲሉዎ።
ኣዳምን ሄዋንን ኣይሞቱን እታ መዓልቲ፡ መኽንያቱ ንጹሃት እንስሳታት ኣብ ክንዶኦም ስለ ዝሞቱ። ግን ናይ ሕልፈት ፍርዲ ተቐበሉ፡ ሓደ መዓልቲ’ውን ንሶም ክሞቱ ኢዮም። ሞት ናይ ሓጥያት መቐጻዕቲ ኢዩ።


ኣዳምን ሄዋንን ሕጂ ሓጥያተኛታት ኮኑ። ኣምላኽ ከኣ ድሕሪ ሎሚ ካብታ ናይ ሂወት ኦም ንኸይበልዑ፡ ሙሉእ ዕድሚኦም ከም ሓጥያተኛታት ክነብሩ ኢሉ ሰጎጎም።


ኣምላኽ ሓደ ፍሉይ “ኬሩቤል”
ዝተባህለ መልኣኽ ኣብቲ
መእተዊ ናይቲ ምድሪ ገነት
መደበ። እዚ መልኣኽ ዘይተደለየ
ሰብ ከይኣቱ ይሕሉ ነይሩ። እቲ
ግራት ናይ ገነት ኣብ መወዳእታ
ዓነው፡ እታ ኦም ድማ ካብ
ምድሪ ገዓዘት። ሓደ መዓልቲ
ናብ ምድሪ ክትምለስ ኢያ።
ኦሪት ዘፍጥረት 3:17-24፡
ትንበ ት ህዝቅኤል 18:4


ኣዳምን ሄዋንን ብዙሓት ቆልዑ ነበሩዎም፡ እቶም ደቆም ኣወዳትን ኣዋልድን ነንሕድሕዶም እናተመርዓዉ ብዙሓት ቆልዑ ወለዱ።
ሰብ ኣብ መጀመርታ ምስ ተፈጥረ፡ ብመውስቦ ዝተሓላለፉን ስንክልና ዘኸትሉን ጂንስ ኣይማዕበሉን ነበሩ። ድሒሮም ጸገም ክኾኑ ምስ ጀመሩ ግን ኣምላኽ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ከይዋሰቡ ኣዘዘ።



ናይ ኣዳምን ሄዋንን ቦኽሪ ወዱም ቃኤል፡ ፍረታትን ኣሕምልትን የፍሪ ነበረ። ካልኣይ ወዱም ኣቤል ድማ እንስሳታት የፍሪ ነይሩ። ሓደ ካብኣቶም እቲ ንሰይጣን ከዕንዎ ዝተመረቐ ውላድ’ዩ ይኸውን፣
ቃኤልን ኣቤልን ብዛዕባ እቲ ኣብቲ ግራት ናይ ገነት ዝጋጠመ ፍጻሜታት ፈለጡ። ኣምላኽ ግን ድሕሪ እታ እዋን ምስ ደቂ-ሰብ ኣይተራኸበን ኣይተዛረበን’ውን። ኣዳም ትእዛዝ ስለ ዝጠሓሰ ኩሎም ወለዱኡ ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ። ሂወት ብዘይ ኣምላኽ ድማ ከቢድ ኮነ።


“ዎ ኣምላኸ፡
ሓጥያተኛ ሰብኣይ
ኢየ። ኣብ ክንዲ
ሞተይ ነዚ በጊዕ
ቀቲለ ብመስዋእቲ
እውፍያ ኣለኹ”
እቶም ክልተ ደቁ ንኣምላኽ ከምልኹ
ዝመደቡዎ መዓልቲ በጽሐ። ኣቦኦም
ብዛዕባ እቲ ኣብ ግራት ናይ ገነት ዝገበሮ
ቅትለት እንስሳታት ነገሮም ስለዚ ድማ
ኣቤል ብእምነቱ ሓደ እንስሳ ሓሪዱ
ንመስዋእቲ ንኣምላኽ ወፈዮ።




ኦሪት ዘፍጥረት 4:1-4፣ ነገስተ 3:23፣
ናብ ሰብ ሮሜ 3:23፣ እብራውያን 11:4


ኣይከነን ቃኤል!
ኣምላኽ ናይ ቃኤል ወፈያታት
ደም ስለ ዘይሓወሰ ነጸጎ።


ኣምላኽ ብኣቤል ዝወፈዮ
መስዋእቲ ተደሰተ። ናይታ ንጽህቲ
ዕሸል ደም ፈሲሱ ምስ ረኣዮ ድማ
ናይ ኣቤል ሓጥያት ደምሰሶ።
ኣምላኽ ድማ ንቃኤል በሎ፡ “ክትገብሮ
ዝግበኣካ እንተገበርካ ብኣኻ ክሕጎስ
ኢየ ከምኡ’ውን ኣብ ልዕሊ ሓውኻ
ኣቤል ክትነግስ ኢኻ፡ ንሱ ድማ ኣብ
ትሕቲ ግዝኣትካ ክነብር ኢዩ”


ነብስኻ መን ኢኻ ትሓስባ? ፍረታተይን ኣሕምልተይን ካብታ ሓንቲ በገዕካ ዝኸበሩ ኢዮም። ስለምንታይ ፍሉይ ከም ዝኾንካ ትሓስብ?
ክቡር ሓወይ፡ ናይ ደም መስዋእቲ ክትውፊ ጌና ግዜ ኣለካ




ኣቤል ሞተ፡ ቃኤል ድማ ናይ ቀትለት ሓጥያቱ ክኸውል ፈተነ።


ቃኤል ግን ክፉእ ተግባሩ ካብ ኣምላኽ ክሓብኦ ኣይከኣለን። ኣምላኽ ኩሉ ይርእን ይፈልጥን።
ቃኤል! ሓውኻ ኣበይ ኣሎ?
“ኣነ ከመይ ገይረ እፈልጥ? ናይ ሓወይ ሓላፍነት ክስከም’ዶ ግዴታ ኣለኒ ኢዩ?”
ደም ሓውኻ ጌና ኣብ መሬት ኮይኑ ብዛዕባ ክፉእ ተግባርካ ይነግረኒ ኣሎ


ኣምላኽ ንኹሉ ነገር ይፈልጥ። ንነፍሲ-
ወከፍ ድማ ኣብ ኩሉ እዋን ክርእዮ ይኽእል።
ካብኡ ዝሕባእ ምንም ነገር የለን።
ቃኤል እቲ መብጽዓ ዝስከም መድሓኒ
ኣይኮነን። ንባዕሉ ድሕነት ዘድልዮ ኢዩ።




ኦሪት ዘፍጥረት 4:9-16፡ 5:4፡
ግብሪ ሃዋርያት 17:24-26


ሰት ሓደ ወዲ ነበሮ፡ ንሱ ድማ ወዲ ወለደ፡ ከምኡ እናበለ ሓያለ ቆልዑ ተወልዱ፡ ግን ዋላ ሓደ ሰብ ነቲ መርገም ዘጥፍኦን ንሞት ዝስዕሮን ኣይነበረን። በብቑሩብ ምድሪ ብከተማታትን ዓድታትን ሕርሻታትን መልአት።


መምስ ሓደሽቲ ወለዶታት ሓጥያት ናይ ወዲ-ሰብ እናተራበሐ ከደ፡፡ ደቂ-ሰባት ሓጥያት ናይ ስጋዊ ርክብን ናይ ጎነጽን ቅትለትን ይፍጽሙ ነበሩ፡፡ ከሉ ሓሳባቶም’ውን ኣበስ ዝመልኦ ነበረ፡፡ ዋላ ሓደ ሰብ ብግቡእ ይነብር ኣይነበረን፡፡ ኣዳም ሓንቲ ሓጥያት ኢዩ ፈጺሙ፡፡ ብድሕሪኡ ዝነበሩ ደቂ-ሰባት ግን ብዙሓት ሓጥያት ኢዮም ፈጺሞም፡፡
ኣምላኽ “ወዲ-ሰብ ኣብ ምድሪ ዝፈጠርኩዎ ተጣዒሰ፡፡ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኩሉ ነገር ከጥፍኦ ኢየ” በለ፡፡ ሰይጣን፡ ዝኣምላኽን መንግስቱን ይዘልኦም ስለ ዝነበረ፡ ንኹሉ ከጥፍኦ ክርእዮ ደስ ምበሎ ነይሩ፡፡


ትሽዓት ወለዶ ሓሊፉ (1,400 ዓመታት) ዓለም ከኣ ብሓጥያት መልአት።
ደቂ-ሰባት ንመዘኖኦም ባሮት ገበሩዎም።
ኣምላኽ ንዑኡ ተፍቅሮን ትእዘዝን ስድራ እምበር'ከ ክረክብ ድዩ?
ኦሪት ዘፍጥረት 6:5-7፣ ናብ ሰብ ሮሜ 5:12




እንተኾነ፡ ሓደ ሰብኣይ
ብቐንዕና ይነብር ነበረ።
ኣምላኽ ንኹሎም
እቶም ካልኦት ደቂ-
ሰባት ክቐትሎም
ምስ በለ፡ ነዚ
ሰብኣይን ስድራቤቱን
ክምሕሮም ወሰነ።


ኖህ፣
ንኹሉ ዓለም
ዘዕለቕልቕ ውሕጅ
ክሰድድ ኢየ። እቲ
ትንፋስ ዘለዎ ኩሉ
ክመውት ኢዩ።
ነፍስኻ፣ ስድራኻን
ከተድሕን ምእንቲ፣
ዓባይ ጃልባ
ክትሰርሕ ኢኻ።


ምሳኻ
ሓደ ጽምዲ ናይ ኩሎም ኣብ ምድሪ ዘለዉ እንስሳታት ውሰድ። ካብቶም ዝብልዑ እንስሳታት ድማ ሸውዓተ ውሰድ። ከመይ ገይርካ ነታ ጃልባ ከምትሰርሓ፣ እንታይ ምድላዋት ክትገብር ከም ዘድልየካ ክነግረካ ኢየ።




ኦሪት ዘፍጥረት 6:8-9, 17-22, 7፡2


ንመወዳእታ ግዜ እነግረኩም ኣለኹ። ኣምላኽ ንምድሪ ብውሕጅ ገይሩ ከቕፍኣ ኢዩ። እመኑኒ፡ ምሳይ ከኣ ናብታ ጃልባ ተሰቐሉ።
ኖህ ብዛዕባ እቶም ዝጠፍኡ ሰባት ክሓስብ እንከሎ ሕማቕ ይስምዖ ነበረ፡ ስለዚ ኣብ ዝረኸቦ ዕድል ንዝረኸቦ ሰብ ከይሓጥዩ የጠንቕቕም ነበረ።



ኣንታ ዓሻ!
ብሰንኪ ሓጥያት፡ ካብ ሓጥያት ክትርሕኩ ኣለኩም፡ ንብጾትኩም ‘ውን ብፍቕርን ሓልዮትን ሓዙዎም፡፡
እንታይ ኮይኑ ኢዩ አሞ ኣምላኽ ንደቁ ዘጥፍእ?


ድሕሪ 120 ዓመታት፡ እታ ጃልባ ምስ ተወደአት፡ ኣምላኽ ንእንስሳታት ካብ ምሉእ ዓለም ናብ ኖህ ከም ዝኸዱ ገበሮም።
ርአ! ካልኦት ኣንስሳታት ይመጹ ኣለዉ። ሰብ ከም ዝጸወዖም ባዕሎም ኢዮም ዝመጹ።



ኦሪት ዘፍጥ/ተ 7:7-9፣ 2 ጴጥሮስ 2:5


ቡዙሕ ተረፍ ቦታ የለን።
ናይ መወዳአታ አዮም አዚኦም።
ኖህ, ነዓ አቶ ናብዛ ጃልባ ምስ ስድራቤትካን አቶም አንስሳትን.።ነዞም ኩሎም ሓጣተኗታት ግዚኦም ሓሊፉ እዩ።


ኤዝጋብሄር ነቶም መዓጹ ዓጸዎም, ንሸውዓተ መዓልትታት ከኣ ዝኾነ ኣይተኸስተን፡፡
ሃ, ሃ! ረኣይዎ አዚ ዓሻ፡፡ምስ አዞም ኩሎም አንስሳታት ኣብ ማአከል ጎልጎል, ኪሎሜተራት ካብ ባሕሪ ርሒቁ ኣብዛ ዓባይ ጃልባ ተዓጹዩ፡፡
አወ ሒጂ አቶም ኣናብስ መልያሞም አለዉ ፡፡
ሰሙን አኮ ገሮም ኣብ ውሽጢ ፡፡


ኣብ ሻብዓይቲ መዓልቲ ዝናብ ጀመረ, ካብ ትሕተ ባይታ ውን ማይ ምፍልፋል ተወሰኾ።
ከምዚ ርኤ ኣይፈልጥን።አዘም ኣብታ ጃልባ ዘሎው ዓያሹ ሰባት,ኤዝጋብሄር ብሰንኪ ሓጥያትና ከጥፈኣና እዩ ዝበሉዎ ሓቒ ዶ ይኾውን፧




ቅድሚ እዚ አዋን ዝናብ ሃሪሙ ኣይፈልጥን እዩ ኔሩ፡፡ ክሊማ ጽቡቕ ከሎ ግመ ካብ ሰማይ ወሪዱ መሬት የትርክሶ ነበረ፡፡ ዝኾነ ሰብ ዝናብ ዝበሃል ሪኡ ወላ ሰሚዑ ዝፈልጥ ኣይነበረን, ስለዚ ኖህ ማይ ካብ ሰማይ ክወርድ እዩ ምስበሎም ዝተጽለለ እዩ መሲሉዎም ፡፡ ኖህ ግን ቃል ጎይታ ኣሚኑ ነበረ፡፡




ኦሪት ዘፍጥረት
7:9-12.16


ብገምጋም 2348 ቅ. ክ.
ኖህ ሓቁ ከምዝነበረ ነቶም ህዝብ ክርዶም ከሎ, ዱሮ ዕድሎም ሓሊፉ ነበረ።
ንኣርበዓ መዓልትን, ኣርበዓ ምሸትን ኩሉ ጽፍሒ ዓለም ብማይ ክሳብ ዝሸፈን ዝናብ ድማ ዘነ።. ኩሉ ዘስተንፍስ ፍጡር ብዘይካ ምስ ኖህ ኣብጃልባ ዝነበረ ደማ ሞተ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ድማ ኣብውሺጢ ኣሕለፉዎ።

ኦሪት ዘፍጥ/ተ 7:12.19-23. 8:9-12






ኖህ ድሕሪ ቁሩብ እዋን ርግቢት ፈነወ ኣሞ, ጭንፈር ናይ ገረብ ሕዛቱሉ ተመልሰት። ምልክት ኣግራብ ከምዝበቖሉ ድማ ምኳኑ ፈለጠ። ድሕሪ ውሑዳት መዓልቲ አንደገና መስፈነዋ ኣይተመለሰትን, ኖህ ደማ ዉሑስ መንበሪ ከምዝረኸበት ኣረጋገጸ።


ድሕሪ ቁሩብ ግዜ እታ ጃልባ ኣብዝባን
አራራት ዝበሃል ጎቦ ዓረፈት እሞ
ኩሉ ፍጡር ድማ ናብታ ሓድሽ ዓለም
ወረደ። ሓዳሽ ዓለም ብዘይ ሓጥያት።

ኖህ ድማ መሰውአያ ሰሪሑ ንጎይታ
ምስወኣቲ ወፈየሉ። ወላውን ኖህ ብጹእ
ሰብ እንተነበረ, ሓጥያት ኣብ ሉቡ ነበሮ።እቲ
መስዋእቲ ድማ ኣብ ክንድ ሂወት ነብሱን
ስድራቤቱን ንጎይታ ኢሉ ሰወኣሉ።



እቶም ንመስዋእቲ ዝቀረቡ እንስሳታ ነቶም
ሸሞንተ ብጽጋ ኣምላኽ ዝደሓኑ ሰባት
እዮም ነሮም። ልክእ ከምቲ እዝጋብሄር
ኣብ ኤደን ንኣዳምን ሄዋንን ክዳን
ክኾኖም ኢሉ ዘገበሮ ዝነበረ እሑ ኔሩ።


ቀስተ
ደበና ኣብ ሰማይ ከም ምልክት
መብጽዓይ ንዓለም ብማይ
አንደገና ከምዘድምስሳ ሂበኩም
ኣለኹ፡፡ ዘርኩም ኣብ መሬት ዓለም
ተዘርጕሖን ተባዙሖን፡፡


ነእስሳታት ፍርሃት ወድሰብ ከም
ዝሓድሮም ክገብር እየ። ኩሎም
ፍጡራት ኣብ ገጽ ዓለም ዘሎዉ
ክትበልዑዎም ትኽሉ ኢኹም። ልክእ
ከምቶም ትበልዕዎም ኣትልክትን
ኣሕምልትን, ግን ደም ናይፍጡቱራት
ኣይትስተዩ። ሰብ ውን ኣይትቕተሉ።
ኦንድሕር ደኣ ሰብ
ንኻልእ ቀቲሉ, ብካልእ ሰብ ይቀተ.
ኣንድሕር ሓደ ሰብ ናይ ካልእ ሰብ ደም
ኣፍሲሱ, እቶም ኻለኦት ደሙ ይስፍሱዎ።
ስለ ሂወት ናይሰብ ኣብ ደሙ ዝኾነ።



ኖህ ናይ ወይኒ ሓረስታይ ኾነ፡፡
አታ ሓዳሽ ዓለም ወላኳ ነርባዕተ
ስድራ ጽሙዋ አንተነበረት,
ምስግዜ ደቁ ክወልዱ ጀመሩ፡፡




ኦሪት ዘፍጥረት 8:4,20, 9:1-29

ኖህ ንፍረ ወይኒ ኣብመትሓዚ ንሰሙናት
ገደፎ እሞ , ኣልኮላዊ መስተ ክኾነሉ
ጀመረ። ምሰተዮ ከስክሮ ድማ ጀመረ።
ምስግዜ ግን እቲ መስተ ደስ ክብሎ ጀመረ
አሞ, ምስብዝሖ ሃለዋቱ ከጥፍአን
ነዝጋብሄር ዝኾሪ ተባይ ከርእን ጀመረ።



ሓደ መዓልቲ ኖህ ኣብዚሑ ሰተየ እሞ በዕርቃኑ ደቀሰ። ወዱ ሃም ሕፍረት ኣብኡ ረኣየ እሞ, ንሕዋቱ እንዳተላገጸ ነገሮም።


ኖህ ካብ ድቃሱ ምስተበራበረ ደቂ, ሃም ዝገበሮ ነገሩዎ።
ወድኻ ከንኣንን ዘርኡን,ናይ ሓውካ ሴም ዘሩኡ ኣገልገልቲ ክኾኑ እዮም።



ድሕሪ ብዝሑሕ
ዓመታት እዚ ነብያት ሓቂ
ኾነ። ከንኣንናውይን
ንፍልስጤም ሓዝዋ
እሞ ኣገልገልቲ
ኣይሁዳውያን ኾኑ።

ኦሪት ዘፍጥረት 9:21-27; ምጽሓፍ 4:40;
ዳዊት 78:51, 105:23, 27,106:22


ሴት
ኣዳምን
ሄዋንን
ቃኤል
ኣቤል
እዝጋብሄር ንኹሉ
ሰብ ብዘይካ
ሸሞንተ ሰባት
ኣትጥፈኦም፡፡


ኖህን ስድራቤቱን
ኤሮጳ
ያፈት
ቱርኪ
ሴም
ኤሺያ
ሃም
ኣፍሪቃ
ግብጺ
ምስ ግዜ ያፈት ናብ መዕራብን ሰሜንን ወገን ከይዱ ፈረየ። ሴም ናብ ምብራቅ ከይዱ ፈረየ ሃም ናብ ኣፍሪቃን ደቡብ ኤሽያን ከደ። ዘርኢ ደቂ ወዱ ከንኣን ከኣ ኣብፍልስጤም ሰፈሩ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ወድሰብ ኣብ ዓለም ተዘርገሐ።


ብገምጋም 2247 ቅ. ክ.
ሃም ወዲ ኖህ, ኩሽ ዝበሃል
ወዲ ነበሮ። ኩሽ ከኣ ንኔምሮድ
ወለዶ።ኔምሮድ ንፉዕን ፍሉጥን ሃዳናይ
ነበረ። ይኹን እምበረ ኔምሮድ ካብ
አዝጋብሄር ረሓቀ እሞ ኣብ ባቢሎን
ዝበሃል ዓዲ ናቱ ህይማኖት ፈጠረ።


ህዝቢ ባቢሎን ከም አዝግብሄር ዝኣዘዞ ናብ ሙሉአ ዓለም ኣይተዘርጎሑን.ኣ። ዓዶም ኮይኖም ዓብን ነዊሕን ንኣምሉኾት ዝኸውን ህንጻ ሰሩሑ።



ግን ነዝጋብሄር ኣይኮኑን ዘምሉኹሉ
እኻ ደኣ በእንቻይቲ, ሓጺንን
ኣምንን ገሮም ዘሰሩሑዎ ናይ
ሰይጣን ኣልምኮት እዩ ኔሩ።

አዝጋብሄር ተአዛዙ ሰሮም ናብ
ሙሉእ ዓለም ስለዘይተዘርጕሑ
ድማ ኩሉኦም ቈንቁኦም ደበሎቆ።



ኩሎም አቶም ሰራሕተኛታት
ምርደዳእ ስለዝሰኣኑ
ነቲ ስራሕ ገደፍዎ።



ኩሎም ዓይነት ቌንቋታት ናብ ኩሉ ድማ ተዘርጐሑ፡፡ገሊኦም ናብ ሩሑቕ መሬት ከዱ፡ገሊኦም ድጃላቡ ጌሮም ናብ ሩሑቅ ደሴታት ከዱ፡ገሊኦም ናብ ሰሜን ቆራሪ ቦታ ገሊኦም ከኣ ናብ ዉዑይ ምድረበዳ ከዱ.ስለ፡፡ ትእዛዝ ኣዝጋብሄር ናብ ሙልኡ ዓለም ተዘርጐሑ ዝብል ተተግበረ፡፡



ዓለም ብህዛብ ክትመልእ
ከላ, ሓጥያት ከኣ ምስኡ
ወሰኸ።ቡዙሓት ኣህዛብ
ጣኦት ከምሉኹ ጀመሩ. ነቲ
ነባሪ ኣምላኽ ከኣ ረሱዑዎ።

ኦሪት ዘፍጥረት
10:6-10.11:1-9



## ምዕራፍ 2


# አብረሃም


አብርሀም ዘበሃል ሰብ ነበረ።ጠኦት
አማልኽቲ ከምዘይኮኑ ከኣ
ይኣምን ነበረ። እዝጋኣቢሄር
ፈጣሪ ከም ዝኾነ፡ ብጣኦት ከኣ
ከምዘይምለኽ የፈልጥ ነበረ።

እዝአቢሄር ድማ በሎ,”ኣብረሃሞ፡ነዛ
ከተማ ግደፋ፡ንስድራቤትካን ዓድኻን
ገዲፋካዮም ኪድ አነ ከኣ ናበይ ከምትኸይድ
ክነግረካ እየ።ነቶም ዝምርቁኻ ከምርቆም
እየ።ነቶም ዝረግሙኻ ክረግሞም
እየ።በኣኻ ኩሉ ዓለም ክምርቃ እየ።”



ብገምጋም 1921ድ.ክ.



ኣብራሃሞ ድምጺ ጎይታ ይሰምዕ
ከምዝነበረ ይፈልጥ ነበረ,እሞ
ኣተግበሮ። ናበይ ይኸይድ ከምዘሎ
ኣይፍለጥን ግን ጣኦት ኣምልኾት
ገዲፉ ንእዝጋቢሄራ ኣሚኑ ይኸይድ
ምህላው እኹል እዩ ነሩ። ግን
ወዲ ሓፋቱ ሎጥ ተማለኦ።


ጕዕዞ ኣብራሃም ናብ መሬት ደቂ ሃም፡ ከንኣን ወሰዶ። ሕጂ ከም ፋሊስጤሞ ዝፋለጥ።ኣቡኡ ካአ ጎይታ ተዛረቦ።
ኣብረሃም
ነዚ ዓዲ ኣብ ጫፉ ናብ ጫፍ ረኣዮ። ኩሉ ነዚ መሬት ንደቅኻ ክህቦሞ እየ።ደቅኻ ክሳብ ዘይቁጸሩ ከም ሖጻ ዓለም ክፋረዮ እዮም።




ኦሪት ዘፍጥረት 12:1-3,14-17


ኣብረሃም ናብ መላእ ዓዲ እንዳ ተጎዐዘ ከም ኣቤል መስዋእቲ ሰዉአ፡፡ሓትያተና ሙኻኑ፡ሞት ከምዝግበኦ የፈልጥ ስለዝኾነ፡፡
መስዋእቲ ሓጥያቱ ወላ እንዘይደምሰሰሉ፤ጎይታ ግን ነዑ ሪኡ ይቅረ ይብለሉ ነበረ፡፡


ድሕሪ 10 ዓመት
ኣብረሃም ቅድሚ ዓሰረተ ዓመት ጎይታ ቆልዓ ከምዝወልደልካ ነጊሩካ ኔሩ፡፡ሕጂ ካኣ ኣነ 75 ዓመት ንስኻ ከኣ 85 ጌርና፡፡ዕድሜና ከይዱ ውላድ ከኣ ኣይወለድናን፡፡ጎይታ ተዛሪብካ ከምዝነበረ ርጉጽ ዷኻ፧


ጎይታ
ምኻኑ ርግጽ እየ ገን
ስለምንታየ ደንጕዮ ኣይፈልጥን፡፡ኣቦ
ናይ ዓባይ ሃገር ከምዝኾዎን ነጊሪኒ
ግን ሕጂ ግን ኣሪገ፡ክወልድ ዘይክእል
ብዙሓት ከብቲ ዘለውኦ ኮይነ
ተሪፈ፡፡


ኣይትፍሪህ ኣብረሃም፡ ፡፡ኣነ ዓስብኻ እየ፡፡
እንታያ እዩ ዓስበይ ወላድ እንተዘይሃብካኒ፧
ንስኻን ሳራን ክትወልድ ኢኹም፡፡


ነዞም ከዋኽብቲ ረኣዮም ኣብረሃም፡
ቁጸሮም እንተ ኺኢልካ፡፡ከምዞሞ
ከዋኽብቲ ደቅኻ ከምዘይቁጸሩ
ክገብሮም እየ፡፡
ይኣምን፡፡


ኦሪት ዘፍጥ/ት 15:1-6.13-14
ስለ እምነትካ: ቅንዕናኻ ሪአዮ
አለኹ ደቅኻ ከኣ ዝሓየሉ ከኾኑ እዬም
አብዘይ መሬቶም። ን400 ዓመታት ድሕሪ
ገላዮ ምኻን፡ነታ ሃገር ቀጺዐ ምስ ዓቢ ጸጋ
ከውጽኦም እየ።ናብዚ መሬት መጺኦም ከኣ
ከሰፉሩ እዮም።


ኣበይ ኣሎ እቲ መብጸዓ፤ይኣርግ ኣለኹ ንስኻ ከኣ ዘርእኻ ዘይትፈረሉ ግዘ ይኣክል ኣሎ፡፡ውላድ ክህበካ አይክእልን እየ፡፡


እዚ ባህሊ ኣገልጋሊተይ ኣብክንዳይ ክትወልደካ የፉቅድ እዩ።


ኣብረሃም እዚ እዩ ናመወዳእታ ዕድልና ክንወልድ፡፡ካብኣ ክትወልድ ኣለካ፡፡ከመይ ጌርካ እሞ ኣቦ ናይ ዓበይ ሃገር ክነክዉን፡፡




ኦሪት ዘፍጥረት 16:1-4


ድሕሪ
ሒደት
ኣዋርሕ
ነኣብረሃም
ክወልደሉ እየ።
ኣጋር ኣብ ኣብረሃም
ከምዝጠነሰት ምስፈለጠት
ተሓበነት፣ንሳራ ከኣ
ጸለኣታ።ሳራ ጎሃየት ብቕንኢ።


ሳራ ንሃጋር ስራሕ ከተብዝሓላ ጀመረት፡፡ እዝጎኣቢሀር ሰብኣይ ክልተ አንስቲ ክህልወኦ ወይ ኣብ ሰይቲ ወሰን ከወልድ ኣየፍቅደን፡፡
ማይ ምውራድ መስወዳእኪ፡ ዕንጸይቲ ፈልጺ ኢኺ፡፡
ኣጋር ከትሃድም ወሰነት፡፡


ኣጋር ካብ ሳራ ሃዲማ ናብ በረኻ ከደት፡፡ደኺማ ኣብሓደ ቦታ ደዉ ምስበለት፡ድኻማ ሪኦ ጎይታ ተዛረባ
ኣጋር ናብ ሳራ ተመለሲ፡፡ወዲ ክትወልዲ ኢኺ፡እስማዒል ከኣክትብልዮ ኢኺ፡፡ትርጉሙ ከኣ “ጎይታ ይሰምዕ” እዩ፡፡


ካብኡ ከኣ ዘይቁጸሩ አህዛብ ክውለድ እዩም።እስማዒል ከኣ ተበኣሲ ከኸውን እዩ።ምስ ኣሕዋቱ ድማ ከቅመጥ እዩ።


ኣጋር ተመልሰት እሞ ድሕሪ ግዜ ከኣ ወለደት።
ጎይታ ፡ወዲ ኣብረሃም ስለዝኾነ ኣቦ ናይ ሃገር ክኸውን እዩ ኢሉኒ።
እስማዒል ድማ ኣቦ ናይ ኩሎም ኣዕራብ ሃገራት ኮነ።
ኦሪት ዘፍጥረት 16:4-16


ኣብረሃም ወዲ 86 ዓመት ኮይኑ ነበረ እስማዒል ክዉለድ ከሎ፡፡ናይምውላድ ዕድሚኡ ከኣ ሓለፈ፡፡ወላኳ ብሳራ ክትወልድ ኢኻ እንተበሎ ፡ እስማዒል ዶ የኸወን እቲ ናይ መብጸዓ ቆልዓ፡፡
እቲ መብጸዓ እንታይ ይኹን፡ኣብረሃምን ሳራን ክወልዱ እንተዘይኪኢሎሞ፤


እስማዒል 13 ምስኮነ ኣብረሃም 99 ገበረ፡ እዝጋቢሆረ ከኣ ተዛረቦ።
ኣብረሃም ኣነ እዝጋቢሆር እየ።ዝብለካ ግበር እሞ ይቅረ ክብለልካ እየ። ዘርእኻ ከፉርዮም እየ፡መብጸዓይ ምሳኻን ምስደቅኻን ከሕድሶ እየ።


መሬት ከንኣን ንደቅኻ ከህቦም እየ፡ ሳራ ኸኣ ከም መብጸዓይ ኣቦ ኩሉ ሃገር ከትወልደልካ እያ።
ሃሃ ፡ ኣነ ሕጂ 99 ዓመት፡ ሳራ ኸኣ 89 ዓመት ገርና። ከመይ ኢሉ ኪኸውን ይኽእል ፤ ሰብነተይ ኣሪጉ እዩ ። ውሉዳት ክንወልድ ኣይንኽእልን ኢና ።በጃኻ ንእስማዒል መብጽዓ እተገብረሉ ቈልዓ ግበሮ።


ኣይፋልን ከምቲ ኻብ መጀመርታ ዝነገርኩኻ ንስኻን ሳራን ውሉድ ኪህልወኩም እዩ፡፡እቲ መብጽዓ እተገብረሉ በረኸት ብእኡ ኣቢሉ ክመሓላለፍ ኢዩ ፡፡ሳራ ın ሓደ ዓመት ወዲ ኽትውለድ ኢያ ፡፡


እዚ ይከኣል ድዩ ? እወ እቲ ንሰብነት ዝፈጠረ ኣምላኽ ንዝኣረገ ሰባት ከም ብሓድሽ ከም ዝጽገዩ ክገብሮም ይኽእል ኢዩ ።


ድሕሪ ሒደት መዓልትታት ሰለስተ ሰብኡት ካብ ምድረ በዳ መጹ ።ኣርሒቖም እተጓዕዙ ኣይመስሉን ኢዮም ኣብቲ ኸባቢ ዝመጹ እውን ኣይመስሉን ኢዮም ።ድልዱላትን፣ ምትእምማንን ዘለዎም እዮም ነይሮም።


ኣብርሃም ኪቖርቡ ኸለዉ ረኣዮም
እተፈልዩ ምዃኖም እውን ፈለጠ፣
ግናኸ ካብዘ ዓለም እዚኣ ኸም
ዘይኰኑ ኣይፈልጥን እዩ ነይሩ።
ክልተ ኻባታቶም ጻድቃን መላእኽቲ
እዮም ነይሮም እቲ ሳልሳይ ድማ ኣምላኽ
ባዕሉ ንኣብርሃም ኪዛረቦ ብመላእኽቲ
ተራእዩ እዩ ።ኣብርሃም ድማ ረኸቦም ።
ኦሪት ዘፍጥረት 17 1-21,18: 1-2


ኣብርሃም ብዓልቲ ቤትካ ሳራ ወዲ ኺህልዋ እዩ።
ሃ ሃ ሃ!
ንሱ ኸም ናተይ ብዕድመ ዝደፍአ ኣብርሃምሲ።እዚ ከመይ ኢሉ የኸውን፧


ሳራ ኣምላኽ ውሉድ ከም እትወልድ ኪነግራ ኸሎ ስለምንታይ እያ እትስሕቕ፧
ኣነ ኣይሰሓቕኩን።
ብሓቂ ሰሓቕኪ። ኣይትኣምንን ዲኺ።ንኣምላኽ ዚኸብድ ነገር ኣሎ ድዩ፧ክትጠንሲ ግቡእ ግዜ ምስ ኣኸለ ከም ብሓድሽ ክመጽእ እየ። ውሉድ ድማ እትወልድ እያ።


ንኣብርሃምከ እንታይ ክገብር ከም ዘሎኹ ኽነግሮዶ ፧ኣቦ ብዙሓት ውሉዳት ኪኸውን እዩ ። ንደቁን ንደቂ ደቁን ከኣ ኪእዘዙኒ ኺምህሮምእዩ።
እወ ክፈልጥ የድልየ ኢዩ።



ኦሪት ዘፍጥረት 18 :10-22


ከምኡ ኣይኮነን ኣምላኽ ንጻድቃን ኬጥፍእ ምስ እኩያት። ሓምሳ እንተ ኣልው ኣብታ ኸተማ ዝነበሩ ጻድቃናት፡ነዖም ንምድሓን ብምልእታ ኸተማ ዲኻ ትገድፋ።
ሓምሳ ጻድቃናን እንተ ረኺበ ነታ ኸተማ ኣይከጥፍኣን እየ።


ሓመድ ደኣ እምበር እየ፣ንኣምላኽ ክዛረቦ ዘይብቑዕ፡፡እንተ ኾነ ግን ኣርብዓን ሓሙሽተን ጥራይ እንተ ኣልዩኸ፧
45 እንተ ኣለዉ ኣየጥፍኣን እየ፡፡
ኣርብዓ ጥራይ እንተ ኣልዩኸ፧
40 እንተ ኣለዉ ኣየጥፍኣን እየ፡፡


ኣይትሕረቕ፡ ግን ሰላሳ እንተ ኣልዩኺ፧
ኣይገብሮን ምእንቲእቶምሰላሳ።
ዕስራ እንተዝኾኑ ከ፧
ዕስራ ጻድቃን እንተ ኣልዩዋ ነታ እከይቲ ኸተማ ኣየጥፍኣን እየ።


በጃኻ ኣይትቖጣዕ። ንመወዳእታ ግዜ እየ ኽሓትተካ ፡፡ ኣብታ ኸተማ ዓሰርተ ጻድቃን ጥራይ እንተ ኣልዮምከ፧ እሞኸ ኸተጥፍኦ ዲኻ፧
ኣይፋልን እንተ ዓሰርተ ተረኺበ። ኣየጥፍኣን እየ።
ዓሰርተ ኽትረኽቡ እንተ ዘይክኢልኩም በጃኹም ንሎጥ ወዲ ሓብተይ ከተጠንቅቑዎ ትኽእሉ ዲኹም፧
ሎሚ ምሸት ክንበጽሖ ኢና።


በታ ምሸት እቲኣ እቶም ክልተ መላእኽቲ ናብታ ኸተማ ኣተዉ እሞ ብቤት ሎጥ ከዱ።
እዚ ኻብቲ ዝሓስቦ ዝነበርኩ ዝገደደ እዩ።
ሕጂ ግን ኣምላኽ ንኹሉ ሰብን እንስሳታትን እውን ከይተረፈ ስለምንታይ ከም ዘጥፍኦም ክርዳእ ክኢለ እየ።




ኦሪት ዘፍጥረት 18:23-19 2


ሎጥ ምሳታቶም ጾታዊ ርክብ ምእንቲ ኽንገብር ነዞም ሰባት እዚኣቶም ናባና ስደዶም።
መንዩ መሲልዎ፣ ግቡዝ።
ኪዱ፣ ነዚ እኩይ ነገር እዚ ኽትገብርዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም።


ኣታ ወጻእተኛ !ነቲ ማዕጾ ሰቢርና ዝገደደ ኽንገብረካ ኢና።
ሸያጥ ጽልኢ!
እወ ኣዋልድኩም ኣይንደልን ኢና፣ ጽቡቓት ሰቡኡት ኢና ንደሊ !


ጐይታ ኣምላኽ የዕውረኩም።
ኣበይ እዮም ዘለዉ፧


ነቲ መብራህቲ ዘጥፍኦ መን ኢዩ፧
ክርኢ ኣይከኣልኩን! እንታይ ተፈጢሩ፧
እዚ እንታይ ዓይነት ሓይሊ እዩ፧


ጽባሕ ንግሆ ኻብታ ኸተማ ኽትወጽእ ኣሎካ። ንመን ከም እተጠንቅቕ ናባኻ እዩ። ኣምላኽ ጻድቕ እዩ ነዚ ሓጢኣት እዚ ኸኣ ደጊም ኣይኪጻወሮን እዩ።
ጽባሕ ኣምላኽ ኣብዚ ቦታ እዚ ኻብ ሰማይ ሓዊ ኼዝንም እዩ። ኣብ ሶዶምን ጎሞራን ዘሎ ኹሉ ኺመውት እዩ።




ኦሪት ዘፍጥረት19:4-17


ንድሕሪት ኣይንጠምት!
ኣኣኣሃ!


እዎይ! ኣቦይ ኣደይ ንኣምላኽ ኣይተኣዘዘቶን። ናብ ዓንዲ ጨው ተቐዪራ።
ኣይትርኣያይ! ንኺድ ጥራሕ!


ኣብ ሶዶምን ጎሞራን ዝነበረ ኹሉ ህያው ነገር በታ መዓልቲ እቲኣ ሞተ ። ኣምላኽ ጻድቓ ኢዩ ኩሉ ዓይነት ግብረ ሰዶም ይጸልእ ኢዩ።ኣምላኽ ንዓለም ብማይ ምጥፍእ ከምዘይፍጸም ተመባጺዑ ነበረ፣ ብዛዕባ ሓዊ ግና ሓንቲ እኳ ኣይተዛረበን።


ኣብ ዚቕጽል እዋን ብሓዊ ኽትቃጸል እያ። መቕጻዕቲ ዝኾነ ይኹን ሓጢኣት ሞት እዩ፣ እዚ ኸኣ ኣካላዊ ሞትን ዘለኣለማዊ ሞትን እዩ።
መቕጻዕቲ ኹሉ ሓጢኣት ፡ወትሩ ሞት እዩ ።




ኦሪት ዘፍጥረት 19 ፡24-26፤ ዘሌዋውያን 18፡ 22፤ ሮሜ 1፡ 23-32, 6 ፡23፤ 1 ቈረንቶስ 6 ፡9-11፤ ራእይ 21፡ 8


ኣምላኽ ሳራ ውሉድ ከም እትወልድ ተመባጺዑ ነይሩ እዩ ። ኣብርሃምን ሳራን ነቲ ንነዊሕ እዋን እተረስዐ ባህግታቶም ኪበራበሩ ጀመረ።
ኣብርሃም እንታይ እዩ ኣባኻ መጺኡ ፧ንዓይ በዚ መንገዲ ካብዘይትርእየኒ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ ።


ተኣምር እዩ ነይሩ! ነዊሒ
ከይጸንሐ ሳራ ኽም ዝጠነሰት
ኵሉ ሰብ ፈለጠ !


ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎ ይስሃቅ ኢልና ኽንጽውዖ ኢና ። ኣቦ ዓብዩ ህዝቢ ኪኸውን እዩ ።
እወ ኣምላኽ ክነግረና ኸሎ ከምዝወልድ ሲሒቀ። ዕድመ ምስ ደፋእኩ ንውሉደይ ባዕለይ ከም ዝከናኸኖ መን ይኣምን፧
ኣምላኽ መብጽዓኡ ሓለወ ።
ወትሩ ኸምኡ እዩ ዚገብር ።

እቲ ብኣጋር እተወልደ እስማኤል ወዲ ኣብርሃም ወዲ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመት ኢዩ ነይሩ ነቲ ሕጻን ድማ ጸልኦ።




ነታ ግዝእቲ ሰበይትን ንወዳን ስጎጎም፡፡ ምስቲ ውሉድ ተስፋ ዝኾነ ይስሃቕ ርስቲ ኣይኪቕበሉን እዮም፡፡
ኣምላኽ ንኣብርሃም “ሳራ ሓቂ እያ፡፡ ንኣጋርን ንእስማኤልን ስደዶም፡፡ እስማኤል ወራሲ ኣይኪኸውንን እዩ፡፡ኣየጕህየካን፣ ክከናኽኖም እየ፡፡




ኦሪት ዘፍጥረት 21፡1-3, 9-14 * ይስሃቅ ዚብል ስም ከኣ ሰሓቕ ማለት እዩ፡፡


ተኣምር እትገብር ቈልዓ ኢኻ። ንዓለም ካብ ሓጢኣት ከተድሕና ዲኻ፧
ኣብርሃም ንወዱ ይስሃቅ የፍቅሮ ስለ ዝነበረ ኣይፈላለዩን እዮም ነይሮም ።


ኣቦይ ነዘን ጽቡቓት ዕያውቲ ቐቲልካ ኣብ ኰምሪ ኣኻውሕ እተንድደን ስለምንታይ ኢኻ፧
ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ቅዱስን ንጹህን እዩ; ንከምዚ ኸማይ ዝበለ ሓጥእ ሰብኣይ። እቲ ቐዳማይ ሰብ ኣዳም ኣይተኣዘዘን ። ካብቲ ግዜ እቲ ኣትሒዙ ከኣ ንኣምላኽን ደቂ ሰብን ሓጥኣን እዮም ።
ኣምላኽ ንኣዳም እንተ ሓጢኡ ኸም ዝመውት ነገሮ ፧ ድሕሪ ኣዳም ሓጢኣት ብምፍጣሩ ግን፡ ኣምላኽ ንእንስሳታት ንሕፍረት ኣዳምን ሄዋንን ምሽፋን ቀተሎምን ተጠቐመሎምን።


ገንሸል ቀቲለ ንኣምላኽ ምስ ኣቕረብክዋ እዚ መግለጺ እዚ ሓጢኣተይ ኣፍልጦ ዝህበሉን ነታ ንጽህቲ ገንሸል ኣብ ቦታይ ክትመውት ዘቕርበን ኢዩ ።


ይስሃቅ ሓያል ኰነ ኣብ
ኣምላኹ ምውካል ካብ
ኣቦኡ ድማ ተማህረ ።
ኣብርሃም ኣዝዩ የፍቅሮ
ነበረ መብዛሕትኡ
ግዜ ድማ ንምምላኽን
መስዋእቲ ንምቕራብን
ብሓባር ይእከቡ ነበሩ
።እታ ዕየት ተቐትለት
እሞ ኣብቲ ዝነደደሉ
መሰውኢ ኣንበራ።


ኣብርሃም ነቲ እተፍቅሮ ሓደ ወድኻ ይስሃቅ ወሲድካ ዚሓርር መስዋእቲ ጌርካ ኽተቕርበለይ እደሊ ኣለኹ።


ኣምላኸ ከመይ ጌርካ ኢኻ ኸምዚ ኽገብር ክትሓትተኒ እትኽእል፧ እዚ ከማኻ ኣይኰነን ፡፡ እቶም ኣረማውያን መስዋእቲ ሰብ የቕርቡ እዮም! ካብ ይስሃቅ ወደይ ዓብዩ ህዝቢ ኸም እትገብር ተዛሪብካ ኔርካ፡፡ እንተ ቐቲለዮ መብጽዓኻ ኣይኪፍጸምን እዩ፡፡




ኦሪት ዘፍጥረት 22 ፡ 2፣
ሮሜ 5 ፡ 12


እዚ ጕዕዞ እዚ ሰለስተ መዓልቲ ዚወስድ ስለ ዝኾነ ሰሙን ዚኸውን ክንጕዓዝ ኢና።
ተጠንቀቑ ፣ ምእንታኹም ክጽሊ እየ።

ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ…




ኣቦይ ነቲ ዕንጨይቲ ኣምጺእናዮ
ንስኻ ድማ መሰውኢ ሰሪሕካዮ እቲ
መስዋእቲ ግን ኣበይ ኣሎ፧
ይስሃቅ ትዝክሮ ኢኻ ኣምላኽ
ከም እተዛረበንን ንዓይን ንኣዴኻን
ኣብ ግዜ እርጋንና ውሉድ ከም እንወልድን
ዝገበረና።፧ከም ብሓድሽ ተዛሪብኒ።


ሕጂ ግና ዚሓርር መስዋእቲ ንስኻ ኸም ዝኾንካ ነገረኒ።
ኣነ፧ ኣቦይ ርግጸኛ ዲኻ፧


ጿቀይ ከም ከዋኽብቲ ሰማይ ከም ዚኾኑ ወራሲ ርእሲ ዓብዩ ህዝቢ ክኸውን ከም ዘሎኒ ኣምላኽጶ ኣይነገረኩምን፧ ሕጂ እንተ ሞይተ እቲ ኣምላኽ እተመባጽዖ መብጽዓኽ እንታይ ይኹን፧
ነቲ ኣምላኽ እተመባጽዖ ኺፍጽሞ ኸም ዚኽእል ተማሂረ እየ ። ኣቦ ሓደ ዓብዩ ህዝቢ ኸም እትኸውን እንተ ተዛሪቡካ ዋላ እውን እንተ ሞተትካ ከምኡ ኽትገብር ኢኻ።


እንተ ሞይተ ግን ከመይ ኢሉ ኪኸውን ይኽእል፧
ኣይፈልጥን እየ፣ካብ ምዉታት እንተዘየተንሲኡካ።
ኣቦይ ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ንኣምላኽ ክንእዘዞ ኣሎና ።
ኦሪት ዘፍጥረት 22 ፡ 3-9


ኣብርሃም ንኣምላኹ
ይእዘዝ ከም ዘሎ
ይፈልጥ እኳ እንተ
ነበረ ዚሓርር
መስዋእቲ ኬቕርብ
ከሎ ልቡ ኣጕህይዎ
ኣእዳዉ እውን
የንቀጥቅጥ ነበረ።
ኣእዳዉን ኣእጋሩን ኣሲሩ ድማ ኣብ መሰውኢ
ኣንበሮ። እቲ ቐጺሉ ዝነበረ ስጕምቲ ነታ
ካራ ኣብ ክሳዱ ምእታው ኢዩ ነይሩ ።

ኣብርሃም ብእምነት ናብ
ኣምላኽ ብምጽላዩ ነታ ካራ
ኣልዓላ ። ናብ ታሕቲ ኺውርዳ
ምስ ሓሰበ ብሃንደበት ካብ
ሰማይ ድምጺ ሰምዐ፦




ኣብርሃም! ኣብርሃም! ነቲ ቈልዓ ኣይትጕድኣዮ።


ክትእዘዝ ፍቓዱኛ ስለ ዝነበርካ ዋላ እውን ሓደ ወድኻ ኽትህበኒ ፍቓዱኛ ስለ ዝኾንካ ከም እትኣምነኒ ሕጂ እፈልጥ እየ ።


ኣብርሃም ቍሊሕ ኢሉ ምስ ጠመተ ሓደ ድዑል ኣብ ጣሻ ተታሒዙ ረኣየ።
ኣቦይ እንሆ! ኣምላኽ ኣብ ክንዳይ ድዑል ሃብና!


ኣብርሃም ሓደ ወድኻ ብዘይምኽልካልካ፡እዚ ነገር እዚ ስለ ዝገበርካ፡ ክባርኸካን ንደቅኻ ኽም ከዋኽብቲ ሰማይ ከብዝሖምን እየ፤ ደቅኻ ድማ ነዛ ምድሪ እዚኣ ወሲዶም ንጸላእቶም ኬጥፍእዋ እዮም። ኩሎም ኣህዛብ ምድሪ ብሓደ ኻብ ደቅኻ ኺባረኹ እዮም።
ኣቦይ ከምቲ ዝበልኩምዎ መሓሪ ኣምላኽ እዩ!
ኦሪት ዘፍጥረት 22፡ 9-18፤ ኣብራውያን 11 ፡ 17-19


ኣብርሃም እስማኤልን ይስሃቅን ዚበሃሉ ኽልተ ኣወዳት ነበርዎ ። ይስሃቅ ነቲ ንኣብርሃም እተመባጽዖ መብጽዓ ንኺፍጽም ብኣምላኽ እተመርጸ ወዲ እዩ ነይሩ ።ይስሃቅ ያእቆብ ዚበሃል ወዲ ነበሮ ስሙ ድማ ጸኒሑ ናብ እስራኤል ተቐየረ። ያእቆብ 12 ውሉዳት ነበርዎ ድሕሪ ግዜ ድማ ምስ ስድራቤቶም ናብ ግብጺ ኸዱ ኣብኡ ኸኣ ባሮት ኰኑ።(1706 ቅ.ኽ.)

# ዘፍጥረት 21:5, 13, 24:67, 25:12-18, 21-26, 29:23-30






ምዕራፍ 3

# ሙሴ


1706 ድ.ኽ.
ብግዜ ጥሜት እቲ ወዲ ወዱ ንኣብርሃም ዝነበረ ያእቆብ ንዓሰርተው ክልተ ደቁን፡ ንኹሎም ደቆምን ፡ገላዉኦምን ብህይወት ንምንባር ናብ ግብጺ ወሰዶም። ኣብ ግብጺ ድማ ከም ሓመድ ምድሪ በዝሑ።


ነዊሕ ከይጸንሐ እቶም ስሞም ናብ እስራኤል እተቐየረ ደቂ ያእቆብ ካብ ግብጻውያን ይበዝሑ ነበሩ።


እቲ ገዛኢ ግብጺ ዝነበረ ፈርኦን ንደቂ ያእቆብ ባሮት ብምግባር ሕጡብ ኪሰርሑ ኣገደዶም። ንልዕሊ 300 ዓመት ኣብኡ ድሕሪ ምጽናሕ ነቲ ኣምላኽ ንኣብርሃምን ንኣቦታቶምን እተመባጽዖ መብጽዓታት ረሲዖምዎ ነበሩ ።


ኣምላኽ ንኣብርሃም
ህዝቡ ናብ ዘይትፈልጦ
ሃገር ከም ዚወርዱን
ኣብኡ ኣገልገልቲ
ኸም ዚኾኑን
ነገርዎ ነይሩ እዩ ።


እዚ ሓቂ እዩ እብለኩም ኣለኹ! ፈርኦን ካብ መጠን ንላዕሊ በዚሒና ስለ ዘለና ፈሪሁ ኣሎ ። ንኹሎም ሕጻናት ይቐትሎም ኣሎ።ግብጻውያን ድኹማትን ሃካያትን እዮም። ሰብኡትና ብጻዕሪ ድልዱላት እዮም ። ይፈርሁና እዮም ።
ንወደይ ኣይኪቐትልዎን እዮም ። ኣምላኽ ኬዕቍቦእዩ።
ሃ! ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ሓይሊ ፈርኦን እንታይ ኪገብረሉ ይኽእል፧




ፈርኦን ኣይሁድ እናበዝሑ ከይኸዱ
ስለ ዝፈርሀ ንኹሎም ኣቶም
ናጽላታት ኪቐትሎም ወሰነ።

ኦሪት ዘፍጥረት 46፡ 5-7፣
ዘጸኣት 1፡1-12, 22


ኣደይ ግና ነቶም ወተሃደራትን ነቶም ጕረባብትን ሕጻንና ኣበይ ከም ዘሎ ኺሓትዎም ከለዉ እንታይ ክነግሮም እየ፧
እቲ ሓቂ ክትነግርዮም ኢኺ። እቶም ወተሃደራት ምእንቲ ኸይገብርዎ ባዕላ ኣዲኡ ናብ ርባ ደርብያቶ።


ብገምጋም 1525 ድ.ኽ.
ኣደይ፣ማይ ከም ዘየልሕኹ ርግጸኛ ዲኺ፧
ብቑጥራን እተለበጠ እዩ። ክትንሳፈፍ እያ።


እንደገና ምስ ንእሽቶ ሓወይ ክንራኸብ ደኺና፣ እዞም ርጉማት ግብጻውያን እዚኣቶም!
ኣምላኽ ኬዕቍቦ እዩ ፡፡ ኣብ ጥቕኡ ኼንኪትከታተልዮ፡፡


ጓል ፈርኦን ክትሕጸብ
ናብቲ ርባ መጸት።
እንሆ! ካብቲ ኸፈር
ዚበኪ ደሃይ ኣሎ!


ሓደ ኻብቶም እብራውያን ሕጻናት ነይሩ ኪኸውን ይኽእል እዩ ።
ክጽብቕ!
ጠምዩ ኪኸውን ኣለዎ ።


ክከናኽኖ ዝኽእል ሰብ እንተ ዝረክብ ምዕበኽዎነይረ።
ሓደ ኻብቶም እብራውያን እንሀለት ። ምናልባት ክከናኽኖ ዝኽእል ሰብ ትፈልጥትኸውን።


ክከናኸኖ ዝኽእል ሰብ ክረክብ ዝኽእል እንተ ኾይነ ኽርኢ ኢየ ። ብዛዕባ ሓንቲ ውላዳ ናብ ርባ እተደርበየላ እብራዊ ሰበይቲ እፈልጥ እየ ። ገና ብዙሕ ጸባ ኣለዋ ።

ዘጸኣት 2:3-9


እንታይ እየ ገይረ፣ ንወደይ እንደገና ኸርእዮ ድየ፣ ኣምላኽ ይሓልየልና ድዩ፣
ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረክን። ክትሓብእዮ ኣይትኽእልን ኢኺ ንዘልኣለም። ውዒሉ ሓዲሩ እቶም ወተሃደራት ረኺቦም ይቐትልዎ እዮም። ወትሩ ኣብ ኣምላኽ ክትውከልኣሎካ።
ኣደይ ኣደይ!


ኣደይ ጓል ፈርኦን ናብቲ ርባ መጺኣ ነቲ ንእሾቶ ሓወይ ረኺባቶ ።ኽትዕብዮ እያ እትደሊ ዘላ። ዚከናኽኖ ሰብ ድማ እያ እትደሊ ዘላ! ሕጂ ናብዚ ትመጽእ ኣላ!
እቲ ዘለኣለማዊ ኣምላኽ ይባረኽ!


ውሉድኪ ኸም ዝሞተኪ ሰሚዐ ። ብጣዕሚ ይቐረታ። ነዚ ድማ ኣብ ርባ ረኺበዮ ። ምእንቲ ኽትከናኸንዮ ገንዘብ ክኣ ክህበኺ እየ።
ጡብ ምስ ሓደገ መጺኡ፡ ፈርኦን ግብጺ ኪኸውን ናብ ቤተ መንግስቲ ኽወስዶ እየ። ሙሴ ኢልና ኽንጽውዖ ኢና።
ሙሴ እናዓበየ ምስ ከደ ብዛዕባ እቲ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ኣቦታቱ መሃረቶ ። ኣምላኽ ነዚ ቈልዓ እዚ ፍሉይ ዕላማ ነበሮ ።


ዝለል ንእሽቶ መስፍን፡ ናብቲ ቤተ-መንግስቲ ኽንከይድ ኢና።
ክሳዕ ክንደይ እዮም ብቕልጡፍ ኪጐዩ ዚኽእሉ፧
ንሙሴ ስለ ዝኣለኽዮ ኣመስግነኪ። ጥዑይ እዩ ዚመስል ። ሃብታምን ሓያልን ኰይኑ ኺዓቢ እዩ።
ዘጸኣት 2:8-10


ሙሴ ወዲ ጓል ፈርኦን ምስ ኰነ ኣብ ግብጺ ዓብዩ ሰብኣይ ኰነ ። ሃብታምን ሓያልን ኪኸውን እኳ እንተ ነበረ ውርሻኡ ግና ፈጺሙ ኣይረስዐን ።


እቲ ኣምላኽ ኣቦታትና ኣብርሃምን ፣ይስሃቅን ፣ያእቆብን ዝኾነ ሙሴ ዘርኡ ኸም ዚበዝሕ ፣ንኣብርሃም ከኣ ናታቶም ኣብ ዘይኰነት ምድሪ ጓኖት ከም ዚኾኑ ነገርዎ፡፡እንሆ ኣብዚ ኢና ዘለና!
እወ ንኣብርሃም ኣብታ ፍልይቲ ሃገር ን400 ዓመት ከም እንሳቐ እውን ነገሮ ፡፡ ሐጂ 359 ዓመት ጥራይ ኢና ኣብዚ ዘለና 41 ዓመት ጥራይ እዩ ተሪፉ ፡፡


እዚ ዜደንቕ እዩ ፡፡ ፈርኦን ንኹሎም ባሮቱ ኺኸዱ ፈጺሙ ኣይፈቐደሎምን፣ ምስ ሃብቶም ኺወጹ እውን ኣይፈቐደሎምን፡፡ ምናልባት ግን ሓደ መገዲ ይህሉ ይኸውን ፡፡ ንምንታይ ተወሳኺ 41 ዓመት ንጽበ፣
ንኣብርሃም ከኣ ነቲ ህዝቢ በቲ ዚገብርዎ እከይ ከም ዚፈርዶ ነገሮ፣ብዙሕ ሃብቲ ሒዝና ናብታ ኣምላኽ ንኣቦታትና ዝሃቦም ምድሪ ኽንምለስ ኢና፡፡


እቶም እብራውያን ቈልዑ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ጐይተቶም ይሳቐዩ ነበሩ ። ሕጡብ እናሰርሑ ኣብ ጐዳጕዲ ስላይም ኪሰርሑ ነበሮም ። ሙሴ መከራ ኺወርዶም ከሎ ኺርኢ ስለ ዘይከኣለ ገለ ነገር ኪገብር ወሰነ ።
ተንስእ! ዚወቕዓካ እየ!
ኣታ ረሳሕ ሓሰማ ተንስእ!
ኢበር ተንስእ ።
ዘጸኣት 2፡10-11


ሓደ መዓልቲ ሙሴ ሓደ ኻብ ግብጻውያን ንሓደ ኻብ ህዝቡ ብጭካነ ኺወቕዖ ኸሎ ረኣየ።
ድሕነት ዚረኽበሉ ግዜ ኣኺሉ እዩ ። እዚ ደው ክብል ኣለዎ ።


ገሙ!
ይኣኽል!
ሙሴ ነቲ ግብጻዊ ቐቲሉ ነቲ ሬሳ ቐበሮ ሓደ ሰብ ግን ረኣዮ እሞ ንፈርኦን ነገሮ።


ኦ ኣምላኸይ! እንታይ እየ ገይረ፧
ደዎ በል! ብቕትለት ኣብ ፍርዲ ኽትቐርብ ኢኻ።
ሙሴ እዩ!


ብገምጋም 1491 ድ.ኽ.
ሙሴ ኻብ ግብጺ ወጺኡ ናብ በረኻ ሃደመ፡፡
ስድራ ቤቱ ኾነ ፈተውቱ ስለ ዘይነበሮ
በይኑ እዩ ነይሩ ፡፡ ንህዝቡ ኣየድሓነን ፡፡
ገዛእ ርእሱ እውን ኬድሕን ኣይከኣለን፡፡
ዘጸኣት 2፡11-15



ሙሴ ንሓያሎ መዓልትታት ብእግሩ ተጓዕዘ ። ካብኡ ኺርሕቑ ኣብ ዘይክእለሉ እዋን ናብ ሰፈር ጓሶት መጸ ።
እንሆ! ሰብኣይ!
ዳርጋ ዝሞተ እዩ ዚመስል ። ማይ ኣምጽኡሉ።
ግብጻዊ እዩ።

ሙሴ ኣብ መንጎ ሚድያናውያን ሓድሽ
ህይወት ረኸበ ። መገድታት በረኻ
ተማሂሩ ተመርዕዩ ጓሳ ኾነ ። ኣርብዓ
ዓመት ሓለፈ ግብጺ ኸኣ ናይ ርሑቕ
ተዘክሮ ኾነት። ሙሴ ንህዝቡ እንደገና
ኺርእዮም ተስፋ ቈሪጽዎ ነበረ ።




እዚ ብሓቂ ዜገርም እዩ! እቲ ቈጥቋጥ ብኸመይ እዩ ሓዊ ዘይነድድ፤ ብቐጻሊ ትነድድን ጥራያ ።


ሙሴ ጫማኻ ኣውጽእ። ኣብ ቅድስቲ ምድሪ ደው ኢልካ ኣለኻ። ኣነ ኣምላኽ ኣቦታትካ ኣብርሃም፣ይስሃቅን፣ ያእቆብን እየ።


ስቓይ ርእየ ጸሎት ህዝበይ ኣብ ግብጺ እውን ሰሚዐ እየ ። ካብ ጭቈናኦም እነድሕኖምን ናብታ ንኣቦታቶም እተመባጻዕክዎም ምድሪ ዝንመልሰሉን እዋን እዩ ።
ናብ ፈርኦን ክሰድደካ እየ፣ ንህዝበይ ከኣ ካብ ባርነት ከተውጽኦም ኢኻ። ንህዝበይ ኪሓድጎም ክትነግሮ ኢኻ፣ ንሱ እውን ኪኣቢ እዩ።

ዘጸኣት 2:16-3:10


ንስኻ ኸም ዝለኣኽካኒ ግና ኣይኣምኑን እዮም፡፡ ኪስሕቁ እዮም፡፡


በትሪኻ ናብ
ምድሪ ደርብዮ።


እንታይከ ፧በትረይ!


ቀታሊ ተመን ኮይና!


ነቲ ተመን ብጭራ ኣልዕሎ።


ናብ በትረይ ተመሊሱ!




ዘጸኣት 4 ፡1-4, 12-16


1445 ድ.ሕ.
ኣርብዓ ዓመት ሓሊፉ ኣሎ ። ኲሎም እቶም ብዛዕባ ሕሉፍ ህይወተይ ዚፈልጡ ሞይቶም እዮም። ዋላ ሓደ ኣይኪፈልጠንን እዩ ።
ፈርኦን ንህዝቢ ኣምላኽ ክሳዕ ዚሓድጎም።
ናብ ግብጺ ኽትምለስ ኢኻ! ኲሎም እቶም ኪቐትሉኻ ዚደልዩኺ ፧
ንኽንደይ ዚኣክል ግዜ ኢኻ ኽትከይድ፧


ንኹሎም ሸማግለታት ጸውዕዎም! ድሕነት ንረኽበሉ ግዜ ኣኺሉ እዩ!
ንሶም መን እዮም፧
ንሱ ኣሮን እቲ ሌዋዊ እዩ። እቲ ሓደ ከማና ይመስል፡ ባርያ ግን ኣይኰነን ።


ሙሴ
ቐድሚ ሰማንያ ዓመት
ኣብቲ ፈርኦን ንኹሎም
ሕጻናት ኪቐትል ዝጀመረሉ
እዋን እዩ ተወሊዱ ። ኣዲኡ
ኣብ ሳጹን ጌራ ኣብቲ ፈለግ
ሓብኣቶ። ጓል ፈርኦን
ብኣምላኽ ተደሪኹ ንሙሴ
ረኺበቶ፣ ንሱ ድማ ግብጻዊ
ኹይኑ እዩ ዓብዩ ።
ኩልኹም
ዓበይቲ እስራኤል
ንዑ።

ዘጸኣት 4:29-31


ቅድሚ ኣርብዓ ዓመት ሙሴ ግብጻዊ ዀይኑ ኣብ ክንዲ ዚገዝእ ምስ ህዝቡ መከራ ኺሳቐ ወሰነ ።ብሓይሉ ኼድሕነና ስለ ዝደለየ ፈሸለ ።ኣብ ዝሓለፈ 40 ዓመት ኣብ ምድረ በዳ እታ ኣምላኽ ንኣቦታትና እተመባጽዓሎም ምድሪ እዩ ዚነብር ዘሎ ። ኣብዚ ቐረባ ግዜ ኣምላኽ ኣዘራረቦ ካብ ፈርኦን ብኸመይ ከም ዜድሕነና ድማ ኣርኣዮ! ሕጂ ሙሴ ንፈርኦን ንኺሓድገና ክእምኖ ዚኽእል ትእምርትታት ኬርእየካ እዩ።


ኣምላኽ ኣብርሃም ካብ ዚነድድ ቈጥቋጥ ተዛረበኒ እሞ ናብ ምድሪ ኣቦታትና ኽመርሓኩም ለኣኸኒ። ሓደ ምልክት እንሆ ።


በትሩ ናብ ተመን ተቐየረ።
ኣይትፍርሑ!


ተመልከቱ!


ኣምላኽ
መድሓኒ
ልኢኹ ኣሎ።
እወ!ንፈርኦን
ከነርእዬኢና።


ተኣምራት እዩ!
ኣምላኽ ኣብርሃም!
ሕጂ ናብ ፈርኦን ንኺድ!
ዘጸኣት 4፡17, 30


ቅድሚ
ኣርብዓ ዓመት ካብዚ
ኻብ ዝከይድ ኣትሒዙ
ኣይተቖየረን ። ዝነገርኩኻ
ምንጋር ኣይትረስዕ ።


ኣምላኽ እስራኤል ንሙሴ ተዛሪብዎ ኣሎ። ኣምላኽ ነቶም ህዝቢ ንምምላኽን መስዋእቲ ንምቕራብን ንሰለስተ መዓልቲ ናብ በረኻ ኽኸዱ ክትሓድጎም ከም ዘሎካ ተዛሪቡካ ኣሎ።
ሃ! ኣምላኽ እስራኤል ድዩ፧ ሃ ሃ ሃ! ንኣምላኽካ ኣይፈልጦን እየ። ትእዘዞ እዚ ኣምላኽ እዚ መን እዩ፧ባሮተይ ንሰለስተ መዓልቲ ናብ በረኻ ኺጐዓዙ ኣይሓድጎምን እየ።


ንህዝበይ ብኸመይ ከም እተለዓዕሎምን ዕዮኦም ከም ዜቋርጹን ሰሚዐ እየ ። ሕጂ ኸኣ ንዘይፈልጦ ኣምላኽ ንምምላኽ ሰለስተ መዓልቲ ኺጒዓዙ ይደልዩ ኣለዉ፡፡ ዝያዳ ዚዕየ ዕዮ ኸም ዘለዎም ክግንዘብ እየ ።
ካብ ሕጂ ኣትሒዞም ሕጡብ ንምስራሕ ናይ ገዛእ ርእሶም በሰር ኬዳልዉ ኣለዎም፡፡ ሕጂ ካብ ኣዒንተይ ወጺእካ ናብቲ ዝመጻእካዮ ተመለስ፡፡

ዘጸኣት 5:1-7


እቲ ድፋረቱ ኽትኣምኖ ትኽእልዶ፧
ዜስሕቑ እዩ ነይሩ ። ከም ድምጺ ኣምላኽ ኰይኖም ናብዚ ይመጹ።


ኵሉ እቲ ዝዓመምካዮ ዕዮ ናባና ዕጽፊ ምግባር ምኳኑ ዱኻ እትነግረና ዘለኻ፣ ገለ ዓይነት ድሕነት ። ኣምላኽ ዝለኣኸካ ኸኣ ይመስለካ፡፡
መን እዩ ዚመስሎ፣
በቲ ዝገበሮ ውዲታት ከኣ ኣሚናዬ ።
ሓደ ዓይነት ጥሩፍ!


ስለዚ እኹል ክትገብሮ እትኽእል ነገር የብልካን። ንኣምላኽካ ኸተምልኾ ትደሊ ኢኻ ። ስራሕ ክይትህልወካ ኽንምህረካ ኢና።


የሆዋ ብስምካ ኽዛረብ ካብ ዝመጻእኩ ኣትሒዙ ኵነታት እናኸፍአ እዩ ዚኸይድ ዘሎ። ስለምንታይ ኢኻ ናብዚ ዝለኣኽካኒ፧
ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም እየ መከራ ርኤኹ ኣውያት ህዝበይ እስራኤል እውን ሰሚዐ።
ነቲ ንኣብርሃም ዝኣተኽዎ መብጽዓ ዝፍጽመሉን ነዚ ህዝቢ እዚ ናብ ምድሪ ከነኣን ዝመርሓሉን እዋን ኢዩ ። ንስኻ ሙሴ ኽትመርሖም ኢኻ።


ጽቡቕ ገይረ ግን ክዛረብ ኣይክእልን እየ ። ፈርኦን ኣይኪሰምዓንን እዩ።
ኣሮን ኪዛረብ እዩ፣ ጽን ኢልካ ሰሚዕካ እንታይ ከም ዚብል ጥራይ ትነግሮ። ኣብ ፈለማ ፈርኦን ኣይኪሰምዓካን እዩ፣ ግብጻውያን ኣነ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ምዃነይ ክሳዕ ዚፈልጡ ግና ዝዓበየ ትእምርትታት ክርእዮ እየ።


ሃ ሃ! እንደገና እንታይ ኢኻ እትገብር ዘለኻ፣
የሆዋ “ንህዝበይ ሕደግም” ይብለካ አሎ፡፡


የሆዋ እተዛረቦ ትእምቲ እንሆ ፡፡
ሃ ሃ ሃ! እዚ ናይ ጥንቈላ ሸጣራ ጥራይ ኢዩ፡፡ እዚ ኣየፍርሃኒን እዩ፡፡ ኣስማተኛታትና ጸውዑ፡፡




ዘጸኣት 5፡10-23, 7፡7-11


ቀልጢፍካ ነቲ
በትሪኻ ናብ ኣትማን እትቐይሮ
ስሒራዊ ሽጣራ ኣምጽኣዮ።


እታ ናይ ኣትማን መልኣኸና ዝያዳ ሐጡብ ክትሰርሕ ትነግረካ ኣላ። ሃ ሃ ሃ!




ዘጸኣት 7፡11-12


ረኣዩ! ተመን ምስ ተመንና ኽበኣስ ይደሊ ኣሎ።


ተመኑ ንሓደ ኣብ ናህና ተመን ይበልዖ ኣሎ!


ንተመንና ምሉእ ብምሉእ ዊሕጥዎ!


ካልእ ክበልዕ ከይፍትን ጥራሕ! ኣምላኽ ተመን ኪቖጣዕ እዩ።


ክኣምን ኣይክእልን! ተመኑ ንነፍሲ ወከፍና ተመና በሊዕዎም፡፡
እዚ ኸመይ ኢሉ ኪኸውን ይኽእል፧




ዘጸኣት 7:12




ዘጸኣት 7፡13 “ንሱ ኸኣ (ኣምላኽ) ንልቢ ፈርኦን ኣትርሮ፡ከቶ ኣይሰምዖን፣ ከምቲ ጐይታ ዝበሎ።”


ስለምንታይ የሆዋ ጠንቈልቲ ፈርኦን ኪደግሙዎ ዝኽእሉ ምልክት ሂቡ ይልእኸና ፧ ዓያሹ መሲልና።
ኣይፈለጥኩን ኣምላኽ ግን ንልቢ ፈርኦን ከም ዜትርሮ ተዛረበ። ብርግጽ ከምኡ እዩ ኣጋጢሙ ። በትረይ ኣትማን ምስ በልዐ ኽሳዕ ክንደይ ከም እተቘጥዐ ርኢኻዶ፧
ንየሆዋ ዝዛረበሉ ቦታ ኽረክብ ኣሎኒ ። ቀጺለ እንታይ ከም ዝገብር ኣይፈልጥን እየ ።


ኣምላኽ እንደገና ምስ ሙሴ ተራኸበ እሞ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ነገሮ ። ግብጻውያን ንሙሴ ኣላገጹሉ ።ፈርኦን ስለ ዘጨንቖም ህዝቡ ንሙስየ ነጸግዎ፣ ሙሴ ግን ዋላ እኳ እንተ ዘይተረድኦ ንኣምላኽ ኣሚኑን ተኣዘዘ።
የሆዋ “ንህዝበይ ምሕዳግ ስለ ዝኣበኻዮ ኣነ ኣምላኽ ሓቂ ምዃነይ ከኣ ምእንቲ ኽትፈልጡ ኩሉ ማያት ግብጺ ደም ኪኸውን እዩ” በለ።


እዚ ኸኣ ዜደንቕ እዩ ። ብኸመይ እዩ ኸምኡ ገይሩዎ፧
ኪድ ንጠንቌልተይ ኣምጽኣዮም። ኣምላኽ ኒል ነዚ ደው ኬብሎ እዩ።
ዘጸኣት 7፡15-21


ርአ፧ ኣስማተየይ እውን ከምኡ ኺገብሩ ይኽእሉ እዮም። በቲ ናትኩም ጥንቈላን ሽጣራታትኩምን ኣይከኣምንን እየ።


ኣብ ህይወተይ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ርእየ ኣይፈልጥን እየ ። ዓይኒ ማያትን ንኣሸቱ ራህያታትን እውን ከይተረፈ ናብ ደም ተቐዪሩ እዩ። ስም ኣምላኹ እንታይ እዩ ዝበለ ፧
እንደዒ። ኣየገድስን እዩ ፧ብኣሸሓት ዚቈጸሩ ኣማልኽቲ ኣለዉና ። ኣምላኽ ፈለግ ኒል ተቐጢዑ ኪኸውን ኣለዎ።


ሙሴ ኣምላኹ በይኑ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ተዛሪብ ።
ሓደ ኣምላኽ ፧ መስሓቅ እዩ።


እቲ ማይ ናብ ደም ካብ ዚቕየር ሽውዓተ መዓልቲ ጸኒሑ ሙሴ እንደገና ፍርዲ ኣምላኽ ኣብ ግብጺ ኣምጽአ።
ማያት እንቍርዖብ ብብዝሒ ይምላእ።




ዘጸኣት 7:21-25, 8:6


ቤተይ እቍርያብ መሊኡ።


ኵላ ግብጺ ብእንቍርዖብ መሊኣ ኣላ። እቶም ኣማልኽቲ ተቘጥዖም ኣለዉ!
ካህናትና ኣበይ እዮም ዘለዉ፧ ገለ ነገር ክገብሩዶ ኣይክእሉን ኢዮም፧


ኧዪዪ!!


ስለምንታይ እዮም ዝያዳ እንቍርዖብ ዚሰርሑ፧ እቲ ሙሴ እኹልዶ ኣይሃበናን፧ ድሕርዚ ፈርኦን ካብዚ ንላዕሊ ኣውስኸና።
ፈርኦን ንሕና ጠንቈልቲ እውን እንቍርዖብ ክሰርሕ ንኽእል ኢና።


ስለምንታይ ዘይትሓድጎም ናብቲ በረኻ ክኸዱ፧ ካብዚ ንላዕሊ ኽንጻወር ኣይንኽእልን ኢና።


ንሙሴ ጸውዓዩ ፡፡ ክዛረብ ከም ዝደሊንገሮ፡፡
እሺ ጐይታ፡፡


ነተን እንቍርዖብ ኪወስዷን ንየሆዋ ሕተቶ። ከምኡ እንተ ገይሩ ንህዝብኻ ሓዲገ መስዋእቲ ኽገብር እየ።
እንቍርዖብ ኪሞቱ እትደልየሉ ግዜ በል፣ ከምኡ ድማ ኪኸውን እዩ።




ዘጸኣት 8:7-10


ፈርኦን ኣብቲ ዝሸሞ እዋን እንቊርዖብ ከም ዝሞታ ምስ ረኣየ ልቡ ኣትሪሩ ንእብራውያን ኪሓድጎም ፍቓደኛ ኣይነበረን።
ንምድርና ብቈርዖብ ዚመልኣ የሆዋ እንታይ ዓይነት ኣምላኽ እዩ፧
ሓደ ኣምላኽ ከምኡ ኸም ዝገበረ ኸመይ ገርካ ትፈልጥ። ምናልባት ባህርያዊ ተርእዮ ኪኸውን ይኽእል እዩ ።


እሞ ደኣ ሙሴ እዚ ኸም
ዚኸውን ብኸመይ ይፈልጥ ነይሩ፧ ኩላቶም
ዚሞቱላ ሰዓትከ ብኸመይ ፈሊጡ፧
ስቕ
በል! ወይከኣ ፈጺምና
ኣይክንውድእን ኢና።


የሆዋ ድማ ንሙሴ “ንኣሮን ኢድካ ዘርግሕ እሞ ብዘላ ምድሪ ግብጺ ኽም ዚቕሙሉ ግበር በሎ” በሎ።


ኵሉ እቲ ኣብ ግብጺ ዝነበረ ሓመድ ድማ ቊማል ኾነ።
ኡዩዩ


ጐይታይ ግና እዚ ብርግጽ ዕዮ ኣምላኽ እዩ ። ነቲ እዞም ክልተ ሰባት እዚኣቶም ዝገበርዎ ኺገብር ዚኽእል ዋላ ሓደ የልቦን ። ሓይሊ የብልናን ።
ቁማል ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ ፤እቶም ህዝቢ ኣምላኹ ካብ ናትና ዝሓየለ ኸም ዝኾነ ገይሮም ኪሓስቡ እዮም። ስሒራዊ ሽጣራታት እዚ ጥራይ እዩ ክትገብሮ እትኽእል።


ባህርያዊ መግለጺ ክህሉ ኣለዎ እንተኾነ ግን ነዚ ኽንጻወሮ ኣይንኽእልን ኢና። ናብ ሙሴ መልእኽቲ ለኣኽ ። ኣምላኹ እንተ ነዚኦም ኣጥፊኡዎም፣ ንእብራውያን ንኣምላኾም ኬገልግሉ ኽም ዝሓድጎም ንገሮ።
ዘጸኣት 8:13-19


እቶም ቑማል እኳ እንተ ጠፍኡ ነቶም ባሮት ግና ክሓድጎም ኣይክእልን እየ። ከመይሲ ኣምላኹ እንታይ ካልእ ነገር ኪገብር ይኽእል፧


ኣምላኽ ንሙሴ ተዛሪብዎ እዩ ፡፡ ኣምላኽ “ናብ ግብጺ ዕስለ ሃመማ ኽሰድድ እየ፡፡ኣባይትኻ ብሃመማ ኺመልእ እዩ፡፡ ሕጂ ግና ኣብ መንጎ ግብጻውያንን እብራውያንን ፍልልይ ኽገብር እየ፡፡
ኣብ መንጎ ህዝበይ ሃመማ ኣይኪህሉን እዩ፡፡ በዚ ኽምዚ ኣነ ኣምላኽ ኲላ ምድሪ ምኳነይ ኵሉ ኺፈልጥ እዩ” በለ፡፡


ኣቦይ ካህናትና ነዚ ሰብኣይ እዚ ደው ኬብልዎ ዘይክእሉ ስለምንታይ እዮም፧ ሓይሎም ኣበይ ኣሎ፧
ብዛዕባ እዚ ሃይማኖት ዋላ ሓንቲ ኣይፈልጥን እየ ። ናይ ገዛእ ርእሰይ ስራሕ ጥራይ እዩ ዜተሓሳስበኒ ።


ከምቲ ዝበሎ እዩ፣ ኣብ መንጎ እብራውያን ሃመማ የልቦን! እዚ ዕዮ ኣምላኽም ኪኸውን ኣለዎ ።
ኪድ እሞ ንሙሴርኸቦ።


ኪድ እሞ ንኣምላኽካ ሰዉእ፣ ግናኸ ካብ ምድሪ ግብጺ ኣይትውጻእ።
እንተ ወሓደ ንሰለስተ መዓልቲ ኽንጕዓዝ ኣሎና።
ክትከይድ ትኽእል ኢኻ ክትርሕቕ ግና ኣይትኽእልን ኢኻ። ሕጂ ንኣምላኽካ ኣዘራርበ እሞ ነዘን ጽንጽያታት ክኣልዩም ሕተቶ።


ኣብ ኵላ ግብጺ ሓንቲ ሃመማ ብህይወት ኣይተረፈን። እዚ ተኣምር እዩ ።
ምዝራብ ኣቋርጽ! ነቲ ዓሻ ክትኣምኖ ኸም ዝጀመርካ ኹይኑ እዩ ዚስምዓካ።
ከም ብሓድሽ ፈርኦን ልቡ ኣትረረ ነቶም ህዝቢ ምሕዳግ ኣበየ ።

ዘጸኣት 8:20-32


ኣምላኽ ኣብ ግብጺ ኻልእ መዓት ሰደደ ። ኲሎም ኣጣኦምን ኣባጊዖምን ኣፍራሶምን ኣግማሎምን ቈሲሎም ሞቱ፡፡እንስሳታት እብራውያን ግን በዚ ሕማም እዚ ኣይተጣዙን፡፡
ኲሎም እንስሳታትና ሞይቶም ናትካ ድማ ጥዑያት እዮም፡፡ ብኸመይ፧
ሙሴ ኣምላኽ ኣቦታትና ኻብ ጭካነ ዝመልኦ ባርነትኩም ኬድሕነና ኸም ዝመጸ ተዛረበ፣ ኣነ ግና ተራ ሰብ እየ፣ ብዛዕባ እዚ ነገራት እዚ ኣይፈልጥን እየ ።


ካህናትና ንኣማልኽትና መስዋእቲ የቕርቡሎም ኣለዉ ። እቲ ቕዱስ ብዕራይና ኺሓርቑን ነዚ ደው ኬብሎን እዩ።


ኣማልኽቲ
ግብጻውያን ኣበይ ኣለዉ፧
ሓይሊ የብሎምንዶ፧
ግዜኡ ኸም ዝኣኸለ
ንፈርኦን ንገሮ ። ኩሎም
እቶም ቅዱሳት ኣብዑርና ሞይቶም
እዮም።እቶም ህዝቢ ኣማልኽትና
ኻብዚ ናይ እብራውያን ኣምላኾም
ከዕቀብዎም ከም ዘይክእሉ ምስ
ፈለጡ ክሓርቁ ኢዮም።


ፈርኦን ግን
ልቡ ኣትርረ ።
ዘጸኣት 9:6-7

ኣምላኽ ከም ብሓድሽ
ንሙሴ ተዛረቦ እሞ ኣብ
ልዕሊ እታ ኸተማ ሓምኹሽቲ
ነስንስ፣ ግብጻውያን ከኣ
ብቑስሊ ኺሸፈኑ ነገሮ።




ነቶም ጠንቋልቲ ጸውዓሎም። ኵሉ ሓይሎም ኪጽውዑ ንገሮም። ንኣማልኽትና ሰዊኡ። ነዚ ኣቋርጽዎ ።


ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኣኽቢርካ ዲኻእትጽውዕ፧
ጸዊዕካ። ጐይታይ፧


ኣቱም ሓይሊ ዘይብሎም ጭፍራ መታለልቲ ካብ ኣዒንተይ ርሓቑ፡፡ ንሰባት ተታልልዎምን ተዐሸውዎምን ኢኹም፣ ግናኸ መታለልቲ ምኺንኩም እፈልጥ እየ፡፡ ኣማልኽትኹም ኣበይ ኣለዉ፧


ኣንጊህካ ተንሲእካ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ደው በል እሞ ከምዚ በሎ፦ "ኣምላኽ እብራውያን ከምዚ ይብል፦ 'ንህዝበይ ሐደግዎ፡፡እቲ ዚቕጽል መዓትሲ ዝገደደ ኪኸውን እዩ፡፡ ንብዙሓት ህዝብኻ ዚቐትል ጥፍኣት ኬምጽእ እዩ፡፡ከምዚ ኸማይ ዝበለ ኣምላኽ ከም ዘየልቦ በዚ ኽትፈልጡ ኢኹም፡፡
ኣይትፈልጡን ኢኹም፣ ግናኸ ኣነ እየ ፈርኦን ዝገበርኩኻ፡፡ንልብኻ ኸም እተትርር ንህዝበይ ድማ ከም ዘይትሓድጎ እፈልጥ ነይረ እየ' በሎ፡፡


ነቓጽነትካ ንሓይለይ ንኸርኢ ኣብ ግብጺ ድማ ብሰንኪ እቲ ንህዝበይ ዝገበርዎ ጭካነ ንኽፈርድ ኣጋጣሚ ኸፈተለይ፡፡ንጥቕምኹም ኢልኩም እውን ትቃወሙ ኢኹም፣
ስለዚ ጽባሕ ምድሪ ቑድሚ ሕጂ ርእያቶ ዘይትፈልጥ በረድን ሓውን ክሰድድ እየ፡፡’ “


“ኣብ ደገ ዘሎ ኹሉ
ኺመውት እዩ እሞ ኵሉ
ሰብ ገዛእ ርእሱ ወይ ዝኾነ
ይኹን እንስሳ ኣብ ቤቱ ኼእቱ
ኸተጠንቅቕዎ ኣለኩም።”
ዘጸኣት 9:8-19


ከምቲ የሆዋ
ዝበሎይኹን።


ሓውን በረድን ተሓዋዊሱ፣ ኸምዚ ዝኣመሰለ ነገር ብኸመይ ኬጋጥም ዚኽእል፧
እቲ ሓያል ኣምላኽ ሴት ኣድሕነና።
ኡኡኡይ!!
እቶም ነቲ መጠንቀቕታ ዘይርእይዎን ኣብ ግዳም እተታሕዙን ሰባት ሞቱ ።


ኣቦይ! ሙሴ ብኸመይ
እዩ ኽምኡ ገይሩ፧ ኣምላኹ
ኻብቲ ጐይታ ሕንፍሽፍሽን
ህቦብላን ዝኾነ ሴት
ዝሓየለ ድዩ፧
ሓደ
ኣምላኽ
ጥራይ ከም
ዘሎን፤ እዞም
እብራውያን
እዚኣቶም ደቁ
ምዃኖምን
ተዘሪብ ።
እንተኾነ ግን
ንኣምላኹ እብራውያ
እውን ርኤሞ ኣይፈልጡን
እዮም ። እቲ መንፈስ ጥራይ
ከም ዝኾነ ከምተዛረቦ
፡ ንፈርኦን ንኣምላኾም
ንኼምልኹ ናብ በረኻ
ኺሓድጎም ኬእምኖ ይጽዕር
ኣሎ ።


ኣታ ጐይታ ሕንፍሽፍሽን ህቦብላን ዝኾነ ሓያል ሴት ፣ነዚ ዜስካሕክሕ ማዕበል ደው ከተብሎ ንልምነካ ኣለና። ብርግጽ ካብዚ ዘይርአ ኣምላኽ ሙሴ ትዓቢ ኢኻ።
ዘጸኣት 9:23-26


ናባና ኣይቀረበን፣ ግብጻውያን ጥራይእዮም።
ኣቦይ እፈርህ እየ ። እቲ ሓውን በረድንከ ኣባና ኺወድቕ ድዩ፧


የሆዋ ንግብጻውያን ብዘይምእዛዞም ይቐጽዖም ኣሎ ። እቲ ናይ ማዕበል ኣምላኽም ሴት ክሕግዞም ከም ዘይክእል ኢዩ ዘርእዮም ዘሎ ።
ኣዝዩ ዜስካሕክሕ እዩ።


ኣብ ቅድሚ የሆዋ ሓጢኣ እየ። ኣምላኽ
እብራውያን ጻድቕ እዩ፣ ኣነን ህዝበይን ከኣ እኩያት
ኢና።ንየሆዋ ሓውን በረድን ደው ኬብሎ ሕተቶ፣
ህዝብኻ ድማ ቀልጢፉ ኺሓድጎም እየ።


ካብታ ኸተማ ምስ ወጻእኩ ኣእዳወይ ናብ ሰማይ ሓፍ ከብል እቲ መዓት እውን ኬቋርጽ እዩ፡፡በዚ ድማ ምድሪ ናይ የሆዋ ምዃና ኽትፈልጥ ኢኻ ቃልካ ግና ኣይክትሕሉን ኢኻ ፡፡ ገና ንኣምላኽ ኣይትፈርህን ኢኻ፡፡
ፈርኦን እቲ ህቦብላ ኸም ዝሓለፍ ምስ ረኣየ ዝያዳ ሓጢኣት ፈጸመ ልቡ ድማ ተረረ፡፡ ነቶም ህዝቢ ኣይሓደጎምን ፡፡


ኣምላኽ ካልእ መዓት እውን ሰደደ ፡፡ ኣንበጣ መጺኦም ንኹሉ እቲ ህቦብላ ዘየጥፍኦ ሓምላይ ነገር ደበልዑ ነበሩ፡፡ ድሕሪኡ ናብ ኣባይቲ ኣተዉ ፡፡
ዘጸኣት 9፡26-35, 10፡13-15


ኣደይ
ኣደይ!
ኡወይይ!!
በሎም!


እቲ
ኣምላኽ ኣታኽልቲ ዝኾነ
ጌብ፤ እዚ ኣምላኽ እብራውያን
ንእኽልና እንታይ ከም ዚገብረሉዶ
ኣይትርእን ኢኻ፧
ኦሲሪስ
ሓይልኻኣርኢ።
ፈርኦን ንሙሴ ጸዊዑ
ነቶም ህዝቢ ኸም
ዚሓድጎም ተመባጽዐ፣
ኣምላኽ ነቲ ኣንበጣ
ምስ ወሰዶ ግና
ፈርኦን ከም ብሓድሽ
ልቡ ኣትርረ ባሮቱ
ምሃብ ከኣ ኣበየ።
ዘጸኣት 10:14-20


ድሕሪኡ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ግብጺ ብርቱዕ ጸልማት ኣውረደ። ንሰለስተ መዓልቲ ኻብ ደበና ዝመልኦ ለይቲ ጸልመተ፣ ኣብ ኣባይቲ እብራውያን ግና ጸልማት ኣይነበረን።
ቅድሚ ሕጂ ምቐተልኩኻ ነይረ እዚ ግን ኣማልኽትና ኣንጻር ናትካ ሓይሊ ኽም ዘይብሎም ዜርኢ እዩ ።


ካብ ኣዒንተይ ርሓቕ። ደጊም ገጽካ ኣይክርኢን እየ።
ሓንሳእ ሓቂ ተዛሪብካ ኢኻ ። ድሕሪ ደጊም ኣይክንራኸብን ኢና ።


ራ ዓብዩ
ኣምላኽ ጸሓይ ስምዓና፡፡
ንሰለስተ መዓልቲ ተሓቢእካ
ኣለኻ፡፡ ነዚ ኣምላኽ እብራውያን
ክትስዕሮዶ ኣይምኽኣልካን፧


እዚ ናይ መወዳእታ መዓት ኢዩ ፈርኦን፣ ድማ ካብ ግብጺ ኽንወጽእ ከሎና ባህ ክብሎ ኢዩ። ሎሚ ፍርቂ ለይቲ እቲ መጥፍኢ ብምድሪ ግብጺ ኺሓልፍ እዩ።ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት በዅሪ ወዲ ተባዕታይ ክመውት እዩ። ኣምላኽ ኣብዚ ለይቲ እዚኣ ንሓጢኣት ኪቐጽዖ እዩ።
በዅሪ ውላድናኸ፣ ንሳቶምከ ኺሞቱ ድዮም፧





ዘጸኣት 10:22-29, 11:4-5, 12:3-7


ጵባሕ ናብ ግብጻውያን ምይተትኩም ኪዱ፣ ነቲ ኽቡር ኣቑሑኦምን ወርቁን ስልማቶምን ብሩሮምን ተለቅሕዎ። ኣምላኽ ንልቦም ተንኪፍዎ እዩ ። ብናጻን ብኣኽልታርን ኪህብኹም እዮም።
ኣቑሑኹም ጠርፍዎ ጵባሕ ንግሆ ኽትኸዱ ተዳሎዉ። ደጊም ናብዚ ኣይክትምለሱን ኢኹም። ንግብጺ ንዘለኣለም ተሰናበትዋ። ሎሚ እታ ቐዳመይቲ መዓልቲኹም እያ።


ኣቦይ እታ እንኮ ገንሸልና እዩ እኮ፣ቀይሕ ቀለም ወይ ካልእ ነገር ክንጥቀምዶ ኣይምኸኣልናን፧
ኣምላኽ ገንሸል ኪቐትልን ደሙ ኣብ ማዕጾ ኬንብርን ተዛረበ። ልክዕ ከምቲ ዝበሎ ኽንገብር ኣሎና ። ነቶም ዘይእዘዝዎ ብኸመይ ከም ዚፈርዶም ርኢኻ ኢኻ ። እዛ ገንሸል እዚኣ ኻብ ሞት ከተድሕነካ እያ።


እሞኽ
እዛ ገንሸል
እዚኣ
ምእንታይ
ሞይታዶ፧
ንዓይ እውን
ከምኡ እዩ ። ኣነ
እውን በኹሪ
ወዲ እየ።


ኣደይ ኣቦይ ንማዕጾና ብደም ዚቐብኦ ዘሎ ስለምንታይ እዩ፧
የሆዋ “ነቲ ደም ኣብ ኣፍ ደገኻ ምስ ረኣኽዎ ከም ዝኣመንካኒ ኣብ ውሽጢ ቤት ከኣ ንዋላ ሓደ ኸም ዘይቀትል ክፈልጥ እየ” በሎ።
ዘጸኣት 12:26-28, 35-36


ስለምንታይ ነታ ዕየት ቀቲልካ ኣብ ኣፍ ደገኻ ደም ዘይገበርካ፧
ሃ! ነዚ ኹሉ ማሪታዊ እምነት ትኣምነሉ ዲኻ፧ ኣብ ኣፍ ደገ ዘሎ ቈሩብ ደም ሞት ደው ኬብሎ ዚኽእል ብኸመይ እዩ፧ ጆይኪም ወደይ ኣይፈርህን እዩ፧


ብርግጽ ኣይኮነን፡፡ ሕሱም ዝኾንኩዶ ይመስለካ፧ ሃይማኖት ንድኹማት እዩ ዝምልከት፡፡ ሕያዋይ ኣምላኽ ኣብ ኣፍ ደገ ቈሩብ ደም ብዘይምግዳፎም ንሰባት ኣይቀትልን እዩ፡፡ ብዛዕባ እቶም ዘይሰምዑ ሰባትከ፧


ኣቦይ እዛ ለይቲ እዚኣ ኻብ ካልኦት እተፈልየት ስለምንታይ እያ፧
ምኽንያቱ ሎሚ ምሸት ኣምላኽ ንኹሎም ዘይኣምኑሉ በኹሪ ደቂ ተባዕትዮ ንምቕታል መጥፍኢኡ ኽሰድድ ኢዩ። ነቲ ደም ምስ ረኣዮ ግና በታ ቤት እቲኣ ኺሓልፍ እዩ።
እዚ መጀመርታ መዓልትታትና እዩ ። ኣብ ዓዓመት ነዚ ፋስጋ እዚ ኽነብዕል ኣምላኽ ካብ ኢድ ፈርኦን ከም ዘድሓነና ድማ ክንዝክር ኢና።


ኣታ ኣቦይ ኣውያት ስማዕ! እቲ መጥፍኢ መጺኡ ክኸውን ኣለዎ!
ኣይትፍራህ። ንኣምላኽ ተኣዚዝናዮ ኢና ። እቲ ደም ኣብ ልዳት ማዕጾ ነበረ። ነታ ዕየት ንበልዓ ኣለና።


ወደይ ሞይቱ!
ኦ ኣምላኽ ሓደ ነገር ግበር ። ንሙሴ ጸውዓዮ!
ዘጸኣት 12:28


ኡኡኡይ
ኡይ! ወየነ ሒጻነይ !
ኡኡይይይ


ኣይትሓዘለይ እንተኾነ ግን ግዜኡ ሓሊፉ እዩ ፡፡ መጠንቀቕታ እኳ እንተ ተዋህበካ ኣይኣመንካን ፡፡ ሎሚ ምሸት ብዙሓት ክሞቱ እየም ፡፡
በታ ምሸት እቲኣ እቲ መጥፍኢ ነታ ኸተማ ምስ ሓለፋ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ሞቱ፡፡ እቶም ዝኣመኑን ነቲ ደም ኣብ ቤቶም ዘእተዉን ብህይወት ተረፉ፡፡


ወድና
ሞይቱ!
ቀልጢፍካ ንሙሴ
ናብዚ ኣምጽኣዮ።


እንታይ.....
በኹሪ ስድራ ቤቱ እዩ!
ዘጸኣት 12፡29-31



ፈርኦን እንደገና
ንሙሴ ጸውዖ ።


ፈርኦን ግን ንገጽ ሙሴ ኣይጠመተን።
ሓጢአ። በጃኹም ካብ ግብጺ ወጺእኩም ንኹሎም እብራውያን ምሳኻትኩም ውሰዱ። የሆዋ ኣምላኽካ ኻብ ዓቕሙ ንላዕሊ እዩ። ቅድሚ ምኻድካ ባርኸኒ።


ከምቲ ኣምላኽ ንኣቦታቶም
እተመባጽዓሎም ድሕሪ ኣርባዕተ
ሚእቲ ዓመት ካብ ግብጺ ወጹ ፡፡
ግብጻውያን ንእብራውያን ዝደለይዎን
ኪስከምዎ ዚኽእሉን ዘበለ ወርቅን
ስልማትን ምግብን ሃብዎም ፡፡ እዚ
ኣጋጣሚ እዚ ነቶም እብራውያን
ቈልዑ ዘሐጐስ ኣጋጣሚ ኢዩ ነይሩ ፡፡




ዘጸኣት 12:31-38, 13:21-22



## ምዕራፍ 4

# ዘጸአት


ናብ ቀይሕ ባሕሪ ኽሳዕ ዚበጽሑ ሰዓብዎም። ኣብኡ ኸኣ ነቲ ሰፊሕ ማይ ብኽመይ ከም ዚሰግርዎ ኺመያየጡ ጀመሩ።


ፈርኦን ብውላዱ ሓዘኑ ምስ ወድአ ብዝያዳ ተቑጥዐ። ንባሮቱ ዝሓደጎም ስለምንታይ እዩ፧
ንሰረገላታት ተዳለዉ። ንእብራውያን ስዓቦም ። ምለሶም ወይ ንኹላቶም ቕተልዎም።
ከምቲ ትእዛዝካ ኪኸውን እዩ።

ዘጸኣት 14:5-7


እንሆ ሰራዊት ግብጺ ይመጽእ ኣሎ! ኣብዚ በረኻ እዚ ተቐርቂርና!
ሙሴ ንኽንመውት ናብዚ ኣውጽኣና ። ኣብዚ ኣምላኽ ዝሓደጎ ቦታ ኻብ ሙማት ባርያ ኾይኑ ምንባር ይሓይሽ ።


ግብጻውያን ነቶም ረዳኢ ኣልቦ እብራውያን ምስ ረኣይዎም ነቲ ሙሴ ንግብጺ ዘስዓባ ስቓይ ምስ ዘከርዎም ንምቕታል ድሉዋት ነበሩ።
ሐጂ ኣምላኽ ኬድሕነና ዚኽእል ነገርየልቦን።
ኣኽራን ኣብ ጐድንና ማይ ከኣ ኣብ ቅድሜና ኣሎ። ኣብ መጻወድያ ኢና ዘለና።


ኣብቲ ዘለኹሞ ደው በሉ ። ኣምላኽ ብሓያል መገዲ ኼድሕነና እዩ።
ኣምላኽ ንልቢ ፈርኦን ከም ዜትርር ገይሩ እዩ ። ድሕሪ እዚ ግዜ እዚ ንሰራዊት ግብጺ ደጊም ኣይክትርእዮዎን ኢኹም።
ዘጸኣት 14:5-13


ሰራዊት ግብጺ ናብ እብራውያን ምስ ቀረብ፣ ብሃንደበት ዓብዩ ዓምዲ ሓዊ ኻብ ሰማይ ወሪዱ መገዶም ዓጸወ።በታ ለይቲ እቲኣ እብራውያን ብርሃን እኳ እንተ ነበሮም ግብጻውያን ግን ኣብ ድቕድቕ ጸልማት ነበሩ።


ሙሴ በትሩ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ሓፍ
ኣበለ ብርቱዕ ንፋስ ከኣ ካብ ሰማይ
መጺኡ ነቲ ማይ ኣንጸፎ፣ እቲ
ባሕሪ ኸኣ ተኸፋፈለ ንቑጽ መገዲ
ድማ ኣብ ባይታ ባሕሪ ሓደገ።
እዚ ኣዝዩ ዜደንቕ ተኣምር
እዩ ። ደቂ እስራኤል ንባሕሪ
ብንቑጽ ምድሪ ሰገርዎ ።
ኣብ መጻኢ ብዛዕባ እቲ ኣብ ባሕሪ
መገዲ ዝሰርሐ ኣምላኽ ኪዝምሩ እዮም
። ኩሉ ሰብ ብዘይካ ሓደ ኣምላኽ ስሙ
ኸኣ የሆዋ ምኻኑ ይፈልጥ እዩ ።
ዘጸኣት 14:15-22


እዚ ኻብቲ ኣብ ግብጺ ዝረኣናዮ ንላዕሊ እዩ ።
ኣምላኽና ኻብ ኩሉ ዝበለጸ ኣምላኽ እዩ! ኣብ ማእከል ባሕሪ ኢና እኮ ዘለና።


ዮስያስ! ዓቢድካ ዲ ኻ፤ካብኡ ርሓቐ! ክትሕምብስ ከም ዘይትኽእል ትፈልጥ ኢኻ!


ነቶም ጽቡቓት ዓሳ ጥራይ እየ ኽትንክፎም ዝደሊ።


እብራውያን ኪሰግሩ ምስ ቀረበ
ኣምላኽ ነቲ ንግብጻውያን
ዚዓግቶም ዝነበረ መካበብያ
ሓዊ ኣልገሶ፡፡ነቲ ባሕሪ
ስለ ዘይረኣይዎ ደድሕሪ
እብራውያን ተቐዳደሙ፡፡
ንእብራውያን ቅተልዎም!
ዘጸኣት 14፡22-23


ሎሚ ሓይሊ የሆዋ ርኢኹምኢኹም።
እንሆ እቲ ማይ ይምለስ ኣሎ። ኩላቶም ኪጥሕሉ እዮም።


ኩሉ ወተሃደር ግብጺ ኣብ ባሕሪ ጠሓለ። ኣማልኽቶም ዕንጨይትን እምንን ኬድሕንዎም ኣይከኣሉን።
ዘጸኣት 14፡27-28


ርኣዮ እሞ ፡፡ እቲ ባሕሪ ብዝሞቱ ወተሃደራት ግብጺ መሊኡ ነበረ፡፡
ብርግጽ የሆዋ በይኑ ጐይታ ኣምላኽ እዩ ፡፡ ከምዚ ኺገብር ዚኽእል ካልእ የልቦን ፡፡ ነዛ መዓልቲ እዚኣ ንዘለኣለም ክንዝክራ ኢና ፡፡

እቶም እብራውያን ነቲ ባሕርን ነቲ ዝሞተ ሰራዊት ግብጽን ሓዲጎም ንሙሴን ነቲ ደበናን ናብቲ ሰፌሕ በረኻ ሰዓብዎ፡፡ነቲ ኻብ ግብጺ ዝተማልእዎ ደበልዑን ይሰትዩን ነበሩ፡፡



ንእተወሰነ መዓልትታት ድሕሪ ምጕዓዞም እቲ ዝመርሖም ደበና ኣብ ዒላታት ማይ ደው በለ፡፡ እቶም እብራውያን ምግቦም ክሳዕ ዚውዳእ ኣብኡ ሰፈሩ፡፡ ካብዚ ንላዕሊ መግቢ እትረኽበሉ ቦታ ኣይነበረን ፡፡ ተስፋ ዘይብሉ እዩ ዚመስል ነይሩ ፡፡


ኣብ ግብጺ ኽንጸንሕን ካብዚ ዝሓሸ ናብራ ኽንነብርን ምኸኣልና ነይርና ። ባሮት ከም ም኏ንና መጠን እኹል ምግቢ ነበረና ። ኣብዚ ዋላ ሓንቲ የለን ።
እወ ብጥሜት ክንመውት ናብዚ ኣምጺእካናዶ፧


ስምዑኒ፡፡ኣብቲ እንስዕቦ ኣምላኽ ጴኣ እምበር ኣባይ ኣይተማርሩንን ኢኹም ዘለኹም፡፡
የሆዋ እንጌራ ኻብ ሰማይ ከም ዜዝንም ተዛረበ፡፡ ንግሆ ንግሆ ንምድሪ ሸፊንዋ ኽትረኽብዋ ኢኹም፡፡ ክትገብሮ ዘሎካ ነገር ኣልዒልካ ምብላዕ ጥራይ እዩ፡፡


ሙሴ እንታይ በለ፣ ብኸመይ ኢና ምግቢ ኽንረክብ እንኽእል፣ እቶም ቈልዑ ይጠምዩ ኣለዉ፧
የሆዋ ንግሆ ንግሆ እንጌራ ኻብ ሰማይ ከም ዜዝንምተዛረበ።



ዘጸኣት 14፡21-22, 30, 16፡2-3, 7-8


ስለምንታይ ኢና እንጠራጠር፣
ከምቲ ዝበሎ ካብ ሰማይ እንጌራ።


እንሆ! ኣብ ኲሉ ቦታ እዩ ዘርከብ ።
ጥዑም እዩ! ከም መዓር እዩ ዚጥዕም።
ብሓቂ የሆዋ ኣምላኽ እዩ ሙሴ ኸኣ ነብዩ ኡ እዩ።


ኣብ በረኻ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ኣምላኽ ሰማያዊ ምግቢ መላእኽቲ መገቦም ።
እቲ ደበና ኣብ ልዕሊ ሰፈሮም ክሳዕ ዝነበረ እብራውያን ኣብ ጥቓ ዓይኒ ማያት ጸንሑ ነቲ ሰማያዊ እንጌራ ድማ በልዑ፡፡እቲ ደበና ኺንቀሳቐስ ምስ ጀመረ ግና ድንኳናቶም ጠርኒፎም ናብቲ ዘይፍለጥ በረኻ ሰዓብዎ፡፡


ማይ ዚውድእሉ
እዋን ግና መጸ ።
እንጌራ
ሃበና፣ ሕጂ
ግና ብጽምኢ
ኪቐትለና እዩ።
ድሕሪ ሓጺር
እዋን ማይ እንተ
ዘይብልና እታ
ንእሽቶ ጓለይ
ክትመውትእያ።




ዘጸኣት 16፥14-15, 17፥2-4፣
መዝሙር 78፥24-25


ኣምላኽ ንሙሴ እንታይ ኪገብር ከም ዘለዎ ነገሮ ።
መጺእካ ሓይሊ የሆዋ ርኣዩ ። ኣይትኣምንዎን ኢኹም ። ትቚጥዑን ተጕረምረምሩን ኢኹም።


እንጌራ ሃበኩም፣
ሕጂ ኸኣ ካብዚ
መኻን ከውሒ ማይ
ይህበኩም ኣሎ።


ንም
ኣኣኣ
ዘጸኣት 17:5-6


እቲ ማይ ከም
ርባ ይውሕዝ
ነበረ።


ከም ብሓድሽ እቲ ደበና
ኣንቀሳቐሰ እብራውያን ከኣ
ናብቲ ሲና ዚበሃል ከረን ሰዓብዎ።




ዘጸኣት 17:6, 19:1-6, 9


ትእዛዛተይ እንተ ተኣዚዞም ካብ ኲሎም ኣህዛብ ኣብ ገጽ ምድሪ ፍሉያት ህዝበይ ከም ዚኾኑ ንገሮም። እንተ ተኣዚዞም መንግስቲ ኻህናት ኪኾኑ እዮም ።
ሙሴ ምሳኻ ኽዘራረብ ከለኹ እቶም ህዝቢ ኣነ ከም ዝኾንኩ ምእንቲ ኺርእዩን ኪሰምዑን ኪፈልጡን ብብርቱዕ ደበና ኽመጽእ እየ።


ሙሴ ኻብቲ ኸረን ወሪዱ ንኹሉ እቲ ኣምላኽ ዝበሎ ነቶም ህዝቢ ነገሮም።
ክንእዘዝ ኢና ። ኩሉ እቲ ኣምላኽ ዝበሎ ኽንገብርኢና።
ኪዱ ክዳውንትኹምን ሰብነትኩምን ሕጸብ፣ ንኣምላኽ ንምምላኽ ርእስኹም ኣዳልዉ ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣምላኽ ኪበጽሓና እዩ።



ከምቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኩሎም እቶም ህዝቢ ኣምላኽ ክሳዕ ዚዛረብ ኣብ ቅድሚ እቲ ኸረን ተኣከቡ። እቲ ፍልይ ዝበለ ደበና ናብቲ ኸረን ወረደ እሞ …
ሙሴ ናብቲ ኸረን ደየበ።


ሙሴ ኣነ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእኩኻ የሆዋ ኣምላኽ እየ። ክትወርድ ከለኻ ኣብ ዙርያ እዚ ኽረን እዚ ሓጹር ግጠም። ካብቶም ካልኦት
ሰባት ነዚ ኽረን እዚ እንተ ድኣ ተንከይዎ ክሞቱ ኢዮም። ነቲ ህዝቢ ኽትነግሮ ዘሎካ ዓሰርተ ትእዛዛት ክህበካ እየ።
ዘጸኣት 19፡7-25


ኣብ ቅድሜይ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይተምልኽ።
ንርእስኻ ጣኦታት ኣይትግበር።
ስም ኣምላኽ ብኸንቱ ኣይተልዕል።
ንመዓልቲ ሰንበት ቅድስቲ ግበሮ።
ንኣቦኻን ንኣዴኻን ኣኽብር።
ኣይትቕተል።
ኣይትዘሙ።
ኣይትስረቕ።
ንብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክረሉ።
ነቲ ናይ ብጻይካ ዝኾነ ኣይትመነ።

ዘጸኣት 20:3-17


ኣብ ቅድሜይ
ካልኦት ኣማልኽቲ
ኣይተምልኽ።
ንርእስኻ ጣኦታት
ኣይትግበር።
ስም ኣምላኽ ብኸንቱ
ኣይተልዕል።
ንመዓልቲ ሰንበት ቅድስቲ
ግበሮ።
ንኣቦኻን ንኣዴኻን ኣኽብር።
ዘጸኣት 20:3-4, 32:15-20


ኣይትቕተል፡፡
ኣይትዘሙ፡፡
ኣይትስረቕ፡፡
ንብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክረሉ፡፡
ነቲ ናይ ብጻይካ ዝኾነ ኣይትመነ፡፡
ዘጸኣት 20:3-17


ሙሴ ኻብቲ ኸረን ምስ ወረደ ነቶም ሰብዓ መራሕቲ እስራኤል ኣኪቡ ትእዛዛት ኣምላኽ ነገሮም፡፡
ክንገብሮ ኢና ፡፡
ጽቡቕ ትእዛዛትእዩ፡፡
ሰብዓኹም ምሳይ ናብ ከረን ክትምለሱ ኢኹም፡፡ ኣምላኽ ከምቲ ምሳይ ዝገበሮ ኣብኡ ኺዛረበኹም እዩ፡፡ ባዕልኹም ክትርእዩ ኢኹም፡፡ ፈለማ ግና ነቲ ኣምላኽ ዝነገረኒ ትእዛዛት ኣብ መጽሓፍ ክጽሕፎ ኣሎኒ ፡፡

ሙሴ ንኹሉ ነገራት ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎ ገይሩ እዩ ዚጽሕፎ ነይሩ ። መንፈስ ኣምላኽ ዝኹነ ይኹን ጌጋ ኸይገብር ሓጊዝዎ እዩ ።





ሙሴ ነተን ቃላት ጽሒፉ ምስ ወድአ ነቶም ህዝቢ ኣኪቡ ንቓላት ኣምላኽ ኣንበበሎም ።
ኩሉ እቲ ኣምላኽ ዝበሎ ሰናይ እዩ ፣ ንሕና እውንክንእዘዞኢና።
ስለዚ ህዝቢ እስራኤል ምስ ኣምላኽ ኪዳን ተኣታተኑ ። ይባርኾምን ህይወት ይህቦምን ካብ ጸላእቶም የናግፎምን ነበረ፣ ብጽድቂ እናተመላለሱ ንኹሉ ትእዛዛቱ ተኣዘዙ።

ኣምላኽ ንሙሴ መስዋእቲ ደም ኬቐርብን
ነቲ ህዝቢ ብደም ኪነጽፍን ኣዘዞ።




ኵሎም ሓጥኣን እዮም ነይሮም ሞት እውን ዚግብኦም፣ ወላ ሙሴን ኣሮንን ። ኣምላኽ ግን መሓሪ እዩ ነይሩ ። ዜምልጠሉ መገዲ ድማ ሃበ ።


ኣምላኽ ነታ ንጽህቲ ዕየት ብምቕታልን ነቲ ህዝቢ ደም ብምንጻግን ይሸፍኖ ነበረ። እታ ሞት ዘይግብኣ ገንሸል ኣብ ክንዲ እቶም ሞት ዚግብኦም ብዙሓት ሓጥኣን ሞተት።
ሓጢኣትኩም ምስ ተጐልበ ሰብዓ ምሳይ ናብ ከረን ክትድይቡ ክብሪ ኣምላኽ ከኣ ክትርእዩ ኢኹም።
ዘጸኣት 24:1-8


ስለዚ ሰብዓ ሽማግለታት እስራኤል ንሙሴ ስዒቦም ናብቲ ኣምላኽ ንሙሴ እተዛረቦ ኸረን ከዱ።

ብሃንደበት ኣብ ቅድሚኦም
ዝፋን ኣምላኽ ተቐልቀለ ።




እቶም ሰብዓ ሽማግለታት፣ ሙሴ ናብቲ ኸረን ኪድይብ ከሎን በቲ ዜብርህ ክብሪ ኣምላኽ ኪጠፍእ ከሎ ረኣይዎ።
ከምዚ ዝኣመሰለ ጽባቐ!
ክብርን።
ከም ሙሴ ምስ ኣምላኽ ገጽ ንገጽ ዚዛረብ ሰብ የልቦን።
ዘጸኣት 24፡9-10


ሙሴ እቲ ህዝቢ ንዓይ ዜምልኹሉ ማሕደር ከም ዚሃንጽ ክትገብር ኢኻ። ኣብ ዓመት ሓንሳእ ምስቲ ሊቀ ኻህናት ዝራኹበሉ መስዋእትን ቅዱስ ቦታን ዘለዎ መሰውኢ ኺህልወኒ እዩ።
ነቲ ማሕደር ብኸመይ ከም እትሰርሖ ብልክዕ ክነግረኩም እየ። ነገድ ሌዊ ካህናተይ ኪኾኑ እዮም፣ ኣሮን ደድሕሪኡ ዘለዉ ደቁ እውን ሊቀ ኻህናት ኪኾኑ እዮም።ነቲ ህዝቢ ጻድቕ ክኸውን ክምህርዎ ኢዮም እቲ ህዝቢ ምስ ሓጥአ ኸኣ መስዋእቲ ከቕርቡ ኢዮም።


ቅድሚ ሰሙናት ኣብቲ ኸረን ኣብ ዝነበረ ሓዊ ጠፍአ ። ክሳዕ ሕጂ ሞይቱ ኪኸውን ኣለዎ ።
ከምቲ ሙሴ ዝገበሮ ዚመርሓና ኣምላኽ የድልየና እዩ ።
እወ ኣብዚ በረኻ እዚ ንዘለኣለም ክንቅመን ኣይንኽእልን ኢና።
ንኣምላኽና ምስሊ ወርቂ ንግበር።


ሙሴ ሞይቱ ።
ኣሮን ናብ ግብጺ
ዚመርሓና ኣምላኽ
ወርቂ ኺገብረና እዩ።
ወርቅኻ
ሃበና።


እቶም ዓያሱ ብኣእዳዎም ምስሊ ብዕራይ ፈጢሮም ኣምላኽ ኢሎም ሰመይዎ። እቲ ሰይጣን ቅድሚ ምሕጣኡ ዝነበሮ ናይ መጀመርታ ምስሊ ብዕራይ እዩ ነይሩ ።እቶም ህዝቢ ዘይፈልጥዎ እኳ እንተ ነበሩ ሰይጣን ግን ንኼምልኽዎ ብመንፈሱ ደሪኽዎም እዩ።
ኣሮን ንድሌት እቶም ህዝቢ ብምስዓብ ኣምላኽ ወርቂ ንኺሃንጹ ሓገዞም ።
ዘጸኣት 20፡4, 25፡8-9, 28፡1-3, 32፡ 1-4፣ ህዝቅኤል 1፡10, 10፡14, 28 ፡14


ኣሮን ኣዝዩ ዓሻ እዩ ነይሩ። እቲ ምስሊ ኣምላኽ ከም ዘይኰነ ይፈልጥ እኳ እንተ ነበረ ነቶም ህዝቢ ግን ይፈርሆም ነበረ።
እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጽኣካ ኣምላኽካ እንሆ። ጽባሕ ዓብዪ መስዋእቲ ኽንእውጅን ንየሆዋ ኽነምልኾንኢና።
ኣምላኽ ንኺምልኹ ኢሎም ዝኾነ ይኹን ምስሊ ኽይገብሩ ኣቐዲሙ ኣዚዝዎም እኳ እንተ ነበረ ነቲ ዝሓሰብዎ እዮም ዚስዕቡ ነይሮም ።


እቶም ህዝቢ ሳዕስዑ
ጥራዮም ድማ ኰኑ።
ሰኺሮምን ሕማቕ
ግብሪ ገበሩ ። ኣምላኽ
ንኹላቶም ኬጥፍኦምን
ናብቲ ንድያብሎስን
ንመላእኽቱን ዘዳለወሎም
ሓዊ ኺሰድዶምን
ድሉው እዩ ነይሩ ።
ኣምላኽ ንሙሴ “ሕጂ ውረድ። እቶም
ህዝቢ ዓብዩ ሓጢኣት ፈጺሞም
እዮም። ጥራዮም ኰይኖም ኣብ ቅድሚ
ጣኦት ይስዕስዑ ኣለው።ንኹላቶም
ከጥፍኦም እየ። ልቦም ተሪር እዩ ።
ብጽድቂ ኣይመላለሱን እዮም” በለ።

ዘጸኣት 32:5-10


ሙሴ እቶም ህዝቢ ንኣምላኽ ከም ዘረስዕዎን ጣኦት ከም ዝገበሩን ምስ ረኣየ ኣዝዩ ተቘጥዐ።
ትእዛዛት ኣምላኽ ኣፍሪስኩም!


ሙሴ ነቲ ትእዛዛት
እተጻሕፈሉ ጽላት
እምኒ ሰበሮ።


ብዘይካ የሆዋ ካልእ ኣማልኽቲ ኸም ዘይብሎምዶ ኣይተዛረበን፧ ብኣእዳውካ እትሰርሖ ምስሊ ፈጣሪኻ ኪኸውን ይኽእልዶ፧
ሙሴ ነቲ ምራኽ ወርቂ ሰባበሮ ናብ ኣብ ድኹም ሓመድ ቀጥቀጦ።
ዘጸኣት 20፡3-4, 32፡15-20


ኣብ ጐድኒ የሆዋ እንተ ኼንካ መጺእካ ምሳይ ደው በል። ንኣማልኽቲ ግብጺ እንተ ኣምሊኽካዮም ኣብቲ ዘለኻሉ ተቐመጥ።
ምስሊ እኳ እንተ ዘይብሉ ነቲ ንቐይሕ ባሕሪ ዚኽፍሎ ኣምላኽ ክስዕብ ምመረጽኩ።
ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ክንስዕብኢና።


መቕጻዕቲ ሓጢኣት ሞት እዩ፡፡ የሆዋ ኺሞቱ ኸም ዘለዎም ተዛረበ ፡፡ ሕጂ ሰይፍኩም ወሲድኩም ንኹሎም እቶም ንኣምልኾት ኢሎም ምስልታት ዚጥቀሙ ቕተሉዎም፡፡


በታ መዓልቲ
እቲኣ 3,000
ኣምለኽቲ ጣኦትን
ኣመንዝራታትን
ተቐትሉ።
ቅ~ረጽ
ኡኡይ
ምሕረት
ግበሩ!
ዘጸኣት 32፡26-28

ሙሴ ናብቲ ኸረን
ደየበ ኣምላኽ
ድማ ነተን ዓሰርተ
ትእዛዛት ኣብ
ክልተ ጽላት እምኒ
ጸሓፈን።ሙሴ ምስ
ወረደ ነቶም ህዝቢ
ትእዛዛት ኣምላኽ
ኣርኣዮም ፣ ኩላቶም
ድማ ኪእዘዝዎ
ተሰማምዑ ።




ኣምላኽ ተሪር ልብን ዓለወኛን ህዝቢ ኸም ዝኾንኩም እዩ ዝፈልጥ። ምስ ሓጥእኩም ንኹላትኩም ከም ዚቐትለኩም ነገረኒ፣ ኣነ ግና ምእንታኹም ጸለኹ፣ ንሱ ድማ ንሓጢኣትኩም ኬርሕቖ እዩ።የሆዋ ብሓቂ መሓርን ይቕረ በሃልን እዩ ።


ኣምላኽ ማሕደር ኪሃንጽ መምርሒ ሂቡ እዩ ። ብመሰረት እቲ ንሱ ዝሃቦ መምርሒ እንተ ሰሪሕናያ ኣብኡ ኺረኽበና እዩ ።ኲላትና ሓጥኣን ስለ ዝኾንና ኣምላኽ ክንቀርበሉ እንኽእል መገዲ ኣዳሊዉልና ኣሎ ።ሌዋውያን መዓልቲ መዓልቲ መስዋእቲ ደም ኬቕርቡ እዮም።
ኣብ ዓዓመት ሓንሳእ እቲ ደም ኣብታ ታቦት ኪዳን ኪቕመጥ እዩ።ኣምላኽ ከምቲ ኣብ ግብጺ ዝገበሮ ነቲ ኣብታ መርከብ ዘሎ ደም ምስ ረኣዮ ሓጢኣትና ኼርሕቕ እዩ፣ ንሕና እውን ኣይክንመውትን ኢና። ኣምላኽ ይቕረ ዚብለሉ መገዲ እዩ ።


በዚ ኸምዚ እቲ ማሕደር
ተዛዚመ እቶም ካህናት ድማ
መዓልታዊ መስዋእቲ ኬቕርቡ
ጀመሩ፡፡ኣምላኽ ንእምነት እቶም
ደም እንስሳታት ዜቕርቡ ምስ
ረኣየ ሓጢኣቶም ኣወገዶ፡፡
እቶም ህዝቢ ግን በቲ
ኣብ በረኻ ዝጸንሑሉ
እዋን ስለ ዘይተሓጐሱ
ወትሩ ኣጕረምረሙ ፡፡
እቲ ዘጕረምረሙን ዘይምእማንን ኣምላኽ ኣብ
ልዕሊኦም ፍርዲ ዘውረደላ መዓልቲ መጸት፡፡




ዘጸኣት 34፡28-32, 39፡32፣ ዘሁልቍ 21፡5-6


ነዊሕ ከይጸንሐ እቲ ደምበ ብመርዛም ኣትማን መልአ።


ኣምላኽ ይሓግዘና!


እቶም ኣትማን ለይቲ ኣብ
ድንኳናቶም ረኸቡዎም፡፡
ስስስስስስ


ሓግዝኒ!ተነኺሰ፡፡


እውይ




እቶም ቈልዑ እውን
ከይተረፉ ብሰንኪ ሓጢኣት
ወለዶም ይሳቐዩ ነበሩ ።

ዘሁልቍ 21:6


ካብ ኵሉ እቲ ሰፈር ኣውያት ስቓይን ሓዘንን ይስማዕ ነበረ። ዓስቢ ሓጢኣት ኣዝዩ ሕማቕ እዩ።
ብምሉኡ እቲ ሰፈር ከምዚ ኢዩ ዝመስል፤ እናገደደ ኢዩ ዝኸይድ ዘሎ። ብዙሓት ድሮ ሞይቶም እዮም ።
ንሙሴ ኽንረኽቦ ኣሎና ። እዚ ብርግጽ ዕዮ ኣምላኽ እዩ ። በቲ ህዝቢ ብሓጢኣቶም ተቘጢዑ ኣሎ።
ኃም


ንኣምላኽ ክትዛረቦ ኣሎካ ። እዚ መቕጻዕቲ እዚ ይግብኣና እኳ እንተ ኾነ ምሕረት ኪግበረልና ሕተቶ ።
እቶም ህዝቢ ኣምላኽ ንሓጢኣት ኣርዚኖም ዝርእይዎ መዓስ እዮም፣ ትእዛዛቱ ኺሕልዉን ቅዱስ ህዝቢ ኪኾኑን ኣለዎም ።


ኦ ኣምላኽ በጃኻ ንህዝብኻ ምሕረት ግበር። ንሓጢኣቶም ሕደገሎም ።
ኪድ ። ከምቲ ንሰባት ዚነክስ ተመን ኣስራዚ ግበር። ኩሉ ምእንቲ ኺርእዮ ኣብ ዓንዲ ኣቐምጦ።ነቲ ተመን ኣስራዚ ጥራይ ኪርእይዎ እሞ ብቐጽበት ኪፍወሱ ንገሮም።
ዘሁልቊ 21:7-8


ኣምላኽ መገዲ ሂቡና ኣሎ ። ነቲ ተመን ኣስራዚ እሞ ርኣዮ እሞ ክትፍወሱ ኢኹም።


ኪመውት እዩ ።
ኣይፋልን! ኣምላኽ መገዲ ሂቡና ኣሎ ። ኣዒንትኻ ከፊትካ ጥራይ ርኣዮ። ንርእ እሞ ብህይወት ክትነብር ኢኻ!


እዚ ተኣምር እዩ!
ንኻልኦት ክንነግሮም ኣሎና ።
ሰሪሕለይ! ንኻልኦት ክነግሮም እየ ።


ንርአ እሞ፡ ክትነብር ኢኻ!
ዘሁልቊ 21:9


ስለምንታይ ኢኻ ብናይ ሓሶት ተስፋ እተላገጽ፧
ገሊኣቶም ጠሚቶምን ሓዉዩም።
እመውት ከም ዘለኹ ዶ ኣይትርእዩን ኢኹም፧ ስለምንታይ ኢኻ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ዕሽነት እትርብሸኒ፧


ሞይቱ እዩ።
ስለ ዘይኣመነ የጕህየኒ እዩ።
ብዙሕ ኩርዓት ነርዎ።


እቶም ህዝቢ እንደገና ሓይሊ
ኣምላኽ ረኣዩ ። እቲ ሰፈር ካብ
ተመን ርሒቑ ናብ ንቡር ተመልሰ ።
እቶም ህዝቢ ግን
መብዛሕትኡ ግዜ
ትእዛዛት ኣምላኽ
ብዘይምሕላዎም ቃሕ
ዝበሎም ይገብሩ ነበሩ ።


ደቂ እስራኤል ከኣ ደድሕሪ እቲ ደበና ሰዓቡ። ኣምላኽ ካብ ሰማይ ማና መጊብዎም ዚሰትዩሉ ማይ እውን ሃቦም።
ናብ ምድሪ ተስፋ ምመርሖም ነይሩ፣ ንሳቶም ግና ዘይእዘዙን ትእዛዛቱ ዘይሕልዉን እዮም ነይሮም፣ ስለዚ ኣምላኽ ኣብ በረኻ ንኣርብዓ ዓመት ኰለል ከም ዚብሉ ገበሮም።
ዘሁልቍ 21፡9, 32፡13


ሙሴ ምስ ኣምላኽ እትቀርብ ንስኻ ጥራይ ከም ዝዀንካ ጌርካ ኢኻ እትሓስብ ። ንሕና እውን ከማኻ ቅዱሳት ኢና ። ብምልኡ እቲ ጉባኤ ቅድስ እዩ ። ኣብ መንጎና ሓጥኣን የለን።ኣምላኽ ከኣ ኣብ መንጎና ኣሎ። ንስኻን ኣሮንን እንታይ ክንገብር ከም ዘሎና ኽትነግሩናን ገዛእ ርእስዅም ክትፈርዱልናን ኣየድልየኩምን እዩ። ባዕልና ክንፈርድ ንኽእል ኢና ።
እወ እዚ ዀሉ ኣብ ምድረ - በዳ ኰለል ክብል፤ ኣምላኽ ከኣ ብቐሊል ነገራት ክቐትለና ደኺመ ኢየ ።
እወ ጒድለት ሙሴ እዩ። መለከዒታቱ ኣዝዩ ልዑል እዩ ።


ሙሴ ናብቲ ማሕደር
ከይዱ እንታይ ኪገብር ከም
ዘለዎ ንኣምላኽ ሓተቶ ።


ኣምላኽ “ኣቱም ደቂ ሌዊ ኣብ ርእስኹም ብዙሕ ሓላፍነት ትስኩሙ ኣለኹም ። ኣምላኽ ምስ ዘይሸሞም ሰባት ካህናት ምኾንኩም ኔርኩም” በሎም።
ጽባሕ ጐይታ ኣብ መንጎ ኹላትና ኺፈርድ እዩ ፤ ካህናት ኣምላኽ መን ምዃኖምን መን ከም ዘይኰነን ከኣ ክንፈልጥ ኢና ።ጽባሕ ንግሆ ናብቲ ማሕደር ንዓ። ነቲ መቀመጢ ምስ ሓዊ ኣምጽኣዮ።
ዘሁልቍ 16:2-6


ንጽብሒቱ፡፡
ኣቱም ቅድስናኹም
እትብሉ ካህናት ንህዝብታት
እትገዝኡ ዘበልኩም ቅረቡ፡፡


ሎሚ ኣምላኽ ኣብዚ ቦታ እዚ ኺራኸበና እዩ ኪመርጽ ድማ እዩ ፡፡ ሓይሉን ክብሩን ክንርኢ ኢና፡፡


ኣብ ውሽጢ
ደቒቕ ክቐትሎም
እየ እሞ ካብዘም እኩያት
እዚኣቶም ርእስኹም
ፍለዩ።


ካብ ድንኳናቶም ርሓቑ። እንተ ዘይርሕቅካዮም ምሳታቶም ክትመውት ኢኻ።
ዘሁልቍ 16:19-24


ፈተና እንሆ ፡፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ንቡር ሞት እንተ ሞይቶም ኣነ ናይ ሓሶት ነብዩ ምዃነይን ኣምላኽ ብኣይ ኣቢሉ ኸም ዘይዛረብን ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም፡፡
ሎሚ ግና ሓድሽ ነገር እንተ ርኢኹም ምድሪ እንተ ኸፊታ ንዓታቶምን ንኹሉ ንብረቶምን ናብ ጕድጓድ ሲኦል እንተ ወሒጣቶም ንኣምላኽ ከም ዝሓጥኡ ኽትፈልጥጡ ኢኹም፡፡


ሓግዙኒ
ኡደደደ
ኖኖኖእ

ዘሁልቍ 16:28-33



ኵሎም እቶም ካህናት ኪኾኑ ዚደልዩ
ዝነበሩ ሰባት ብህይወቶም ከለዉ ናብቲ
ንድያብሎስን ንእኩያት መላእኽቱን
እተዳለወ ሓዊ ገሃነም ኹምተዋሕጡ።


ነቲ ናይ ኣስራዚ ሰናቲሞም ኣልዒሎም ነቲ መሰውኢ መኾልበቢ ግበርዎ።
ነቲ መሰውኢ ዝሸፈኖ ኣስራዚ ምስ ረኣኹም፤ ንትእዛዛት ኣምላኽ ዕሸሸ ብምባል ካህናት ኪኾኑ ዝደለዩላ መዓልቲ ኽትዝክሩ ኢኹም።
እታ መዓልቲ እቲኣ ደቂ እስራኤል ፈጺሞም ዘይርስዕዋ መዓልቲ እያ ነይራ ። ኣምላኽ ሙሴ ነብዩኡ ምዃኑ እቶም ዝሸሞም ከኣ ካህናት ኪኾኑ ኸም ዚኽእሉ ንጹር ገበረ ።


ክብሪ ኣምላኽ ወትሩ ኣብ ልዕሊ እቲ ማሕደር ደው ኢሉ ነበረ እቶም ህዝቢ ድማ ንሙሴ ንኣርብዓ ዓመት ኣብ በረኻ ብፍታው ሰዓብዎ።
ክብሪ ኣምላኽ ምሳና እዩ ካብ ሰማይ ከኣ እንጌራ ይህበና።
ኣምላኽ ካብ ሰማይ እንጌራ የዝንም ነበረ ካብ ከውሒ ድማ ማይ ይህቦም ነበረ።እቲ ዓንዲ ሓዊ ብለይቲ ደበና ድማ መዓልቲ ይሸፍኖም ነበረ። ኪቐመጡን ትእዛዛት ኣምላኽ ኪሕልዉን ተማሂሮም እዮም ።
ዘሁልቊ 16:37-38



እቶም ካህናት ኣብቲ ማሕደር ይእከቡን ከምቲ ሙሴ ዝኣዘዞ መዓልታዊ መስዋእቲ የቕርቡን ነበሩ ።


ኣብ በረኻ ኣርብዓ ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ ኵሎም ናብታ ምድሪ ተስፋ ኺኣትዉ ኺዳለዉ ኸለዉ ኣምላኽ ንሙሴ ናብቲ ኽረን ደየብ በሎ፡፡ኣብኡ ኸኣ ምስ ኣምላኽ ንመወዳእታ ግዜ ድሕሪ ምዝርራቡ ድማ ሞተ፡፡


ብኡንብኡ መንፈሱ ናብ ህላወ ኣምላኽ ተወስደ ። ኣብኡ ኸኣ ክሳዕ መወዳእታ እቲ ኣምላኽ ንኣብርሃም እተመባጽዓሉ ምድሪ ምስ ህዝቡ ዝሓብር ጸነሐ ።
ብገምጋም 1451 ቀ.ክ. - ዘዳግም 34:4-5


የሆዋ ኣምላኽ ንኣብርሃም ንህዝቡ ሓዲጉ ናብታ ኣምላኽ ዚህቦ ምድሪ ኪኸይድ ካብ ዚጽውዖ ዳርጋ 500 ዓመት ሓሊፉ ነበረ፡፡
ኣምላኽ ንኣብርሃምን ሳራን ካብ ወጾም ይስሃቅ ዓብዩ ህዝቢ ኾም ዚገብሩ ዝኣተዎ መብጽዓ ተፈጺሙ እዩ ፡፡እቶም ስሞም ናብ እስራኤል እተቐየረ ዓሰርተው ክልተ ደቂ ያእቆብ ዓሰርተው ክልተ ነገድን ብዙሓት ህዝብን ኰኑ፡፡


ብባርነት ሓለፉ ምስ ሙሴ
ኣብ ምድረ በዳ ኈለል በሉ
ሕጊ ኣምላኽ ተቐበሉ ኣብ
መወዳእታ ኸኣ ናብ ምድሪ
ተስፋ ኣተዉ ፡፡ኣብ ብምሉኡ
እቲ ኣብ በረኻ ዚግበር ዝነበረ
ጕዕዞ ሓደ ቈልዓ ኣብ ጐድኒ
ሙሴ ኰይኑ ንእስራኤላውያን
ብኸመይ ከም ዚመርሖም
ይከታተልን ይመሃርን ነበረ ፡፡


እቲ ቄልዓ እቲ ሓያል
ተዋጋኢ ዝነበረ እያሱ
እዩ ኮይኑ ዓብዩ ።


ሙሴ ምስ ኣምላኽ ኪኸውን ምስ ከዷ እያሱ ነቶም ህዝቢ ናብታ ኣምላኽ ንኣብርሃም እተመባጽዓሉ ምድሪ ንኺመርሖም ብኣምላኽ ተመርጸ ።
እቶም ህዝቢ ኣብ ዘይትፈልጥዎ ሃገር ጓኖት ከም ዚኾኑን ድሕሪ 400 ዓመት ናብ ምድሪ ኣቦታቶም ከም ዚምለሱን ዚገልጽ ትንቢት ዘከሩ ። ኣምላኽ ቃሉ ሓለወ ።

ኣብታ ንዮርዳኖስ
ዝሰገርዋ መዓልቲ
እቲ ኻብ ሰማይ
ዝመጸ ማና
ኣቋረጸ ካብታ
ምድሪ ኸኣ ሓድሽ
ምግቢ በልዑ።




ዘዳግም 34:9፣
እያሱ 5:12



## ምዕራፍ 5

# መንግስቲ




እቶም ኣብታ ደቂ እስራኤል ዝመጹላ ምድሪ ፍልስጥኤም ዚነብሩ ዝነበሩ ህዝቢ እኩያት እዮም ነይሮም። ከነኣናውያን ተባሂሎም እዮም ዚጽውዑ ነይሮም ካብ እስራኤላውያን ከኣ እተፈልየ ቛንቋ ነበሮም ። መስዋእቲ ሰብ የቕርቡ ኣብ ቅድሚ ኣማልኽቲ ኸኣ ካብ ወርቅን ብሩርን ኣስራዝን ዕንጨይትን ይሰግዱ ነበሩ።




ኦሪት ዘፍጥረት 14:18, 20:7፣
ዘሁልቍ 22:4-8፣ ዘዳግም 18:9-11



እቶም ኣብታ ምድሪ ተስፋ ዚነብሩ ዝነበሩ ኣምለኽቲ ጣኦታት ፡ ደቂ እስራኤል ከይህልዉ ተቓዊሞም ተዋግኡ፣ ኣምላኽ ግና ንደቂ እስራኤል ኪስዕርዎም ሓይሊ ሃቦም።


ከመይ ጌርካ ኢኻ ናብዛ ቕድስቲ ቤተ መቕደስ ክትኣቱ እትደፍሩ!
ናይ መወዳእታ ግዜ ውሉድ ቐቲልካ ኢኻ።


ኣብ መወዳእታ እቲ ዲማዊ ውግእ ምስ ተዛዘመ እብራውያን ንጸላእቶም ሰዓርዎም እታ ምድሪ ኸኣ ወነንዋ። እያሱ ነቶም ህዝቢ ኣዘራረቦም ።
እቲ ኣዝዩ ጥንታዊ ኣቦሓጎና ዝነበረ ኣብርሃም ካብ ጣኦታውያን ህዝቢ ዝመጸ እዩ ነይሩ ። ኣምላኽ ንዕኡ ተዛረቦ ዓብዩ ህዝቢ ኸም ዚገብሮ ድማ ተመባጽዐ ።


ብዘይካዚ ኣምላኽ ህዝቡ ናብ ግብጺ ኸም ዚወርዱ ን400 ዓመት ከኣ ከም ዚጸንሑ ተዛሪቡ ነበረ፣ ድሕሪኡ ኣውጺኡ ናብታ ሕጂ ደው ኢልካላ ዘለኻ ምድሪ ኺመልሶም እዩ፡፡እንሆ ልዕሊ 500 ዓመት ጸኒሑ ኣምላኽ ነቲ ንኣብርሃም ዝኣተዎ መብጽዓ ሓለወ ፡፡ ሕጂ ኸኣ ናብታ ምድሪ ኣቲኹም ኣብቲ ዝተረፈ ኽፋል እታ ምድሪ ዕርፉ፡፡ ኣምላኽ ከምቲ ዝፈረዶም ኪፈርደኩም እዩ እሞ ኣብነት እቶም ቅድሜኹም ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ዚነብሩ ሓጥኣን ኣይትስዓብ ፡፡

እያሱ 24:2-14


ኣብታ ሓዳስ ምድሪ ድማ ሰላም ረኸቡ ። ኩሉ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ሕርሻ ነበሮ እኹል ምግቢ ድማ ነበረ ። ኣምላኽ ልዕሊ ኹሉ ባሪኾዎም እዩ ።
ድራር ተዳልዩ ኣሎ።
ነዚ ኸውሒ እዚ ምስ ኣውጻእናዮ ክንመጽእ ኢና።


ከምቲ ኣምላኽ እተመባጽዖ እብራውያን ነታ ምድሪ ኽሳዕ ዚመልእዋ እናበዝሑ ኸዱ። ከተማታቶም ጽቡቃት ኮና ። እቲ ሓድሽ ህዝቢ እስራኤል ተባሂሉ ይጽዋዕ ነበረ ።
ሰላም ንዓኺ ሓብተይ። ሎሚ ዘለዉ ዓሳታት ኸመይ እዮም፧
ከም ቀደሙ ኻብ ባሕሪ፡ ሓድሽ እዩ።


የሆዋ ንጸላእትኻ እኳ እንተ ሰዓሮም ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ግና ኣምልኾ ጣኦት ኣሎ። ነታ ኣምላኽኩም እተገልግሉላ መዓልቲ ሕረዩ፣ ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ከእዞም ኣብ ምድኦም እትነብረሎም ህዝቢ፣ ወይስ ኣምላኽ ኣብርሃም። ኣነን ቤተይን ንእግዚኣብሄር ከነገልግል ኢና።
ኣምላኽ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኽነገልግል ይኽልክል፣ ከመይሲ የሆዋ ብዓብዩ ሓይሊ ኻብቲ ኣብ ግብጺ ዝነበረ ባርነት ኣድሒኑና ኣብ በረኻ ተኸናኺነና።
ንእግዚኣብሄር ከም እነገልግል ተመባጻዕና ።


እግዚኣብሄር ድማ ንኹሎም እቶም ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ዚነብሩ ዝነበሩ ኣሞራውያን እውን ከይተረፈ ኻብ ቅድሜና ኣሰጐጐም። ስለዚ ንኣምላኽ ከነገልግሎ ኢና፣ ኣምላኽና እዩ።
ኣምላኽ ቅዱስ ኣምላኽ እዩ፣ ንሱ ቐናእ ኣምላኽ እዩ፣ እንተ ሓዲግካዮን ጣኦታት እንተ ስዒብካን ንሱ ግልጽ ኢሉ ኺጐድኣካ እዩ።


ንዕኡ ንምግልጋል ንእግዚኣብሄር ከም ዝሓረኹምዎ ንርእስኹም መሰኻኽር ኢኹም።
መሰኻኽር ኢና።
ነቲ ሎሚ ምስ ኣምላኽ ዝኣቶኻዮ ኺዳን ኣብታ መጽሓፍ ክጽሕፎ እየ።
ከምቲ ንሙሴ ብኹሉ እተኣዘዝናዮ ንሕና እውን ክንእዘዘካ ኢና፣ ኣምላኽ ከምቲ ምስ ሙሴ ዝነበሮ ምሳኻ ይኹን ። ካብ ትእዛዝ ኣምላኽ ዝዓለወ ዘበለ ይቀተል።


እቶም ህዝቢ በቶም ምስ ኣምላኽ ዚዘራረቡን ቃላት ሙሴ ዜንብቡን ፈራዶ እዮም ዚገዝኡ ነይሮም ። ነቲ ህዝቢ ሕጊ ኣምላኽ ገለጹሎም ንኣምላኽ ንኺእዘዝዎ ድማ ነገርዎም ።
ሕጊ ኣምላኽ ብዛዕባ ሓደ ሰብ ዝሃረመ ብዕራይ እንታይ ይብል፧
ሙሴ እቲ ዋና በቲ ዝወረደ ጕድኣት ተሓታቲ ምዃኑ ኣብዑር ድማ ኪቕተል ከም ዘለዎ ገለጸ።
ዘጸኣት 21፡28-29፤
እያሱ 24፡15-24


እቶም ህዝቢ ንእተወሰነ እዋን ነቲ ኣምላኽ ኣብ ትሕቲ ሙሴን እያሱን ዝገበሮ ተኣምራት ዘከሩ። ካብ ባርነት ግብጺ ሓራ ብምውጻኦም ኣመስገኑ ። ንየሆዋ ኣምላኽ ኣገልጊሎምን ከምቲ እተኣዘዝዎ መስዋእትታት የቕርቡን ነበሩ ።
ኣቦይ እቶም ካህናት ንገንሸልና ዚቐትልዎ ስለምንታይ እዮም፧ እቲ መጥፍኢ ኽምቲ ኣቦታትና ኣብ ግብጺ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ዝገበሮ ኺሓልፍ ድዩ፧
ደም እዚ ገንሸል እዚ ንሓጢኣትና ይሸፍኖ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ቅቡል ይገብረና ።



እቶም ህዝቢ ንእያሱ ንኣምላኽ ከም ዜምልኹን ትእዛዛቱ ኸም ዚሕልዉን እኳ እንተ ተመባጽዑሉ ገሊኦም ንየሆዋ ኻብ ምምላኽ ኣቋረጹን ።
እቲ ተኣምራት ምስ ኣቋረጸ እቲ ዚቐጽል ወለዶ ነቲ ህያው ኣምላኽ ረሲዑ ኣብ ቅድሚ እቶም ህይወት ዘይብሎም ምስልታት ኣምለኹ። ንኣቦሓጎታቶም እውን የምልኹ ነበሩ።


ከምቲ እያሱ ዘጠንቀቖም
ኣምላኽ ነቶም ኣረማኒ
እስራኤላውያን
ኬጥፍኡ ለኣኾም ።
ኣይፋልን!
በዓል ኣድሕነኒ!
ኣኣኣኣኣ
መሳፍንቲ 3፡7-8, 12-13, 4፡1-2, 10፡6-7


ኣብ ልዕሊ ህዝቢ፡ ኣምላኽ ፍርዲ ምስ ወረደ ንሕግታቱ ይዝክሩን ሓጢኣቶም ተናዘዙ ፡፡
ኦ የሆዋ ሓጢኣትና ሕደገልና ሰላምና ውን መለሰልና፡፡
ሓጢኣቶም ምስ ተናዘዙ ኸኣ ደቐረ በለሎም መሬቶም እውን መለሰሎም፡፡


እቶም ህዝቢ ንኻህናት ኣምላኽ ምስዓብ የድክሞም ነበረ ። ኣብ ልዕሊኦም ዚገዝእ ንጕስ ኪገብሩ ወሰኑ።
ምድርኹም ንጥቕሚ መንግስቲ ኺግበት እዩ። ንጓልካ ኣብዚ ሓዲግካያ ኽትከይድ ትኽእል ኢኻ ። ጽቡቕ ጌርና ኽንከናኸና ኢና ።


ሳሙኤል ዝስሙ ነብዩን
ፈራድን ንጉስ ኪገብሩ
ኸለዉ ንኣምላኽ ከም
ገዛኢኦም ይነጽግዎ ኸም
ዘለዉ ብእምነት ኪመላለሱ
ከም ዘይለው ኣጠንቀቖም
።ንጉስ ሳኦል ሃሰዮም
ገንዘቦምን ንብረቶምን
ወሰደ ኣወዳቶም ገላዩ
ገበሮም ንኣዋልዶም
ድማ ኣዋረደን ።


ንጉስ ሳኦል ምስ ኣረገ፣ እኩያት መናፍስቲ መጺእዎ ፧ኪቈጻጸሮ ዘይክእል ቍጥዓ ድማ ነበሮ።
ሓደ መዓልቲ ንሓደ ዳዊት ዝስሙ በገና ዚጻወተሉ ዝነበረ ቈልዓ ብኹናት ክሃርሞ ፈተነ።
1 ሳሙኤል 8
ሳኦል ሓጥያቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበዝሐ እዩ ዚኸይድ ነሩ ። ብኹሉ ደቐንእን ይፈርህን ነበረ።እቶም እኩያት መናፍስቲ ሓይልን ሃብትን ከም ዚህብዎ እኳ እንተ ተመባጽዑ መከራ ጥራይ እዮም ኣምጺኦምሉ ።


ሳኦል ነቲ ህያው ኣምላኽ ጠንጢኑ ንጠንቋልቲ ኣማኸረ።
ጸልማት እርኢ ኣለኹ ። ጽቡቕ ኣይኰነን ። ኣብ ውግእ ክትመውት ካልእ ድማ ኣብ ክንዳኻ ንጉስ ኪኸውን እዩ።
ሳኦል ኣብ ውግእ ሞተ ነፍሱ ድማ ናብ ሲኦል ተደርበየት።


ኣምላኽ ንሳኦል ተኪኡ ንጉስ ዚኸውን መንእሰይ
መረጸ ። ንኣምላኽ ዜፍቅርን ትእዛዛቱ ዚሕሉን
ጓሳ እዩ፣ እቲ ሳኦል ኪቐትሎ ዝፈተነት እዩ ።
ጐይታ ጓሳይየይ እዩ።
ንነፍሰይን ንእምነተይን
መሊሱለይ።
ዳዊት ጻድቕን
ፍቑርን ኣምላኽ
እዩ ነይሩ ። ንደቂ
ሰብ ካብ ሓጢኣትን
ሞትን ዜድሕኖም
ንሱ ደኹን ይኸውን
፤ እቲ መብጽዓ
እተገብረሉ ዳዊት
ድዩ ነይሩ ፤
1 ሳሙኤል 18፡10-11, 31፡4, 16፡1-13፣
መዝሙር 23፡1-3


ዳዊት ከምዚ ኢሉ
ጸሓፈ፦ ብምኽሪ እቶም
ንኣምላኽ ዝፈርሁን፣
ኣብ መገዲ ሓጥኣን
ዘይቀውም፣ ኣብ መንበር
ንዕቀት ከኣ ዘይቅመጥ
ሰብ ብሩኽ እዩ።ሓጐሱ
ግና ብሕጊ ኣምላኽ እዩ፣
ኣብ ሕግኡ ኸኣ ለይትን
መዓልትን የስተንትን።


ከምታ ብግዜኡ ፍሪኡ
እተፍሪ ኣብ ጥቓ ወሓይዝ
ማይ እተተኽለት ኦም
ኪኾውን እዩ፣ ቈጽሉ እውን
ኣይኪጽምን፣ ዚገብሮ ዘበለ
ድማ ኪብልጽግ እዩ።
እቶም ፍርሃት ኣምላኽ
ዘይብሎም ግና ከምቲ
ንፋስ ዚሰጐጎ ብቘቡቘ
እዮም። ስለዚ እቶም
ፍርሃት ኣምላኽ
ዘይብሎም ኣብ ፍርዲ
ኣይኪቘሙን እዮም፡
ኣብ ማሕበር ጻድቃን
እውን ሓጥኣን እዮም።
እግዚኣብሄርሲ መገዲ
ጻድቃን ይፈልጥ እዩ
መገዲ እቶም ፍርሃት
ኣምላኽ ዘይብሎም
ግና ክትጠፍእ እዩ።


ሳኦል ምስ ሞተ ዳዊት ንጉስ እስራኤል ኰነ ፣ ነቶም ህዝቢ ድማ ንኣምላኽ ኬምልኹን ትእዛዛቱ ኺሕልዉን መርሖም ።
ምድሪ እዛ ሰበይቲ እዚኣ ምለሰላ እሞ ተወሳኺ ግብሪ ኸም ዘይትኸፍል ርአ።
ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ዳዊት እቲ ህዝቢ በልጸገን ቅኑዕ ናብራ ይነብርን ነበረ ።
2 ሳሙኤል 2፡4፣
መዝሙር 1፣
ግብሪ ሃዋርያት 13፡22-23



ኣምላኽ ንዳዊት ተዛሪብዎን ብዛዕባ መጻኢ ብዙሕ ነገራት ገሊጹሉን እዩ ። ዳዊት ነዚ ትንቢታት እዚ ኣብ መጽሓፍ መዝሙር ጸሓፎ ። ሓያሎ ኻባታቶም ድሮ ተፈጺሞም እዩ ።
ንህዝብኻ ብጽድቂ ንድኻታትካ ድማ ብፍርዲ ኺፈርዶ እዩ። ንደቂ ስኡናት ኬድሕኖም ነቲ ጨቋኒ ድማ ኪሰባብሮም እዩ። ብዘመኑ ጻድቃን ኪዕምብቡ እዮም፣ ወርሒ ኽሳዕ እትህሉ ድማ ብዙሕ ሰላም ኪህሉ እዩ። ካብ ባሕሪ ኽሳዕ ባሕሪ ካብ ርባ ኽሳዕ ወሓዚ ምድሪ ድማ ግዝኣት ኪህልዎ እዩ።


ዳዊት ጻድቕ እኳ እንተ ነበረ ሓጢኣት ስለ ዝገበረ እቲ መብጽዓ እተገብረሉ መድሓኒ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ ነይሩ ። ብዛዕባ እቲ ዚመጽእ ዘሎ መድሓኒ ኸምዚ ኢሉ ጸሓፈ፦
እወ ኩሎም ነገስታት ኣብ ቅድሚኡ ኺወድቑ እዮም ኩሎም ኣህዛብ ድማ ኬገልግልዎ እዮም። ንነፍሶም ካብ ምትላልን ዓመጻን ኪብጀዋ እዩ፣ ብህይወት እውን ኪነብር እዩ።ኣብ ክንዳኡ እውን ጸሎት ይብጻሕ፣ መዓልቲ መዓልቲ እውን ኪነኣድ እዩ። ስሙ ንዘለኣለም ኪጸንዕ እዩ፦ ጸሓይ ክሳዕ ዝሃለወት ስሙ ኺጸንዕ እዩ፦ሰባት ብእኡ ኺባረኹ እዮም፣ ኩሎም ኣህዛብ ብሩኽ ኢሎም ኪጽውዕዎ እዮም። (መዝሙር 72)



ኣምላኽ ከኣ ንዳዊት ምስ ሞተካ ንመንግስትኻ ኣብ ትሕቲ ወድኻ ኸቌማ እየ በሎ ። ኣነ ዘምልኽላ ቤተ መቕደስ ኪሃንጽ እዩ፣ ኣነ እውን መንግስቱ ንዘለኣለም ከቕውም እየ።
ዳዊት ምስ ሞተ ወዱ ሰሎሞን ንጉስ ኰነ (971 ቅ.ክ.) ። ብመሰረት እቲ ኣምላኽ ንዳዊት ዝሃቦ መምርሒ ሰሎሞን ነቲ ኣብ በረኻ ዚጥቀሙሉ ዝነበሩ ብዕድመ ዝደፍአ ማሕደር ንምትካእ ቤተ መቕደስ (966 ቅ.ክ) ሃነጸ።

ህዝቢ እስራኤል
ቀድሚ ሕጂ
ተራእዩ
ብዘይፈልጥ
መገዲ በልጸጉ
። ኣምላኽ
ናብታ ምድሪ
ኬእትዎምን
ኪባርኾምን
ዝኣተዎ
መብጽዓ ብሓቂ
ፈጺምዎ እዩ ።



እንተኾነ ግን ኣምላኽ
ገና ዘይፈጸሞን ንግብሪ
ድያብሎስ ዘጥፍእን
መድሓኒ ኽም ዝመጽእ
ዝኣተዎ መብጽዓ ነይሩ
ኢዩ ። እቶም ህዝቢ ኽሳዕ
ሕጂ ሓጢኦም እዮም
ንሓጢኣት ንምትዕራቕ ድማ
ደም እንስሳታት ይቐርብ
ነበረ፡፡እንተኾነ ግን ኣምላኽ
ክሳዕ እቲ እቲ መድሓኒ
ንሓጢኣቶም ንዘለኣለም
ዜልግሰሉ ግዜ ንሓጢኣቶም
ዚሸፍነሉ መገዲ ስለ
ዝሃቦም ኣመስገንዎ።

2 ሳሙኤል 7:12-16፣
መዝሙር 72 ፡1-20

ሰባት ካብ ቅዱሳት ጽሑፋት ትምህርቲ ኺሰምዑ ናብ ቤት መቕደስ ይመጹ ነበሩ ። ብፍላይ ብዛዕባ እቲ ዚመጽእ መድሓኒ ዚገልጽ ትንቢታት ይሕጐሱ ነበሩ ።




ዳዊት ብዛዕባ እቲ ዚመጽእ መድሓኒ ብዙሕ ጸሓፈ፦

ንጐይታይ ንጸላእተኻ ድኳ እግርኻ ኽሳዕ ዝገብሮም ኣብ የማነይ ተቐመጥ በሎ፡፡ (መዝሙር 110 1) ኦ ኣምላኽ ዝፋንካ ንዘለኣለም እዩ፦ ጽድቂ ትፈቱ እከይ ከኣ እትጸልእ፡፡ ስለዚ ኣምላኽ ካባኻ ብሓጐስ ኣብ ልዕሊ ብጾትካ ቐቢኡካ ኣሎ፡፡ (መዝሙር 45 6-7)

## ብዛዕባ እቲ ዚመጽእ ዘሎ መድሓኒ ዚገልጽ ተወሳኺ ትንቢታት፦

ካብ ነገስታት ምድሪ ልዕል ዝበለ በዅሪ ወደይ ክገብሮ እየ።
(መዝሙር 89:27)

ኦ ኣምላኸይ ፍቓድካ ኽገብር ባህ ይብለኒ ሕግኻ ከኣ ኣብ ውሽጢ ልበይ እዩ።
(መዝሙር 40:8)

ኣፈይ ብምሳልያዊ መገዲ ኽኸፍቶ እየ፦ ናይ ጥንቲ ሕማቕ ዘረባ ኽዛረብ እየ፦
(መዝሙር 78:2፣ ማቴዎስ 13 ፡34-35)



ዳዊት ብዛዕባ እቲ ዚመጽእ መሲሕ ፍልይ ዝበለ ነገር ጸሓፈ፦

ከም ማይ ፍሲሰ ኣለኹ፣ ኵሉ ኣዕጽምተይ ከኣ ካብ መላግቦኡ ወጺኡ እዩ፣ ልበይ ከም ስምዒ እዩ፣ ኣብ ማእከል ኣምዑተይ መኸኸ።ሓይለይ ከም ሰራሕ ካይላ ይነቅጽ፣ ልሳነይ ከኣ ናብ ምንጋጋይ ትለግብ፣ ናብ ሓመድ ሞት እውን ኣውጺእካኒ።ኣኼባ ሓጥኣን ከቢቡኒ ኣእዳወይን ኣእጋረይን ወግኡኒ። ክዳውንተይ ኣብ መንጎኦም ይማቐሉ ኣብ ክዳነይ ከኣ ዕጫ ይድርብዩ።

(መዝሙር 22:14-18)




1 ነገስተ 12፡20, 28-29፣ መዝሙር 2፡7,12, 22፡6, 14-18, 40፡8, 45፡6-7, 78፡2, 89፡27, 110፡1, 4, 132፡11፣ ማቴዎስ 13፡34-35


እታ ሰሜናዊት መንግስቲ ኻብቲ ኣብ የሩሳሌም ዝነበረ ቤተ መቕደስ ኣዝያ ርሒቓ ስለ ዝነበረት ብምስሊ ምራኹት ወርቂ ዝመልአ ጣኦታት ሒዞም ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ኣምልኾ በታታት ሃነጹ።
ንኣምላኽ ከነምልኽሉ ብዙሕ መገድታት ኣሎ ። ገሊኦም ሰባት የሆዋ ኢሎም ይጽውዕዎ ገሊኦም ከኣ ኣምላኽ ኢሎም ይጽውዕዎ ገሊኣቶም ከኣ ኬሞሽ ኢሎም ይጽውዕዎ ንሕና ግን በዓል ኢልና ንጽውዮ።
ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ንነብያቱ ዝሃቦም ቅዱስ ጽሑፍከ፧ ካልእ ኣምላኽ ከይንህልወና ይእዝዘና እዩ ። ሓደ ኣምላኽን ሓደ መገድን ጥራይ ከም ዘሎ እዩ ዚገልጽ ።


ኣምላኽ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ይመስለካ፧
ደጊም ብዛዕባ እዚ ኣይክሰምዕን እየ! ኣብዚ እዋን እዚ ኣምልኾ በዓል ወግዓዊ ሃይማኖት ናይታ ሃገር ኰይኑ ኣሎ ። ዘይኣመንቲ ኪቐተሉ እዮም!



እቶም ካህናት ነቲ ብዕራይ ከም ምስሊ ገይሮም ምስ ሓረይዎ ከይፈለጡ ምስሊ እቲ ሓጥእ ዝኾነ ሸይጣን መረጹ፡፡ንድያብሎስ የምልኽዎ ነበሩ፣ ንሱ እውን ባህ በሎ፣ ነቲ ህዝቢ ኻብቲ ኣምላኽ ብዛዕባ እቲ ዚመጽእ መድሓኒ ዝኣተዎ መብጽዓ የርሕቖም ነበረ፡፡
ኦ በዓል ነዚ መስዋእቲ እዚ ኻብ ትሑታት ኣእዳውና ተቐበል፡፡
ንግስቲ ሰማይ እተባረኺ ኢኺ ኣደ ኣምላኽ፡፡ ጸሎትና ስምዑ ሓጢኣትናድማይቕረበልልና፡፡


ኣብዚ ቐጹስ ቦታ እዚ እንታይ ኢኻ እትገብር ዘለኻ፧
ብስም እቲ ኻብኡ ዝረሓቐኩምዎ የሆዋ ቓል ጐይታ ስማዕዎ። ውሉድ ካብ ዘርኢ ዳዊት ኪውለድ እዩ። እቲ መድሓኒ ኻብ መስመር ወለዱ ኺመጽእ እዩ። ስሙ ዮስያስ ኪኸውን እዩ፣ ኣብዚ መሰውኢ እዚ ኸኣ ንኻህናት በዓል ኬንድዖም እዩ።
1 ነገስተ 12፡28, 13፡ 1-2፣ ኤርምያስ 44፡ 17-25፣ ህዝቅኤል 1 10, 10፡14, 28፡14


ከምዚ ኽትብል እትኽእል ብኸመይ ኢኻ፣ ብዘይካ ኣማልኽቲ ብዛዕባ መጻኢ ኺፈልጥ ዚኽእል የልቦን ።
ኣዕጽምቲ እዞም ካህናት እዚኣቶም ዮስያስ ኣብዚ መሰውኢ እዚ ኸም ዚነድድ ብቓል ጐይታ እብለኩም ኣለኹ።


ኣምላኽ ኣብ ክንዳኡ ኸም ዝዛረብ ትእምቲ ኺህበካ እዩ። በታ መዓልቲ እቲኣ እቲ ጣኦታት ንምምላኽ ዝሃነጽኩሞ ጽቡቕ መሰውኢ ኺመቓቐል ሓምኹሽቲ ድማ ኪፈስስ እዩ።


ሃ ሃ ሃ! ነቲ ሃይማኖታዊ ኣድጊ ስምዓዮ። ቅኑዕ ከም ዝኾነን ኩሉ ሰብ ከም እተጋገየን ገይሩ ኢዩ ዝሓስብ!
መንዚዕካ ሓዘ! ቅተሎ! ኣንጻር ሃይማኖት ካልእ ሰብ ከመይ ኢሉ እዩ ኺዛረብ ዚደፍሮ!


ቅልጽመይ ደኺማ! የሆዋ ቐጺዑኒ እዩ ። ምእንቲ ኼሕውየኒ ንጸሊ።


ጐይታይ ኣምላኽ ሎሚ ርእስኻ ኣፍልጥ፡፡ ቅልጽም ንጉስ ኣሕዊ፡፡




1 ነገስት 13፡2-6


ገልጠም
ቡም
ኡዩዩ
ኖኖኖ
የሆዋ ፡ሕጂ፧


ብሓቂ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኢኻ! ዋላ ሓደ ነብዩ በዓል ከምዚ ገይሩ ኣይፈልጥን እዩ ። ምሳይ ነዓ።ንመገብን ንስተን፣ ድሕሪኡ ስለቲ ሎሚ ንኣምላኽ እተቐርቡሉ ዓብዩ ኣገልግሎት ሃብትን ክብርን ክህበካ እየ።
ኣይፋሉን ምሳኻ ክኸይድ ኣይክእልን እየ ። ኣምላኽ ኣብ እስራኤል ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን ምግቢ ኸይበልዕን ማይ ከይሰትን ከምቲ ዝመጻእክዎ ኸይምለስን ነገረኒ ።


ንሃይማኖተይ ኣጥፍኦ ፡፡ ዋላ ሓንቲ ኣይተረፈን ፡፡
ንስኻ ግና ኣዕጽምቲ ኻህናት ኣብ መሰውኢ ኸም ዚነድድ ኢልካ፡፡ እቲ መሰውኢ ጠፊኡ፤ ዝሞተ እውን ኣይነበረን፡፡
እዚ ቃላት እዚ ናተይ ዘይኰነስ ቃላት ኣምላኽእዩ ነይሩ፡፡
1 ነገስት 13:5, 7-9

ከምቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ
እቲ ነብዩ ኣምላኽ ብኻልእ
መገዲ ተመለሰ ። ንኽልተ
መዓልቲ ዚኣክል ምግቢ
ኾነ ማይ ኣይነበሮን ኣዝዩ
ጸሚኡን ጠምዩን ድማ
ነበረ።በታ መዓልቲ እቲኣ
ነቲ ምራኽ ወርቂ ዜምልኹ
ዝነበሩ ኽልተ ኣጒባዝ ናየናይ
መገዲ ኸም ዚኸይድ
ንምርኣይ ሰዓብዎ።




ኣቦይ እንተ ዘይርእያ ነይረ ኣይምኣመንክዎን ነይረ። ልክዕ ከምቶም ኣረገውቲ ነብያት እስራኤል እዩ ነይሩ!
ቀልጢፍካ ነቲ ኣድግና ኮረሻ ጸዓኖ! ክረኽቦ ኣሎኒ!
ኣቦይ እቲ ዝበሎ ሓቂዶ ይመስለካ፧ የሆዋ ጥራይ ድዩ ህያው ኣምላኽ፧ ጣኦታትና ኻብ ዕንጨይትን ወርቅን ሓሊፎም ካልእ ዶ ኣይኰኑን፧



ነብዩ የሆዋ ኣብ ትሕቲ ኦም ተቐሚጡ ረኸቦ ። ምስዚ ሰብኣይ እዚ ኸምዚ ዝኣመሰለ ሓይሊ ኺቀራረብ ደለየ ።ሓደ እዋን ነብዩ የሆዋ እኳ እንተ ነበረ እተን መንግስትታት ኪመቓቐላ ኸለዋ ግና ኣምልኾ ጣኦት ደቂ ዓዱ ሰዓበ ። “ኵለን ሃይማኖታት ሕደ ድየን፧”


ካብ ይሁዳ ዝመጸ ሰብ ኣምላኽ ክትከውን ኣሎካ ፡፡ ዝደኸምካ ትመስል ፡፡ ምሳይ ናብ ቤትካ ተመለስ እሞ ምግብን መስተን ከቐርበልካ እየ፡፡
ኣምላኽ ኣብዚ ቦታ እዚ ኽይበልዕ ወይ ክይሰቲ ነገረኒ ፡፡
ግናኸ ከም ናትካ ነብዩ እየ፣ ሎሚ ንግሆ ሓደ መልኣኽ የሆዋ ተዛረበኒ እሞ ክትበልዕን ክትሰትን ናብ ቤተይ ከምጽኣካ ነገረኒ፡፡
ንኣምላኽ አመስግን! ኣዝየ ጸሚአ ኣለኹ፡፡



ጥዑም ምግቢ እኳ እንተ ነበረ ናብ ይሁዳ ኽምለስ ኣሎኒ ።
የሆዋ ኸምዚ ኢሉ ተዛሪቡ ኣሎ ፦ “ ኣብዛ ቦታ እዚኣ በሊዕካን ሰቲካን ኢኻ፣ እሞ ሬሳኻ ኣብ መቓብር ስድራ ቤትካ ኪቐበር ናብ ይሁዳ ኣይኪምለስን እዩ ።ትእዛዝ ኣምላኽ ኣይተኣዘዝካን።”
ባባ ትንበ ኣለኻ። ኣምላኽ ንዓኻኸ ተዘሪቡካድዩ፧
እወ ወደይ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንመጀመርታ ግዜ እዩ ።




1 ነገስተ 13፡10-22


እቲ ነብዩ ኣምላኽ ወትሩ ንቓሉ እሙን ምኺኑ ስለ ዝፈለጥ፣ ጐሃየ ። ከም ዚመውት ይፈልጥ ነይሩ እዩ ። ሕጂ ወይ ብኸምዚ ኽትመጽእ ኣይተጸበየን ።
ኣኣኣ


እዚ ኻብ ይሁዳ ዝመጸ ነብዩ እዩ።
ኣንበሳን ኣድግን ንቲሬሳ ክሐልውዎ ብሓባር ኮፍ ምባሎም እውን ፍሉይ ነገር እዩ።
ከምዚ ዓይነት ነገር ርእየ ኣይፈልጥን እየ ። ኣንበሳ ቐቲሉ ግናኸ ኣብሉ ኾፍ ኢሉ ኣይበልዖን።


እቲ ናይ ሓሶት ነብዩ ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ወሲዱ ኣብ መንጎ መቓብር ነብያት በዓልን ኣብ ጥቓ እቲ ኣምላኽ ነቲ መሰውኢ ዘጥፍኣሉ ቦታ ቀበሮ።
ኣምላኽ ስለቲ ዘይምእዛዙ ቀተሎ። ኩሉ እቲ እተነበዮ ብርግጽ ኪኸውን እዩ።
እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ተቐብረ ነዊሕ ከይጸንሐ ኸኣ ተረስዐ ። እቲ መሰውኢ ተሓደሰ ድሕሪ ሰለስተ ሚእቲ ዓመት እውን ኣምለኽቲ በዓል ይጥቀሙሉ እኳ እንተ ነበሩ ኣዕጽምቲ መስዋእቲ ዘቃጸለ ግን ኣይነበረን።
1 ነገስተ 13:23-31፣ 2 ነገስት 21 :24, 22:8-11, 23:1-3

ድሕሪ ሰለስተ ሚእቲ ዓመት ዮስያስ ዝስሙ ንጉስ ኣብ ይሁዳ ዝፋኑ ተቐበለ (640 ድ.ሕ)። ናብ ቤተ መቕደስ ምስ ደየበ ሓንቲ ቐዳሕ መጽሓፍ ቅዱስ ረኸበ ። እቲ ህዝቢ ነቲ ህያው ኣምላኽ ረሲዑ ጣኦታት ከም ዝሰዓበ ምስ ፈለጠ ተረበሸ ስለዚ ንኹሎም ሽማግለታትን ነብያትን ካህናትን ነበርትን የሩሳሌም ክእከቡ ኣዘዞም።




እቶም ህዝቢ ንሕጊ ኣምላኽ ተኣዚዞም ንኹሎም እቶም ኣብታ ሃገር ዝነበሩ ጣኦታት ኣጥፍእዎም፡፡ ንኹሎም እቶም ንጸሓይን ወርሕን ፕላነታትን ንግስቲ ሰማይን ዕጣን ዚዓጥኑ ዝነበሩ ኻህናት ቀተልዎም፡፡
ቅድስቲ ኣደ ኣድሕነና!


ከምቲ ሙሴ ዝሃቦ ሕጊ ኣምላኽኣምላኽ፥ ንግብረ ሶዶም ይኽልክል ስለ ዝነበረ ኵሎም ሰዶማውያን ካብታ ሃገር ተሰጕጉ።
ዘይጻወሩ ዓይሹ።


ካብ ምድሪ ኹሎም እቶም መናፍስትን ዝጥይቑን ጠንቈልትን ኣጽርዮምዎ እዮም፡፡
ነቲ ብክሪስታል እተሰርሐ ኹዕሶ ሰበሮ፣ ነታ ቤት ኣንደዳ፡፡
2 ነገስተ 23፡5, 7, 10, 24


ዮስያስ ናብቲ ነብዩ ቅድሚ 300 ዓመት ነቲ ናይ መጀመርታ ንጉስ ሰሜናዊ መንግስቲ ዝነበረ የሮብዓም ዝረኸቦ በሪኽ ቦታ ደየበ።
ነቲ መሰውኢ ኣፍረስዎ ንኹሉ ጣኦታት ኣጥፍእዎ ነቲ ኣእዋም ቈሪጾም ከኣ ንኹሉ ናብ ድኹም ሓርጭ ገበርዎ።
ሓደ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ዘሎ ብምስልታት እውን ኣይምለኽን እዩ ። እዞም ናይ ሓሶት ካህናት እዚኣቶም ነቲ ህዝቢ ኻብ የሆዋ ኣርሒቖምዎ እዮም!


ክትመውት ኣሎካ ።
ከም ብሓድሽ እቲ መሰውኢ ዓነወ እቲ ሓምኹሽቲ ድማ ፈሰሰ።


ኵሎም እቶም ካህናት ሓሶት ተቐትሉ ሬሳኦም ድማ ኣብ ዑናታት እቲ መሰውኢ ነደደ።
ኣብ ጥቓኦም መቓብር ናይ ሓሶት ካህናት ነበረ። እቶም ህዝቢ ኣብ መቓብሮም ምእንቲ ኸየምልኹ ዮስያስ ኣዕጽምቶም ኵዒቱ ኣብቲ መሰውኢ ኣንደዶ።
2 ነገስት 23:15-16


ንኹሉ ኣዕጽምቲ ኣንድዶ።
ስለዚ እቲ 300 ዓመት ዝገበረ ትንቢት ከምቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ዝበሎ ኣብ መወዳእታ ተፈጸመ።
ንኣዕጽምቱ ሐደጎ። ነቲ ዝተረፈ ኣንድዶ ። ኣምላኽ ኪባርኸና እንተ ኾይኑ እዚ ኣምልኾ ጣኦት እዚ ኺብቅዕ ኣለዎ ።
ጐይታይ ግና እዚ መቓብር እቲ ኣስታት ሰለስተ ሚእቲ ዓመት ይገብር ካብ ይሁዳ ዝመጸ እሞ ብዛዕባ እዛ መዓልቲ እዚኣ እተነበየ ሰብ ኣምላኽ እዩ።ዮስያስ ዝስሙ ሰብኣይ መጺኡ ኸምቲ ሎሚ ዝገበርካዮ ኸም ዚገብር ተዛረበ ።


ኦ ጐይታና
ኣምላኽና ንጉስ ኣድማስ
ካብ ምድሪ እንጌራ እተውርድ
ንስኻ ብሩኽ ኢኻ።
ኣምልኾ ጣኦት ምስ ተወድአ ንጉስ
ዮስያስ ንኹሎም እቶም ህዝቢ ነቲ
ንኣቦታቶም ካብ ግብጺ ኣውጺኡ
ነዚ ምድሪ እዚኣ ዝሃቦም የሆዋ
ንምዝካር ፋስጋ ከኽብሩ ኣዘዞም።


2 ነገስተ 23፡17-18, 21-22
ኣቦይ
እዛ መዓልቲ እዚኣ
ኻብ ካልኦት እትፍለ
ብኸመይ እያ፧
ስለዚ ኣቦይ ኣምላኽ ካብ ባርነት ግብጺ ብኸመይ ከም ዘድሓኖምን
ሕግን ማሕደርን ብኸመይ ከም ዝሃቦምን ዝገልጽ ናይ ቀደም
ዛንታ ነገሮም፡፡እቲ ኣብ ልዳውቲ ማዕጾ ዝነበረ ደም ነቶም በኹሪ
ደቂ ተባዕትዮ ኻብቲ ዜጥፍእ መልኣኽ ብኸመይ ከም ዘድሓኖም
ነገሮም፡፡ ክሳዕ ሕጂ ኻብ በዓላት ፋስጋ እቲ ዝዓበየ እዩ ነይሩ ፡፡



## ምዕራፍ ፮

# ኤልያስ


ኣከኣብ ዝስሙ ድኹም ሰብኣይ ናብ ዝፋን እስራኤል፡ናብ ሰሜናዊ ኽፋል እታ መንግስቲ (918ድ.ሕ.) ደየበ፡፡ ኣብ ሰማርያ ኣብ ጥቓ ዚዶናውያን እዩ ዚነብር ነይሩ ፡፡ዚዶናውያን ኣምለኽቲ በዓል እዮም ነይሮም ፡፡ ኣከኣብ ንጓል ሓደ ኻብ ካህናት በዓል ዝኾነት ኢዛቤል ተመርዓዋ ፡፡


ኢዛቤል ብሃይማኖታዊ
ቖንኣታ እያ ትፍለጥ
ነይራ ፡፡ ንኣምላኽ
እስራኤል ነዓቖቶ ኣምልኾ
በዓል ድማ ኣብ ምልእቲ
እታ ሃገር ኣስፋሕፍሐት፡፡


ንኹሎም ነብያት የሆዋ ርኸቦም እሞ ቐተሎም። በዓል ኣምላኽና ኪኸውን እዩ።
እቲ ንጉስ ንየሆዋ ዜምልኽ ኣባድያ ዚበሃል ኣገልጋሊ ነበሮ ።
ንነብያት ኣምላኽ ክረኽቦምን ከጠንቅቖምን ኣሎኒ።


ኦብድያ 100 ነብያት ኣብ በዓቲ ሓብኦም ምግብን ማይን ድማ ኣምጽኣሎም፡፡
1 ነገስት 16:28, 31, 18:4


ግናኸ ዘይሕባእ ሓደ ነብዩ ህያው ኣምላኽ ነበረ፣ ንሱ ኤልያስ እዩ።


ኣታ ንጉስ ኣከኣብ ኣምላኽ ኣቦታትካ ሓዲግካ ንበዓልቲ ቤትካ ኢዛቤል ስለ ዝሰዓብካ የሆዋ ኽሳዕ ዝእዝዛ ኣብ ምድሪ እስራኤል ደጊም ዝናም ወይ ኣውሊ ኸም ዘይህሉ ተዛረበ።
ሃ ሃ! ነብዩ ዝኾንካዶ ይመስለካ፣ ሸሕ ነብያት ኣለዉኒ ንሳቶም ከኣ ብዛዕባ ድርቂ ዋላ ሓንቲ ኣይዛረቡን እዮም። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ብዙሕ ዝናም ኣጋጢሙና ኢዩ ። ጽዩፍ መታለልቲ። ካብ መንገደይ ተኣለ።


እቲ ጥሜት እናገደደ ምስ ከደ ሰባት ብጥሜት ኪሳቐዩ ጀመሩ ። እቶም ናይ ሓሶት ነብያት ንበዓል እኳ እንተ ጸውዕዎ በዓል ግን መልሲ ኣይሃበን።እቲ ድርቂ ዝናም ኲነ ኣውሊ ኸይነከየ ቐጸለ ። ኣምላኽ ንኤልያስ ናብ ቤት ሓንቲ መበለት ሰደዶ እሞ እቲ ድርቂ ኻሳዕ ዜብቅዕ ሓንቲ ኽፍሊ ኸም እትህቦን ከም እትምግቦን ነገሮ።
በጃኺ ሒደት ማይን እንጌራን ኸተምጽእለይ ትኽእሊዶ፧
ሓቂ እብለኩም ኣለኹ ክልተ ንእሽቶ ቈራጽ እንጌራ መሰንከቲ ሓርጭን ዘይትን ጥራሕ ተሪፉኒ ኣሎ። ኣነን ወደይን ክንበልዖ ኢለ ኔረ ። ክንበልዖ እሞ ኽንመውት ክንብል ኢና ኔርና። ተስፋ የብልናን ። ኣምላኽ ንሓጢኣትና ይቐጽዓና ኣሎ ።


ኣይትፍርሂ ። ኣምላኽ ኪከናኸነካ እዩ።
ነቲ እንጌራ ሰንኪትኪ ቅድም ኣምጽኣለይ። ድሕሪኡ ንስኽን ወድኽን ክትበልዑ ትኽእሉ ኢኹም። የሆዋ ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል፦ “እቲ መብልዕ ማልኪን ዕትሮኽን ዘይውዳእ ኪኸውን እዩ”




1 ነገስተ 17:1, 10-16


ነዚ ኹሉ ኸነፍስሶ ኣይንኽእልን ኢና! ብቐጻሊ እዩ ዚመጽእ ዘሎ!
ተኣምራት እዩ! ኣምላኽ ሕያዋይእዩ።
ኣብተን ቀጺለን ዝነበራ ኽልተ ዓመት ሰለስቲኦም ካብቲ ሓደ መኣዲ እንጌራ በልዑ ።


ሓደ መዓልቲ ኤልያስ ናብቲ ኣብ ቤት እታ መበለት ዝነበረ ኽፍሉ ተመልሰ፤ወዳ ኸም ዝሞተ ከኣ ፈለጠ።
ረስኒ ሓዞ እሞ ሞተ!


ንዓኻ ንምጕዳእ
እንታይ ገይረ፧ ብዛዕባ ሓጢኣተይን
ኣምላኽ ንወደይ ምእንቲ ኪቐትሎ
ኢልካ ዲኻ ናብዚ መጺእካ፧
ኣብ እስራኤል
ገናኣምላኽኣሎ።


ኦ የሆዋ ነፍሲ እዚ ቈልዓ እዚ ናብ ስጋኡ ትምለስ።


ኣምላኽ ንጸሎት
ኤልያስ ሰሚዑ ናብቲ
ሬሳ ንኽትምለስ ንነፍሲ
እቲ ቈልዓ መለሰላ።




1 ነገስት 17፡17-24


እቲ ጥሜት ንሰለስተ ዓመት ቀጸለ ። እቶም ህዝቢ ብጥሜት ይሳቐዩ እኳ እንተ ነበሩ ነቲ ናይ ሓሶት ኣምላኽ ዝነበረ በዓል ግን ካብ ምምላኽ ኣየቋረጹን።
በዓል ዘይሰምዓናን ዝናም ዘይሰደደልናን ስለምንታይ እዩ፧
ምናልባት በዓል ዓባስ ጣኦት ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እዝኒ የብሉን።

ኢዛቤልን ኣከኣብን ንኤልያስ ብሰንኪ
እቲ ጥሜት ወቐስዎ። ንኤልያስ
ምእንቲ ኺረኽብዎ ኣብ ብዘላ እታ
ሃገር ሕሉፍ ሓሊፎም እውን ናብ
ጐረባብቲ ሃገራት ወተሃደራት ለኣኹ ።
ኪቐትልዎ ድማ ትእዛዝ ተዋህቦም ።




ኣከኣብ ፡፡
ትጸልየኒዶ ኣለኻ፧
ንእስራኤል
በዚ ጥሜት እዚ
እትርብሾ ዘለኻ
ንስኻ ዲኻ፧
ንእስራኤል ብጣኦታትካ
እትርብሾ ዘለኻ ንስኻ ኢኻ፡፡
ኣብ መንጎ የሆዋን በዓልን
ዚግበር ውድድር እስከ ንግበር
፡፡ 850 ነብያትካ ሒዝካ ናብ
ከረንቀርሜሎስርኽበኒ፡፡
እትብሎ ውድድር ድዩ
፧ ባህ ዜብል እዩ ዚመስል፡፡
ኣብኡ ኽንረኽበካ ኢና፡፡



1 ነገስት 18፡1. 17-21


ናብ በዓልካ ኽትጽሊ ኢኻ ኣነ እውን ናብ የሆዋ ኽጽሊ እየ።እቲ ነቲ መስዋእቲ ሓዊ ብፍቃድ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ኪኸውን እዩ፣ ኩላትና ድማ ንዕኡ ጥራይ ከነምልኾ ኢና ። ካባይ ስለ እትበዝሑ ቅድም ክትኸድ ትኽእሉ ኢኹም ።
ንበዓል መሰውኢ ሰሪሕካሉ ኢኻ፣ ኣነ ኸኣ ንየሆዋ መሰውኢ ኽሃንጾሉ እየ። ኣብ መሰውኢታትና ዕንጨይቲ ኽንገብር መስዋእቲ ድማ ኣብ ዕንጨይቲ ኽነንብር ኢና፣ ኣብ ትሕቲኡ ግና ሓዊ ኣይነንብርን ኢና።


ኦ በዓል ሎሚ ስምዓና። ነዚ መስዋእቲ እዚ ነቲ ዓብዩ ስምካ ወፈናዮ ።


ኦ በዓል ዓብይን ሓያልን።
ኣቲ ንግስቲ ሰማይ ሎሚ መጺእኪ ንበዓል ሓግዝዮ።


በዓል ኣምላኽ እንተ ኾይኑ ኣየቐልበኩምን እዩ ዘሎ ፡፡ ምናልባት ይዝረብ ስለ ዘሎ ኪሰምዓኩም ኣይክእልን ይኸውን፣ ወይ ከኣ ኣብ ጕዕዞ ወይ ደቂሱ ኪኸውን ይኽእል እዩ፡፡
ኣቱም ረሳሓት ሰባት፣ ካብዚ ዚሓይሸ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም፡፡
1 ነገስተ 18፡22-27


ደቂሱ ስለ ዘሎ ምእንቲ ኸተበራብርዎ ዓው ኢልካ ኽትጭድሩ ኣሎኩም።
ኣቱም ሰብኡት ተስፋ ኣይንቚረጹ። ምናልባት ገዛእ ርእስና እንተ ቚሪጽና በዓል ይሕጐስይኸውን።


ነብያት በዓል ተስፋ ቈሪጾም ስጋኦም ቈሪጾም በዓል ምእንቲ ኽሰምዖም እናጨደሩ ናብ ምድሪ ተደርበዩ።
ዕልልልል!
ኣኣኣኣኣኣ!
ኦ በዓል ደመይ እህበካ ኣለኹ። ስምዓና! ሓዊ ስደድ! ቅኑዕ ምዃንካ ኣርኢ!
ዕልልል!


ሃ ሃ! ንትሸዓተ ሰዓት
ዚኣክል ዘይምልስ ኣምላኽ ክትጽውዑ
ጸኒሖኩም ኢኹም፡፡ ኣምላኽ እንተ
ዚኸውን ነይሩ ነዚ ኣጋጣሚ እዚ ከም
መርትያምተጠቕመሉነይሩ፡፡
ሕጂ ረኣዩ ፡፡ ቅረብ
፣እንታይ ከም ዝገብር
ተጠንቂቕኩምተዓዘብ፡፡
ኦ በዓል
ስለምንታይ
ዘይትምልስ፤
1 ነገስተ 18፡28-30


ከምዚ ዝኣመሰለ ዓሚቕ ጕድጓድ ዝኹዕት ዘሎ ስለምንታይ ኢዩ፧
ኪጽልምት ተስፉ ብምግባር መመኸኔታ እዩ ደልዩ።
መዓስ ኢኻ ኽትጽሊ እትጅምር፧ እዚ ናይ ኩዕታ ውድድር ኣይኰነን ።
ኪድ እሞ ኣርባዕተ ፊስቶ ማይ ወሲድካ ኣብቲ መስዋእትን ዕንጨይትን ኣፍስሶ።
ማይ!እንተ ኣጥሊቕካዮ ኣይኪነድድን እዩ።



1 ነገስት 18:32-34


ሃ ሃ! ንህያው ኣምላኽ ዚኸብዶ ነገር ኣሎዶ፧ ኣርባዕተ ፌስቶ ማይ ኣፍስስ። ኣብ እስራኤል ኣምላኽ ከም ዘሎ ስሙ እውን በዓል ከም ዘይኰነ ኽትፈልጥ ኢኻ።
ኣከኣብ ክቀትሎ ኢዩ ፡፡


ካብዚ ረሓቑ ።
ረሓቑ።
ንድሕሪት።


የሆዋ ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን እስራኤልን ንስኻ በይንኻ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ከም ዝኾንካን ኣነ ባርያኻ ምኳነይን ልቦም ናብ ርእስኻ ኽም ዝመለስካን ሎሚ ይፍለጥ።


ሸፉፉፉምምም
ኣኣኣኣሀ
ቆዕ
ኡኡደደ
1 ነገስት 18፡35-38


ኣምላኽ ኣብርሃም!
ክዎዒ!
ካብ ሰማይ
ሓዊ!
ርድኡኒ!


ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን ብሓዊ መለሰሎም።
ነቲ ኣኻውሕን ሓመድን እውን ከይተረፈ ኣንደዶ!
እዚ ምስሊ ዘይብሉ ግን ከኣ ከምኡ ዚገብር እንታይ ዓይነት ኣምላኽ እዩ፧




ዘዳግም 17፡2-5፣ 1 ነገስት 18፡ 38-40


ቅተሎም!
ኩሎም 850
ንሕና ግን
ኣይንፈልጥን
ኢና ኔርና ፡፡
ሰይፍዎም፡፡ ሕጂ!
ኩሎም ነብያት
በዓል ተቐትሉ ፡፡


ኣታ ንጉስ ክትበልዕን ክትሰትን ናብ ቤትካ ድማ ብቑልጡፍ ኸትከይድ ኣሎካ። ደሃይ ብርቱዕ ዝናም እሰምዕ ኣለኹ።


ቅድሚ ሰለስተ ዓመትን መንፈቕን ኤልያስ ንኣከኣብ ኤልያስ ክሳዕ ዚእዝዝ ኣብ እስራኤል ከም ዘይዘንም ነጊርዎ ነይሩ እዩ ። ነብያት በዓል ሞቱ ። እቶም ህዝቢ ነቲ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ኣምልኽዎ ኤልያስ ከኣ ዝናም ኪዘንም ኣዘዘ።
ኤልያስ ናብ ቤተ-መንግስቲ ንጉስ ንምምላስ ኣብ ቅድሚ ኣፍራስ ዕስራ ኪሎ ሜተር ጐየየ።
ብርቱዕ ዝናም ነቲ ወሓይዝ ስለ ዜዕለቕልቆን ናብ ዓዶም ንኸይምለሱ ስለ ዚዓግቶምን ተሃዊኾም ከይጠፍኡ ይየኽዱ ነበሮም።



ኣይፋሉን ። ኤልያስ ኣብ ደገ እዩ ዘሎ ። ቀቅድሚ ሰረገላይ ካብ እምባ ቀርሜሎስ ጐየየ።
ነቲ ኤልያስ ዝቐተልካዮ ይመስለኒ ። በዓል ዝናም ይሰድደና ኸም ዘሎ እርኢ ኣለኹ ።
እዚ ዕሽነት እዩ ። ቅድሚ ሰረገላ ኺጐዩ ዚኽእል ዋላ ሓደ የለን ። ካህናት በዓል ኣበይ እዮም ዘለዉ፤ ምምጻእ ዝናም ከነብዕል ኣሎና።
1 ነገስት 18:40-41, 44-46, 19:1


ንኹላቶም ከም ዚቕተሉ ገበርኩ ። ሓሰውትን መታለልትን እዮም ነይሮም።


እንታይ፧ኣታ ስዲ! ንኤልያስ ክትቀትሎ ምተገብኣካ ነይሩ!


ኣምላኹ ግና ብሓዊ መለሰሉ። ተኣምር እዩ ነይሩ ። ካህናትና ሓይሊ ኣይነበሮምን ። ኩሎም እቶም ህዝቢ ናብ የሆዋ ተመልሱ።


ካልእ እንታይ ክገብር እኽእል፧ ነቶም ህዝቢ ፈርሀዬም!
ንኣቕሸሸተይ ቀቲልካዮም ።
ኣታ ዓሻ!


ንኤልያስ ካብ ቊጥዓ በዓል ዜዕቊቦ ተኣምር የልቦን
።በዚ ምኽንያት እዚ ንኤልያስ እንተ ዘይቀቲለዎ ኣማልኽቲ ኸምኡይገብሩለይ።
ከሃድም ኣሎኒ ።




1 ነገስተ 19፡1-4


ኦ ኣምላኽ ክጻወሮ ዝኽእል የለን። ኢዛቤል ከይረኸበትኒ ሕጂ ኽመውት ኣለኒ።
ብገዛእ ርእሰይ ሓፊረ ። ኣይኣመንኩኻን ። ካብ ሓጥኣን ኣቦታተይ ኣይበልጽን እየ። ክመውትጥራይ ፍቐደለይ።


ኤልያስ ኣብ በዓቲ ምእንቲ
ኺሕባእ ኣርብዓ መዓልቲ
ናብ በረኻ ሃደመ። ናብቲ
ሙሴ ዓሰርተ ትእዛዛት
እተቐበለሉ ኸረን ሲና
እዩ መጺኡ ። ኣብኡ
ድማ ኣምላኽ ተዛረቦ ።


ኤልያስ ኣብዚ
እንታይ ኢኻ
እትገብርዘለኻ፧
ብዘይካ ኣነ ኩሉ
ንሕግኻ ሓዲግዎ
እዩ። ኩሎም ነብያትካ
ተቐትሉ። ንዓኻ ዘምልኸካ
ኣነ ጥራይ እየ፣ ንሳቶም
ከኣ ህይወተይ ይደልዩ
እዮም ።
ኪድ እሞ ኣብ
ቅድሚ ጐይታ ኣብ ከረን
ደው በል።


1 ነገስት 19:4, 8-12
ኤልያስ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ደው ኢሉ ኸሎ ብርቱዕ ንፋስ መጸ ኣምላኽ ግን ኣብቲ ንፋስ ኣይነበረን።
ብድሕርዚ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣጋጠመ ኣምላኽ ግን ኣብቲ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣይነበረን።
ኣብ መወዳእታ ኻብ ሰማይ ሓዊ እኳ እንተ ነበረ ኣምላኽ ግን ኣብቲሓዊኣይነበረን።
ኣምላኽ ንኤልያስ ካብ ኢዛቤል ንላዕሊ ኣዝዩ ሕሱም ምኳኑ ኬርእዮ እዩ ዚጽዕር ነይሩ ።



ድሕሪኡ እቲ ንፋስን ምንቅጥቃጥ ምድርን ሓውን ምስ ኣቋረጸ ኤልያስ ኣምላኽ ብትሑት ድምጺ ኺዛረብ ከሎ ሰምዐ ። ንኤልያስ ድማ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝሓተቶ ሕቶ ሓተቶ ፥
ኤልያስ ኣብዚ እንታይ ኢኻ እትገብር ዘለኻ፧
ኤልያስ ዋላ ሓንቲ ኣይተማህረን ነይሩ ። ግና ብገዛእ ርእሱ ይድንግጸላ ስለ ዝነበረ ከምቀደሙ መለሰሉ ።
ብዘይካ ኣነ ኩሉ ንሕግኻ ሓዲግዎ እዩ። ኩሎም ነብያትካ ተቐትሉ። ንዓኻ ዘምልኸካ ኣነ ጥራይ እየ ፧ ንሳቶም ከኣ ህይወተይ ይደልዩእዮም።


ንኤልሳእ ከም ነብየይ ገርካ ምእንቲ ኽትቅብኦ ኪድ እሞ ቐብኣዮ።
ንስኻትኩም እኳ እንተ ዘይፈለጥኩምዎ ኣብ እስራኤል ንሓወልትታት በዓል ዘይሰገዱን ኣእጋሩ ዘይሰዓሙን 7,000 ኣለዉ። ሕጂ ኺድ፣ ኲሎም ኣባላት ስድራ ቤት ኣከኣብ ኪሞቱ እዮም።


ኤልያስ ንኤልሳእ ምስ ኣብዑሩ ክሓርስ ረኸቦ ፤ነብዩ ኪኸውን ቀብኦ ።
ጐይታ ነብዩ ኽትከውን ከም ዘሎካ ተዛሪቡኒ ኣሎ።
ኣብዑረይ ንጐይታ ኽስውኣሉን ቀልጢፈ ኽስዕበካን እየ።
1 ነገስተ 19:12-21


ኣብ ጥቓ ቤተ-መንግስቲ
ኣከኣብ ናቦት ዚውንኖ
ኣታኽልቲ ወይኒ ነበረ። ኣከኣብ
መብዛሕትኡ ግዜ ብመስኮት
እናጠመተ ንጽባቑኡ የድንቖ
ነበረ ፤ ናቱ እንተ ዚኸውን
ከኣ ይምነ ነበረ ።ብዛዕባኡ
ዝያዳ እናሓሰበ ንንብረት
ጐረቤቱ ዝያዳ ይደሊ ነበረ
። እታ ትእዛዝ “ኣይትምነ”
ትብል ግን ኣይኣኽብሮን።



ኣከኣብ ብዙሕ ገንዘብ ስለ ዝነበሮ ነቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ኺዕድግ ወሰነ።
ነዚ ኣታኽልቲ ወይኒ እዚ ሽጡለይ። ኣብ ጥቓ ቤተይ እያ፣ ኣብ ካልእ ቦታ ኸኣ ዝሓሸ ኣታኽልቲ ወይኒ ኽህበካ እየ።
ኣምላኽ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ኣይፈቐደን እዩ ።


እዚ ቦታ እዚ ኣብ ስድራ ቤተይ ንልዕሊ 500 ዓመት እዩ ጸኒሑ ። እቲ ሕጊ መሬትና ኻብ ስድራ ቤትና ወጻኢ ኽይንሸይጥ ይእዝዘና እዩ ።


ፍቱወይ ስለምንታይ ዘይትበልዕ፧ ስለምንታይ ኢኻ ኸሳዕ ክንድዚ እትጕሂ፧
ናቦት ኣታኸልቲ ወይኑ ኣይሸጠለይን።


ዘጸኣት 20:17፣ 1 ነገስት 21:1-7
ንስኻ ንጉስ ኢኻ ። ዝደለኻዮ ኽትገብር ትኽእል ኢኻ ። ሓደ ትሑት ገባር ንሓሮስካ ኺዓግቶ ኣይትፍቀድ። ኣታኽልቲ ወይኒ ኽህበካ እየ።


እቲ ዕዮ ምስ ተወድአ ዝያዳ ኽኸፍለካ እየ። ሕጂ ኣፍካ ዓጽዎ።


ሕጊ ሙሴ “ንብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክረሉ” ይብል።
ክሊንክ


ኣብኡ ። እዚ እዩ ።
እወ እቲ ንጉስ ኪመውት ከም ዘለዎ ተዛረበ።
ኣምላኽ ንንጉስ ኪወርስዎ ኣጋንንቲ ኸም ዚልእኽ እውን ተዛረበ።
ድሕሪኡ ኺመውት ይግብኦ ።
ንናቦት ሒዞም ከኣ ቀተልዎ ።


እነሀ ፍቑር ። ሐጂ ኣታኽልቲ ወይንኻ ኣሎካ፡፡ ጨካን እንተ ዘይኴንካ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኽትቀዳድም ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ እቶም ብርቱዓት እምዬይስዕሩ፡፡
ባህ ኣይብልን ዶ ፧ ይግብኦ እዩ፧
ኢዛቤል እቲ በዓል ዚበሃል ኣምላኻ ዚርእየሉ ኣዒንቲ ኸም ዘይብሉ ትፈልጥ እኳ እንተ ነበረት ኣብ ሰማይ ግን ኵሉ ነገር ዚርኢ እሞ ፈጺሙ ዘይርስዕ ኣምላኽ ኣሎ፡፡
ዘጸኣት 20 ፡16፧ 1 ነገስት 21፡10-16


ኤልያስ ኣከኣብ ናይ ናቦት ኣታኽልቲ ወይኒ ኪወርሶ ወሪዱ ኣሎ። ኪድ እሞ ኣብኡ ርኸቦ ። ቃለይ ንዕኡ ኣመሓላልፎ።


ኣከኣብ ኣምላኽ ንጹህ ሰብ ከም ዝቐተልካን ንብረቱ ኸም ዝወሰድካን ክነግረካ ነገረኒ ። ብሰንኪ እዝን ካልእ ሓጢኣትካን ኣብታ ኣኽላባት ደም ናቦት ዝለሓሱላ ቦታ ደምካ ኺልሖሱ እዮም።
ጸላእየይ ኣብዚረኺቡኒ፧


ካብ
ኣምላኽ ክትሕባእ
ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡
ንነፍስኻ ብንብረት
ስለ ዝለወጥካያ
ኣምላኽ ኣብ
ኵሎም ስድራ
ቤትካ እከይ
ኬምጽእ እዩ ፡፡
ኵሎም ደቅኻን
ኣዝማድካን ቑልዑ
እውን ከይተረፉ
ኺሞቱእዮም፡፡
ንኣምላኽ
ኣቈጢዕካዮ፡፡ ኣኽላባት
ንኢዛቤል ኣብ መንደቑ
ቤትካ ኺበልዕዋ እዮም፡፡
ሓደ ኣባል ስድራ ቤትካ ኣብታ
ኸተማ ምስ ሞተ ኣኽላባት
ስጋኡ ኺበልዑ እዮም፡፡ ኣብ
መሮር እንተ ሞይቶም እቶም
ሓሸራታት ይበልዕዎም
፡፡ ብኽብሪ ዚቐበር
ኣይኪህሉን እዩ፡፡


እዚ ቓል ጐይታ እዩ። እዚ ድማ ከጋጥም እዩ።
በጃኻ ንየሆዋ መስዋእቲ ኽገብር እየ።
1 ነገስት 21፡17-26


ኵሉ እቲ ኤልያስ ዝበሎ ኾይኑ እዩ ።
ድሕርዚ ኣከኣብ ንየሆዋ መስዋእቲ ገበረሉ ብንጹህ ልቢ ግን ኣይሰዓቦን ።


ድሕሪ ብዙሕ ግዜ እቶም ናይ ሓሶት ነብያት ንንጕስ ኣክኣብ ብዛዕባ ወተሃደራዊ ጕዳይ ይመኽርዎ ነበሩ።
ደዩብካ ኣብ ራሞትጊልዓድ ተዋግእ ኣምላኽ ከኣ ዓብዩ ዓወት ኪህበካ እዩ።
ኩሎም ነብያትከ ብዛዕባ እዚ ይሰማምዑ ድዮም፧


ንጉስ ኣከኣብ የሆዋ ተዛሪቡኒ ኣሎ ፡፡ ናብ ራሞት-ጊልዓድ ክትድይብ ኢኻ፣ ኣብኡ ኸኣ ኣብ ውግእ ክትቕተል ኢኻ፡፡
ንሚክያስ ኣይተቐልበሎ፡፡ ንሱ ጥራይ ኣይኮነን ነብዩ የሆዋ ፡፡ ኣብ ራሞት-ጊልዓድ ብዙሕ ሃብትን ኣሳልጦን ከም ዚህሉ እተዛረብና 400 ነብያት ኣለና፡፡
ንሚክያስ እጸልኦ እየ ፡፡ ኣብ ኩሉ እቲ ዚብሎ ነገራት ኣሉታዊ እዩ ፡፡


ንጉስ ኣከኣብ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እከይ ገይርካ ኢኻ ፡፡ ነቶም ንኣገልግሎቶም ገንዘብ ዚወስዱ ናይ ሓሶት ነብያት ኢኻ እተማኽሮም፡፡ ሓሶት እዮም ዚሰብኩ፡፡


ኣምላኽ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ረኣኹ ኩሎም መላእኽቲ ሰማይ ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሎም ነበሩ። ከምዚ ኢሉ ድማ ሓተተ - “ኤልያስ ንኣከኣብ ከም ዚመውት ካብ ዚነግሮ ኣትሒዙ ኣብ ጕድኣት ከይኣቱ ኣዝዩ ይጥንቀቑ ነበረ።ናብ ውግእ ንኺኣቱ ኺእመን ኣለዎ። ኣከኣብ ናብቲ ዚሞተሉ ራሞት-ጊልዓድ ንኺዋጋእ ኬእምኖ ዚኽእል መን እዩ፧”
እቲ ሓደ ኸኣ ሓደ ነገር ተዛረበ እቲ ኻልእ ድማ ካልእ ሓሳብ ኣቕረበ ። ብዛዕባ እዚ ድሕሪ ምምይያጥ ሓደ ኻብቶም መላእኽቲ ንቕድሚት ገጹ ቐሪቡ ኸምዚ በለ ፦


ሓሳብ ኣሎኒ
። ወሪደ ኣብ ኣፍ
ኩሎም ናይ ሓሶት
ነብያቱ ሓሳዊ መንፈስ
ክኸውን እየ። ኣከኣብ
ናብ ውግእ ኪኸይድ
ክነግሮም እየ።
እዚ ዓብዩ ሓሳብ እዩ ።
ከም ዚዕወት ኪነበዩ እዮም፣ ኣብ
ውግእ ምስ በጽሐ ግና ክቐትሎ
እየ። እሞ ደኣ ኼድካ ገበሮ!
1 ነገስት 21:27, 22:6-22


መንፈስ የሆዋ ሓዲጉኒ ዝኸደዶ ይመስለካ፧
ማሕ



ኣብታ ንህይወትካ ብምፍራህ ናብ ውሽጢ ኸፍሊ ክትሕባእ እትኣትወላ መዓልቲ መንፈስ የሆዋ ዘለዎ መን ምዃኑ ኸትፈልጥ ኢኻ።
እዚ ኻልእ ትንቢት ድዩ፧ሃ!


ነዚ ሰብኣይ እዚ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትይዎ እሞ ካብ ውግእ ክሳዕ ዝምለስ ብህይወት ምእንቲ ኽቕጽል እኹል ምግቢ ሃብዎ። ሽዑ ክንቀትሎ ኢና።
ካብ ውግእ ብህያው እንተ ተመሊስካ ኣነ ናይ ሓሶት ነብዩ ስለ ዝኾንኩ ክመውት ይግብኣኒ።



እዚ ንገዛእ ርእስኻ ከም ተራ ወተሃደር ምምሳል ጽቡቕ ሓሳብ ኢዩ ነይሩ ። ንጉስ ምዃንካ ፈጺሞም ኣይፈልጡን እዮም ፣ ሰብና እውን ጽቡቕ ኣለዉ ። ብህያው ምስ ተመለስካ ገጽ እቲ ነብዩ ኽርኢ ተሃንጥየ እየ ዝጽበ።
እወ እዚ ኣጽዋር እዚ ኻብ ፍላጻታት ኬዕቊበኒ እዩ።
1 ነገስት 22:24-30


ሓደ ወተሃደር ንሓደ ኻብ ጸላእቱ
ምእንቲ ኺወቕዖ ኢሉ ንዋላ ሓደ ሰብ
ዘይሓሰቦ ናብ ላዕሊ ፍላጻ ይትኩስ ነበረ።












ማኀ
ኣኣህህ
እውይ


ቀልጢፍካ ብዙሕ ደም ይፈስስ ኣሎ።
ኣጆኻ
1 ነገስተ 22:34


ሞይቱእዩ፡፡
እቲ ፍላጻ ነታ ዘይተሸፈነ ቦታ ረኪባታ ፡፡ ዝመተሉ እዋን ኣኺሉ ይመስለኒ ፡፡
እዉይ ኣምላኸ፣ ነኖእ!


ብግቡእ ግዜ ኽሳዕ እንረክብ ንሬሳኡ ኣብ ኣታኽልቲ ወይኒ ናቦት ኣእትዎ።



ከምቲ ኤልያስ ዝበሎ እቶም ኣኽላባት
ንደም ኣከኣብ ኣብ ትሕቲ መስኰት ኢዛቤል
ይልሕስዎ ነበሩ። ንሱ ናይ መጀመርታ ስድራ
ቤቱ ነበረ፣ ካልኦት እውን ኪስዕቡ ነበሮም ።




1 ነገስተ 22፡37-38፣
2 ነገስተ 9፡8-10


ኣታ ዓሻ! ነብዪ ኣምላኽ ኣይኰንካን ። ሓሳዊ ኢኻ! ኣከኣብ ከምቲ ነብዪ የሆዋ ዝነበረ ሚክያስ ዝበሎ ሞይቱ ኢዩ ።
ከምኡ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ኵሎም እቶም ውፉያት ሰባት በዚ ተሰማምዑ ። ኣከኣብ ክዓወት እዩ ።
ኵሎም ኣይኰኑን ። ጸሬዕካ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘእተኻዮ ሚክያስ ኣይኰነን። እቶም ህዝቢ ብዛዕባ እዚ ምስ ሰምዑ ርእስኻ ክደልዩ እዮም።


ክትከይድ ትኽእል ኢኻ፡፡ ኣከኣብ ሞይቱእዩ፡፡
እወ እፈልጥ ኢየ ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎ ኸኣ ኣኽላባት ደሙ ከም ዝለሓሱ ኣየጠራጥርን ኢዩ ፡፡ ኢዛቤል ቀጺላ ምስ ኣከኣብ ዚዛመድ ዘበለ ኹሉ ኽትከውን እያ ፡፡ ኣምላኽ ተዛሪቡ እዩ ፡፡


ክሕባእ ኣሎኒ።


ኣይፋልን! ሚኽያስ ሚኽያኣብታ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ኽፍሊ ኣብ እትርከብ ንእሽቶ ኽፍሊ ዝሓባእኩላ መዓልቲ መንፈስ ኣምላኽ መን ከም ዘለዎ ኽፈልጥ ምኳነይ ነገረኒ ።


ደቂ ኣከኣብ ኣብ ቦታኡ ነገሱ ኢዛቤል ድማ ንግስቲ ኾይና ኽትነብር ዓሰርተው ክልተ ዓመት ሓለፈ። እስራኤላውያን ንናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ምምላኽን ትእዛዛት ኣምላኽ ምፍራስን ቀጽሉ ።
ኣምላኽ ኣንጻር ቤት ኣከኣብ ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፦ “ግዜኡ ኣኺሉ እዩ። ኩሎም ደቂ ኣከኣብ እውን ከይተረፉ ኺጠፍኡ እዮም። ዋላ ሓደ ብህይወት ኣይኪተርፍን እዩ። ኢዛቤል ብኣኽላባት ክትብላዕ እያ፣ ዚሓዝነላ ወይ ዚቐብራ እውን ኣይኪህሉን እዩ።”

ድሕሪ12ዓመት።




2 ነገስተ 9:30


ኣብ ትሕቲ ቼጽጽሮም ከም ዘለኹ ኺርእዩሉ ዚኽእሉ ቦታ ደው ክብል እየ።


ኣብ ጐድነይ መን ኣሎ፧


ምሳኻ ኢና ጀነራል ።
ንኢዛቤል ደርብያ ።
እዚ ክትገብሮ ኣይትኽእልን። ኣነ ንግስቲ እየ ።




2 ነገስት 9፡32-33


ነቲ ኣካላ ኣብኡ ሕደግዎ።


ከምቲ ነብዩ ኣምላኽ ዝበሎ ኣኽላባት
ንኢዛቤል በልዕዋ ደማ ኸኣ ኣብቲ
ንደም ሰብኣያ ዝለሓሱሉ ቦታ ለሓስዎ።
ግርርርር


2 ነገስት 9:33-37
እቶም ኣኽላባት ግን ነተን ብዙሕ እከይ ዝገበራ ረሳሕ ኣእዳው ኣይበልዑን እዮም ነይሮም።
ከምቲ ነብያት ዝበልዎ እቶም ዝተረፉ ጁቂ ኣከኣብ ኩሎም ብህዝቢ እታ ኸተማ ተቐትሉ።
እቶም ኣብ መሮር ዝሞቱ ብሓሸራታት ይበልዑ እቶም ኣብታ ኸተማ ዝሞቱ ኸኣ ኣኽላባት ይበልዕዎም ነበሩ። ዚቐብሮም ኣይነበረን ። ብሓቂ ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ።


ኤልያስ ኪጽሊ ኸሎ መንእሰያት ነብያት መልእኽቲ ኼብጽሑ ናብ ኤልሳእ መጹ ፡፡
ኣምላኽ ንገለ ኻብቶም መንእሰያት ነብያት ተዛሪብዎም እዩ ፡፡ ሎሚ ጐይታኻ ኤልያስ ናብ ሰማይ ከም ዚውሰድ ትፈልጥዶ፧
እወ ኣምላኽ እውን ነጊሩኒ እዩ፣ ግናኸ ስቕ በሉ፣ ደጊምኣይትበሉ፡፡


ኤልሳእ ኣብዚ ጸናሕካ ። ናብ ያሪኮ ክኸይድ እየ።
ኣምላኽ መስክረይ እዩ፣ ካብ ኣዒንተይ ኣይክሓድገካን እየ። ናብቲ እትኸዶ ክኸይድ እየ።


ጐይታኻ ኤልያስ ሎሚ ናብ ሰማይ ከም ዚድይብ ትፈልጥዶ፧
እወ እፈልጦ እየ ። ሕጂ ኣይትሸግረና። ሱቕ በል ። ካብ ኣዒንተይ ኣየውጽኦን እየ።


ኣብዚ ኣብ ያሪኮ ጽናሕ፡፡ ናብ ፈለግ ዮርዳኖስ ሓጺር ጕዕዞ ኽገብር ኣሎኒ ፡፡
ኣምላኽ ብህይወት ክሳዕ ዘሎን ብህይወት ክሳዕ ዘለኻን ኣይክሓድገካን እየ፡፡



እዞም መንእሰያት ነብያት እዚኣቶም ከም ብሓድሽ ይስዕቡናኣለዉ፡፡
ከመይ ጌርና ኢና ነቲ ርባ ኽንሰግር፧ሎሚ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ኣሎ ፡፡
ኣብ ንቑጽ ምድሪ፡፡
2 ነገስተ 2:3-7



ጩፄዕ
ኣኣኣይ
ነዚ ርኢኻዮዶ፧ ምእንቲ ኺሓልፉ እቲ ማይ ተንስአ።
እወ ልክዕ ከም ሙሴ።
ነዚ ንዋላ ሓንቲ ኣይምሕለፍክዎን ነይረ ።
ነብያት በዓል ነዚ እንተ ዚርእይዎ!


ቅድሚ ምኻደይ እንታይ ክገብረልካ ምደለኻ፧
ከቢድ ነገር ኢኻ ሓቲትካ፣ ናብ ሰማይ እና ተወሰድኩ እንተ ርኢኻኒ ግና ከምኡ ኪኸውን እዩ።
ካብቲ ኣባኻትኩም ዘሎ መንፈስ ኣምላኽ ዕጽፊ ግደ ሃበኒ።

2 ነገስተ 2፡8-11




ሩርርርር
እቲ ሰረገላ ሓዊ ንኤልያስ
ካብ ኤልሳእ ፈልዮ ።


ኤልያስ ብህቦብላ ንፋስ ናብ ሰማይ ተወስደ ፡፡


ድሕሪኡ ኩሉ ነገር ጸጥ በለ ። ኣብቲ ግዜ እቲ ኤልያስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እዩ ነይሩ ።
ክዳኑ ጥራይ እዩ ተሪፉ። ነቲ ማያት ይፈላልየሉ ዝነበረ።
2 ነገስተ 2:11-13


ኣምላኽ ኤልያስ ኣበይ ኣሎ፧


መንፈስ
ኤልያስ ኣብ ልዕሊ
ኤልሳእ እዩ ነይሩ!
ው-ው-ዡዡ
ኣታ
ሰብኣይ እዛ መዓልቲ
እዚኣ ዓባይ መዓልቲ
እያ!


ኤልሳእ ካብቲ ኤልያስ ዝገበሮ ተኣምራት ብዕጽፊ ዝበዝሐ ገበረ፡፡ ንኣምላኽ እሙን እኳ እንተ ነበረ እቶም ህዝቢ ግን ካብ ኣምልኾ ጣኦት ምሉእ ብምሉእ ኣይተመልሱን፡፡
ኤልያስ ናበይ እዩ ኸይዱ፧
ክንከይድ ክንረኽቦ ኣሎና!
ዋላ ሓንቲ ጥቕሚ የብሉን ፡፡ ናብ ሰማይ ከይዱ፡፡
2 ነገስተ 2፡14-16




## ምዕራፍ 7

# ትንቢታት ክርስቶስ


ድሕሪ ኤልሳእ ኣምላኽ ከም ኢሳይያስን ኤርምያስን ኣሞጽን ዝኣመሰሉ ነቲ ህዝቢ ኻብ ኣምልኾ ጣኦትን ሓጢኣትን ኪምለሱ ዚጽውዕዎም ነብያት ኣተንስአ ፡፡ኣምላኽ በዘም ነብያት ኣቢሉ ብዙሕ ትንቢታት ከም ዚጽሕፉ ብምግባር እዩ ተዛሪብዎም ፡፡
ኢሳይያስ ብግዜ ግዝኣት ነገስታት ዑዝያን ዮታምን ኣሓዝን ህዝቅያስን (ዳርጋ 760-700 ቅ.ክ.) ነብዩ እዩ ነይሩ፡፡ ኣምላኽ ብኢሳይያስ ኣቢሉ “ኣነ ስዒበንን ኣዕቢየንን እየ፣ ንሳቶም ግና ካባይ ዓልዮም እዮም፡፡ ዓባሳት ኣብዑር ንዋናኡ ይፈልጥዎ፡ እኳ እንተ ኾነ እስራኤል ግና ኣይፈልጡንን እዩ፡፡ ሓጥእ ህዝቢ ሓጢኣት ዝመልኣኩም ደቂ ገበርቲ እከይ ኢኹም፡፡”


“እከይኩም እንተ ኣውጺእኩም ንጭቁናት ከኣ እንተ ኣናጊፍኩም ንዘኽታማት እውን እንተ ተኸናኸንኩም ኣነ ኽመልሰኩምን ከሕውየኩምን እየ፣ ናባይ እንተ ዘይተመሊስኩም ግና ብሴፍ ክጠፍኡ ኢኹም።ብዘላ ምድርኻ ኽትባድም፣ ከተማታትካ እውን ብሓዊ ኺነድዳ እየን። ንኹሎም ደቅኹም ድማ ናብ ባቢሎን ኪወስድዎም እዮም፣ ኣብኡ ኸኣ ኣብ ቤተ መንግስቲ ንጉስ ባቢሎን ዜገልግሉ ስሉባት ኪኾኑ እዮም።”



ኢሳይያስ 1፡2-4, 7, 16, 20, 39፡7፣ ኤርምያስ 21፡8-10

ኤርምያስ ብግዜ፣ ንግስና፣ ዮስያስ ፣ዮኣቂም ከምኡውን ጼድቅያስ (ዳርጋ 630-590 ቅ.ክ) ነብዩ እዩ ነይሩ ። ንሱ ኸኣ “የሆዋ ኸምዚ ይብል፦ እንሆ መገዲ ህይወትን መገዲ ሞትን ኣብ ቅድሜኻ ኣንቢረልካ ኣለኹ።እቲ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ዚነብር ብሰይፍን ብጥሜትን ብፌራን ኪመውት እዩ፦ግናኸ እቲ ዚወጽእን ኣብ ቅድሚ እቶም ከቢብዎም ዘሎ ኸሊዳውያን ዚወድቕ ብህይወት ኪነብር እዩ፣ ግናኸ ኣብ ባቢሎን ባርያ ኪኸውን እዩ። ኣብ ኢድ ንጉስ ባቢሎን ክትውሃብ እያ ንሱውን ብሓዊ ኼንድዳ እዩ በለ።


የሆዋ ብኤርምያስ ኣቢሉ
ኸምዚ ኢሉ ተዛረበ፦
“ኣነ ውን ብእተዘርግሐት
ኢድን ብብርቱዕ
ቑልጽምን ብቝጥዓን
ብነድርን፡፡ንተቐማጦ
እዛ ኸተማ እዚኣ
ኸኣ ሰብን እንስሳን
ክጥፈኦም እየ፣ ብዓብዩ
ፌራ ኺሞቱ እዮም፡፡

ድሕሪኡ ንጼዴቅያስ ንጉስ ይሁዳን
ንገላዉኡን ከድሕኖም እየ በለ
የሆዋ፡፡ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ድማ ካብ
ለበዳን ካብ ሰይፍን ካብ ጥሜትን ናብ
ኢድ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ኣብ
ኢድ ጸላእቶምን ክእትዎም እየ፡፡ብሰይፊ
ድማ ኪጭፍሮም እዩ፣ ኣይንሕፎምን
ኣይድህሰሰሎምን ኣይምሕሮምን እውን
እዩ፡፡ ቍጥዓይ ከም ሓዊ ኺነድድ ሓደ
እኳ ኼጥፍኦ እዩ፡፡ከም ባሮት ናብ
ባቢሎን ኪማልኡኹም ብሰይፊ እውን
ኪቀትሉኹም እዮም፡፡ ካብቶም ናብ
ባቢሎን ዚኣትዉ ብዙሓት ኪሞቱን
ኣብኣ ኪቐበሩን እዮም፡፡”

ኤርምያስ 20፡4-6, 21፡5-7, 10-12



ኣሞጽ ብግዜ ንግስና
ኡዝያን ካልኣይ የሮብዓምን
(ዳርጋ 765-750 ቅ.ክ)
ነብዩ እዩ ነይሩ። ኣምላኽ
ብኣሞጽ ኣቢሉ ኽምዚ
ኢሉ ተዛረበ፦ “ኣንስትኹም
ከምተን ንሰብኡተን ጽቡቕ
ገይረን ኪከናኸንወን
ዚደልያ ላም እየን። ድሕሪ
ደጊም ንሰብኡትክን
ኣይክትገዝእዎምን ኢኽን።
ኣብ ባቢሎን ባሮት ምእንቲ
ኽትኰኑ ኣብ ስጋኹም
ዓንቃሪቦታት ሒዝኩም
ክትውሰዱ ኢኹም።”



“ኣብ ክቡር ኣቐሑ ትድቕስ ስብሒ ዝመልኦ ተኣፋፊ ምግቢ ድማ ትበልዕ፡፡ ብዙሕ ወይኒ ኽትሰቲ ኸለኻ ሙዚቃ ትሰምዕ ኢኻ፡፡ጽድቂ ናብ ምድሪ ደርቢ፤ ንድኻታት ረጊጽካዮም፥ ንጻድቃን ጨቑንካዮም፥ ጉቦ ወሲድካ ንድኻታት ከኣ ፍትሒ ኣጥፊእካዮም ኢኻ፡፡ኣታኽልቲ ወይኒ ኽትተክል ኢኻ፣ ጸላኢኻ ግና ወይንኻ ኺሰቲ እዩ፡፡ ሰራዊትካ ኺጠፍእ ፥ኣብ ጓና ሃገር ባሮት ክትኰኑ ድማ ክትውሰዱ ኢኹም፡፡”


ኣምላኽ ከምዚ ይብል -
“ንመሰውኢታት ቤትኤል
ከጥፍኦ ንኣባይቲ
ኽረምትኹምን ኣባይቲ
ሓጋይኩምን ከፍርሶ እየ።
ንድኻታት ትጭቍንን ጉቦ
ትወስዱ ንእተሸገሩ ድማ
ትጭፍልቑዎም።ዝናም
ሓቢአ ጥሜትን ሕማምን
ሰዲደ ኣለኹ፣ ንስኻትኩም
ግና ኣይትንስሑን ኢኹም።
ወይኒ ኽትተኽሉ ኢኹም፣
ግናኸ ኣይክትሰትይዎን
ኢኹም” በሎም።
ኣሞጽ 4-6
ኣደይ ጠምየ።



753 ቅ.ክ.
ሆሴእ ብግዜ ንግስና ነገስታት ዑዝያን ፥ዮታምን፥ ኣሓዝን፥ ህዝቅያስን (ዳርጋ 785-725 ቅ.ክ.) ነብዩ እዩ ነይሩ።"እስራኤል ብሰይፊ ኺወድቑ ሕጻናቶም ናብ ምድሪ ኺድርበ ጥኑሳት ኣንስቶም ከኣ ኪቕደዳ እየን" ኢሉ ተነበየ።
ጨረታ
"ኣምላኽ ሓጢኣታ ይቕረ ዚብለላ ንእስራኤል ከኣ ብናጻ ዜፍቅረላ መዓልቲ ኽትመጽእ እያ። እስራኤል ከም ብሓድሽ ከም ዕምባባ ኺዕምብብ እዩ። ከም ኦም ኣውሊዕ ክትብልጽግን ከም ጽሕዲ ሊባኖስ ምኡዝ ሽታ ኺህልዋን እዩ።"


“ኣብ ዚመጽእ ዓመታት ድሕሪ ባቢሎን ናብ ኣህዛብ ክትብተን ኢኻ፣ ንሳቶም ከኣ ኪሰጕጕኻን ንብረትካ ኺወስዱን መዕረፊ ድማ ኣይኪረኽቡን እዮም።”




ኢሳይያስ 10፡21 ምዕራፍ 35, 51፡11፣ ኤርምያስ 30፡11፣ ህዝቅኤል 17፡21፣
ሆሴእ 13፡16, 14፡1-6፣ ዮኤል 3፡2


ብመሰረት እዚ ሰነድ እዚ ኵሎም
ኣይሁድ ካብታ ሃገር ኪወጹ እዮም ፣ ምሳኻትኩም
ንብረት ክትወስዱ ኣይትኽእሉን ኢኹም ።
ነዛ
ላም እዚኣ ወትሩ
እየ ዝደልያ ነይረ።
ህዝቢ እስራኤል ንቓል ኣምላኽ ስለ ዝነጸግዎ ናብ ኵሎም
ኣህዛብ ምድሪ ፋሕ ኪብሉ እዮም፣ ኣምላኽ ናብ ምድሪ
ኣቦታቶም ክሳዕ ዚመልሶም ግና ኬዕርፉ ኣይክእሉን እዮም።


“ብዘላ ምድሪ እስራኤል ክትባድማ እያ ንስኻ ድማ ንንጉስ ባቢሎን ሰብዓ ዓመት ክትግዝኦ ኢኻ። ድሕሪ ሰብዓ ዓመት ግና ንባቢሎን ብሰሪ በደሎም ክቐጽዓ ተረፍ ከኣ ጻግም ኪሃንጽዋ ናብዛ ምድሪ እዚኣ ኽመልሳ እየ።”
“የሩሳሌም እትሕደግን ከም ግራት ክትሕረስን እያ።”


እዚ ትንቢት እዚ ተፈጸመ ። እቲ ጸላኢ ብርግጽ ንየሩሳሌም ሓሪዎ እዩ ። ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ግና እታ ቤተ መቕደስ ዳግም ክትህነጽ እያ፣ ሰባት ከኣ ናብኣ ኺውሕዙ እዮም።
ነብዩ ሚክያስ ካብ 750-686 ቅ.ክ.


“ብዙሓት ኣህዛብ ከኣ
መጺኦም’ ንዑ ናብ
ከረን እግዚኣብሄርን
ናብ ቤት ኣምላኽ
ያእቆብን ንደይብ፣
ሕጊ ኻብ ጽዮን
ቃል እግዚኣብሄር
ከኣ ካብ የሩሳሌም
ኪወጽእ እዩ እሞ
መገድታቱ ኺምህረና
ንሕናውን ብመገድታቱ
ኽንመላለስ ኢና።”
“ኣብ መንጎ ብዙሓት ኪፈርድ፣ ኣብ ርሑቑ
ንዘለዉ ብርቱዓት ኣህዛብ እውን ኪገንሕ
እዩ፣ ኣስያፎም ከኣ ንማሕረሻታት ኲናውቶም
ከኣ ናብ መላግቦ ኪሰርሕዎ እዮም፦


ንነፍሲ ወከፍ ግና ኣብ ትሕቲ ተኽሊ ወይኑን ኣብ ትሕቲ ኦም በለሱን ኪቕመጥ እዩ፣ ኣፍ እግዚኣብሄር እቶም ጭፍራ ተዛሪብዎ እዩ እሞ ሓደ እኳ ኣይፈርሆምን እዩ።”
“ንዘለኣለም ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኽንመላለስ ኢና። በታ መዓልቲ እቲኣ ነታ እተሰጐት ክእክባ እየ፣ኣነ ድማ ጽኑዕ ህዝቢ ኽገብር እየ፣ ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ኸኣ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኦም ኣብ ከረን ጽዮን ንዘለኣለም ኪነግስ እዩ።”
ኤርምያስ 25፡11-12፣
ሚክያስ 3፡12, 4፡1-7


ኤርምያስን ካልኦትን ከምዚ ኢሎም ተነበዩ፦
“ንጉስ ጼድቅያስ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እከይ ገበረ። ኣይኪቐተልን እዩ። ናብታ ምስ ህዝቡ ዚነብረላ ባቢሎን ኪኣቱ እዩ፣ ብኣዒንቱ ግና ንባቢሎን ከቶ ኣይኪርእያን እዩ።ዕዉር ኪኸውን እዩ። ኣብ ባቢሎን ን70 ዓመት ክትጸንሕ ኢኻ” በሎ።
“ኣብ መወዳእታ 70 ዓመት ባቢሎን ብሰራዊት ሰሜን ክትስዓር እያ ተረፍ ህዝብና ድማ ነታ ኸተማን ነታ ቤተ መቕደስን ኪሃንጹ ናብዛ ምድሪ እዚኣ ኺምለሱ እዮም።”


“ኣምላኽ ድሕሪ ግዜ ፍርዲ ሓጢኣቶም
ኪሐድገሎም የሩሳሌም ከኣ ንውሉድ
ወለዶ ሰብ ኪነብር እዩ።”
“ነዛ መጽሓፍ እዚኣ
ምሳኻትኩም ናብ
ባቢሎን ወሲድኩም ኣብ
ቅድሚ ህዝቢ ኣንብቡላ።
ቅድሚ ምምላሶም እንታይ
ኪጻወሩ ኸም ዘለዎም
ንገሮም” በሎም።
“ንዝፋን ዳዊት ክመልሶ እየ
ንስኻ ውን ተመሊስካ ንዅላ
ምድርኻ ኽትወርሳ ኢኻ።”


ህዝቅኤል “ኣብ መንጎ ኣህዛብ ፋሕ ኪብሉ እዮም ኣምላኽ ፋሕ ኬብሎም ከሎ ግና ናብ ምድሪ ኺመልሶም እዩ” ኢሉ ተነበየ።
“ኣምላኽ ንኣብርሃም ዘርኡ ነታ ምድሪ ንዘለኣለም ከም ዚወርስዋ ተስፋኡ ድማ ከም ዘይጥሕስ ኣተስፈዎ። እቲ ህዝቢ ሓጥኣን ምስ ዚኸውን ግና ኣምላኽ ናብ ካልኦት ኣህዛብ ኪሰድዶም እዩ፣ ኣብ መወዳእታኡ ግና ኪመልሶም እዩ።”
ኤርምያስ 34፡3, 39 7, 51፡60-61, 52፡11፣ ህዝቅኤል 12፡13-16፣ ዮኤል 3፡20-21፣ ኣሞጽ 9፡11-15


“ግብጺ እውን ብባቢሎን ክትፍረድ
እያ ን40 ዓመት ክትባድም እያ፡፡
ካብ ባቢሎን ምስ ተመልሱ ግብጺ
ኸምቲ ብግዜ ጥንቲ ዝነበረት ዓባይ
ኣይክትከውንን እያ፣ ግናኸ ክትጻወር
እያ፡፡ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት
ድማ ግብጽን ኣሶርን ምስ ህዝበይ
እስራኤል ብሰለስተ ወገን ብዚግበር
ውዕል ሰላም ኪሓብሩ እዮም፣
ኣነ እውን ክባርኾም እየ፡፡”


“ፍልስጥኤማውያን ኪጠፍኡን ደጊም ኣይኪህልዉን እዮም። ከም ኣሽዶድን ፤ኤክሮንን፤ ዓሞንን ኣይኪህልዉን እዮም። ኤዶማ ምሉእ ብምሉእ ክትባድም እያ።ጢሮስ ክትጠፍእ ኵሉ ኣእማንን ዕንጨይትን ከኣ ናብ ባሕሪ ኺድርበ እዩ። ድሕሪ ደጊም ሰብ ኣይኪነብርን ምድሪ እውን ልሙጽ ክትከውን እያ፣ ገፈፍቲ ዓሳ መርበቦም ዚዝርግሑላ ቦታ ድማ ክትከውን እያ።


“እንተኾነ ግን ፐርስያ (ኢራን)፤ ቱርኪ፤ኢትዮጵያ ፤ሊብያ ኽሳዕ መወዳእታ ኽጸንሓ እየን፡ ኣብቲ ግዜ እቲ ኸኣ ንምድሪ እስራኤል ክወርርዋ ኢዮም ዝፍትኑ ኣብ ኣኽራን እስራኤል ግን ክሞቱ ኢዮም፡፡”


መጽሓፍ ቅዱስ ኣብቲ ብዙሕ ትንቢታቱ ወትሩ ምሉእ ብምሉእ ልክዕ እዩ ። እቶም ከም ዚጠፍኡ ብትንቢት እተነግረሎም ከተማታትን ጠቓኤን ። እቶም ክሳዕ መወዳእታ ዚጸንዑ ኣህዛብ ገና ምሳና እዮም ዘለዉ
ኤርምያስ 25፡15-26፣ ህዝቀኤል 25, 26 15-19, 29፡12-16, 30፡1-8፣ ኣሞጽ 1


ከምቲ ነብያት እተነበይዎ ብ605 ቅ.ኽ. እስራኤል ብባቢሎን ተሳዕረት።
ኦ ጐይታይ ስለ ሓጢኣት ኣቦታትና ንቐጻዕ ኣለና። ሕጂ እውን እንተ ኾነ ኣብዛ ዘይትፈልጦ ሃገር ንሕግኻ ኽንእዘዝ ሓግዘና።


ልዕሊ 5,000 ኣይሁድ እሱራት ውግእ ኰይኖም ናብ ባቢሎን ተወስዱ ። ንመንእሰያትን ንምሁራትን መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ምግልጋል ጠቓሚ ኾይኑ ምእንቲ ኺረኽብዎም ኢሎም ኣምጽእዎም ።ሓደ ኻባታቶም ዳንኤል ዚበሃል መንእሰይ ነበረ ። ወትሩ ትእዛዛት ይሕሉን ንኣምላኽ ኣብርሃም ብምእዛዝ ይመላለስን ነበረ።


ኦ ጐይታ
ሰማይን ምድርን ንጉስ
ኣድማስ እንጌራ ኻብ
ምድሪ ስለ እተምጽኣልካ
ነመስግነካ።
ዳንኤል ኣብ ዘይትፈልጦ ዓዲ ተኣሲሩ እኳ እንተ
ነበረ ንኣምላኹ እሙን ኰይኑ ክቕጽል ወሰነ ።
እቶም ማረኽቱ ጽቡቕ መንፈስ ከም ዘለዎ ስለ
ዘስተውዓሉ ከም ሓደ ኻብቶም ጥበበኛታት
ባቢሎን መጠን ኣብ ፍሉይ ቦታ ኣእተውዎ።


እቲ ንጉስ ባቢሎን ዝነበረ ነቡካድነጻር ካብ ድቃሱ ተበራበረ ።
እንታይ እዩ እዚ፧ ብርግጽ መጻኢ ንምግላጽ ብኣማልኸቲ ዝመጸ ሕልሚ እዩ ዝኸውን።




ዳንኤል 1:2-7, 17-21, 2:1-11


ኩላትኩም መታለልቲ
ምኻንኩም እፈልጥ ነይረ እየ ፡፡
ኣማልኽቲ ኣይዛረቡኹምን እዬም፡፡
ኩላትኩም ምስ ስድራ ቤትኩም
ክትቅተሉ ኢኹም፣ ኣባይትኹም
ከኣ ናብ ኵድኹዶታት
ኪስራሕ እዩ፡፡


ዳንኤል ጽባሕ ንስኻን ኲሎም ጥበበኛታት ባቢሎንን ክትቅተሉ ኢኹም፡፡ እቲ ንጉስ ንካህናቱ ኣይኣምኖምን እዩ ፡፡
የሆዋ ኣምላኽ ግን ሕልምን ትርጕምን እቲ ንጉስ ኪገልጽ ይኽእል እዩ ፡፡ በይነይ ክጽሊ ኣሎኒ ፡፡ ንሓደ መዓልቲ ኸም ዚጽበ ኽትገብሮ ትኽእል እንተ ኼንካ ርአ ፡፡


ኣታ ጐይታይ ንስኻ በይንኻ ኢኻ ኣምላኽ ኩሉ ። በጃኻ ንጊልያኻ እቲ ዚኸውን ኣርእዮ። ከማኻ ዝበለ ኻልእ ኣምላኽየልቦን።
ዳኒኤል ጽን ኢልካ ስምዓኒ..


ቀልጢፍካ ናብ ንጉስ ውሰደኒ!
ነቲ ንጉስ ሕልሙ ኽትነግሮ እንተ ዘይክኢልካ ብኡንብኡ ኪቐትለካ እዩ።


ግዜይ ኣይትባኽን። ሕልመይ ክትነግረኒ ትኽእልዶ፧
እቲ ፈጣሪ ዝኾነ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ትምኒትካ፡ኣነ ገልያኻ ገሊጹሉ እዩ ።
ዎ ንጉስ ኣምላኽ ሰማይ ከምኡ ገይሩካ እዩ እሞ ንስኻ ንጉስ ኲሎም ነገስታት ኢኻ። ብዛዕባ መጻኢ ራእይ ሂቡካ ኣሎ ።
ዳንኤል 2፡12-30


ኦ ንጉስ ዓብዩ ምስሊ ርኢኻ ኢኻ። እዚ ምስሊ እዚ ንመንግስቲኻን ነቲ ስዒቡ ዚመጽእ ሰለስተ ኻልኦትንየመልክት።
ሓቂ እዩ! ንዋላ ሓደ እውን ኣይነገርክዎን! ኣምላኽካ በይኑ እዩ።


ንስኻ እዚ ርእሲ ወርቂ ንጉስ ኵሎም ነገስታት ኢኻ። ንይሁዳ ቅድሚ ምስዓርካ ነብያትና ኣምላኽ ብሓጢኣትና ኸም ዚፈርደናን መንግስትናን ኸም ዚህበካን ነገሮምና ነይሮም እዮም።



ሳጹን ብሩር ንኻልእ መንግስቲ
ማለት ንሜዶናውያንን ፋርሳውያንን
የመልክት። ድሕሪ ሞትካ ንባቢሎን
ኪስዕርዋን ከምቲ ንስኻ ዝገበርካዮ ኣብ
ልዕሊ ዓለም ኪገዝኡን እዮም።


ኦ ንጉስ ደድሕሪ ርእሲ ወርቅን ሳጹን ብሩርን ከብዲ ኣስራዚ ርኢኻ። እዚ ኣስራዚ እዚ ነታ ሳልሰይቲ መንግስቲ ማለት ንግሪኻዊ የመልክት። ደድሕሪ ፋርስ እያ፣ ቅልጡፍን ጨካንን ከኣ ክኸውን እዩ
እታ ራብዐይቲ መንግስቲ ኻብተን ካልኦት እተፈልየት ክትከውን እያ፣ ኣእጋር ካብ ሓጺን ኪስራሕ እዩ፣ ንብዙሓት ኣህዛብ ከኣ ክትጭፍልቖንን ክትሰብርን እያ።ግናኸ ኣእጋር ሓጺን ምስ መሬት ከም እተሓናፈጸ ርኢኻ ኢኻ። ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት እታ መንግስቲ ብዓሰርተ መገዲ ኽትመቓቐል ንድኽምቲ ድማ ክትከውን እያ።
ዳንኤል 2፡31-33, 39-43


ሸዑ ኦ ንጉስ ካብ ከረን እተቑርጸ እምኒ ርኢኻ ኢኻ፣ ብኢድ ሰብ ግና ኣይኰነን። ካብቲ ኸረን ወረደ እሞ ነቲ ምስሊ ኣብ እግሩ ወቕዖ ኣብ ውሽጢ ሒደት ግዜ ድማ ንኹለን መንግስትታት ኣጥፍአን።


እዚ ኸውሒ
እዚ ነቲ ናብ ምድሪ
መጺኡ ግርማዊት
መንግስቲ ዜጄም
ወዲ ኣምላኽ
የመልክት ።
ኣብ መወዳእታ ግዜ
ኵሎም ምዉታት ካብ ድቃሶም
ተንሲኦም ኣብ ፍርዲ ኪቐሙ
እዮም ። እቶም እኩያት ኪሓፍሩን
ንዘለኣለም ኪናዓቑን እዮም። እቶም
ሰናይ ዝገበሩ ናይ ዘለኣለም
ህይወት ኪረኽቡ እዮም ።


እቲ እትዛረቦ ቓላት ካብ ኣምላኽ ምዃኑ ዘይከሓድ ኣይኰነን ። እሞ ደኣ ሕልመይ ብዝርዝር ክትፈልጦ እትኽእል ብኸመይ ኢኻ፧ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ጥበበኛታት ገዛኢ ኽገብረካ እየ።
ዳንኤል ኣብ ባቢሎን ን68 ዓመት ቀጸለ ። ብዙሕ ሕልምታት ይትርጕምን ብዛዕባ መጻኢ ብዙሕ ሳዕ ይንበን ነበረ ። ድሕሪ ግዜ ንጉስ ነቡካድነጻር ሞተ ወዱ ቤልሻዛር ከኣ ተክኦ ።


ሓደ ምሸት ቤልሻጽር ናይ ስኽራን
ድግስ ክካየድ ከሎ ሓንቲ ምስጢራዊት
ኢድ ኣብቲ መንደቕ ጸሓፈት ። ዳንኤል
ኪትርጕሞ ተጸውዐ ። ኣምላኽ ብዛዕባ እዚ
ዘይፍለጥ ቋንቋ እዚ ንኺርዳእ ሓገዘ ።
ኣታ ንጉስ ኣብ
ቅድሚ ኣምላኽ ሓጢእካ
ኢኻ። ከምቲ ነብያት እተነበይዎ
መንግስቲካ በዛ ለይቲ እዚኣ
ኻባኻ ተወሲዱ ንሜዶናውያንን
ፋርሳውያንን ከኣ ተዋህበ።


መክብብ 12፡13-
14፤ ኢሳይያስ 9
6-7, 45፡1፤ ዳንኤል
2፡34-35, 44-48,
5 1-29፤ ራእይ 20፡
11-21፡5
ነብያት እዚ ጸላኢ ፡ማይ ናብታ
ኸተማ ንኺኣቱ ዜኽእሎ ኽልተ
ኣፍ ደገ ብምስጢር ብምእታው
ንባቢሎን ከም ዚስዕራ
ተነብዮም ነይሮም እዮም።
ባቢሎናውያን ኣዝዮም
ሰኺሮም ኬስተብህሉሉ
ኣይከእሉን እዮም ነይሮም።
ታሪኽ ከም ዚሕብሮ ባቢሎን
በዚ ኸምዚ እያ እተወድቐ።


ሜዶንን ፋርሳውያንን ንባቢሎን
ምስ ተቈጻጸርዋ ዳንኤል ብነብዩ
ኤርምያስ እተጻሕፈት ሓንቲ ኻብተን
መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝኾነት
ጥንታዊት መጽሓፍ ረኸበ።ኬንብብ
ከሎ ኣምላኽ ኣቐዲሙ ምርኮ ባቢሎን
70 ዓመት ጥራይ ከም ዚቕጽል ከም
እተነበየ ምስ ፈለጠ ሰምበደ ።
ድሕሪኡ ተረፍ ናብ የሩሳሌም ተመሊሶም ነቲ መናድቕን
ነታ ቤተ መቕደስን ዳግም ኪሃንጽዋ እዮም ። ብዘይካዚ
ቅድሚ 200 ዓመት ነብዩ ኢሳይያስ ስም እቲ ኺምለሱ
ዚእዝዞም ንጉስ ፋርስ ከም ዝጠቐሰ ኣስተውዓ።


ሕጂ ዳርጋ 69 ዓመት ሓሊፉ ኣሎ ። ሓደ ዓመት ጥራይ እዩ ተሪፉ ። ቂሮስ ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ኣገልጋሊ ኣምላኽ ከም ዝኾነ እዩ ዚገልጽ ። ናብ ዓድና ኽንምለስ ኪእዝዘና እዩ! ኦ ጐይታና ኣምላኽና ንጉስ ኣድማስ ንስኻ ብሩኽ ኢኻ።


ከምቲ ኣምላኽ ንኣብርሃም እተመባጽዖ ነዛ ምድሪ እዚኣ ዘለኣለማዊ ርስቲ ኺህበና እዩ። ንኣቦታትና ንኻልኦት ኣማልኽቲ እንተ ኣገልጊልና ኣብ ኢድ ጸላእትና ኽም እንኣቱ ኣጠንቀቖም ፣ ንህዝቡ ኽም ዘይርስዖም ግና ተመባጺዑ።ኣምላኽ ቃሉ ሓለወ ። ሕጂ ምስ ተመለስና ክንእዘዞ ኣሎና ።
ቂሮስ ንኣይሁድ ከምቲ ቕዱሳት ጽሑፋት ኣቐዲሙ እተነበዮ ምርኮ ኻብ ዚጅምሩ 70 ዓመት ጸኒሑ ሓራ ኣውጽኦም፣ 52,000 ከኣ ነታ ኸተማ ኺሃንጽዋ ተመልሱ።


ክንውጿብ ኣሎና ፡፡ ፈለማ ነቲ መናድቕ ዳግም ክንሃንጾ ድሕሪኡ ኻብታ ቤተ መቕደስ ክንጅምር ኢና።
ኦ ጐይታ ኣምላኽ ኣብርሃም ከምቲ እተመባጻዕካዮ መሊስካና ኢኻ። ብመገድኻ ኽንመላለስ ምሃረና።
ጽሩይ ማይ ኣምጺአ ኣለኹ። ነቲዕዮንጀምሮ።
ኢሳይያስ 44፡28፣ ኤርምያስ 25፡ 11-12, 29 10፣ ዳንኤል 9፡1-2


ዳንኤል ኣዝዩ ኣሪጕ ስለ ዝነበረ ምስቶም ካልኦት ኣይተመልሰን ። ንነገስታት እታ ሕጂ ኣብ ከተማ ባቢሎን እትርከብ ሃጸያዊት ግዝኣት ሜዶንን ፋርስን ኪመኽር ኣገዳሲ ግደ ነበሮ።ኣምላኽ ብዛዕባ መጻኢ ኣረ ኸሳዕ መወዳእታ መዓልትታት እውን ከይተረፈ ተወሳኺ ራእያት ሂብዎ ኢዩ ። ኣብ ሓደ ሕልሚ ካብ ሓጺን እተሰርሐ ኣራዊት ረኣየ ። ሓደ መልኣኽ እንታይ ማለት ምዃኑ ነገሮ ።




ኣምላኽ ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት እንታይ ከም ዝኸውን እዩ ዜርእየካ ዘሎ ። ንነቡካድነጻር ከኣ ኣርባዕተ መንግስትታት ከም ዝህልዋ ነገሮ ። ሕጂ ኽልተ ሰባት ኣለዉ ። ድሕሪ እዚ ሃጸያዊ ግዝኣት ሜዶንን ፋርስን ግሪኽ ኪመጽእ እዩ።ብቐልጡፍ ክትስዕር እያ ድሕሪ ሓጺር እዋን ግን ክትወድቐን ኣብ ኣርባዕተ መንግስትታት ክትመቓቐልን እያ ድሕሪኡ ኽልተ ጥራይ ክሳዕ ዝህልዋ ንሓድሕዳ ኽትዋጋእ እያ። ኣብታ ራብዐይቲ መንግስቲ ኽሳዕ ዝስዓሩ ንሓያሎ ዓመታት ኪዋግኡ እዮም ፤ እዛ መንግስቲ እዚኣ ኸኣ ነዚ ኣራዊት እዚ እያ እተመልክት ።



ዳንኤል 7፡17-28፣ ማቴዎስ 24፡4-25
እታ ራብዐይቲ መንግስቲ ኸም ሓጺን ካብ ኩለን እተን ናይ ቀደም መንግስትታት ዝሓየለትን ጨካንን ክትከውን እያ። ንኹላቶም ክትስዕሮም እያ ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ግን እዛ መንግስቲ እዚኣ ኣብ ዓሰርተ ሃገራት ክትመቓቐል እያ።ንሱ ኻብ ርእሲ እቲ ኣራዊት ዚበቍል ናይ መወዳእታ ቐርኒ እዩ። ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ኪሸሕጥን ሰላም ከም ዚህሉ ኺመባጻዕን እዩ፣ ኲይኑ ግና ንሰላም ኪስዕሮን ኬጥፍኦን እዩ ። ድሕሪኡ ነቲ ዜፈንፍስ ነገር ኣብታ ቕድስቲ ቦታ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣይሁድ ኬቘሞ እዩ፣ መስዋእትታት ምእንቲ ኺቋርጽ ድማ ኣብ ጽምብል ርኹስ ይገብሮ። ሽዑ ኣብ ብዘላ ምድሪ ዓብዩ መከራ ኪኸውን እዩ ጻድቃን ግና ኪድሕኑ እዮም።

“ዳንኤል ኣምላኽ እንታይ ከም ዚኸውንን መዓስ ከም ዚኸውንን ክትፈልጥ እዩ ዚደልየካ። ካብቲ እታ ቤተ መቕደስ ክትሕደስን ክትሃንጽን ትእዛዝ እተዋህበሉ ግዜ ኣትሒዙ 483 ዓመት ኪህሉ እዩ፣ ድሕሪኡ እቲ መሲሕ ምእንቲ ሓጢኣት እቲ ህዝቢ ኪቕተል እዩ፣ ድሕሪኡ እታ ቤተ መቕደስ ከም ብሓድሽ ክትጠፍእ እያ።



እዚ ትንቢት እዚ ኺፍጸም እቲ መሲሕ ከኣ ኪቕበእ እዩ ። ንሓጢኣት ዕርቂ ኪኸውን ናይ ዘለኣለም ጽድቂ ውን ናብ ሰብ ኪቐርብ እዩ።

ከምቲ ዳንኤል ዝመዝገቦ እቲ
መሲሕ ኣብታ 483 ዓመት
ዝዛዘማላ መዓልቲ ብዓወት
ናብ የሩሳሌም ኣተወ ።



ኣምላኽ ንኣዳምን ሄዋንን ዘርኢ
እታ ሰበይቲ መጺኡ ነቲ እኩይ
ከም ዜጥፍኦ ነጊርዎም ነይሩ እዩ
። ንኖህ ድማ እቲ መሲሕ ካብ
ስድራ ቤት ኬም ደኣ እምበር
ካብ ያፌት ከም ዘይኰነ ነገሮ ።

ዘፍጥረት 49፡9-10፣ መዝሙር 22,
53፣ ኢሳይያስ 7 9፡1-2, 42፡1, 49፡6
ምዕራፍ 53፣ ዳንኤል 9፡25-26፣ ሚክያስ
5፡2፣ ዘካርያስ 9፡9፣ ማቴዎስ 24፡1-2፣
እብራውያን 2፡9

ኣምላኽ ንኣብርሃም እቲ መድሓኒ
ኻብ ዘርኡ ብወዱ ይስሃቅ ኣቢሉ ኸም
ዚመጽእ ነገሮ ፡፡

ኣምላኽ ንይስሃቅ እቲ መብጽዓ
እተገብረሉ ሰብ ብወዱ ያእቆብ
ኣቢሉ ኸም ዚመጽእ ነገሮ፣ ንያእቆብ
ከኣ ክርስቶስ ብይሁዳ ኣቢሉ ኸም
ዚመጽእ ነገሮ፡፡

ኣምላኽ ብዛዕባ ህይወት እቲ
መብጽዓ እተገብረሉ መድሓኒ ዚገልጽ
ሓያሎ ትንቢታት ንእተፈላለዩ ነብያት
ሂብዎም እዩ ፡፡

ንሱ ኣብ ከተማ ቤት-ልሄም ይሁዳ
ኻብ ድንግል ከም ዚውለድ ካብ
ዘለኣለም ከም ዝኾነ ፤ ኣብ ትሑት
ኣድጊ ዚውጣሕ እውን ክኸውን፡፡

እግዚኣብሄር መንፈሱ ኣብ ልዕሊኡ ኼንብር ንኣህዛብ ከኣ ፍርዲ ኼምጽኣሎም እዩ፡፡

ንኣህዛብ ብርሃን ኪኾውን ንኹሎም እቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ድማ ድሕነት ኬብጽሓሎም እዩ፡፡

መከራ ዚወርዶ መሲሕ ኪኾውን ህዝቡ ድማ ኪነጽግዎ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ወጊኦም ከኣ ክቀትዎ እዮም፡፡

ጥራዩ ኺሰቕልን ማይ ኪጸምእን እዩ፣ ኣብ ክንዳኡስ መጺጽ ኪሰቲ ኺውሃቦ እዩ፡፡ ኣብ መንጎ ሰረቕቲ ኺመውትን ኣብ መቓብር ሃብታም ኪቕበርን እዩ፡፡

እቲ ዳንኤል ብዛዕባ እተን
ኣርባዕተ መንግስትታት
እተነበዮ ትንቢት
ልክዕ ከምቲ እተነበዮ
ተፈጸመ።።ብ330 ቅ.ክ. እቲ
ኻብ ግሪኽ ዝመጸ እስክንድር
ዓብዩ ንሸውዓተ ዓመት
ዝቐጸለ ወፈራ ጀመረ፣ ኣብቲ
ወፈራ ድማ ነታ ፍልጥቲ
ዓለም እንተላይ ነቲ ሰፊሕ
ሃጸያዊ ግዝኣት ሜዶንን
ፋርስን ሰዓራ።። ግሪኽ ክሳዕ
167 ቅ.ኽ.

ስልጣን ሓዘት ክሳዕ እታ ራብዐይቲ መንግስቲ ዓለም ዝኾነት ሮሜ ኽትስዕሮም ። እታ ኣብቲ ነቡካድነጻር ከም ኣእጋር ሓጺን ገይሩ ዝሓልሞ ዝነበረ ሕልሚ ከምኡውን ኣብቲ ዳንኤል ከም ናይ ሓጺን ኣራዊት ዝረኣዩ ራእይ ከምቲ ነብያት እተነበይዎ ሓይላን ግዝኣታን ወሰኸት። ብ5 ቅ.ክ. ።

# ድሕሪ 500 ዓመት

ድሕሪ 500 ዓመት ትንቢት ዳንኤል ካብ ዚንበ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚእቲ ዓመት ሓሊፉ ነበረ፡፡ ብ6 ቅ.ክ ሮማውያን ንኣይሁድ ናይ ሃይማኖት ናጽነት እኳ እንተ ፈቐዱሎም ብዙሕ ግብሪ ይኽፍልዎም ነበሩ ፡፡እታ ቤተ መቕደስ ዳግም ተሃንጸት ማእከል ህይወት ኣይሁድ ድማ ነበረት ፡፡ መብዛሕትኦም ንትንቢታት እቲ ዚመጽእ መሲሕ ረሲዖምዎ እኳ እንተ ነበሩ ገሊኦም ግን ነቲ ሕጊ ይሕልውዎን ንክርስቶስ ይጽበዩን ነበሩ፡፡ ሓደ ኻባታቶም ስምኦን ዚበሃል ብዕድመ ዝደፍአ ሰብኣይ ነበረ፡፡ ነቲ ነብያት ዚዛረብዎ ኺርእዩ ዚናፍቑ ቅዱስ ሰብ እዩ ነይሩ ፡፡ ንሓያሎ ዓመታት ነቲ ትንቢታት ኣንቢቡ ስለ ዝነበረ እቲ ግዜ ይቐርብ ከም ዘሎ ይፈልጥ ነይሩ እዩ ፡፡እንተኾነ ግን ሕጂ ኣሪጉ ስለ ዝነበረ ነዊሕ ዕድመ ኣይነብርን ይኸውን ፡፡ ኣምላኽ ንሄዋን ዘርኣ ኸም ዚመጽእን ንግብሪ እቲ እኩይ ከም ዜጥፍኦን ካብ ዚመባጻዕ 4,000 ዓመት ሓሊፉ ነበረ፡፡እዋኑ እዩ ነይሩ ፡፡

ልዕሊ 350 ትንቢታት ኪፍጸም ተዳልዩ ነበረ ፡፡



# ምዕራፍ 8

# ሓድሽ ኪዳን


6 ቅ.ክ.
ኦ ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን መድሓኒ ተጸበኹ፣ ኣነ ግና ነዊሕ ዕድመ ኣይክነብርን እየ።
እወ ነቲ መብጽዓ እተገብረሉ ቐድሚ ሙማትካ ኽትርእዮ ኢኻ እምበር ነዊሕ ዕድመ ኣይክትነብሩን ኢኹም።


ሳይሞን ንቑዱሳት ጽሑፋት ድሕሪ ምምርማሩ ብዛዕባ ክርስቶስ ብዙሕ ትንቢታት ረኸበ ።
ሳይሞን መዓልታዊ ናብዚ ኢኻ እትመጽእ ። ኩሎም ካህናት ከም ናታትኩም ውፉያት እንተ ዚኾኑ ምሓሸኒ።
ብዛዕባ እዚ ኣብ ኢሳይያስ ብዛዕባ ክርስቶስ እተነበየ ትንቢት እንታይ ኢኻ እትገብር፧ ድንግል ከም እትጠንስን ተባዕታይ ቈልዓ ኸም እትወልድን ይገልጽ። ከምቲ ንሄዋን እተዛረባ እዚ ዘርኢ እታ ሰበይቲ ኪኸውን ኣለዎ።
እወ ኢሳይያስ እውን እቲ ሓያል ኣምላኽ ተባሂሉ ኸም ዚጽዋዕ ተዛሪቡ እዩ ። እንተኾነ ግን እዚ ትንቢታት እዚ ንምርድኡ ዘጸግም ኢዩ ።



ብመሰረት ሚክያስ 5:2 እቲ ወዲ ኸም ኣምላኽ ዘለኣለማዊ እዩ። ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ንወዱ ኣምላኽ ኢሉ ዝጽውዓሉ ኣብ መዝሙር 45:6 ዝርከብ ትንቢትከ እንታይ ኪብሃል ይኽእል፧
ምሳኻትኩም ዚሰማምዑ ሒደት ክትረኽቡ ኢኹም፣ ስለዚ ኸኣ ኢኹም ብዛዕባ እዚ ብግህዶ ኽትዛረቡ ዘይብልኩም፣ ብዳርባ እምኒ ምተቐተልካ።
ክትርኢ ኢኻ። ቅድሚ ሙማተይ እቲ መሲሕ ናብዛ ቤተ መቕደስ እዚኣ ክመጽእ ኢዩ ክርእዮ ድማ ኢየ።


ሓቁ ኪኸውን
ይኽእል እዩ ።
ንስኻኸ መን
ኢኻ፧ ብዛዕባ እዚ
እንታይ ትፈልጥ፧




ዘፍጥረት 3፡15፣
መዝሙር 45፡6፣
ኢሳይያስ 7 14, 9፡6፣
ዳንኤል 9፡25-26፣
ሚክያስ 5፡2፣
ሉቃስ 2፡25-26


ኣቦይ ጸሓፊ እዩ ነቲ ትንቢታት ድማ ኣርእዩኒ እዩ ። ኣምላኽ ንዳንኤል ካብቲ የሩሳሌም ዳግም ክትህነጽ እተዋህበ ትእዛዝ ኣትሒዙ ኽሳዕ እቲ መሲሕ ዚጠፍኣሉ እዋን 483 ዓመት ከም ዚኸውን ነገሮ ።
እዚ ኣዋጅ እዚ ኻብ ዚእወጅ 449 ዓመት ሓሊፉ ኣሎ ። እዚ ኸኣ 34 ዓመት ጥራይ እዩ ዚተርፍ ፣ እዚ ኸኣ እቲ መሲሕ ሕጂ እውን እንተ ዀነ ኣብ ጐደናታት ይጐዓዝ ከም ዘሎ የመልክት ።
ገና። ቅድሚ ሙማተይ ነቲ ሕጻን ዝነበረ መሲህ ኣብዚ ቤተ መቕደስ እዚ ኽርእዮ ምኳነይ መንፈስ ቅዱስ ገለጸለይ።
ነዚ ነገራት እዚ ብኸመይ ክትፈልጦ ትኽእል፧
ክትርእዪ ኢኻ

ስምኦን እናዓበየ ምስ
ከደ እሞ ኣብ ቤተ
መቕደስ ተጸበየ ፡ነቲ
ተስፋ እተገብረሉ
ክርስቶስ ክደሊ ሓደ
ዘካርያስ እተሰምየ ኻህን
ክጽሊ ናብ ቤተ መቕደስ
ኣተወ። ንሱን ሰበይቱን
ኣሪጎም ነበሩ ውሉዳት
እውን ኣይነበሮምን ።


ብሃንደበት ሓደ መልኣኽ ብየማናይ ሸነኽ እቲ መሰውኢ መጸ!
ኣይትፍራህ። ጸሎትካ ተሰሚዑ እዩ፣ ሰበይትኻ ኤልሳቤጥ ከኣ ወዲ ኽትወልድ እያ፣ ንስኻ እውን ስሙ ዮሃንስ ክትብሎ ኢኻ።
ነቲ ህዝቢ ንምምጻእ እቲ መሲሕ ዜዳልዎ ንሱ ስለ ዝኾነ ምስ ተወልደ ብዙሓት ኪሕጎሱ እዮም ። ወይኒ ወይ ብርቱዕ መስተ ኣይኪሰትን እዩ፣ መንፈስን ሓይልን ኤልያስ እውን ኪቐበል እዩ።


እቲ እትብልዎ ሓቂ ምዃኑ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል፧ ኣነን ብዓልቲ ቤተይን ውሉዳት ክንወልድ ኣይንኽእልን ኢና ንሳ ድማ ምሉእ ህይወታ መኻን እያ ነይራ ።
ኣነ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ኢለ ዘለኹ ገብርኤል እየ፣ እዚ ኽነግረካ ድማ ተላኢኸ ኹ። ምልክት ትደሊዶ፧ እዚ ኽሳዕ ዚኸውን ክም ብሓድሽ ኣይክትዛረብን ኢኻ።


ብዛዕባኡ ኽንዘራረብ ከለና ኽሕጐስ እየ ። እዛ ቤት እዚኣ ጸጥታ ዝሰፈና እያ ። ንመላእኽቲ ኽትመላለሶም የብልካን
።ዘካርያስ ክሳዕ ሕጂ ንምእማኑ ዜጸግም እዩ ። ኣምላኽ ልክዕ ከም ሳራ ኣደ ህዝብና ጸሎትና ሰሚዑ እዩ ፣ ሕጂ ኸኣ ኣደ ሓደ ዓብዩ ነብዩ ክኸውን እየ ።

ነብያት ን4,000 ዓመት ብዛዕባ ምምጻእ መሲሕ ተነብዮም ነይሮም እዮም ። 700 ዓመት ኣቐዲሙ ነብዩ ኢሳይያስ ከምዚ በለ፥ “እንሆ ድንግል ክትጠንስን ወዲ ኽትወልድን እያ፣ ንሱ ድማ ኣማኑኤል፥ ኣምላኽ ምሳና ኺብሃል እዩ”።



ማርያም ንዮሴፍ ክትምርዖ ተሓጽያ ነበረት ። ምስ ዘኹነ ይኹን ሰብ ርክብ ኣይነበራን ። ንኹሉ ሕግታት ሙሴ ትእዘዝ ነበረት ።


ብሃንደበት ሓደ መልኣኽ ንማርያም ተራእያ!
ማርያም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዓብዩ ሞገስ ረኺብኪ ኢኺ ። ማሕጸንኪ ኽትጠንስ ንወዲ ኣምላኽ ከኣ ክትወልድዬ ኢኺ።
ምስ ዝኾነ ይኹን ሰብ ርክብ ካብ ዘይገብር ኣትሒዘ ኸመይ ኢሉ እዩ ኸምዚ ዝኣመሰለ ነገር ኬጋጥመኒ ዚኽእል፧
መንፈስ ቅዱስ ኪሸፍነኪ እዩ። እቲ ኣብ ማሕጸንካ ዚጠንስ ቅዱስ ዕጸ ወዲ ኣምላኽ ኪኸውን እዩ። እታ መኻን ተባሂላ እትጽዋዕ ዝነበረት ጓል ሓትኖኻ ኤልሳቤጥ ጠኒሳ ኣላ ። እዛ ወርሒ እዚኣ ሻድሻይቲ ወርሒ እያ።

ኢሳይያስ 7፡14፣ ሉቃስ 1፡5-20, 26-40




ኤሊዛቤት
ሜሪ
ጎለይ


ኣብ መንጎ ኣንስቲ ብሩኻት ኢኻ፣ ፍረ ኸርስኺ እውን ብሩኽ እዩ። ኣደ ጐይታይ ክትበጽሐ መጻኹ ።ከመይሲ ድምጽኻ ምስ ሰማዕኩ ሕጻነይ ብሓጐስ ኣብ ከርሰይ ዘሊሉ።
ነፍሰይ ኣምላኽ መሪቅለይ፣ መፈንፈሰይ ከኣ ብኣምላኽ መድሓንየይ ተሓጐሱ እዩ። ድሕርዚ ንሱ ዓብዩ ነገር ገይሩ እዩ እሞ ኵሉ ወለዶታት ብርኽቲ ኢሎም ኪጽውዑኒ እዮም።
ነቶም ትሑታት ዘኹንና ልዕል ኣበለና። ልክዕ ከምቲ ንኣቦና ኣብርሃም እተዛረቦ ብምሕረቱ እውን ዘኪሩና እዩ።
ማርያም ምስ ኤልሳቤጥ ንሰለስተ ወርሒ ዚኸውን ጸንሐት ።


ኤልሳቤጥ እትወልደሉ ግዜ ኣኸለ ።
ዘካርያስ ወዲ ኸም ዚኸውን ርግጸኛ ነበረ፣ ሓደ መልኣኽ ከምኡ ኢሉ ነገሮ ።
ቈልዓ እንተ ድኣ ኾይኑ ስሙ ዘካርያስ ብስም ኣቦኡ ክኸውን ኢዩ ኢለኢየዝሓስብ።
ሕጂ መጸ ። እስከንሕተቶ።


ንሱ ኸኣ እቲ መልኣኽ ስለ ዘይኣመነ ዓባስ ከም ዝገበሮ ተዛረበ።
ነቲ ቈልዓ እንታይ ኢልካ ኽትሰምዮ ኢኻ፧
ጽላት ጽሕፈት ደልዩ ።


ከምቲ እቲ መልኣኽ ዝኣዘዞ ስሙ ዮሃንስ ከምዚብሃልተዛረበ።
ኣብታ ስድራ ቤት ግና ብስም ዮሃንስ ዚጽውዕ ዋላ ሓደ የልቦን ።


ብሓቂ
ወዲ ኢዩ ኣዝዩ
ጸጎር ኢዩ ።


ከም ቃል ጐይታ ስሙ ዮሃንስ ይበሃል ። ነቲ መሲሕ ምስ ህዝብና እስራኤል ኬላልዮ እዩ።
ዚዛረብ ኣሎ! ድሕሪ እዚ ኹሉ ኣዋርሕ!
እዚ ትንቢት እዚ ኤልያስ ስለ ዝኾነ ደኾን ይኸውን፧
ሉቃስ 1:41-64


እዚ ኸምዚ ኢሉ ኸሎ ዮሴፍ ማርያም ከም ዝጠነሰት ፈለጠ እቲ ሕጻን ከም ዘይኮነ ኸኣ ፈለጠ።
ኣደይ ክሳዕ ሕጂ ኽኣምን ኣይከኣልኩን ። ኣብ ዘርያኣ ሰብኡት ኣይነበሩን ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደቒቕ ኣብ ቅድሚ ስድራቤታ ኢያ ነይራ ።ሜሪ ቀንዕቲ ምዃና ኸኣ ኵሉ ሰብ ይፈልጥ ኢዩ። ብርግጽ ኣይገበርክዎን! እቲ ጭብጥታት ግን ኣብኡ እዩ ዘሎ ። ጥንስቲ እያ።


ኣታ ዮሴፍ እንታይ ክትገብር ኢኻ፧
ሐጂ ኽምርዓዋ እኳ እንተ ዘይከኣልኩ ብዛዕባኡ ንሰብ ኽነግር ኣይደልን እየ ። ዝሙት ብምፍጽማ ብዳርባ እምኒ ኽትቅተል ትኽእል እያ ። ምናልባት ነቲ ሐጸ ህድእ ኢልና ኽነቋርጾ ንኽእል ንኸውን።


እቲ ኣበ መን እዩ ትብል፧
ኣቦ እቲ ቈልዓ ብዘይ ኣካላዊ ምትንኻፍ ኣብ ማሕጸና ብመንፈስ ቅዱስ እተተኽለ ኣምላኽ ምዃኑ ገለጸት ።


ኦ! ኣእምሮኣ ስኢናዶ፧
እቲ ቈልዓ መድሓኒ ዓለም ወዲ ኣምላኽ ከኸውን ምዃኑ ገለጸት።
ከምዚ ኽትብል ጸርፊ እዩ። ብእተኻእለኒ መጠን ቀልጢፈ ህድእ ኢለ ኽርሕቃ ኣሎኒ ።

በታ ምሸት እቲኣ ዮሴፍ ደቂሱ
ኸሎ ሓደ መልኣኽ ተራእዮ ።




እዚ ኹኣ
እቲ “ድንግል ቄልዓ ኽትወልድ
ኣማንወል ክበሃል እዮ እዚ ኹኣ
‘ኣምላኽ ምሳና እዩ’ ማለት እዩ”
ዚብል ትንቢት ኢሳይያስ ይፍጸም።


ማርያም ንዓኺ ብምጥርጣረይ ከመይ ኢልኪ ይቕረ ኽትብለለይ፧
እዚ ኹሉ ኣዝዩ ዜደንቕ ምኳኑ እፈልጥ እየ ። ካብ ኵለን ኣንስቲ እስራኤልን ካብ ኵሉ ዘመናት ንመሲሕ ናብ ዓለም ከእትዎ ኣምላኽ ክመርጸኒ ኢዩ!


እቲ ሕጻን ከመይ ክመስልዩ ፧ስለ ስጋ ኣምላኽ ዝኾነ ኺውለድ ከሎ ድዩ ዚዛረብ ፧ብኸመይ ከም ዝንበብ ድሮ ኺፈልጥ ድዩ ፧
ኣታ ዮሴፍ ኣይፈልጥን እየ ፧ኣምላኽ ግን ይፈልጥ እዩ ። ክንጽበ ጥራይ ኢና ዘሎና ።


ዘፍጥረት 3፡15፣
ኢሳይያስ 7፡14, 9 7፣
ማቴዎስ 1፡18-23፣
ሉቃስ 1፡32-33
ክልቴና ዘርኢ ዳዊት ኢና ፣ ነብያት ከኣ እቲ መሲሕ ካብ ዘርኢ ዳዊት ከም ዚኸውን እዮም ዚዛረቡነይሮም።
ካልእ ነገር እውን ሓሰብኩ ። ኣብ ገነት ኤድን ዘርኢ እታ ሰበይቲ ንርእሲ ተመን ከም ዚጭፍልቖ ኣምላኽ ተመባጽዐ።እዚ ቈልዓ እዚ ዘርኢ ሰብኣይ ዘርኢ እታ ሰበይቲ ጥራይ ኣይኰነን ። ዋው! ኣምላኽ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ነዚ መደብ ኣውጺኡ እዩ ።


ዮሴፍን ማርያምን ኣብ ናዝሬት ናይ ገሊላ ኢዮም ዝነብሩ ነይሮም እንተኾነ ግን እቲ መሲሕ ኣብ ቤት-ልሄም ናይ ይሁዳ ከም ዝውለድ ዝገልጽ ናይ ጥንቲ ትንቢት (ሚክያስ 5፡2) ነይሩ ኢዩ።ነዊሕ ከይጸንሐት ማርያም ንውሉዳ ኣብ ካልእ ከተማ ኽትወልዶ እያ ። ነቲ ትንቢት ስለ ዘይፈልጥዎ ናብ ቤት - ልሄም ነዊሕ ጕዕዞ ኺገብሩ ምኽንያት ኣይነበሮምን ።
ብመሰረት እቲ ብቄሳር ባዕሉ እተፈረመ ሃጸያዊ ግዝኣት ሮሜ ዘውጽኦ ወግዓዊ ኣዋጅ ቈጸራ ህዝቢ ኺግበር ኵሎም ህዝብታት እስራኤል ከኣ ግብሪ ንምኽፋል ናብታ እተወልዱላ ኸተማ ኺምለሱ እዮም።


ዮሴፍ ናብ ቤት - ልሄም ክትከይድ ኣሎካ ማለት እዩ ። እቲ ሕጻን ምስ ተወልደ ኽትጠፍእ ኢኻ።
ኣነ እንተ ዝኸይድ እቶም ህዝቢ ኣይምተረድእዎን ነይሮም ። ምሳይ ክወስደኪ እየ።


ማርያም ኣብዚ ጕዕዞ እዚ ኸምጽኣኪ ኣይምተገብኣንን ነይሩ። ምናልባት ክንምለስኣሎና።
ኣይፋሉን እቲ ሕጻን ኪውለድ ከሎ ምሳኻ ክኸውን ኣሎኒ ። ካልእዚርድኦየልቦን።


ዳርጋ 100 ኪሎ ሜትር ዚኸውን ጕዕዞ ንምግባር ልዕሊ ሓደ ሰሙን ወሰደለይ፡፡
እንተ ኸኢልካ ክንቅልጥፍ ኣሎና፡፡ ግዜኡ ዝኣኸለ ይመስለኒ ፡፡
ኣብ መሕረሲ ኽፍሊ ኽንረክብ ንኽእል እንተ ኼንና ኽርኢ እየ ፡፡


ሜሪ
እትሕግዝና መሕረስቲ
ረኺብኩ ።
ይሁዳ ኪድ እሞ ዝደለኻዮ ግበር።


እቲ ትኽፍሎ ዋጋ ቑኑዕ እንተ ዂይኑ ንየሱስ ኣብ ኢድካ ኸእትዎ እኽእል እየ።
ንስኻ ግና ይሁዳ ሓደ ኻብ ደቀ መዛሙርቱዶ ኣይኰንካን፧
እወ ምስኡ ኻብ ዝኸውን ሰለስተ ዓመት ገይረ ኣለኹ እንተዂነ ግን ደኺመ ኢየ ። ጽላለ እዩ ዚዛረብ ዘሎ ኣነ ድማ ነቲ ገንዘብ ክጥቀመሉ እኽእል እየ ።




ማቴዎስ 26፡14-16፣ ማርቆስ 13፡5-13፣ ሉቃስ 17፡26-37፣
ዮሃንስ 12፡23-24፣ 2 ጴጥሮስ 3፡10


ሕጂ ነፍሰይ ተጨኒቓ ኣሎ። “ኣቦይ ካብዛ ሰዓት እዚኣ ኣድሕነኒ” ክብል፧ ኣይፋሉን ፣ ከመይሲ ናብዛ ዓለም እዚኣ ዝመጻእኩ በዚ ፍጻመ እዚ እየ ።


ኣቦ ስምካ ኣኽብር፡፡


ንስመይ ድሮ ኣኽቢረዮ እየ ከም ብሓድሽ እውን ከምኡ ኽገብር እየ።
ከም ነጐዳ ድማ ዓው ኢሉ ነበረ።
ኣምላኽ ተዛሪብዎ እዩ!
ሓደ መልኣኽ ኣዘራረቦ!


እቲ ድምጺ ምእንታይ ዘይኮነስ ምእንታኹም እዩ ነይሩ። እቲ መስፍን እዛ ዓለም እዚኣ ዝኾነ ሰይጣን ዚስዓረሉ እዋን ሕጂ እዩ። ክመውት ኣብ መስቀል እንተ ሓፍ ኣቢለ ኸኣ ንኹሎም ሰባት ናባይ ክስሕቦም እየ።
ነብያት እቲ መሲሕ ንዘለኣለም ከም ዚነብር እዮም ዝበሉ ንስኻ ድማ ከም እትመዎት ትነግር ኣለኻ፣ እቲ መሲሕ ደኣ እሞ መን እዩ፧


ንእተወሰነ እዋን ብርሃን ምሳኻ ኺህልወካ እዩ። ደቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽትኰኑ ብብርሃን እመኑ።
ጽሉል ኰይኑ እዩ ዚስምዓኒ።


ዝኾነ
ይኹን ሰብ ንዓይን
ንቓላተይን እንተ ነጺግዎ
ንኣምላኽ ይነጽጎ ኣሎ ።
ኣነ ብርሃን ዓለም እየ።
ብኣይ እንተ ኣሚንኩም
ናይ ዘለኣለም ህይወት
ኪህልወኩም እምበር ኣብ
ጸልማት ኣይክትነብሩን
ኢኹም።

ዮሃንስ 12፡27-36



# ምዕራፍ 11

# ፋስጋን መከራን


ኬድካ ድራር ፋስጋ ኣዳልወልና።


ቅድሚ መከራይ ነዚ ፋስጋ እዚ ምሳኻትኩም ክበልዖ ተመነኹ። መንግስቲ ኣምላኽ ናብዛ ምድሪ እዚኣ ኽሳዕ እትመጽእ ደጊም ኣይክበልዖን እየ። ሽዑ ኣብ መኣደይ ክትበልዑ ኣብ ዝፋናት ከኣ ንዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል ክትፈርዱ ኢኹም።
ምስ ኣጋጠመ ምእንቲ ኽትኣምኑ ገለ ኽነግረኩም እየ። ቅዱሳት ጽሑፋት ኣብ መዝሙር 41፡9 “እቲ ምሳይ እንጌራ ዚበልዕ ሾኹናኡ ኣልዒሉለይ” ኢሉ ተነበየ። ኣነስ ሓደ ኻባኻትኩም ኢዱ ኣብ መኣዲ ምሳይ ከም ዝኸድዓኒ እብለኩም ኣለኹ።
ነኖእ


እንተ ኾነ እቲ ኽምዚ ዚገብር ሰብ ግና ወይለኡ።




ሉቃስ 22፡8-23


ሓደ ኻባኻትኩም እዩ ምሳይ ኣብ መኣዲ ኢዱ ዘጥለቐ።


ኩላትና ንእንጌራና ኣብቲ መኣዲ ኣጥሊቕናዮ ኢና።
ዮሃንስ ሕሹኹሹኹ ብምባል ንየሱስ መን ኣሕሊፉ ኸም ዚህቦ ሓተቶ። የሱስ “ነዚ ቑራጽ እንጌራ እዚ ምስ ጠለቕክዎ ዝህቦ” በለ።


ጐይታይ ኣነ ድየ ፧
ትብል


የሱስ ነቲ እንጌራ
ኣጥሊቑ ንይሁዳ ሃቦ።


ነቲ እትገብሮ ቐልጢፍካ ግበር።

ማቴዎስ 26፡23-29፣
ዮሃንስ 13፡26-30




ሕጂ ክኸበር እየ። ኣቱም ንኣሽቱ ውሉዳት ንነዊሕ እዋን ምሳኻትኩም ኣይክጸንሕን እየ።
ናብቲ ዝኸዶ ኽትኸዱ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ ሓድሽ ትእዛዝ እህበኩም ኣለኹ። በዚ ደቀ መዛሙርተይ ምዃንኩምን ንሓድሕድኩም ከም እትፋቐሩን ኩሉ ኺፈልጥ እዩ።
ዘካርያስ ብዛዕባ እዛ ሰዓት እዚኣ “ነቲ ጓሳ ኽምትዖ እየ እተን ኣባጊዕ ድማ ናብ ወጻኢ ፋሕ ኪብላ እየን” ኢሉ ተነበየ። ካብ ምዉታት ምስ ተንሳእኩ ቅድሜኻ ናብ ገሊላ ክኸይድ እየ።ኩላትኩም ኣብዛ ለይቲ እዚኣ ኽትክሕዱኒ ኢኹም።


ጐይታይ ኵሉ ሰብ እኳ እንተ ኸሓደካ ኣነ ግና ከቶ ኣይክኽሕደካን እየ።
ጴጥሮስ ደርሆ ኽልተ ሳዕ ቅድሚ ምንቆው ሰለስተ ሳዕ ክትክሕደኒ ኢኻ።


ከይከሓድኩኻ ምሳኻ ምሞትኩ።
ክኽሕደካ ኣይክእልን እየ!
ከኽሕዱኒ ኢሎም ወላ እንተሳቐዩኒ ኣይውዕሎን ።


ኵላትኩም ክትክሕዱኒ ኢኹም ።
ነብዩ ኢሳይያስ ኣብዚ እውን ብዛዕባይ
“ከም ኣበሰኛታት ጌርካ ተርእየኒ”
በለ።ጴጥሮስ ናብ
እምነትካ ምስ ተመለስካ
ንኣሕዋትካ ብእምነት
ኣበርትዖም ።




ማቴዎስ 26፡33-35፣ ዮሃንስ 13፡31-38፣
1 ቈረንቶስ 11፡24-25


ሰብነተይ ኪስበረልኩም እዩ።


ወሲድካ ኵሉ ብልዓዮ።


እዛ ጽዋእ ወይኒ
እዚኣ ነቲ ንሓጢኣትኩም
ንምትዕራቕ ዚፈስስ ኣብ
ደመይ እተመስረተ ሓድሽ
ኪዳን እያ እተመልክት።


ንሓድሕድኩም ኣካፍልዎ ኩሉ ውን ይስተ። ኣብ መንግስተይ ምሳኻትኩም ክሳዕ ዝሰቲ ደጊም ካብ ፍረ ወይኒ ኣይክሰትን እየ።


ኣብ መጻኢ ከምዚ ኽትገብሩ ኸለኹም እንደገና ኽሳዕ ዝመጽእ ንሞተይ ክትዝክርዎ ኢኹም።




ዮሃንስ 14፡1-3፣ 1 ቈረንቶስ 11፡24-26


ጐይታይ ግና ናበይ ከም እትኸይድ ኣይንፈልጥን ኢና፣ እሞ ደኣ ናባኻ እትመጽእ መገዲ ኸመይ ጌርና ኽንፈልጥ ንኽእል፧


ኣነ መገድን ሓቅን ህይወትን
እየ እሞ መገዲ ትፈልጡ ኢኹም።
ብኣይ እንተ ዘይኰይኑ ናብ ኣምላኽ
ኪመጽእ ዚኽእል የልቦን ። እንተ ፈሊጥካኒ
ንኣቦ ትፈልጦን ርኢኻዮ ኢኻ ።


ጐይታይ ነቲ ኣቦ ኣርእየና እሞ ዕግበት ክንረክብ ኢና።
ፊልጶስ ምሳይ ንነዊሕ እዋን እኳ እንተ ነበርካ ኣይፈለጥካንን ኢኻ ፧ ርኢኹምኒ እንተ ኼንኩም ንኣቦ እውን ርኢኹምዎ ኢኹም ። ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና ።


ኣይክሓድገካን እየ። ናባኻ ኽመጽእ እየ። ዓለም ደጊም ኣይክትርእየንን እያ፣ ግናኸ ኬህድኣካን ኬጸናንዓካን መንፈስ ቅዱስ ክሰደልካ እየ። ንሱ ኣባኻ ኪኸውን ናብ ሓቂ እውን ኪመርሓካ እየ።
እንተ ኣፍቀርካኒ ትእዛዛተይ ሓሉ። ዓለም ከተጥፍኦ ዘይትኽእል ሰላምክህበካ እየ።


ናብ ኣቦይ ክምለስ እየ እሞ እንተ ኣፍቂርካኒ ምተሓጎስካ ኔርካ። እዚ ኸትኣምኑሉ ቐድሚ ምፍጻሞም ነጊረኩም ኣለኹ።
ተንሲእና ደርፍና ንዘምር ድሕሪኡ ንኸንጽሊ ናብ ስፍራ ኣታኽልቲ ኽንከይድ ኢና።




ማቴዎስ 26:30፣ ዮሃንስ 14:5-10, 15, 25-30


ህድእ ኢልካ ስዓብ። ንኽንጽሊ ናብቲ ምስጢራዊ ቦታና ኽንከይድ ኢና።


ድሕሪ ቜሩብ ግዜ ኻባኻትኩም ከም ዝውሰድ ድሕሪ ቜሩብ ግዜ ኸኣ ከም ብሓድሽ ክትርእዩኒ ኢኹም ስለዚ ኣይትጕሀዩ።
ከመይሲ ክትበኽዩ ኸለኹም ጓሂኹም ናብ ዓብዩ ሓጐስ ኪቕየር እዩ። ኣነ ኻብ ኣቦ እየ መጺአ፣ ድሕሪ ሓጺር እዋን ከኣ ናብኡ ኽምለስ እየ።
ሕጂ ብንጹር ትዛረብ ኣለኻ ። ንኣምን ።
ሕጂ ትኣምኑ ዲኹም ፧ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ኹላትኩም ክትጥንጥኑንን ክትበታተኑንን ኢኹም። ቍሩብ ረሒቁ ኽጽሊ እየ፣ ኣብዚ ጽናሑ።


ኣቦይ እታ ሰዓት በጺሓ እያ ። ነቲ ዝሃብካኒ ዕዮ ወዲአዮ እየ ። ሕጂ ኸኣ በቲ ዓለም ቅድሚ ምፍጣራ ምሳኻ ዝነበረኒ ኽብሪ ኣኽበርካኒ። ብዛዕባኻ ምሂረዮም እየ ፤ ቃላተይ እውን ተቐቢሎም እዮም ። ብዛዕባ ሓጢኣቶም ሓቒ እነግሮም ስለ ዘለኹ ዓለም ከም ዝጸልኣትኒ ኽትጸልኦም እያ። ካብዛ ዓለም እዚኣ ኣይኰኑን ።
ካብ ክፉእ ከተዕቍቦም እምበር ካብ ዓለም ከተውጽኦም ኣይጽልየልካን እየ።




ማቴዎስ 26፡31, 38፣
ዮሃንስ 16፡19-20, 17፡1-10


ኣቦይ ዚከኣል እንተ ኾይኑስ ነዚ ኽሰትየ ዘሎኒ ጽዋእ ቍጥዓ ኻባይ ኣልግሶ። ግናኸ ፍቓድካ እምበር ፍቓረይ ክገብር ኣይደልን እየ። እንተ ኣገዲዱ ኽሰትዮ እየ።


የሱስ ሓጢኣት ተሰኪሙ ናብ ዓለም
እኳ እንተ መጸ ህሞት ምስ ኣኸለ ግና
ንሕፍረት መስቀል ነዓኞ፣ ከመይሲ እዚ
ንኹሎም ሰባት ሓጢኣት እዩ ነይሩ።
ኣቦይ እንተ
ተኻኢሉ እዛ ጽዋእ
እዚኣ ኻባይ ትሕለፍ።


ፍቃደይ ግና ኣይኰነን፣ ፍቓድካ ይኹን።
የሱስ ብዙሕ ነጠብጣብ ደም ረሃጸ።


ብሃንደበት ሓደ መልኣኽ መጸ እሞ ንየሱስ ኣገልገሎ።
ቅዱስ መከራ ኻባኻ በጺሓ እያ፣ ኣቦ ግና ምሳኻ እዩ። ሓጢኣት ዓለም ክትቅበል ኸለኻ ጽባሕ ኩሉ ጭፍራ ሰማይ ኪርኢ እዩ።
ንዓለም ክትፈጥራ ኸለኻ ንሕና ኣብኡ ነበርና፣ ክትብጃዎ ኸለኻ ኣብኡ ኽንህሉ ኢና።


ጽባሕ ሰይጣን ኪስዓርን ዕዳ ሓጢኣት ኪኽፈልን እዩ።
መዝሙር 23 5-6፣ ሉቃስ 22፡41-44፣ ዮሃንስ 17 ፡12፣ እብራውያን 6 ፡6, 12፡2
ኣብርሃምን ኲሎም እቶም ኣብ ገነት ዚነብሩ ሰባትን ምምጻእካ ይጽበዩ ኣለዉ ። ኣብ ቅድሚ ጸላእትኻ መኣዲ ኣዳልዮምልካ ኣለዉ፣ ጽዋእካ ይውዳእ።ብርግጽ ሰናይን ምሕረትን ኪስዕብ ኣብ ቤት ጐይታውን ንዘለኣለም ክትነብር ኢኹም።
ተንስእ ። ይሁዳ ወዲ ጥልመት ኣሕሊፉ ኺህበካ ይመጽእ ኣሎ።


ኣቦይ በዚ ምኽንያት እዚ እየ ናብ ዓለም ዝመጻእኩ ።


ደቒስካ ኣለኻ። ሓንቲ ሰዓት ክትሕልወለይ ኣይምኸኣልካን ፧ ተንስእ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ኣሕሊፍካ ይወሃበኒ።


ጐይታይ ኣብዚ ኽርእየካ ኽለኹ ባህ እዩ ዚብለኒ ። እንተኾነ ግን ሲዕቦምኒ መስለኒ ።


ይሁዳ
ብምስዓምዶ ኣሕሊፍካ
ትህበኒ ኣለኻ፧




ማቴዎስ 26፡40, 45-50፤ ዮሃንስ 12፡27, 18፡1-4


የሱስ ብዓል ናዝሬት ።
ኣነ እየ ።


ተጠንቀቕ! ሓይሊ ኣለዎ!
እቶም ወተሃደራት ንየሱስ ፈሪሆም ንድሕሪት ከዱ።


ንሱ እዩ። እንታይ ኢኻ እትፈርህ፧ ውሰዶ!


ንጐይታይ ኣይክትወስዱን ኢኻ።




ዮሃንስ 18፡4-6, 10


ኣቋሪጽ! ኣብዚ ደም ኣይኪፈስስን እዩ። ጴጥሮስ ንሰይፍኻ ኣብ ቦታኡ ምለሳ። እንተ ደልየ 10,000 መላእኽቲ ጸዊዔ ኽሕግዙኒ እኽእል እየ ። እዛ ሰዓት ጸልማት እያ።
እዝነይ ቈረጽዋ!


ከም ገበነኛ ሰይፊ ሒዝካኒ ትመጽእ ኣለኻ። ኣብ ቤተ መቕደስ ምሳኻ እየ ነይረ ። ስለምንታይ ደኣ ሸዑ ዘይወሰድካኒ ፧ ስለምንታይ ከምኡ ኸም ዝኾነ፧ ኽነግረኩም እየ ። በዚ ኸምዚ ኸኣ እዩ ቕዱሳት ጽሑፋት ኪፍጸም ዚኽእል ።


ኣምላኽ ሓግዝኒ!


ከምቲ ሓድሽ።


ኣነ እየ ዝደለኹሞ ። ኣይክንቃወሞን ኢና። ውሰዱኒ እሞ ነዞም ካልኦት ሕደግዎም።


ተኣምራት እዩ! እዝነይ ሓወየ! እዝነይ ሓወየ!




ማቴዎስ 26፡52-57፣ ማርቆስ 14፡51-52፣ ሉቃስ 22፡50-51


ንቐድሚት ሰጕም፣ እቶም ህዝቢ ብዛዕባኡ ቐድሚ ምስማዖም ነዚ ክንገብሮ ኣለና ፡፡


ንየሱስ ናብቲ ካህናትን መሰኻኽርን ተኣኪቦምሉ ዝነበሩ ቦታ ኣምጽእዎ ።
መሲሕ ከም ዝኾንካ ኸም እተዛረብካን ኣቦኻ ኣምላኽ ከም ዝኾነን ይነግሩኒ። ካብዛ ዓለም እዚኣ ኸም ዘይኰንካ ተዛሪብካ ኔርካ። ኣበይ እዩ ዓድኻ፧
ኣብ ምኩራባትን ኣብ ቤተ መቕደስን ምሂረ እየ። ብሕቡእ ኣይመሃርኩን ድየ። ስለምንታይ ኢኻ እትሓትተኒ ፧ ዝሰምዑኒ ሕተቶም ። እንታይ ከም ዝበልኹ ይፈልጡ እዮም ።


ማሕ


ነቲ ሊቀ ኻህናት ከምዚ ኢልካ ኽትምልሱሉ ኣይትኽእልን ኢኻ።
እከይ እንተ ተዛሪበ ብዛዕባ እቲ እከይ መስክሩ። ጽቡቕ እንተ ተዛሪበ ግና ስለምንታይ ትወቕዓኒ፧




ዮሃንስ 18፡19-23


ነታ ቤተ መቕደስ ብዘይ ኣእዳዉ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ኸም ዜዕንዋን ከም ዚሃንጻን ነገረኒ።
ኣይፋሉን ካልእ ሰብ ነታ ቤተ መቕደስ እንተ ኣጥፊእዋ ከም ብሓድሽ ከም ዚሃንጻ ተዛረበ ።
ኣብኡ እውን ኣይነበርካን። እንታይ ከም ዝበለ ሰማዕኩ ። ነታ ቤተ መቕደስ ብዛዕባ ምፍራስ ኪዛረብ ከሎ ናብ ርእሱ ኣመልከተ ። ብዛዕባ ምጥፋእ ኣካላቱ ዚዛረብ ዝነበረ ይመስለኒ ።


ቀልዲ እዩ፡፡ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ንኣካላቱ ዳግም ኪሃንጾ ዝኽእል ብኸመይ እዩ፧
ኣይፈልጥን፡፡ከመይ ገይሩ እዩ እሞ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ነታ ቤተ መቕደስ ኬልዕላ ዚኽእል፧


ኪኸስሱኻዶ ኣይሰማዕካን፧
ባዕልኻዶ ኣይትምልስን ኢኻ፧


የሱስስቕበለ፡፡
ዓሻ ኣይምልስን እዩ፡፡


ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ እንተ ኾንካ ኽትዛረብን ክትምልስን በቲ ህያው ኣምላኽ እእዝዘካ ኣለኹ።
ኣነ ወዲ ኣምላኽ እየ ። ብየማናይ ኢድ ሓይሊ ኾፍ ኢለ ብደበና ሰማይ ናብዛ ምድሪ እዚኣ ኽምለስ ክትርእዩኒ ኢኹም።


ደጊም መሰኻኸር ኣየድልየናን እዩ። ብኣእዛንና ሰሚዕናዮ ኢና ። ወዲ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ብምዝራብ እዩ ዚጸርፍ ። ሞት ዚግብኦ እዩ!
እቲ ኻህን ከም ምልክት ሓዘኑ ኽዳውንቱ ቀደደ።
ኣዒንቱ ዓምቶ እንታይ ዓይነት ነብዩ ምኺኑ ኽንርኢ ኢና ።

ማቴዎስ 26፥59-65


ኪንበ ዚኽእል እንተ ኾይኑ ርአ።
ቀጥቅጥዎ! ነቲ ኣብ ቤተ መቕደስ ዝነበረኒ ስራሕኣዕኒዎ።
ተኣምር ይገብር።


ህረሞ


ማሕ
ክሳዕ ክንደይ ድኹም ምኻኑ እሞ ርአ!
ገሡ
መን ከም ዝሃረመካ ንገረና ፡፡ ነብዩዶኣይኾንካ፡፡
ኣቒሳልካ ኣሕዊ፡፡ ተኣምር ኣርእየና፡፡



እዚ ኸምዚ ኢሉ ኸሎ ጴጥሮስ ኣብ ወጻኢ ቤተ-መንግስቲ ሊቀ ኻህናት ኰይኑ ንየሱስ ካብ ርሑቕ ይስዕቦ ነበረ።
ይፈልጠካ እየ! ምስቲ ሰብኣይ ዝነበረ የሱስ እየ ርእየካ ፡፡ ንስኻ ሓደ ኻብ ደቀ መዛሙርቱ ዲኻ፧
ነቲ የሱስ ዚበሃል ሰብኣይ ኣይፈልጦን እየ። እንታይ ይግበር ከም ዘሎ ጥራይ እየ ኽርኢ ዝደሊ ፡፡




ማቴዎስ 26፡67-70፣
ሉቃስ 22፡64-65


እወ ንስኻ ብርግጽ ሓደ ካብ ደቀ መዛሙርቱ ኢኻ ። ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ምስኡ ርእየካ እየ ።
ሰበይቲ !ነዚ ሰብኣይ እዚ ኣብ ህይወተይ ርእየዮ ኣይፈልጥን እየ ።


ካኩ-ዱል-ዱ
ካኩ-ዱል-ዱ
እቲ ደርሆ ቜሩብ ኣንጊሁ ነቁዩዶ፧
የውጽእዎ ኣለዉ። ሐማቕ ግዜ ዘሕለፈ እዩ ዚመስል።


ብይን ስለ ዝፈርሁ፣ናብ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኺወስድዎ ነገሩና ።
እቶም ስቡሓት ግቡዛት ካልእ ሰብ ነቲ ረሳሕ ዕዮም ኺዓለም እዮም ዚደልዩ።
ሓለንጊ ሃቦ።
ጴጥሮስ ደርሆ ኺንቁ ከሎ ሰምዐ ነቲ የሱስ እታ ደርሆ ኽልተ ሳዕ ቅድሚ ምንቃው ንየሱስ ሰለስተ ሳዕ ከም ዚኽሕዶ እተዛረቦ ቓላት ድማ ዘከረ። ብፍርሂ ሓፊሩ ነበረ።
ማቴዎስ 26፥71-75, 27፥1-2፣
ሉቃስ 22፥58-62. 23፥1


ሸመጦ
ኣምላኽ እንታይ እየ ገይረ፧ ከምቲ ዝበሎ ሰለስተ ሳዕ ከሓድክዎ ። እዚ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ፧ ስለምንታይ እዩ ኸምኡ ዚሳቐ ዘሎ፧
ዋእ ርግእ በል። ምሉእ ለይቲ የብልናን።
ኣቦይ ኣበርትዓኒ ።


ኣብዚ እንታይ ኢኻ
እትደሊ፧ ንጐይታኻ ክጥጠልም
እኹልዶ ኣይከፈልናልካን፧
ሓሳበይ ቀዩረ እየ
። ፈትሓዮ እሞ ነቲ
ገንዘብ ክመልሰልካ እየ።
ገንዘብ ደም ርኹስ እዩ፣ ኣይንትንክዮን ኢና ። እዛ መዓልቲ
እዚኣ ኸይሓለፈት ጐይታኻ ኺመውት እዩ። ዜፍርህ ነገር የብልካን ።
ነቶም ኻልኦት ንምሓዝ ክንጥቀመልካ ንኽእል ንኸውን ኢና ።


ገንዘብካ ውሰድ ። ኣይደልን እየ ። ምስ ጣዕሳ ክነብር ኣይክእልን እየ።
ጬል
ጬሕ




ማቴዎስ 27፡3-6


ምስዚ ኽነብር
ኣይክእልን እየ።


ኣምላኸ እንታይ እዩ ገረ፧


ንህርፋነይ ክቄጻጸሮ ዘይከኣልኩ ስለምንታይ እየ፧


ምናልባት ሞት ሰላም ይህበኒ ይኸውን …


ረኣኽዎ፧ ግን ዋላ ሓንቲ ኽገብር ኣይከኣልኩን ።
ቀልጢፍና ኽነዉርዶ ኣሎና፣ ምናልባት ገና ብህይወት ኣሎ ይኸውን!


እንተኾነ ግን ናብታ ኦም ክድይቡ
ኸለዉ እውን ነፍሲ ይሁዳ ድሮ
ናብ ሓዊ ገሃንም ነበረት።




ማቴዎስ 27፡5


ኣዝዩ ኣርሒቑ!


ከመይ ዝበለ ዝሕዝን ነገር እዩ! ኣብ ኵላ መሮር ተኸፊቱ ፈሰሰ!
እግ! ከሕምመኒ እዩ ።
ነብያት እውን ብዛዕባ እዚ ተነብዮም ነይሮም እዮም ።


ካልእ መናፍቕ እንታይ ኣምጺእካለይ፧ወሲድካ ኸም ሕግኻ ፍረዶ።
ኪመውት ይግብኦ እዩ ፤ ወይ ናባኻ ኣይምመጻእናን ኔርና ። ንሓደ ሓሳዊ ብዳርባ እምኒ ንምቕታል ዘሎና ሓይሊ ኣጥፊእካዮ ኢኻ፣ ስለዚ ፍቓድካ ደሊና ኢና መጺእና።
እቲ ዝፈጸሞ ገበን እንታይ እዩ ፧


ንጉስ ከም ዝኾነ ተዛረበ።
ንስኻኸ ንጉስ ኣይሁድ ዲኻ፧
ሐጂ መንግስተይ ካብዚ ዓለም እዚኣ ኣይኰነትን ። ከምኡ እንተ ዚኸውን ነይሩ ኣገልገልተይ ንህይወተይ ኬድሕንዋ ምተቓለሱ ነይሮም ።


ንጉስ ዲካ፤


ንስኻዶ ንጉስ ኣይሁድ ኢኻ፧




ዘካርያስ 11፡12-13፣ ማቴዎስ 27፡8፣
ማርቆስ 15፡14፣ ሉቃስ 23፡1-4፣
ዮሃንስ 18፡29-38፣ ግብሪ ሃዋርያት 1:18




እቲ ሓለንገ ብዕንጨይቲ እተሰርሐ ዓሰርተ ሸሞንተ ሰንቲ ሜተር ዝንውሓቱ
ኹይኑ ኣብ ጫፍ ነፍሲ ወከፍ ገመድ ከኣ በሊሕ ኣኻውሕ ኣዕጽምቲ
ወይ ሓጺን እተኣስረ ትሽዓተ ብቈርበት እተሰርሐ ገመድ ነበሮ።


ኣኣኣ
ወስኽሉ
ክራክ
ሕጂ ኣዕሩኹ ኣበይ ኣለዉ፧
ምሕረት ኣይለመነን።
እዚ ምናልባት ክቐትሎ ይኽእል ኢዩ ንሕናውን ካብ ተኣምራቱ ንዕርፍ።




ሉቃስ 23፡11፤ ዮሃንስ 19፡1-2


ዝባኑ ተበላሸዩ!
ኩሉ ሳዕ ንንጉስ ክገፍዕ እደሊ ነበርኩ ፡፡


ንጉስ ከም ዝኾነ ነገረ ፡፡ ነዚ ጁኽ ዝሕብሩ ቐምሺ ኣብ ልዕሊኡ ኣንብሮ፡፡
ንጉስ ኣኽሊል የድልዮ እዩ፡፡


ሃ ሃ ሃ! እዚ
ኸኣ ጽቡቕ ኣኽሊል
ኪኸውን እዩ።
ኣህ


እንሆ ኣታ ዓብዪ ዘለላኻ ውሰድ። ሃ ሃ ሃ!
ነቲ ዘውዲ ኣብ ርእሱ ጽቡቕን ኣጽኒዑን ኣንብሮ።


ንጉስ ኩሉ ዓለም ዘውዲ ኽንገብረልካ ኢና!
ኣኣኣኣህህ


ሕጂ
ትኽ ኢልካ
ደው በል።
ኣታ ንጉስ
ነታ መትሓዚ ኻ
ሓፍ ኣብላ።
ሃ
ሃ! ንጉስ
ብህይወት
ነውሕ ግዜ
ይንበር ።
እወ ዕድለኛ
እንተ ኹይኑ ክሳዕ
ጸሓይ ትዓርብ።

ዮሃንስ 19:1-3


ንጉስ ሮሜ
ጭሕሚ የብሉን።


ሕጂ ግን ንጐስመሲሉ።


ኣይዘናጋዕን
እዩ፣ ምሕረት እውን
ኣይለመንን። ናብ
ጲላጦስ ንውሰዶ።


ንንጉስኹም ርኣዩ፡፡
ብዘይካ ቄሳር ንጉስ የብልናን፡፡
ነቲ ሰብኣይ እሞ ርኣዮ ፡፡ እንታይ ክገብሮ ፧
ስቐሎ! ስቐሎ!


ወሲድካ ኽትሰቕሎ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ሰብኣይ እዚ ዋላ ሓንቲ ጌጋ ኣይረኸብኩን።


ጕድለት ዘይብልሉ እንታይ ማለት ኢኻ፤ ወዲ ኣምላኽ ከም ዝኾነ እዩ ዚዛረብ ።




መዝሙር 22፣ ኢሳይያስ 50:6, 53:5, 7፣
ሉቃስ 23:13-22፣ ዮሃንስ 19:4-8


ንስኻ መን ኢኻ፣
ስለምንታይ ዘይትምልሰለይ፣
ክቐትለካ ሓይሊ ኸም ዘሎኒዶ
ኣይትፈልጥን ኢኻ፣
ኣብ ላዕሊ ዘሎ
ኣቦይ እንተ ዘይህበካ ሓይሊ
ኣይምሃለወካን ነይሩ፡፡



እብለኩም ኣለኹ ኣብዚ ሰብኣይ እዚ ዋላ ሓንቲ ጌጋ ኣይረኸብኩን። ከፈትሖ እየ።
እንተ ፈታሕካዮ ዓርኪ ቄሳር ኣይኮንካን።
ስቐሎ! ስቐሎ!
ወሲድኩም ኸም ዝደለኹም ግበሩ። ብዛዕባ ገበኑ ዚገልጽ ወረቓቕቲ ኽጽሕፍ እየ። ኣነ ግና ካብ ደም እዚ ሰብኣይ እዚ ንጹህ እየ።




ማቴዎስ 27፡24፣ ዮሃንስ 19፡9-17


ኪመውት ቀሪቡ ዝሎ ይመስል ።
ዱብ
ቆጬዕ


ተንስእ ወይ ብሓለንጊ ኽሃርመካ እየ።
እንሆ ኣታ! ነዚ ሰብኣይ መስቀሉ ምስካም ሓግዞ።
ንምንታይ ኣነ፧


እሞኸ እንታይገበረ፧
ንኹሉ ሰብ ኣፍቅሮ።


የሱስ ኣዚና
ኢና ሓዚና፡፡
ኣዋልድ የሩሳሌም ኣይትበኽያለይ፡፡ እቶም ኣብ
የሩሳሌም ዘለዉ ብፍርሂ ዝሕብኡሉን ዝሞቱሉን እዋን
ኪመጽእ እዩ እሞ ንርእስኹምን ንደቅኹምን በኽዩ፡፡




ማቴዎስ 27፡32፣ ሉቃስ 23፡26-33


ነዚ ስተዮ ፡፡ ንስቓይካ ኬህድኦ እዩ፡፡
ኣይፋሉን ፍቓድ ኣቦይ ክገብር ኣሎኒ ፡፡
ሕጂ እውን እንተ ኾንካ ወዲ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ገይሩ እዩ ዚሓስብ ፡፡


ዘርግሓዮ።
ሞዷሻን
መሳምርን
ኣምጽኡ።



ሕጂ ኣጽኒዕካ ሓዞ። በቲ ቐዳማይ ምዉጋእ ከም ጽሉል ከዕገርግር እዩ። እቲ መሳምር ኣብ መንጎ ኣዕጽምትን ዕንጩይትን ክሳዕ ዝኣቱ ኣጽኒዕካ ኸትሕዞ ኣሎካ።


ወዷይ!
ገው
ቁጬዕ


ወዲ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ገይሩ ነብሱ ዝሓሰቦ ስለምንታይ ይመስለካ፧
ናይ ቀደም ትንቢታት ፡፡ እንታይ ይፍለጥ፧
መዝሙር 22፣ ኢሳይያስ 53፣ ማቴዎስ 27፡33-34


ነዚ ኣእጋር ኣጽኒዕካ ሓዞ። እዚ ኸኣ ነቲ ኣብ መንጎ ኣዕጽምቲ ዘሎ መሳምር ንምሕላፍ ብዙሕ ሳዕ እዩ ዝውቃዕ ።


ኦ ሜሪ ክጻወሮ ዝኽእል ኩይኑ ኣይስምዓንን እዩ።
ከምኡ ኸም ዚኸውን ሓሲበ ኣይፈልጥን እየ ነይረ ።
ኣቱም ዓያሹ ስሓቡ።
ኣቱም ሃካያት ሓሰማታት ቍሩብ ሓገዝኩምይደሊኣለኹ።


ኣቦይ እንታይ ከም ዚገብሩ ስለ ዘይፈልጡ ሕደገሎም ፡፡
የዉሃንስ ኣብዚ ብምርካብካ ኣዝየ እየ ተሓጐሰ ፡፡ ኣዝዩ ዜስካሕክሕ እዩ ፡፡
ኵላትና ሓዲግናዮ ኸድና ፡፡
ዘካርያስ 13፡6፣ ሉቃስ 23፡32-34


ክዳውንቱ እንሆ። ነዛ ሓንቲ ጥራይ እየ ኸወስዳ ።
ኣይፋልን።ኣርባዕተ ግዱ ክንመቐሎ ኢና።
ነዚ ኽንመቓቐሎ ኣይንኽእልን ኢና። እተሰፍየ እዩ።
ብዕጫ እሞ ይኹን።
ቅዱሳት ጽሑፋት ኽዳኑ ከም ዚመቓቐሉን ከም ዚጣልዑን ተነብዮ ነይሩ እዩ።


ዝላዓለ ይወስዶ
ተጠንቀቅ ሊዮ ደም ይፈስስ ኣሎ።


ንኻልኦት እውን ኣድሒንዎም እዩ ። ንርእሱ ኼድሕን ኣይክእልን እዩ ።
የሱስ ነታ ቤተ መቕደስ ኣፍሪስካ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ዳግም ክትሃንጻ ኸም እትኽእል ተዘሪብካ ኔርካ። ርእስኻ ኣድሕን እሞ ካብ መስቀል ውረድ።
ሕጂ እቲ ንጉስ እስራኤል ዝኾነ ክርስቶስ ክንርእዮን ክንኣምኖን ካብ መስቀል ይውረድ።
ኣተላሊ!
ከም ዜድሕኖ ኣብ ኣምላኽ ተኣማሚኑ ነበረ ። ኣምላኽ ሕጂ የናግፎ ።
መዝሙር 22፡18፣ ማቴዎስ 27፡39-43፣ ዮሃንስ 19፡23-24


እንሆ ነዚ ስተ እሞ ንስቓይካ ኼፋኹሰልካ እዩ።
ነኖእ


ወዲ
ኣምላኽ እንተ
ኼንካ ካብዚ
ወረድ፡ንገሊኦም
ሮማውያን
ክንቀትሎም ኢና ።
ስለምንታይ
ኢኻ እትምሕል፧
ክትመውት
ምኳንካ ፈሊጥካን፡
ኣምላኽዶ
ኣይትፈርህን ኢኻ፧


እዚ ነገር ይግብኣና ኢዩ እዚ ግን የሱስ ኢዩ ። ዋላ ሓንቲ ጌጋ ኣይገበረን።
የሱስ ናብ መንግስቲ ኣምላኽካ ኽትኣቱ ኸለኻ ዘክረኒ ።


እዛ መዓልቲ እዚኣ ምሳይ ኣብ ገነት ክትከውን ኢኻ ።




መዝሙር 69፡21፣ ሉቃስ 23፡36-43፣
ዮሃንስ 19፡25-27


የሱስ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ኸሎ ሰማይ ከም ለይቲ ጸልመተ ንሰለስተ ሰዓት ድማ በዚ መገዲ እዚ ጸንሐ። እታ ሰዓት ጸልማት እያ ነይራ ። እቲ ክርስቶስ የሱስ ዝበሃል ሰብኣይ ምእንቲ ሓጢኣት ዓለም ኢዩ ዝመውት ነይሩ ።


ከቢድ ሓጢኣት ኣብ ልዕሊ የሱስ ምስ ወደቐ ከምዚ ኢሉ ጨርሐ፦
ኣምላኸይ ኣምላኸይ ስለምንታይ ሓዲግካኒ፧


ኣምላኽ ከምንሓጢኣትና ገይሩ እዩ ፈጢርዎ።
ማቴዎስ 27፡45-50፣ ሉቃስ 23፡44-46፣ ዮሃንስ 19፡30፣ 2 ቈረንቶስ 5፡21
ኣቦይ ንመንፈሰይ ኣብ ኢድካ ገዲፈዬ ኣለኹ።
ተዘዚሙ!
ዮሃንስ ይመውት ኣሎ! ብሓቂ ይመውት ከም ዘሎ ኽኣምን ኣይክእልን!
ንሱድማሞተ።


ብሃንደበት ከኣ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኾነ።
እዚ ንጉስ ኣይሁድ ዝኾነ የሱስ እዩ። ተኣምራት ይዓዩ ነበረ ።
እንታይ፧ ፈለማ ሰማይ ከም ለይቲ ጸልመተ ሕጂ ኸኣ ምድሪ ተናወጸት።
ሕጂ ተኣምራት ኣይገብርን እዩ ዘሎ። ሞይቱ እዩ።


ከም ብሓድሽ ብርሃን ይበርህ ኣሎ። እዛ መዓልቲ እዚኣ ፍልይቲ መዓልቲ እያ ።
እወ እዚ ሰብኣይ እዚ ምስ ሞተ ኢዩ ዝፍጸም ዘሎ ።


ብሓቂ እዚ ወዲ ኣምላኽ እዩ ነይሩ ።


ኣእጋሮም ክንሰብር ተኣዚዝና ኢና ። ጸሓይ ቅድሚ ምዕራባ ኺሞቱን ካብ መስቀሎም ኪወርዱን እዮም ተኣዚዙ ። ጽባሕ ሓንቲ ኻብተን ቅድስቲ መዓልትታቶም እያ።
ኣብ መስቀል ከም ዚመውት ኣብ ኣካላቱ ግና ኣዕጽምቲ ኸም ዘይስበር ተነጊሩ ነይሩ እዩ ። ስለዚ ድማ ተፈጸመ ።
ኪሰብሮ ኣየድልን እዩ ። ሞይቱ እዩ ። ቅድሚ ሙማቱ እንታይ ከም ዝበለ ትፈልጥዶ ፧ ንኣቦኡ ስለ ዝቐተልናዮ ይቕረ ኺብለልና ሓተቶ ። ተኣምራት ዝገበረ ቕዱስ ሰብኣይ ምዃኑ ይነግሩኒ።




መዝሙር 34፡20፣ ዘካርያስ 12፡10፣
ማቴዎስ 27፡54፣ ዮሃንስ 19፡31-37


እንተ
ወሓደ ኣእጋሩ
ኣይሰበሩን።
ሜሪ ንቐብሪ ዜዳልዎ ሓገዝ
እንተ ረኺበ ኽርኢ እየ ።


ሰንበት ጸሓይ ምስ ዓረበት እያ እትጅምር
፧ሕጂ መስዩ። ነቲ ሬሳ ንመቓብር
ንምቕማጥ ኪቐላጠፉ ነበሮም።


ዮሃንስ 19:31. 38
ዮሴፍ ዚበሃል ሓደ ኻብቶም ዓሰርተው ክልተ ደቀ መዘሙርቲ ዘይነበረ ሃብታም ሰብኣይ ንየሱስ ኪቐብሮ ብወለንታ ኣብ መቓብሩ ኾነ።
ድሕሪ ሓጺር እዋን ሰንበት ክትከውን እያ ። ኣብ ሓድሽ መቓብረይ ከነቐምጦ ኢና።
ዮሴፍ እዚ ንዓኻ ጽቡቕ እዩ ። ናይ ቀረባ ዓርኪ ኢኻ ።



# ምዕራፍ 12

## ትንሳኤን ቀዳሞት ቤተ-ክርስትያንን


እዚ ኸም ዚኸውን ብዙሕ ሳዕ ነጊሩና እዩ ። ስለምንታይ ከምዚ ኮይኑ ኣይርድኣንን እዩ ። በዚ ኸምዚ ኺመውት ከም ዝደለየ እዩ ዚመስል ። ልክዕ ግዜኡ ይፈልጥ ነይሩ እዩ ። ትማሊ ምሸት ከማን ነገረና ።
ቀልጥፍ። ኣጋ ምሸትእዩኮይኑ።


ንኣካላቱ ኸንቀብእ ምድላውግዜኣይነበረናን።
መዓልቲ ሰንበት ምስ ሓለፋ ኸንምለስ ኢና።
እዚ ግና ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ እዩ።
በዚ ።ተጠንቀቅ።
እዚ ጥራይ ኢና ኸንገብር እንኽእል ።


እቶም ካህናት ናብ ጲላጦስ ተመልሱ ።
ጐይታይ እዚ ዝሰቐልካዮ መታለሊ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ መቓብር ከም ብሓድሽ ከም ዚትንስእ ተዛረበ።
ደቀ መዛሙርቱ ኣትዮም ንሬሳኡ እንተ ወስድዎ ሓቂ ክመስል እዩ። ነዚ ንምክልኻል ሓለውቲ ኣብ ወጻኢ እቲ መቓብር ኣቐምጥ።
ሓለውቲ ኽሰድድ እየ። ብእተኻእለካ መጠን ወሑስ ከም ዚኸውን ግበር።




ማቴዎስ 27፡59-66፣ ዮሃንስ 19፡40


እቲ ዝሞተ መሲሒካ ኸይሃድም ኣይትጨነቐ፡፡ ሬሳ አጥፊእና ኣይንፈልጥን ኢና፣
ሃሃሃ


ድሕሪ ቐብሪ የሱስ
ሰለስተ መዓልቲ ጸኒሑ።
ንመጀመርታ ግዜ ኢና ንሓደ ምዉትሓሊናዮ።
ድሕሪ ሓጺር እዋን ብርሃን ክኾውን ኢዩ እፎይታ ድማ ክንረክብ ኢና።


ድሕሪ ሓጺር እዋን ብርሃን ክኸውን ኢዩ ። ንቀልጥፍ። ሕጂ ሰለስተ መዓልቲ ሓሊፉኣሎ።
ነዚ ቐልጢፍና እንተ እንገብሮ ምሓሸኒ።




ማቴዎስ 28፡1-2፣ ሉቃስ 24፡1


ብሓቂ ዓብዩእዩ፡፡
ሰባት ኪጭድሩ ኣለዉ! ሰብ ተጎዲኡ ክኸውን ኣለዎ ፡፡



እንታይ...፧
ኡኡይ


መልኣኽ እዩ።
ነቲ እምኒ የንቀሳቕሶ ኣሎ!
ኪቆትለና እዩ!
ኣቲ ኣዲ ኣምላኽ፧ምሕረት!



ማቴዎስ 28:2-4


እቲ እምኒ ኣዝዩ ዓብዩ እዩ። ዜንቀሳቕስዎ ሰባት ብኸመይ ክንረክብ ንኽእል፧
ኣይፈልጥን ኢየ እንተኾነ ግን ሰለስተ መዓልትን ለይትን ሓሊፉ ኢዩ። ብዘይ ቀመማትን ኣካላቱ ኺብስብስ እዩ።
ወተሃደራት ነቲ መቓብር ይሕልውዎ ኸም ዘለዉ ኣይፈልጡን እዮም ነይሮም ።


ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ
ድሮ ነቲ እምኒ ዘንቀሳቐሶ ሰብ ኣሎ!


ሰብነቱ ጠፊኡ
፡፡ እቲ መቓብር ጥራዩ
እዩ ወሎ!


ኦ! ንስኻ መን ኢኻ፧ ስጋ የሱስ ኣበይ ኣሎ፧
ክዳውንቱ ኣብዚ መቓብር ኣሎ!
ኣይትደነቐ... ነቲ ተሰቐለ የሱስ ትደልይዎ ኸም ዘለኹም እፈልጥ እየ። ኣብዚ ኣይኰነን ዘሎ ። ከምቲ ዝበሎ ተንሲኡ እዩ።
ናብቲ ዝደቀሰሉ ቦታ ኪዱ፣ንደቀ መዛሙርቱ የሱስ ኣብ ገሊላ ኸም ዚረኽቦም ንገሮም።


የሱስ ብህይወት ኣሎ! ካብ ምዉታት ከም ዝተንስአ ትዛረቡ ኣለኹም፣ ልክዕ ከም ኣልኣዛር!
ቀልጢፍና ኬድና ንደቀ መዛሙርቲ ኽንነግሮም ኣሎና።
እዞም ሰባት እዚኣቶም መላእኽቲ እዮም!
የሱስ ብህይወት ኣሎ!
ማርቆስ 16፡3-8


የሱስ ብህይወት ኣሎ! ካብቲ መቓብር ኢና መጺእና፡፡
የሱስ ኣብኡ እኳ እንተ ዘይነበረ ግን መላእኽቲ ነበሩ ፡፡
የሱስ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኸም ዚትንስእ ከም እተዛረበ ዘከርና ፡፡
መላእኽቲ የሱስ ኣብ ገሊላ ኸም ዚራኸበካ ነገሩና፡፡


ጴጥሮስ ናበይ ኢኻ
እትኸይድ ዘለኻ፧
ናብ
መቓብር


ዮሃንስ ከኣ ንጴጥሮስሰዓበ።
ዮሃንስ! ተጸበየኒ፣ ከማኻ ቀልጢፈ ኽጕዩ ኣይክእልን እየ።


ጥርሑ እዩ ዘሎ!




ዮሃንስ 20፡2-9


ዬሃንስ፣ቦዕሉ ተንሲኡ ኸም ዝኸደ እቲ መቓብር እተኸድኖ ኽዳውንቲ ተዓጺፉ ኣሎ።
ክኸዉን ኣይክእልን።
መላእኽቲ ግን ኣበይ እዮም ዘለዉ፧ እተን ኣንስቲ ነገራት ደርእያ ኔረን ኣለወን ።


ጻዕዳ ኽዳውንቲ እተኸድኑ ሰባት ርኢኻዶ፧
ሰብ ኰነ፧ መላእኽቲ ዋላ ሓንቲ ኣይነበረን ። ሰብነቱ ጠፊኡ እዩ ።


እህህህ
ኣቲ ሰበይቲ ስለምንታይ ትበኪ ዘለኺ፧


ንጐይታይ ወሰድዎ ኣበይ ከም ዝንበርዎ እውን ኣይፈልጥን እየ።


ማርያም።


ጐይታ!


ማርያም
ሕጂ ኣይትተንከየኒ
፡፡ ክሳዕ ሕጂ ናብ ኣቦ
ኣይዓረግኩን፡፡ ኪዱ
እሞ ኣብ ገሊላ ከም
ዝረኽቦምን ንገሮም፡፡
ጐይታይ
ህያው ኢኻ፡፡

ዮሃንስ 20፡7-17


እቶም ደቀ መዛሙርቲ ነቲ የሱስ ካብ ምዉታት ከም ዝተንስአ ዚገልጽ ጸብጻብ ኣይኣምኑን እዮም ነይሮም ፡፡
ጴጥሮስን ዮሃንስን ኣብቲ መቓብር ዋላ ሓንቲ ስለ ዘይረኸቡ ፤ሰብ ነቲ ሬሳ ዝሰረቖ ይመስለኒ ፡፡ እዘን ጽሉላት ኣንስቲ እዚኣተን ንኹሉ ዘረባአን ደው ኬብልዎ ኣለወን፡፡ ንኹሉ ሰብ እዩ ዜበሳጭዎ፡፡
ናብ ኤማዩስ ክንምለስ ኢና ፡፡ ኣብዚ ንዓና ዚኸውን ካልእ ነገር የልቦን፡፡


እዛ መዓልቲ እዚኣ ሳልሰይቲ መዓልቲ እያ ።
እወ ካብ ምዉታት ኪትንስእ እንተ ሓሲቡ ግን ስለምንታይ እዩ ኪቐትልዎ ዚፈቐደሎም፧
እወ ንጉስ ኪኸውን እንተ ደልዩ ነዚ ኹሉ ብሕቡእ ኣይምገበረንዶ፧


ምሳኻ ክኸይድ ዶ፧
ዉዉ! ኣሰምቢድካኒ። ካበይ ኢኻ መጺእካ፧
ሕራይ፣ ብእግርኻ ኽትዛወር ጽቡቕ መዓልቲ ኢዩ ።


ክቐርበካ ኸለኹ ክትዘራረቡ ሰሚዐኩም እየ ። ዝጐሃኻ ኾይኑ ተሰሚዑኒ ።
ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ መዓልትታት ብዛዕባ የሱስ ብዓል ናዝሬት እንታይ ከም እተፈጸመ ሰሚዕካዶ፧


መሲሐ ምኺኑ ተስፋ ጌርና እኳ እንተ ነበርና ፥ተሰቕለ ።
ሎሚ ንግሆ ገሊአን ኣንስቲ ናብቲ መቓብር ከይደን ሬሳኡ ጠፊኡ ረኺባኦ! ብህይወት ከም ዘሎ ዚዛረቡ መላእኽቲ ኸም ዝረኣያ እየን ዚዛረባ ።




መዝሙር 22፣ ዘካርያስ 13:7፣
ሉቃስ 24:13-26


እቲ ዝሰቐልዎ የሱስ ብዓል ናዝሬት ማዕረ ኣቦ ዝኹነ ክርስቶስ ከም ዝኹነ ዶ ኣይተዛረበን ፧ ኢሳይያስ ክርስቶስ “እቲ ሓያል ኣምላኽ እቲ ናይ ዘለኣለም ኣቦ” ተባሂሉ ኸም ዚጽዋዕ ገሊጹ ኣሎ፡፡የሱስ እንተ ርኢኻዮ ንኣቦ ኸም ዝረኣኻዮ ዶ ኣይተዛረበን ፧እዚ ሓሳብ እዚ ብቑዱሳት ጽሑፋት ኣጸቢቑ ተረጋጊጹ እዩ፡፡


ብዘይካዚ ኣብ እስራኤል
ወይ ኣብ ይሁዳ ንጉስ ኣይሁድ
ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ክርስቶስ ከም
ዚመጽእ ተዛሪቡ ነይሩ እዩ ፣ ኣብቲ
ግዜ እቲ እውን ከምኡ እዩ ነይሩ ። እቲ
መሲሕ ብድንግል ከም ዚጠንሰን ከም
ዚውለድን ምዝራቡ ቐጸለ ።ነብዩ
ሚክያስ ከም ዝበሎ ኣብታ የሱስ
እተወልደላ ቤት-ልሄም ናይ ይሁዳ
ኢዩ ዝውለድ ነይሩ።
ዳዊት ካብ ዘርኢ
ንጉስ ዳዊት ከም ዚኸውን
ብዙሕ ትንቢታት ይነግረና
እዩ ። ዮሴፍን ማርያምን
ካብ ዳዊት እተወልዱ
እዮም ።


እቲ ነብዩ
ክርስቶስ ዓይነ ስዉራን
ኣዒንቱ ኸፊቱ ንእሱራት
ከም ዚፈትሖም ጓሳ
እስራኤል ከም ዚ ኸውን ናብ
ጽዮን ከኣ ከም መድሓኒ
ኹይኑ ኸም ዚመጽእ
ተዛረበ ።


ኢሳይያስ
እስራኤላውያን ከም ዚነጽግዎ
ተነብዩ ነይሩ እዩ ። ነብያት እውን
ስቓዩ ኣቐዲሙ ርእዮምዎ ነይሮም
እዮም ። ፈታዊኡ ብ30 ብሩር ከዲዕዎ፣
ኣብ ቅድሚ ኸሰስቱ ንርእሱ ኣይተኸላኸለን፣
ይቘስልን ይጭፍለቕን ጭሕሙ
ይምንቈስን ነበረ።ዕርቃኑ ይጥምቱን
ኣብ ገጹ ጡፍ ይብሉን ነበሩ። ምስሉ
ኻብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ንላዕሊ ኽሳዕ
ዚበላሸ ነቶም ሓጥኣን ዝባኑ
ይህቦም ነበረ።


ነብዩ ዘካርያስ
እቲ መድሓኒ ኸም ዚወጋእ
ኣዕሩኹ ድማ ከም ዚጠልምዎን
ኣብ ኣእዳዉ ቈስሊ ኸም ዚፈጥሩን
ናብ ማሕረዲ ኸም ዚምራሕን
ነገረና፣እዚ ኹሉ ድማ ሞቱ ኣብ
መቓብር ሃብታም ከኣ ኪቐበር
ምኻኑ ተነግረ።


እዚ ግን ክቌጻጸሮ ዘይክእል ዘሕዝን ፍጻመ ኣይነበረን ። የሱስ ብፍቃዱ ደኣ እምበር ካብኡ ንህይወቱ ዚወስዳ የልቦን ኢሉዶ ኣይተዛረበን ፧ኢሳይያስ ነፍሱ ንሓጢኣት ተስዊኣ እያ እሞ ኣምላኽ ኪጭፍልቖ ባህ ከም ዚብሎ ተዛረበ። ሓጢኣት ብዙሓት ተሰኪሙ እዩ እሞ ብሓጢኣት ካልኦት ከኣ ብሞቱ መመኽነይታ ምሕረት የምጽኣሎም ነበረ።
እንተኾነ ግን ሞት መወዳእታ ኣይነበረሮ ። ኢሳይያስ ድሕሪ ሞት ህይወቱ ኸም እትቕጽል ኣቐዲሙ ርእዩ ነበረ፤ ልዕል ኪብልን ኪውደስን ነበሮ ።ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኪድሕን እዩ ። ኣይኪወድቕን እዩ ። መሲሕ ሓድሽ ኪዳን ኪኸውን እዩ ።




መዝሙር 22፡15, 41፡9፤ ኢሳይያስ 7፡14, 16, 9 6, 40፡11, 42፡4, 6-7, 45፡
23, 49፡6-7, 50፡6, 52፡13-14, 53፡13-14, 53፡1, 3, 7, 9-10, 12, 59፡20፤
ኤርምያስ 23 5-6፤ ሚክያስ 5፡2፤ ዘካርያስ 1112-13, 12፡10, 13 6-7፤
ዮሃንስ 10:18


እዛ ቤት እዚኣ ናተይ እያ ። በጃኻ ጕይታይ ኣጋ ምሸት እዩ ። ሎሚ ምሸት ምሳና ንዑ። ብዛዕባ የሱስ ዚገልጽ ትንቢታት ዝያዳ ኽሰምዕ ምደለኹ ።


ጐይታይ እንጌራና ተትባርኽልና ምኽበርና ኔርና።


ኦ ጐይታና ኣምላኽና ንጉስ ኣድማስ ካብ ምድሪ እንጌራ እተውጽእ ንስኻ ብሩኽ ኢኻ። ስለ እዚ እንጌራ እዚ ነመስግነካ ኣለና።


ወሲድካ ብላዕ።
የሱስ! ንስኻኢኻ።
ጐይታ!


ተሰዊሩ!
ከይዱ
የሱስ እዩ ነይሩ!
ነዚ ኹሉ ትንቢታት
ዝፈልጦ እምበኣር ዜገርም
ኣይኰነን ።


የሱስ ብህይወት ኣሎ! ሞት ኪሒዞ ኣይከኣለን! ብህይወት ኣሎ! ናብ የሩሳሌም ተመሊስና ንደቀ መዛሙርቲ ንገሮም።

ሉቃስ፡24 28-32


እዚ ኸምዚ ኢሉ ኸሎ
ኣብ የሩሳሌም...
ብጽቡቕ ዓጽዎ። ሬሳ የሱስ ስለ ዝጠፍአ እቶም ካህናት ካብ ቅድሚ ሕጂ ብዝያዳ ተቘጥዑ ። ነቲ ሬሳ ኸም ዝሰረቕናዮ እዮም ዚዛረቡ።
ካብ ጭፍራ ወተሃደራት፧


ኣብ
ሳልሰይቲ መዓልቲ
ኸም ዚትንስእ
ድማ ነገረኒ ።
ክሳዕ
ዝርእዮን ኣእዳወይ
ኣብ ኣእዳዉ
ኽሳዕ ዘንብረሉን
ብህይወት ከም ዘሎ
ኣይኣምንንኢየ።


መንፈስ እዩ
ሓግዙኒ
የሱስ እዩ
ኣይትፍራሕ። ቶማስ እንተ ዘይረኣኻዮ ኸም ዘይትኣምን ኔርካ። ሕጂ ኢድካ ዘርግሕ እሞ ኣሰር መሳምር ተንከፎ። ንዓ ነቲ ኣብ ጐድነይ ዘሎ ቘስሊ ተንከዮ።


ንስኻ
ጐይታይን ኣምላኸይን
ኢኻ።
ቶማስ ስለ ዝረኣኻን
ስለ ዝኣመንካን ተባሪኽካ
ኢኻ፣ እቶም ዘይርእዩኒ
ግናኸ ዚኣምኑ ዝያዳ
ኺባረኹ እዮም።




ሉቃስ 24 ፡36-43፤
ዮሃንስ 20፡26-31


ንኹሎም ደቀ መዛሙርተይ ኣብ ገሊላ ኺረኽቡኒ ንገሮም። ኣብኡ ኽዘረበካ እየ።
ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትኩም መከራ ኽም ዚጸግብን ሳልሰይቲ መዓልቲ ኻብ ምዉታት ከም ዚትንስእን ወንጌል ከኣ ብስሙ ኣብ መንጎ ኹሎም ኣህዛብ ከም ዚስበኽን ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣብ ዮርሳልም ነዊሕ ይገብር ተጻሒፉ ነይሩ።


ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኩሉ ሓይሊ ተዋሂቡኒ ኣሎ። ኪድ እሞ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕካ ምሃሮም፡ዝኣዘዝኩኹም ዘበለ ኹሉ ኺሕልዉ ምሂረዮም እየ፣ ኣነ እውን ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ ሳዕ ምሳኻትኩም እየ።
ኣብ ቤት ኣቦይ እተዳለወልኩም ክፍልታት ኣሎ። ሕጂ ቦታ ኽዳልወልኩም እኸይድ ኣለኹ ። ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ ንስኻትኩም እውን ኣብኡ ምእንቲ ኽትህልዉ ከም ብሓድሽ ክቕበለኩም እየ።
ማቴዎስ 28፡18-20፣ ሉቃስ 24፡44-49፣ ዮሃንስ 14፡2-4


ናብ የሩሳሌም ኪድ እሞ መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም መጺኡ ብስመይ ንኽትዛረብ ሓይሊ ኽህበኩም ተጸበዩ።
ይድይብ ኣሎ!
ናብ ኣቦኡ እዩ ዚምለስ ዘሎ።


ኣነ ኹሉ ሳዕ
ክሳዕ መወዳእታ ዓለም
ምሳኻትኩም እየ።
ከይዱ። ናብ
ሰማይተመልሰ።


ስለምንታይ ኢኻ ኽሳዕ ሕጂ ናብ ሰማይ እትጥምት ዘለኻ፧
እንታይ፧ መን እዩ፧
እቶም ኣብቲ መቓብር ዝረኣኽዎም ክልተመላእኽቲእዮም።


ሓደ መዓልቲ የሱስ ከምቲ ንስኻ ዝረኣኻዮ ብደበና ኺምለስ እዩ።
ናብ ኣቦኡ ናብ ሰማይ ተመሊሱእዩ።
ናብ የሩሳሌም ተመሊስካ መንፈስ ተጸበ።
ሉቃስ 24፡49-51፣ ግብ/ ሃዋርየት 1፡7-11


ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ከምቲ የሱስ ዝኣዘዞም ናብ የሩሳሌም ከዱ ኣብኡ ኸኣ ነቲ ኻብ ላዕሊ ዚመጽእ ተስፋ ሓይሊ እናተጸበዩ ንዓሰርተ መዓልቲ ጸለዩ። ንሳቶም እውን ምእንቲ ኽይቅተሉ ብዛዕባ ትንሳኤ የሱስ ብግህዶ ምዝራብ የፍርሆም ነበረ።


እቲ ዚጽልዩሉ ዝነበሩ ቦታ ተናወጸ፡ ልሳናት ሓዊ ናብ ነፍሲ ወከፎም ኪወርድ ከሎ ኸኣ ብርቱዕ ንፋስ ናብታ ኽፍሊ ወረደ።


ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኦም
ንኣምላኽ ብዘይፈልጥዎ
እተፈላለየ ቛንቋታት
ኪውድስዎ ጀመሩ ።


መንፈስ ምስ ወረዶም ንሰብ
ዝነበሮም ፍርሂ ኣጥፍኡ ንኣምላኽ
ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኼምልኹን
ኪውድስዎን ድማ ናብ ደገ ወጹ ።
ኣምላኽን
ኣቦን ጐይታና የሱስ
ክርስቶስ ይባረኽ።
ኩላቶም ሰኺሮም ምበልኩ
እንተዀነ ግን ብዘይ ኣደማምጻ
ንቛንቋይ ምሉእ ብምሉእ
ኢዮም ዝዛረብዎ ዘለዉ።


ግብረ ሃዋርያት 1:12-14. 2:1-13. 32. 36
ቋንቋይ እውን ይዛረቡ እዮም ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ነዚ ኹሉ ቛንቋታት ጽቡቕ ገይሮም እተማህሩ ብኸመይ እዮም ፧ምሁራት ኣይኰኑን ።
ኣቱም ሰብ እስራኤል ነቲ የሱስ ዝገበሮ ተኣምራት ርኢኹም ኢኹም ። እዚ ኸኣ ኣምላኽ ምስኡ ኸም ዝነበረ ዜርኢ መርትዖ እዩ ነይሩ ንስኻትኩም እኳ እንተ ሰቐልኩምዎ ኣምላኽ ካብ ምዉታት ኣተንስኦ ።


1,000 ዓመት ደገብር ዳዊት ብዛዕባኡ “ንነፍሰይ ኣብ ሲኦል ኣይትሐድጋን ኢኻ ጥፍኣት ምእንቲ ኺርኢ ኸኣ ቅዱስ ኣይትሰቐን ኢኻ” ኢሉ ተነበየ።
እምበኣር ኵላ ቤት እስራኤል ነቲ ጐይታን ክርስቶስን ዝሰቐልኩምዎ የሱስ ኣምላኽ ከም ዝገበሮ ትፈልጡ።


ንክርስቶስ ቐልናዮ፥
እንታይ ኢና ኽንገብር ፧
ብዛዕባ የሱስ ዘሎካ
ኣረኣእያ ቐዩርካ ብማይ ክትጥመቕ
ኣለኻ ። ንሓጢኣትኩም ይቕረ
ኺብለልኩም እዩ፣ ውህበት መንፈስ
ቅዱስ እውን ክትቕበሉ ኢልኩም።


የሱስ ጐይታእዩ።
ኣብ የሱስ እኣምን እየ ። ኣጠምቐኒ!
ሽዑ እቶም ቃሉ ብታሕጓስ እተቐበሉ ተጠምቁ፣ ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ኻኣ ኣስታት ሰለስተ ሽሕ ተወሰኹሎም።


ኣዋርሕ ጸኒሑ...
የሱስ ትማሊ ምሳና ዝነበረ እዩ ዚመስል ።
ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ንየሱስይስዕቡኣለዉ።
እወ እንተዀነ ግን ካብቲ ምሳና ክኸይድ ከሎ ዝነበረኒ ንላዕሊ ህላወኡ ሕጂ ዝያዳ ሓይሊ ኸም ዘለዎ ይስምዓኒ።
መዝሙር 2, 16:10፣ ግብሪ ሃዋርያት 2:27, 37-41


ኣቱም ጐይታታት በጃኹም ንድኻታትን ሓንካሳትን ንእሽቶ ሰልዲ ጥራይ፣
ጴጥሮስ ገንዘብ የብለይን። ሰልዲ ኣሎካዶ፧
ኣይፋሉን መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሌና ስለ ዝመጸ ግን እንህቦ ነገር ኣሎና።


ብሩር ኰነ ወርቂ የብለይን፣ ዘሎኒ ግና ክህበካ እየ። ብስም የሱስ ክርስቶስ ተንሲእኩም ተመላለሱ።
ጨካን ኣይትኹን። እቲ ሰብኣይ ካብ ዚውለድ ኣትሒዙ ሓንካስ እዩ ነይሩ። ኣእጋሩ ኸንቱ ኾይኑ ኣሎ።


የሱስ ክርስቶስ ምሉእ ገይሩካ እዩ ።



ሀህ
ጐይታና ኹሉ ዚኽእል ኣምላኽ!
ኣእጋሩ ደዓቢ ኣሎ!


ኣይኣምንን፡፡እቲ ሓንካስ ይኸይድ ኣሎ!
ኣይፋሉን ይዘልል ኣሎ፡፡
ክብሪ ኣምላኽ! ንየሱስ ኣመስግነካ!
ግብሪ ሃዋርያት 3 1-11



እቲ ሓንካስ ዝነበረ ሰብኣይ እዚ እዩ። ኣእጋሩ ኸንቱ ኹይኑ ነበረ።
ነዚ ተኣምር እዚ ኸም ዝገበርናዮ ገርካ እትርእየና ስለምንታይ ኢኻ፧ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ነቲ ንስኻ ዝሰቐልካዮ ወዱ የሱስ ኣኽቢርዎ እዩ።
ብስም እቲ እተሰቕለ የሱስ ከም ዝሓወየድማነገሩኒ።
ነቲ መስፍን ህይወት ቀቲልካዮ ኢኻ፣ ኣምላኽ ግና ካብ ምዉታት ኣተንሲእዎ እዩ፣ ንሕና እውን ብህይወቱ ርኢናዮ ኢና። እዚ ሰብኣይ እዚ ብስም የሱስ ብምእማን እዩ ሓውዩ።


ንየሱስ ብድንቍርናኻ ኸም ዝሰቐልካዮ እፈልጥ እየ፣ ነብያት ግና እዚ ኸም ዚኸውን ኣጠንቀቑና።
ኵላትኩም ትፈልጡኒ ኢኹም ። ኣምላኽ ጥራይ እዩ ኣእጋረይ ኪመልሰለይ ዚኽእል ነይሩ ። እመን እሞ ንየሱስ ስዓቦ ።


ሓጢኣትካ ምእንቲ ኺድምሰስ ብዛዕባ የሱስ ዘሎካ ኣተሓሳስባ ቐዩርካ ደቀ መዛሙርቱ ኹን ።

እቶም ንክርስቶስ ዝሰቐልዎ መራሕቲ
ሃይማኖት ንወተሃደራት ልኢኾም
ንጴጥሮስን ንዮሃንስን ኣሰርዎም።




ግብሪ ሃዋርያት 3:12. 14-19. 4:1-3


ልክዕ ከምቲ የሱስ ኣብዚ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዝገበሮ ተኣምር እዩ ነይሩ ።
ንየሱስ ድሕሪ ሞቱ ብህይወት ከም ዝረኣዩ ዚዛረብ ጐረቤተይ ኣሎኒ ። ኣብ ሓደ እዋን ልዕሊ 500 ሰባት ከም ዝነበሩእዮምዚገልጹ።
ሕጂ ግን ሓንካሳ ሰብኣይ ብእግሩ ብምምልላሶም ይእሰሩ ኣለዉ።
ነዞም ደቀ መዛሙርቲ እዚኣቶም ከረኽቦምን ዝያዳ ኽመሃርን እየ ።



ግብረ ሃዋርያት 4:3-6


እዚ ሰብኣይ እዚ ኻብ ዚውለድ ኣትሒዙ ሓንካስ ከም ዝነበረ ንፈልጥ ኢና። ብኸመይ ኢኻ ኸተሕውዮ ዝኸኣልካ፧ በየናይ ስም ኢኻ ኸምኡ ዝገበርካ፧
ብስም እቲ ንስኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ ኣምላኽ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ የሱስ ክርስቶስ ብዓል ናዝሬት እዚ ሰብኣይ እዚ ሓወየ። ነቲ “እቶም ሃነጽቲ ዝነጸግዎ እምኒ ርእሲ መኣዝን ኪኸውን እዩ” ዚብል ቅዱሳት ጽሑፋት ዘክሮ።


ክንድሕነሉ ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይን ኣብ መንጎ ሰብን ኣይተዋህበን ፧እሞ ድሕነት ኣብ ካልእ የልቦን።



እዞም ሰባት እዚኣቶም ደናቒር እዬም ፡፡ ተማሂሮም ዘይፈልጡ እኳ እንተ ኾኑ ንነብያት ብናጻ እዮም ዚጠቕስዎም፡፡
ነዚ ተኣምር እዚ ምኽሓድ ዋላ ሓንቲ ጥቕሚ የብሉን፡፡ ኵሉ ሰብ ከም ዝሓወየ ይፈልጥ ኢዩ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ብስሙ ኸም ዘሕወዩዎ ኸኣ ይፈልጡ ኢዮም፡፡ ኣብዚ ጸገም ኣሎ፡፡
እፈልጦም እየ ፡፡ ብሓቂ ምስ የሱስ እዮም ነይሮም ፡፡



መዝሙር 118፡22፣ ግብሪ ሃዋርያት 4፡7-21
ኣዉጽእዎም!
ብስም እዚ ምዉት የሱስ ምዝራብን ምሕዋይን እንተ ቐጺልካ ከም ናቱ ጽሕፍቶ ኽትረክብ ኢኻ። ተረዲእኻኒ'ዶ፧ ሕጂ ኻብ ኣዒንተይ ርሓቕ እሞ ደጊም እዚ ሃጠው ቀጠው እዚ ኽሰምዕ ኣይደልን እ።
ቅኑዕ ከም ዘኾንካ ጌርካ ኢኻ እትፈርድ። ካብ ኣምላኽ ኣብሊጽኩም ምእንቲ ኺእዘዝኹም ግናኸ ዝረኣናዮምን ዝሰማዕናዮን ክንዛረብ ይግብኣና።


እቲ ወንጌል ኣብ መላእ እስራኤል ተዘርግሐ ። ብዙሓት ብየሱስ ይኣምኑ ብማይ ድማ ተጠምቁ ።
ብስራት የሱስ ክርስቶስ ሰሚዕካዶትፈልጥ፧
እታ ቤተ - ክርስትያን ብፍቕርን ብሰላምን ዝመልአት ብኣሽሓት ዝቚጸሩ ስድራቤት ኰነት ።
የሱስ ካብ ምዉታት ተንሲኡ እዩ ። ሐጂ እውን እንተ ኾነ ምሳና ህያው እዩ ።


ኣብ ቤተ - ክርስትያን ዱቂ ኣንስትዮ ብኣኽብሮትን ብኽብርን ይተሓዛ ነበራ ።
ስድራ ቤተይ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ካብ ዚኣምኑ ኣትሒዞም ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ቤትና ሰላም ሰፊነ ።


ክርስትያን ኪዓዩ ኸለዉ ይዝምሩ ነበሩ ።
ክርስትያን እናዓበዩ ምስ ከዱ እውን ንብረቶም የካፍሉ ነበሩ ። መዓልታዊ ንየሱስ ካብ ቤት ናብ ቤት ኣብ ጐደናታት ከኣ ንዝረኸብዎ ዘበለ ይሰብኩሉ ነበሩ ።
ግብሪ ሃዋርያት 13፡30-32


ኣቱም ሰብ እስራኤል ኣምላኽ ንኣቦታትና ዘርኦም ናብ ዘይትፈልጦ ሃገር ከም ዚውሰድን ን400 ዓመት ባሮት ኰይኖም ከም ዚነብሩን ከም ዝነገሮም ትፈልጡ ኢኹም፣ ድሕሪኡ ኣምላኽ ነቲ ህዝቢ ኸም ዚፈርድን ንህዝቡ ናብታ ንኣብርሃም ዝሃቦ ምድሪ ኸም ዜብጽሖምን ተዛረበ ።


ሰሎሞን ግን ንኣምላኽ ቤት ሃነጸሉ። እቲ ልዑል ግና ብኢድ ኣብ እተሰርሐ ኣብያተ መቕደስ ኣይነብርን እዩ፣ ከምቲ ነብዩ ዝበሎ “ሰማይ ዝፋነይ እዩ ምድሪ ኸኣ መርገጽ እግረይ እያ፦ ነየናይ ቤት ክትሃንጹለይ ኢኹም፧ ጐይታ፦ ወይስ ቦታ ዕረፍተይ እንታይ እዩ፧ ኢደይነዚ ኹሉ ኣይገበረትን፧”
እስጢፋኖስ ንርእስኻ ኣይተዐሸዋ።
ኣንጻር ቤተ መቕደስና ትዛረብ ኣለኻ!

ኢሳይያስ 66፡1፣
ግብሪ ሃዋርያት 7፡1-57




እስጢፋኖስ ንርእስኻ ኣይሁዳዊ ኢኻ እትብላ፧
ንሕግናን ንልምድናን ኣፍሪስካ ብምንታይ ምተተክኣካዮ፧ ሮማውያን ካብ ዝሰቐልዎ ኣትሒዙ ዋላ ሓደ ዘይረኣዮ የለን፧
እንሆ ሰማያት ተኸፊቱ ወዲ ሰብ ድማ ብየማን ኣምላኽ ደው ኢሉ እርኢ ኣለኹ። ኦ! ኸመይ ዝበለ ኽብሪ ኰን እዩ!


ኣእዳውካ ኣብ ኣእዛንካ ኣንብር። ከምዚ ዝኣመሰለ ጸርፊ ኣይትስማዕ!
ሞት ይግብኦ እዩ!
ካብታ ኸተማ ኣውጺእካ ብዳርባ እምኒ ቑተሎ።


ንሃይማኖትና ኼጥፍኦ እዩ ዚጽዕር ዘሎ ።
ተጻሩሬ!
ብዳርባ እምኒ ምስ ቀተልኩምኒ እውን የሱስ ጐይታ ኪኸውን እዩ።
ንየሱስ ሰቐልናዮ። ንስኻ ብዳርባ እምኒ ኽንቀትለካ ኢና።


ንሃይማኖትና ጸሪፍዋ እዩ ። ኪመውት ኣለዎ ንብል ኢና ። ሳኦል ካብ ሰበ - ስልጣን ደገፍ ኣሎናዶ፧
ንኪቕተል ክፍርም እየ። ንሱ ሓደ ኻብቶም ሰዓብቲ እቲ ዝሞተ የሱስ ብዓል ናዝሬት እዩ ነይሩ ። እዚ ጸርፊ እዚ ደው ክብል ኣለዎ ። ቅጠልዎ።




ግብሪ ሃዋርያት 7፡58-59


ኳክ


ኣብቲ ግዜ እቲ ኣብ የሩሳሌም ኣብ ልዕሊ እታ ቤተ-ክርስትያን ብርቱዕ መስጐጐቲ ወሪዱ ነበረ ብዘይካ ሃዋርያት ኩሎም ካብታ ኸተማ ወጹ።
እዚ መጀመርታ ጥራይ እዩ!
ነዞም ህዝቢ የሱስ ኣጥፊኣዬም!
ነቲ ተጻራሬ ቕተሎ!


ኣብኡ ሰዓብቲ ክርስቶስ ኣለዉ፧
ንኣበይ ኣይትጐድኡዎ!
ነታ ሰበይቲ እውን ሓዝዋ፡፡
እቲ ፈሪሳዊ ዝነበረ ሳኦል ምስ ቤተ-ክርስትያን ተዋግአ ናብ ኩሉ ኣባይቲ ኣትዩ ድማ ንሰብኡትን ኣንስትን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎም፡፡
ግብሪ ሃዋርያት 7፡59-8 3


ፊልጶስ ዚበሃል ክርስትያን ኪጽሊ ኸሎ ሓደ መልኣኽ ኣዘራረቦ ፡፡
ፊልጶስ ተንሲእካ በቲ ኻብ የሩሳሌም ናብ ጋዛ ዚወስድ ጽርግያ ናብ ደቡብ ውረድ፡፡


ስለምንታይ ናብኡ ኽወርድ ከም ዚደልየኒ ኣይፈልጥን እየ፣ ኣምላኽ እንተ ደልዩ ግና ክኸይድ እየ።


እቲ ቦታ እዩ። ጐይታይ እንታይ እዩ፧


ጐይታይ እንታይ ኢኻ እትደሊ፧


ቃፍላይ! ጐይታይ
ስለምንታይ ኢኻ ናብዚ ኣውሪድካኒ፧
ንርእስኻ ዝመረጽካዮ ኣሎ ድዩ፧
ኪድ እሞ ምስዚ
ቓፍላይ ሕበር።
ግብሪ ሃዋርያት 8:26-29


እዚ ሰብኣይ እዚ ንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ምግልጋል ዓብዩ ስልጣን ነበሮ ፡፡ ኩሉ ሃብቲ መንግስቲ ኣምላኽ ብሕድሪ እተዋህቦ ተሓዝ መዝገብኣ እዩ ነይሩ፡፡ ከም ኣይሁድ ገይሩ ንኺምልኽ ናብ የሩሳሌም እዩ ነይሩ ፣ ሕጂ ኸኣ ናብ ኢትዮጵያ ይምለስ ነበረ ፣ ቅዱሳት ጽሑፋት እውን የንብብ ነበረ ፡፡
“ህይወቱ ኻብ ምድሪ ተወስደት እሞ ከም በጊዕ ናብ ማሕረዲ ኣብ ቅድሚ ቈምቃማይ ከኣ ከም ገንሸል ይውሰድ እሞ ኣፉ ኣይከፈተን፡፡”


ካብ ነብዩ ኢሳይያስ ተንብብ ከም ዘለኻ እሰምዕ ኣለኹ። ነቲ እተንብቦ ዘለኻ ተረዲእካዮዶ፧
ነቲ ዘንብቦ ዝነበርኩ ኣለሊኻዮ ኢኻ ። ሓደ ሰብ እንተ ዘይገለጸለይ ግና ክርድኣኒ ኣይክእልን እየ ። ምሳይ ተወጢሒካ ኺድ።


ካብ የሩሳሌም ዲኻ መጺእካ፧
እወ ንኸምልኽ እየ ኣብኡ ነይረ ። ሃይማኖት ሃገረይ ሰላም ኣየምጽኣለይን ። ኣምላኽ ኣዝዩ ዝረሓቐ እዩ ዚመስል ኣብኡ ።


ብዛዕባ ሓደ መብጽዓ እተገብረሉ መሲሕ ኣንቢበ እየ ። ሕጂ ናብ የሩሳሌም ክኸይድ ከለኹ ንሱ ኸም ዝመጸ ብኣሸሓት ዚቝጸሩ ይእውጁ ነበሩ፣ ግናኸ ከም እተሰቐለ ድሕሪኡ ኸኣ ካብ ምዉታት ከም ዝተንስአ ይእውጁ ኣለዉ።
ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ተነገሩ እንተ ዀይኑ ንምርግጋጽ ንነብያት ክምርምሮ ጸኒሐ እየ ። ነብዩ ኢሳይያስ ብዛዕባ ርእሱ ድዩ ዚዛረብ ዘሎ ወይስ ብዛዕባ ኻልእ ሰብ፧
ኢሳይያስ 53፣ ግብሪ ሃዋርያት 8 ፡27. 30-34


ንስኻ ኻብ የሩሳሌም ስለ ዝመጻእካ የሱስ ሓያል ተኣምራት እኳ እንተ ገበረ መራሕትና ግን ከም ዝነጸግዎ ትፈልጥ ኢኻ።
ከም እትፈልጦ እዛ መጽሓፍ ኢሳይያስ እዚኣ ኣስታት 800 ዓመት ይገብር እያ ተጻሒፋ ። እዛ ምዕራፍ እዚኣ ብምልእታ ሓንቲ ኻብተን ብዛዕባ መሲሕ እተነበያ ሓያሎ ትንቢታት እያ። “ዝነዓቐን እተነጽገን” ከም ዚኸውን ድማ ይገልጽ።




ቍጽሪ 7 የሱስ
ኣብ ቅድሚ ፈራዶኡ
ደው ምስ በለ ንርእሱ ኸም
ዘይከላኸለላ ዚገልጽ
ትንቢት እዩ።

ኢሳይያስ የሱስ
ምእንቲ ሓጢኣትና ኢሉ ቈስሊ
ኸም ዚወርዶ ተነብዩ ነይሩ እዩ ።
ኣብ ቍጽሪ 5 ኸኣ እቲ ንሓጥኣን
ናባና ዚወጽእ መቕጻዕቲ ኣብ የሱስ
ከም ዚወርድ ተገሊጹ ኣሎ።


ብፍላይ ቁጽሪ 6
“ኲለን ኣባጊዕ ንፈትወን
ኣለና፣ ንነፍሲ ወከፍና ናቱ
መገድና መሊስናዮ፣ ሓጢኣት
ኲላትና ድማ ኣብ ልዕሊኡ
ኣንቢሩልና ኣሎ።”እዚ ኸኣ ነፍሲ
ወከፍ ሰብ ፍቓድ ኣምላኽ ሓዲጉ
ብሓጥእ መገዱ ኸም ዝኸደ
የግዳስ የሱስ ምስ ሞተ ስለቲ
ዘይምእዛዝና ኸም ዝኸፈለ
ኣምላኽ ሓጢኣትና ኸም
ዝገበረ ይሕብረና።
ቁጽሪ 8
ካብ ቤት ማእሰርቲ ኸም
እተወስደን ንኣበሳ ህዝቡ
ንምኽፋል ከም ዚቐተልን
ትገልጽ።


INRI
ቍጽሪ 9 የሱስ ምስ ሃብታማትን እኩያትን ከም ዚቐበር ትገልጽ ።
ቍጽሪ 9 ኸኣ የሱስ ከም ካልኦት ሰባት ሓጢኣት ከም ዘይገበረ የሱስ ንነፍሱ ናይ ሓጢኣት ክፍሊት ይገብረላ ስለ ዝነበረ ክጭፍለቕ እሞ ክሓዝን ፍቓድ ኣምላኽ ምዃኑ ትነግረና።


ቍጽሪ 10 ብዛዕባ
ትንሳኤኡን ብዛዕባ እቲ
ብድሕሪኡ ዚገብሮ ዝነበረ
ኣገልግሎትን እያ እትዛረብ።
የሱስ ድሕሪ ትንሳኤኡ ኣብ
ዝፋኑ ከም ዚቕመጥ ምስ ሞትና ኸኣ
ኵላትና ኣብ ቅድሚኡ ደው ከም እንብልን
ብዛዕባ ህይወትና ጸብጻብ ከም እንህብን
ዚገልጽ ሓያሎ ትንቢታት እውን ኣሎ።
ኢሳይያስ 53፡3-10፣ ግብሪ
ሃዋርያት 8፡35፣ ሮሜ 2፡16፣ 2
ቈ/ንቶስ 5፡21


ጸሓፍትን ካህናትን ብዛዕባ መሲሓዊ ትንቢታት ብዙሕ ሳዕ ኪዛረቡ ሰሚዐ እየ ። መብዛሕትኦም ንየሱስ ዝነጸግዎ ስለምንታይ እዮም ፧
ገለ ኻብቶም ካህናትን ጸሓፍትን ንየሱስ ተቐቢሎምዎ እዮም እቶም ካልኦት ግን ግብዝናኦም ምስ ሓበሮም ተቘጥዑ። ንሓጢኣቶም ዜቃልዕ ዘይኰነስ ንሮማውያን ዚቐትል መሲሕ እዮም ዚደልዩ ነይሮም ። ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኺገዝኡ እኳ እንተ ደለዩ ኣምላኽ ኣብ ልቦም ኪገዝእ ግን ኣይደለዩን ።


የሱስ ዝፈጸሞ ኻልእ
ትንቢታት እውን ኣሎዶ፧
መዝሙር 22
ብመስቀል ከም ዝሞተ
ዚገልጽ ትንቢት እያ።
ቅድሚ 1000
ዓመት ግና ዝኾነ
ይኹን ሰብ ንመስቀል ከም
መቕጻዕቲ ገይሩ ቕድሚ
ምጥቃሙ መዝሙራት
ኣይተጻሕፈንዶ፧




ኣብ መዝሙር 22፡16 ኣእዳዉን ኣእጋሩን ልክዕ ብበመሳምር ከም ዚወጋእ ይነግረና። ቍጽሪ 14 መዝሙር 22 ብኸመይ ከም ዝጸምአን ምስ ሞተ ዅሉ ኣዕጽምቱ ኻብ መላግቦኡ ኸም ዚወጽእን ትገልጽ፣ ድሕሪኡ መዝሙር 34፡20 ምስ ተሰቐለ ሓንቲ ዓጽሚ ኸም ዘይትሰበረ ትገልጽ።ከም እትፈልጦ ኸኣ ኣዕጽምቲ እቶም እተሰቐሉ ኺሰብሩ ልሙድ እዩ፣ የሱስ ግና ቅድሚ ምስባሮም ሞተ። ቍጽሪ 17 መዝሙር 22 ዕርቃኑ ኸም ዚርእዩ ቍጽሪ 18 ኸኣ ንሓንቲ ኻብ ክዳኑ ብኸመይ ዕጫ ኸም ዚድርብዩላ ነቲ ኻልኣይ ከኣ ኣብ ንኣሽቱ ኽፋላት ከም ዚመቓቐልዋ ተነብያ ነይራ።

ብዘይካዚ ዘካርያስ 12፡10 ኣእዳዉ
ኸም ዚወግኣ ጸኒሖም ከኣ ኣይሁድ
ነቲ ኣሰር ኣብ ኣእዳዉ ኸም ዚርእይዎ
ትነግረና። ኢሳይያስ 50፡6 ዝባኑ
ኸም ዚቑጥቀጥን ምዕጕርቱ ኸም
ዚቃዖን ትገልጽ። መዝሙር 16፡10
ሬሳኡ ዚቐበር እኳ እንተ ኾነ ክሳዕ
ዚበላሾ ኣብ መቓብር ከም ዘይጸንሕ
እያ እትነግረና።እቲ ትንቢታት ፈታዊኡ
ኸም ዚኽሕዶ እቲ ዝኸድዖ ሰብ ከኣ
ከም ዚስቀል እዚ ኸኣ ኣካላቱ ኸም
ዚወድቑ ይነግረና ኣምዑቱ ድማ ኣብ
መሮር የፍስስ፣ ድሕሪኡ ንዘይፈልጦም
ሰባት ንምቕባር የገልግል ነበረ።እዚ
ኹሉ ነገራትን ካልእ ብዙሕ ነገራትን
ከምቲ ነብያት ዝጸሓፍዎ ተፈጺሙ
እዩ ። የሱስ ክርስቶስ ብዓል ናዝሬት
መሲሕ መድሓኒ ዓለም ምዃኑ
ዜተሓታትት ኣይኰነን ።

መዝሙር 22፡6, 17-18, 16፡10, 34፡20፣
ኢሳይያስ 50ዞ6፣ ዘካርያስ 12፡10


የሱስ መሲሕ ምኟኑ እኣምን እየ ። ሓጢኣትና ኼርሕቐ እተመባጽዓሉ ገንሸል እዩ ። ደጊም መስዋእቲ ኽንገብር ኣየድልየናን እዩ ። የሱስ ኣፍ ደገ ኣምላኽ እዩ ። ወደ መዝሙርየሱስክኸውንእየ።


ማይ እንሆ! ንኸይጥመቕ ዚዓግተኒ እንታይ እዩ፧
ብምሉእ ልብኻ ብየሱስ እንተ ኣሚንካ ከጥምቐካ እየ።
ኦ! ኣነ ግን ከምኡ እየ ዝገብር! እኣምነሉ እየ!


ብስም ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ አጥምቐኩም ኣለኹ።


ክብሪ ንኣምላኽ!


ጠፊኡ!
እቲ ሰብኣይ ናበይ እዩ ኸይዱ፧
ኣምላኽ ኣብ ካልእ ቦታ የድልዮ ነይሩ ኪኸውን ኣለዎ ። ናብ ኢትዮጵያ ተመሊስና ነታ ንግስቲ ብዛዕባ መሲሕ እንታይ ከም እተመሃርና ንገራ።
እታ ቤተ-ክርስትያን ኣብ ኢትዮጵያ ተመስረተት ክሳዕ እቲ መብዛሕትኦም ክርስትያናት ብምስልምና እተቐትሉሉ ዘመናዊ እዋን ድማ ቀጸለት።
ግብሪ ሃዋርያት 8: 36-39



## ምዕራፍ 13

# ናብ ኵላ ዓለም


ክርስትያናት ንህይወቶም ስለ ዝፈርሁ ቃል ኣምላኽ ኬንብብን ውዳሰ ኺዝምርን ብሕቡእ ይእከቡ ነበሩ ።
ፍቑራት ኣዕሩኽና ጐይታና ሓጢኣትና ምእንቲ ኺርሕቕ መከራ ኣሕሊፉ እዩ ። ንሕና እውን ኣብ ክንዳኡ መከራ እንተ ኣጋጢመና እምበኣር ዜገርም ኣይኰነን ። በቲ ዜጋጥመና ዘሎ መስጐግቲ ኣይትገረሙ።
የሱስ “ሓደ እኳ ወደ መዝሙረይ እንተ ዚኸውን መስቀሉ ኣልዒሉ ይስዐበኒ” በለ። ከምዚ ኺበሃል ከሎ ተጸዊዕና መስቀልና ክንስከም እሞ ክንስዕብ ኣሎና ማለት እዩ። ሕጂ መዝሙር 22 ከምዚ ብምባል ትነግረና -


ኣምላኽ ይሕግዘና እዩ ። እቲ ቐታሊ ሳኦል እዩ ።
ኣብ ዘለኻዩ ጽናሕ! እዚ ናይ ወጻኢ ሃይማኖት እዚኣ ኣይፍቀድን እዩ ። ንኣቦታትናን ንህዝብናን ትጸርፉ። ዓያሹ ኢኹም! ክትቃወሞ ወይ ክትመውት ኢኻ።
ነቲ መራሒኦም ሓዝዎ። ኣብነት ክንገብሮ ኢና ።


ኵሎም እቶም ንኣምነሎም እንኽእል መሲሕ ኣለዉና ። ንሓደ ዝሞተ ጸራቢ እተምልኾ ስለምንታይ ኢኻ፧
ጐይታና የሱስ ህያውን ፈጣሪ ዩኒቨርስንእዩ።
ንሰበይትኻ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኽነእትዋ ኽለና ቃናኻ ኽትቅይር ትኽእል ኢኻ።




ማቴዎስ 16፡24፣ ማርቆስ 8፡34፣
ግብሪ ሃዋርያት 9፡1-2


ሓደ ኻብቶም ንክርስቶስ ዜፍቅሩ እንሆ፡፡
ክርስትያን ምስ ኰንና ኸምዚ ኼጋጥመና ኸም ዚኽእል ንፈልጥ ኔርና ፡፡


እወ ምእንታኡ ኽንጽሊ ኣሎና ። ኣምላኽ ንልቡ ምእንቲ ኼለስልሶን ሓቂ ኸም ዚርኢ ምእንቲ ኺገብሮን ንጸሊ።
ገሌና ኣብ ፈለማ ተጠራጢርና ኸም ዝነበርና ኣይትረስዕ ።
እቲ ፈሪሳዊ ዝነበረ ሳኦል እዩ ። ጽልእን ቅትለትን እዩ ዘስተንፍስ።
ሳኦል ብጽልኢ ዝመልአ እዩ ።


ሳውል ንየሩሳሌም ካብዞም ሰዓብቲ የሱስ ዝኾኑ ከጽርይእዩ ዕላምኡ።
ዝያዳ ብዝቐተልናን ብዝኣሰርናን መጠን እናወሰኹ እዩም ዝኸዱ። ናብ ካልኦት ከተማታት ፋሕ ኢሎም ኣለዉ። እቲ ኣብ ደማስቆስ ዝነበረ ምኩራባት ብእኦም መሊኡ ነበረ።


ንኺትኣስርዎም ትእዛዝ ክህበኩም እየ፣ ንስኻትኩም እውን ናብ ደማስቆስ ኽትከዱ ትኽእሉ ኢኹም።
ብኡንብኡ ክኸይድ እየ።
ሳኦል ንሃይማኖቱን ንህዝቡን ካብ ካልእ እምነታት ኬዕቍቦም ግዴታ ኸም ዘለዎ ሓሰበ ። እንተኾነ ግን እቶም ክርስትያን ቀድሚኡ ዘይፈልጦ ሰላምን ምትእምማንን ስለ ዝነበሮም ይርብሾ ነበረ።


ብሃንደበት ኣብ ቅድሚ ሳኦል ካብ ጸሓይ ዚበርህ ብርሃን ተራእዩ።
ሳውል ሳውል ስለምንታይ ኢኻ እትሰጕጎኒ፧
ፈረስ ሳኦል ኣዝዩ ስለ ዝፈርሀ ናብ መገዲ ደርበዮ እሞ ሃደመ።



ግብሪ ሃዋርያት 9፡1-6


ነቲ ድምጺ ሰሚዕካዮዶ፧
እወ እንታይ ከም እተባህለ ግን ክርድኣኒ ኣይከኣለን።
ኣነ እውን ከምኡ ኽገብር ኣይከኣልኩን ። ከም ነጐዳ እዩ ዚመስል ።
ድምጺ ኣምላኽ እዩ ነይሩ!
ክርኢ ኣይከኣልኩን! ሓግዘኒ።ክርኢ ኣይከኣልኩን። ናብ ከተማ ምለሰኒ።


ስመይ ሃናንያ ይበሃል ። የሱስ ብራእይ ኣዘራረበኒ ናባኻ ክመጽእን ኣዒንትኻ ክመልስን ድማ ነገረኒ።
ብርግጽ ዕዉርእየ።


ብስም
የሱስ ክርስቶስ
ኣዒንትኻርአ፡፡


ክርኢ ኪኢለ! የሱስ ከምኡ ኸም ዝገበረኸ ትዛረብዶ ኣለኻ፧ ብዛዕባ የሱስ ዝያዳ ንገረኒ።


ስለዚ ሃናንያ ንቕዱሳት ጽሑፋት ከፊቱ ንሳኦል ትንቢታት የሱስ ኣርኣዮ ።
እወ ዓሻ እየ ነይረ ። እዚ ኹሉ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት እዩ ነይሩ ። በቲ ዝነበረኒ ሃይማኖታዊ ቕንኣት ዓዊረ እየ ። ክጥመቕን ሰዓቢ የሱስ ክኸውንን እደሊ እየ ።
ኣምላኽ ንስም ሳኦል ናብ ጳውሎስ ቀየሮ ።
ግብሪ ሃዋርያት 9:7-19


እቲ ሐጂ ጳውሎስ ኰይኑ ዘሎ ሳውል ሓድሽ መልእኽቲ ዝሓዘ ሓድሽ ሰብ እዩ ነይሩ ። ንክርስትያን ኪቐትሎም ኣይደለየን ። ካልኦት ሰባት ብየሱስ ክርስቶስ ንኺኣምኑ ኼእምኖም ደለየ ።
ጥርጣረኻ ኽርድኣኒ ኽኢሉ እዩ ። ኣነ እውን ኣይኣመንኩን ነይረ፣ የሱስ ብዓል ናዝሬት ንኹሉ እቲ ብዛዕባ መሲሕና እተነግረ ጥንታዊ ትንቢታት ፈጺምዎ እዩ።
እቲ ዝዓበየ መርትዖ ግን ኣምላኽ ካብ ምዉታት መስ ኣተንስኦ ኢዩ ።


እንታይ ዓይነት ዓሻ ኢኻ፣ እቲ መሲሕ ብጸላእትና ኪቕተል ዚኽእል ብኸመይ እዩ፧
ሓጢኣትና ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ እዩ ነይሩ።


ኣምላኽ ንኣህዛብ እውን ይሕግዞም ነበረ ። ሓደ ሮማዊ ወተሃደር ንኣምላኽ ኪጽሊ ይደሊ ነበረ ።
ኣምላኽ ንስኻ ሓደ ኸም ዝኾንካ ንኹሉም ሰባት ከም ዝፈጠርካ እፈልጥ እየ። ሃይማኖት ህዝበይ ብልሹው እዩ ሰላም እውን ኣይህብን እዩ። መገድኻ ኣርእየኒ እሞ ብእኡ ኽመላለስ እየ።


መን ፧እንታይከ፧ንስኻ መን ኢኻ፧ካበይ ኢኻመጺእካ፧
ጸሎትካ ተሰሚዑ እዩ ። ካብ ኣምላኽ እየ ተላኢኸ ። ሰብኡት ናብ ቤት ሓደ ስምኦን ዝስሙ ቈራብቲ ልኣኽ ። ኣብ ገምገም ባሕሪ ኽትረኽቦ ኢኻ። ንሓደ ጴጥሮስ ዝስሙ ሰብኣይ ሕተቶ ። ናብዚ መጺኡ ብዛዕባ ኣምላኽ እቲ ሓቂ ኺነግረካ እዩ።


ኣምላኽ ብደም መስቀሉ ሰላም ገበረ፡፡
ጴጥሮስ ጐይታና ኣዝዩ ሃይማኖታዊ ሕያዋይን እኳ እንተኾነ ብብዙሕ ነገራት ግን ይጭነቕ ነበረ፡፡ ወትሩ ይጽሊ ንድኻታት ከኣ ገንዘብ ይህቦም ነበረ ምስ ኣምላኽ ግን ሰላም ኣይነበሮን ፡፡
እዚ እንታይ ማለት እዩ፧
ነቲ ሓለቓ መርከብካ ኽገልጾሉ እየ፡፡


እቲ ሓለቓ መርከብ ምስ ጴጥሮስ ኣብ ኣፍ ደገ ተራኸበ እሞ ሰገደሉ፡፡
ጠጠው በል፡፡ ኣይተኸብረኒ፡፡ ከማኻ ሰብ እየ ፡፡ ንኹሎም ብሓባር ጸውዕዎም ኣነ ድማ ብስራት ክነግረኩም እየ ፡፡



ግብሪ ሃዋርያት 9:20-22, 10:1-27, 38-41


ሓለቓ መርከብ ቆርኔሊዎስን ብምልእታ ቤቱን ንወንጌል የሱስ ክርስቶስ ይኣምኑሉ ነበሩ ኩላቶም ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ተጠምቁ ።


ጳውሎስ ናብታ ኣብ ኣንጾክያ
እትርከብ ቤት ጸሎት ኣተዩ ብመዓልቲ
ሰንበት ንኣይሁድ ሰበኸሎም ፡፡
ትፈልጠኒ ኢኻ
፡፡ ንክርስትያናት ክሳዕ ሞት
ኣሳገግኩ፣ የሱስ ግን ብዓይኒ ዕሙተይ
ተራእየኒ ከም ነጐዳ ዝኣመሰለ ድምጺ
ድማ ቃሉ ኸሰብኽ ነገረኒ፡፡ብዛዕባ
መሲሕ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ መርመር
ምስ ገበርኩ የሱስ ንኹሉ ትንቢታት
ከም ዝፈጸሞ ፈለጥኩ ፡፡


ኣምላኽ ንወዲ ዳዊት ንእስራኤል መድሓኒ ኪኸውን ከም ዜተንስኦ እቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ መራሕቲ ድማ ኪመውት ከም ዚኹንንዎ ተዘረበ።ኣብታ ኻልአይቲ መዝሙር “ንስኻ ወደይ ኢኻ ሎሚ ወሊደካ አሎኹ” ዚብል ጽሑፍ ኣሎ።


ኣብ ካልእ መዝሙር ከኣ ኣምላኽ ነቲ ቑዱሱ ብልሽውና ኺርእዮ ኸም ዘይፈቅድ ገሊጹ ኣሎ ። እዚ ትንቢት እዚ ንሱ ኸም ዚመውት እኳ እንተ ኾነ ሰብነቱ ኸም ዘይበላሾ ዚገልጽ እዩ ።ኣብ የሱስ ነቲ ሙሴ ኺህበካ ዘይክእል ሓጢኣት ምሉእ ብምሉእ ይቕረ ኽትብለሉ ኸም እትኽእል ፍለጥ ።




መዝሙር 2:7, 16:10 ግብሪ ሃዋርያት 2:27, 10:47, 13:33-35


ብሰንኪ
መናፍቕነትካ ብዳርባ
እምኒ ኽትቅተል
ትኽእል ኢኻ።
ንብስራት ዘለኣለማዊ
ህይወት ስለ ዝነጸግካዮ
ከምቲ ነብያት ዝበልዎ
ንመልእኽትና ናብ ኣህዛብ
ከነብጽሓሎም ኢና።


ኣይሁድ ብደረጃ ህዝቢ ንክርስቶስ ምንጻግ ከም ዚቐጽሉ ንጳውሎስ ምስ ነገሮ ጻዕርታቱ ኣብቶም ካብ እስራኤል ሓሊፎም ኣህዛብ ዝኾኑ ኮልኦት እዩ ዜተኩር ነይሩ ።
ንኣምላኽን ንወዱ የሱስን ውዳሰ ይኹን ። ንኣህዛብ ድሕነት ኣምጺኡሎም እዩ!
ጳውሎስ ኣጥምቐኒ!
ብዛዕባ የሱስ እተነበዩ ትንቢታት ንገረና ።
ብዙሓት ኣህዛብ ንወንጌል ይኣምኑሉን ብጸጋ ኣምላኽ ቀጸሉን ።


ኣይሁድ ተቘጢዖም ንጳውሎስን ንባርናባስን ካብታ ኸተማ ሰጒጒዎም እንተ ተመሊሶም ከኣ ከም ዚሞቱ ኣፈራርህዎም።ስለዚ ጳውሎስን ባርናባስን ናብ እስያ ኸዱ ነቲ ብስራት ድማ ንዝረኸብዎ ዘበለ ዅሉ ኣብጽሕዎ።
ንባርናባስ እንተ ወዲቐ ጒየ ። ኣይተቛርጽ።




ግብሪ ሃዋርያት 14:19-20


ኣምላኽ፡፡ ግን ተኣምር ገበረ
እሞ ንጳውሎስ ኣተንስኦ ፡፡
ፖውሎስ ዝሞትካ መሲሉኒ ነይሩ!
ገና ግን ኣምላኽ ምእንቲ ስሙ መከራ ኽወርደኒ ዝኽእል ብዙሕ ነገራት ኣርኣየኒ ገና ዉን ኣይጀመርናን፡፡ ናብታ ኸተማ ንመለስ፡፡


ፊልጺ መቄዶንያዊ፣ ጳውሎስን፣ ሲላስን ብ39 ገመድ ተቐጥቂጦም ተኣስሩ ። መከራ እኳ እንተ ወረዶም ልቦም ብሓጐስ መልአ ፍርቂ ለይቲ ምስ ኰነ ኸኣ ንኣምላኽ ውዳሰ ዘመሩ።
ጐይታይ ክብርን ውዳሰን ክትቅበል ብቑዕ እዩ ።...


ኣሃ! የሱስ
ጐይታ እዩ!




ግብሪ ሃዋርያት 14፡19-20, 16፡23-25፣
2 ቈረንቶስ 11፡24-25፣ ራእይ 4፡11


ጳውሎስ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናዘረ ኺሰብኽ
ከሎ እታ ዚጕዓዘላ ዝነበረ መርከብ ሰለስተ
ሳዕ ብእተፈላለየ መገዲ ጠሓለት።
ሓደ እዋን ሓንቲ
እትሓልፍ መርከብ
ቅድሚ ምርካብ መዓልትን
ለይትን ኣብ ባሕሪ ጠሓለ።
ጳውሎስ መብዛሕትኡ
ግዜ ብዘረፍቲ
መጥቃዕቲይወርዶነበረ።
እንተኾነ ግን
ስብከቱ ቐጸለ ።

ጳውሎስ ንሰባት ብዛዕባ የሱስ ኪነግሮም ከሎ ሕማምን
ዛሕልን ሙቑትን ጥሜትን እተፈላለየ ጸገማትን ኣሕሊፉ እዩ ።




ጳውሎስ ካብ ከተማ ናብ ከተማ ከይዱ ብዛዕባ ኣምልኾ ጣኦትን ብስራት የሱስ ክርስቶስን የሰብኽ ነበረ ፡፡
ካብ ጣኦታትኩም ናብ ኣምላኽ ተመለሱ፣ ኣምላኽ ድማ ብዘይ ገለ ሕጊ ብእምነት ኣጽዲቑኩም ኣሎ፡፡ ሕጂ ኣባል ስጋኡ ኢኻ ኣባል ቤት ኣምላኽ ድማ ኢኻ ፡፡
ክብሪ ንጎይታ

1 ቈረንቶስ 10፡14, 12፡12-13, 18፤
2 ቈረንቶስ 11፡25፤ ገላትያ 2፡16፤
ኤፌሶን 2፡19



የሱስ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸምዚ ብምባል ኣጠንቂቑዎም ነበረ - “ሽዑ ምእንታይ መከራ ኣሕሊፍኩም ኪቐትሉኹም ምእንቲ ስመይ ከኣ ካብ ኲሎም ኣህዛብ ክትጽለዉ ኢኹም። ሽዑ ብዙሓት ኪቕንኡን ንሓድሕዶም ከኣ ኣሕሊፎም ኪለዋወጡን ኪጻልኡ እዮም። ብዙሓት ነብያት ሓሶት ኪትንስኡ እዮም ንብዙሓት እውን ኬታልሉ እዮም።”






እቶም ንክርስቶስ ዝረኣይዎ ሰባት ኣሪጎም እታ ቤተ-ክርስትያን ከኣ ኣብ ኩሉ ሃጸያዊ ግዝኣት ሮሜ ምስ ተዘርግሐት ሮማውያን ንክርስትያናት ኬናድይዎምን ክሳዕ ሞት ኪሰጕዎምን ጀመሩ።እቶም ኣመንቲ ንክርስቶስ እንተ ዘይካሓድዎ ኣብ መድረኽ የሰድዎም ነበሩ እቶም ህዝቢ ኸኣ ብኣናብስ ኰኑ ብነብሪ ክበልዑ ከለዉ ይርእይዎም ነበሩ።


ግግግርር
ኡየየ

ሓድሓደ ግዜ እቶም ሮማውያን ተቓለስቲ
ንክርስትያናት ይሃስይዎም ነበሩ።
እቶም ህዝቢ እቶም ኣመንቲ እምነቶም
ብዘይምኽሓዶም ተገረሙ ። ኣብ ክንዳ
የሱስ ኪሞቱ ድሉዋት እዮም ነይሮም ።




ማቴዎስ 24:9-11




ድሕሪ ኣርበዓ ዓመት 70ድ.ክ. ሮማውያን መጺኦም ነታ ኸተማን ነታ ቤተ መቕደስን ኣጥፍእዋ ። እቲ ኣብ ውሽጢ እታ ቤተ መቕደስ ዝነበረ ዕንጨይቲ ምስ ነደደ ወርቂ እታ ቤተ መቕደስ መኸኸ እሞ ናብቲ ኣብ መንጎ እቲ ኣብ ባይታ ዝነበረ ኣእማንን መሰረትን ዝነበረ ነቓዕ ወረደ። ሮማውያን ነቲ ወርቂ ኺረኽብዎ ኺፍትኑ ኸለዉ ንኹሉ እምኒ ኼልግስዎ ኣድለዮም። እቲ የሱስ እተነበዮ ትንቢት ተፈጸመ።

እቶም ካብቲ ውግእ ዝደሓኑ ኣብ የሩሳሌምን እስራኤልን ዝነበሩ ኣይሁድ ናብ ኣህዛብ ሃደሙ መብዛሕትኦም ዘርኦም ድማ ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ይነብሩ ኣለዉ ።




ክርስትያናት ኣይሁድ ናብተን ወንጌል ክርስቶስ ዝሰበኹለን ካልኦት ሃገራት እውን ሃዲሞም ኢዮም እታ ቤተ - ክርስትያን ድማ እናዓበየት ከደት ።

ኣብ ዝሃደሙሉ ዘበለ ዚቐበልዎም
ክርስትያናት ድሮ ነይሮም እዮም ።




ማቴዎስ 24፡2፣ ሉቃስ 19፡43-44

ሃዋርያት የሱስ ክሳዕ ዚሞቱ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ካብ ምስባኽ ኣየቋረጹን ፡፡ በብሓዱ ድማ ተቐትሉ ፡፡ ኩላቶም ኣብ ሰማይ ዝሓሸ ቤት ከም ዘለዎም ስለ ዝፈለጡ ብትብዓት ሞቱ ፡፡




ገሊኣቶም ብዳርባ እምኒ ተቐትሉ ።
ገሊኣቶም ከኣ ንኣራዊት ይምገቡ ነበሩ ።
ገሊኣቶም ርእሶም ተሰየፉ ።


ጴጥሮስተሰቐለ።
ዮሃንስ 21፡18፣ ግብሪ ሃዋርያት 12፡2
ጐይታየ ከምናትካ ሞት ክመውት ብቑዕ ኣይኮንኩን ።
ገሊኦም በብቔሩብ ኣብ ዘይቲ ፈልሑ።
ናብ ዝሓሸ ቦታ ክኸይድ እየ ። ኣምላኽ ይቐረ ይበለልኩም።
ኩላቶም ሓድሽ ኣካልን ዝሓሸ ቤትን ከምዘለዎም ፈሊጦም ብእምነት ሞቱ።


የሱስ ካብ ዚትንስእ ድሕሪ 60 ዓመት ሃዋርያ ዮሃንስ ጥራይ እዩ ተሪፉ። ናብ ሓንቲ ፓትሞስ እትበሃል ኣኻውሕ ዝመልኦ ደሴት ተሓየረ ። እቲ መንፈስ ንዮሃንስ ናብ ኣምላኽ ተወስደ ብዛዕባ መጻኢ ድማ ኣርኣዮ ።
ዮሃንስ ኣብ መጻኢ እንታይ ከም ዚኸውን ከርእየካ እየ ። ዝረኣኻዮ ጽሓፍ እሞ ኣብ መጽሓፍ ኣእትዎ እሞ ናብተን ሸውዓተ ኣብያተ-ክርስትያን እስያ ስደዶ።



እዚ ዕድመ እዚ ምስ ቀረበ የሱስ ተመሊሱ መቓብር ኩሎም
እቶም ብእኡ ዚኣምኑ ኪኸፍት እዩ። ንሳቶም ምስ ኩሎም
ህያዋን ኣመንቲ ኹይኖም ንየሱስ ኣብ ኣየር ኪረኽብዎ
ኺትንስኡን ምስኡ ንዘለኣለም ኪነብሩን እዮም።
ኣብ መወዳእታ መዓልትታት ኣምላኽ
ንምድሪ ብዜስካሕክሕ መዓት ኪበጽሓ
እዩ ። ሓዊ ኺወድቕን ንመብዛሕትኦም
ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ሰባት ዜጥፍእ
እዩ፣ካልእ መዓት እውን ኪህሉ እዩ።

መሲሕ ከም ዝኾነ ዚዛረብ ሰብ ኪመጽእ እዩ፣ ንብዙሓት ሰባት ከኣ ኬታልል እዩ። ንሰባት ኣብ ግምባሮም ወይ ኣብ ዝባን ኢዶም ምልክት ብምግባር ተኣማንነቶም ከም ዜርእዩ ኺገብሮም እዩ።




1 ተሰሎንቄ 4 ዝ፡14, 16-17፣ 2 ተሰሎንቄ 2፡ 3-4፣ ራእይ 1፡9, 11, 8፡1-13, 9፡18, 1፡16, 20፡4

እቶም ማሕተም ዘይተቐበሉ ብሴፍ ኪቕተሉ እዮም። እዚ እዋን እዚ ነቶም ኣብ ምድሪ ዝተረፉ ሰባት ብርቱዕ ስቓይ ዘሕልፉሉ እዋን ክኸውን ኢዩ ።


ከምቲ ብትንቢት እተነግረ የሱስ ኣብ መወዳእታ ግዜ እንደገና ኺምለስ እዩ ።
ከም መዋቲ ሰብ ዘይኰነስ ብኹሉ ኽብሩን ሓይሉን ኪመጽእ እዩ። ሰማይ ኪኽፈት ኣብ ዝባን ጻዕዳ ፈረስ ተወጢሑ ድማ ኪወርድ እዩ።
ዝባን ጻዕዳ ፈረስ። ከምቲ ብትንቢት እተነግረ የሱስ ኣብ መወዳእታ ግዜ እንደገና ኺምለስ እዩ ። ከም ጸሓይ ኪበርህ ኣብ ርእሱ ኸኣ ብዙሕ ዘውዲ ኺገብር እዩ።

ምስ ሰይጣን ብምርኻብ ናብቲ ንዘለኣለም
ዚሳቐየሉን ድሕሪ ደጊም ንሰብ
ዘይፍትኖን ቀላይ ሓዊ ኺድርብዮ እዩ፡፡
የሱስ ነቲ ናይ መወዳእታ ጸላኢኡ ዝኾነ
ሞት እውን ናብ ቀላይ ሓዊ ኺድርብዮ
እዩ ዓለም ከኣ ክትሕደስ እያ፡፡



ኣምላኽ ንኹሎም እቶም ኣብ ወዱ ዝኣመኑ
ኣኪቡ ኣብ ሓዳስ ምድሪ ዘለኣለማዊ ህይወት
ኪህቦም እዩ ፡፡ንኹሉ ንብዓት ኪደርዝ
እዩ፣ ደጊም ሞት ሓዘን ብኽያት ወይ ስቓይ
ኣይኪህሉን እዩ፣ እቲ ቐዳማይሲ ኺሓልፍ
እዩ፡፡ የሱስ ኣብዘ ኻብ ሓጢኣትን ሞትን ናጻ
ዝኾነት ዓለም ኣብ ልዕሊ እቶም ጻድቃን
ህዝቡ ንጉስን መድሓንን ኰይኑ ኺገዝእ እዩ፡፡

1 ተሰሎንቄ 4:16፣ ራእይ 1:16, 19:11-21,
20:10-15, 21:1-4



ወንጌል የሱስ ክርስቶስ
ን2,000 ዓመታት
ክሰብኽ ጸኒሑ ኢዩ
። የሱስ መልእኽቲ
መንግስቱ ኣብ ብዘላ
ዓለም ከም ዚዝርጋሕ
ተነብዩ ነይሩ ፤ነፍሲ
ወከፍ ህዝብን ዓሌትን
ስድራ ቤትን ነቲ
ብስራት ክሳዕ ዚሰምዐ።



ሓደ ኣምላኽ ጥራይ እዩ
ዘሎ ሓደ ወዲ ጥራይ
ድማ ኣለዎ ። ሓንቲ
እምነትን ሓንቲ ቐድስቲ
መጽሓፍን ጥራይ እያ
ዘላ ።ድሕሪ እዚ ህይወት
እዚ ናብ ገነት ክንኣቱ
እትኽእለሉ ሓደ መገዲ
ጥራይ እዩ ። የሱስ
ከምቲ ኻብ ኩሎም
ኣህዛብ እተኣኻኸቡ
ሰባት ዝረኸብዎ መገድን
ሓቅን ህይወትን እዩ ።



ወንጌል ክርስቶስ ብቐይድታት ወይ ብምፍርራህ ስለ ዘይዝርጋሕ ካብ ኩለን ካልኦት ሃይማኖታት ዓለም እተፈልየ እዩ ። የሱስ ንሰዓብቱ ንጸላእቶም ኬፍቅሩ ብሓጐስን ብደርፍን ከኣ ኪመልሱ ምሂርዎም እዩ ። ሎሚ እተፈላለየ ዜግነትን ቋንቋን ዘለዎም ሰባት ብሕድገት ሓጢኣትን ብዘለኣለማዊ ህይወትን ይሕጐሱ እዮም ።
ዮሃንስ 3፥16, 14፥6
ይኹን እምበር የሱስ ካብ ምዉታት ካብ ዚትንስእ ዳርጋ 2,000 ዓመት ሓሊፉ ኣሎ ፣ ነቲ ብስራት ዘይሰምዑ ሰባት እውን ኣለዉ ። ሰብ ኪነግሮም ኣለዎ ።

# ኣብ ዚመጽእ ዘሎ ዘመናዊ ታሪኽ ፍርዲ




መልኣኽ ዲኻ ፧ ናበይ ኢኻ እትወስደኒ ዘለኻ፧




አብራውያን 9:27


ስምካ ኣብ መጽሓፍ ህይወት እቲ ገንሸል ተጻሒፉ እንተ ኾይኑ ይምርምር ኣሎ።
“ንእሽቶን ዓብይን ምዉታት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ኢሎም ረኣኹ፣ መጻሕፍቲ ድማ ተኸፈቱ ነበረ፣ ካልእ መጽሓፍ ከኣ ተኸፍተት፣ እዚ ኸኣ መጽሓፍ ህይወት እዩ፦ ምዉታት ከኣ ካብቲ ኣብመጻሕፍቲ እተጻሕፈ ከከም ግብርታቶም ይፍረዱ ነበሩ።”


ጆን ዶ ናብ ዝፋን ክትቀርብ ትኽእል ኢኻ ።
“ኣምላኽ ነቲ ምስጢር ሰብ ብየሱስ ክርስቶስ ኪፈርዶ እዩ።”


ጆን ዶ፤እዛ መዓልቲ እዚኣ ኣብ ቤት ፍርዲ እትቐበለላ መዓልቲ እያ። ብዙሕ ሓጢኣት ከም ዝገበርካ ጌርካ ተኸሲስካ ኣለኻ።
ሒደት ሓጢኣት እኳ እንተ ገበርኩ ሕያዋይ ሰብ እየ፣ ንዚፈልጠኒ ዘበለ ሕተቶ ።




ሮሜ 2፡6, 16፤ ራእይ 20፡12


ንመጽሓፉ ኣምጽኣዮ ።


ህይወት
ጃነደ


እዛ መጽሓፍ እዚኣ ስመይ ተጻሒፍዋ ኣሎ!
ህይወት ጃንዱ


መሐበሪ ሓጢኣት
ምሕሳው 1-48
ህርፋን 49-74
ጽልኢ 75-91
ስስዐ 92-115
ምልኽ ጣኦት 116-132
ትዕቢት 133-175
ዝሙት 176-204
ዘይምእማን 205-25
ስስዐ 251-271
ቅትለት 272
ደም 273-27


መጽሓፍካ ብዙሕ ሓጢኣት ከም ዝፈጸምካ ትገልጽ እያ ።


ንዚፈልጠኒ ዘበለ
ሕተቶ፣ ሕያዋይ
ሰብ እየ ነይረ ።
“ከም ምሕረቱ ደኣ ኣድሒነና
እምበር በቲ ዝገበርናዮ
ግብሪ ጽድቂ ኣይኰነን።”

ቲቶስ 3:5


ክትሕሱ ኸለኻ
ሕያዋይ ዲኻ
ኔርካ፧


ህርፉን ስልጣን
ኪህልወካ ኸሎ ሕያዋይ
ሰብ ዲኻ ኔርካ፧
ክትቑጣዓዕ ከለኻ
ሕያዋይ ዲኻ ኔርካ፧


ክፉእ ሓጢኣት ግና ኣይገበርኩን። ሃይማኖታዊ እየ ነይረ ።
ገና ግን መመኽነይታ ተቐርብ ኣለኻ ። ኩሉ ሓጢኣት ሕማቕ ሓጢኣት እዩ።
ኩሎም እቶም ሓጢኣት ዝገብሩ ኻባይ ርሓቑ፦ ፈጺመ ኣይፈልጠኩምን እየ።


ኦ ኣምላኽ እዚ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ!
ይቕረታ።ሕጂ ንኣምላኽ ክንጽውዖ ኣይትኽእልን ኢኻ ።


ኡኡኡዩዩ


እኩያ... ብዋይዋይታን ምሕርቃም
ኣስናንን ናብ እቶን ሓዊ ኺድርበ
እዩ፡፡ ማቴዎስ 13፡49-50

# መንበር ፍርዲ ክርስቶስ





ዮሃንስ 11፡25-26


ስምካ ኣብ መጽሓፍ ህይወት እዩ ዚርከብ፡፡
ዓስብኻ እትቕበለሉ እዋን እዩ ፡፡


“በቲ ዝሸሞ ሰብ ገይሩ ንዓለም ብጽድቂ ዚፈርዳ መዓልቲ ስለ ዝመዘዘ፣
ካብ ምዉታት ስለ ዘተንስኦ ኸኣ ንኹሎም ኣጽናኒዕዎም እዩ።”




ግብሪ ሃዋርያት 17:31

ጽቡቑን እከይን® ምስ ኣንበብካ ንብምሉኡ
መጽሓፍ ቅዱስ ከተንብቦን ድሌት ከህልወካ እዩ
ተስፋና ፡፡ ንእተወሰነ ኽፋል መጽሓፍ ቅዱስ
መዓልታዊ ናይ ምንባብ ልማድ ይሃሉኻ፣ ድሕሪኡ
ኣምላኽ ንኺርድኣካን ኣብ ግብሪ ንኼውዕሎን
ኪሕግዘካ ጸሊ፡፡

መሰል ዋና ዝተሓለወ © 2008,2016 ማይክል ፐርልን ዴቢ ፐርልን ፡፡

ኩሉ መሰላት እተሓዝአ እዩ ፡፡

ደራሲ፦ ማይክል ፐርል

ሰኣሊ ፦ ዳኒ ቡላናዲ

ሕብሪ ፦ ክሊንት ካርሊ

https://goodandevilbook.com/